# ገድሊ ክርስቲያን

| |
|---|
| *“ወደየ ክምቲ ኣቦ ንዚፍቅሮ ወዱ ዚቐጽዮ፥* |
| *ከምኡ ከዓ እግዚኣብሔር ንዚፍቅሮ ይቐጽዮ እዩ እሞ፥* |
| *ተግሣፅ እግዚኣብሔር ኣይትንዓቕ፥* |
| *እንተቐጽዓካ ኸዓ ኣይትመረር” (ምሳሌ 3፡11-12)።* |
| |
| |
| **ናይ'ቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ ስለ ዝኾንካ ዝመጸ እንተመጸ ሰኽፍ ኣይበልካ። የግዳስ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ዓወት ንኽትረክብ ስለ ኹሉ ነገር ኣመስግን። ምምስጋን እንተ ተሳእነካ ግና (ማለት መሪሩካ ምምስጋን እንተዘይክኣልካ) ፍቓድካ ይኹን ብዚብል ቃል ደምድሞ። ኣብ መወዳእታ ፍሬኡ ክሐጉሰካ እዩ።** |
| |
| **እግዚኣብሔር ይባርኽካ(ኪ)።** |
| |
| **ኣባ መስፍን (ፍሥሓጽዮን) ዘማር ቀሺ ጸጋይ** |

**መውጽኢ**


**ቍጽሪ... ........................................................................................................................................ገጸ**
**መቕድም ..........................................................................................................................................3**
**1.ቀዳማይ ምዕራፍ ............................................................................................................................5**
**ናብ ድምጺ ኣምላኽ ኣቕልብ ..........................................................................................................5**
**1ይ፥ ጸዋዕታ ድኅነት .....................................................................................................................5**
**2ይ፥ ጸዋዕታ ዕላማ (ሕርየት).. ........................................................................................................6**
**3ይ፥ ጸዋዕታ ሰማእትነት.................................................................................................................8**

**2.ካልኣይ ምዕራፍ ............................................................................................................................17**
**ቀጻሊ ቃልሲ.....................................................................................................................................17**
**ሀ. ክርስቲያን ኪሳገርዎ ዘለዎም ጽንኩር ሕይወት (2ጴጥ.1፡3-11) ..........................17**
**ለ. ወዲ ሰብ መጠን፡ ናብ እግዚኣብሔር ዝተጸግዐ መጠኑ ተቓውሞ ይረክብ ............................................................................................................19**
**ሐ. ካብ ዝዘራእካዮ ፍረ ከም እትሓፍስ....................................................................................25**

መ. ንሸኻ'ውን ነቲ ኣሎኒ እትብሎ እንተዘይወፈኻሉ?.................... ........... ...........28

3.ሣልሳይ ምዕራፍ................................ ....................... ......................... ........... ...........31
ዕቁባት ............................... ....................... ......................... ........... ...........31
ሀ. "ሃብትኻ ኣብ ዘለዎ ልብኻ ኣብኡ ኣሎ" (ማቴ. 6፥20-34)..... ........... ...........31
ለ. ቈራጽነት ............................ ....................... ......................... ........... ...........34

4.ራብዓይ ምዕራፍ................................ ....................... ......................... ........... ...........36
ፍረ ክርስትና...................... ....................... ......................... ........... ...........36
ሀ. "ፍሬኹም ነባሪ ኪኸውን ሸምኩኹም" (ዮሓ. 15፥16)................. ........... ...........36
ለ. ኣብ ክርትስና ምዕባይ.......... ....................... ......................... ........... ...........38
ሐ. ፍረ ክርስትና ...................... ....................... ......................... ........... ...........39
መ. ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም...... ......................... ........... ...........40
ሠ. ኣብ ማይ ሕይወት ምጥላቕ ዜስዕቦ በረኸት.. ......................... ........... ...........43
ረ. ሓቀኛ መንፈሳውነት ይሃልኻ. ....................... ......................... ........... ...........44
ሰ. ሠናይ ዘበለ ነገር ኵሉ ኣብ ኣእምሮኻ ይቀረጽ....................... ........... ...........45
ቀ. መን ምዃንካ ክፈልጥሲ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገረኒ...... ........... ...........48
በ. ፍቕርኻ ንኲሉ ብዘይ ግብዝነት ትኹን........... ......................... ........... ...........48

5.ሓሙሻይ ምዕራፍ ............................... ....................... ......................... ........... ...........55
እቲ ክፉእ መሲሉ ዝርኣየካ ሥራሕ ኣምላኽ፥
ዝዓበየ ጥቕሚ ኣለዎ'ሞ ኣመስግን
"ኣዕዋፍ እንተዝወድቓስ ..." .. ......................... ......................... ........... ...........55

6.ሻድሻይ ምዕራፍ................................ ....................... ......................... ........... ...........64
ስምዒትን እምነትን (ዘኍ. 14፥9) ............ ......................... ........... ...........64

7.ሻብዓይ ምዕራፍ................................ ....................... ......................... ........... ...........73
፩ይ. ንሥሓ ....................... ....................... ......................... ........... ...........73
፪ይ. ንሥሓ....................... ....................... ......................... ........... ...........76
ሀ.ትምኒት ሥጋ................ ......................... ........... ...........79
ለ.ባህጊ (ሃረርታ) ዓይኒ .... ......................... ........... ...........81
ሐ.ዓለማዊ ጠባይ ወይ ባህሪይ.................. ........... ...........82
፫ይ.ንሥሓ ........................... ....................... ......................... ........... ...........84

8.ሻምናይ ምዕራፍ
ምስጋና.................................... ....................... ......................... ........... ...........89

# መቕድም

ፍቑር ኣንባቢ ኣብዛ ገድሊ ክርስቲያን እትብል ምጥን ዝበለ ጽሑፍ ዝሓዘት መጽሓፍ ሰፊሩ ዘሎ ትሕዝቶ፥ ነቶም ብፍላጥ ኮነ ብዘይ ፍላጥ በብጊዜኡ ኣብ ሕይወትካ ሰርሲሮም ዝኣተዉ፥ ምስ ሕይወትካ ተወሃሂዶም ዝነብሩ፥ ደሓን እናመሰሉ ንሕይወትካ ዜምክኑ፥ ስምዒትካ ካብ ሕዋሳትካ ተቖቢሉ ናብ ሕይወትካ እናነዝሖም ነቲ ሠናይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ኣለሊኻ ኸይትኽእል ዓፈኖሙኻ ዝነብሩ ሰንካማት ኣመላትካ ኣለሊኻን ወጊድካን ኽትክእል ይሕግዘካ እዩ ተባሂሉ ዝተሰናደወ እዩ።

ነዚ መጽሓፍ'ዚ ከተንብቦ ከሎኻ ኣብ ገሊኡ ምዕራፋት ኣዝዮም ንኣሽቱ ቀንጠመንጢ! ዝኾኑ ነገራት ፈጺምካ ኣብ ግምት ዘይተእትዎም ዝነበርካ ዕርዲ ክፍኣት ክነድቁ ከምዝኽእሉ ግምት ተዋሂቡዎም ምስ ረኣኻ ከይገረመካ ኣይተርፍን ይኸውን። ግናኸ እቲ ናብ ኃጢኣት ኣቢሉ ዝዕድመካ ነገር ኵሉ፥ ይንኣስ ይዕበ ብልብኻ ሓሊንካዮ ኮነ ብተግባር ፈጺምካዮ ቀስ እናበለ ካብ እግዚኣብሔር ክፈልየካ ከምዝኽእል ክትፈልጥ የድሊ። እወ፥ ቀልብኻ ናብ እግዚኣብሔር ኸይተድኅብ እንተዘይኮይኑ፣ ካልእ ዕላማ ስለዘይብሉ፣ እዝስ ኣብ ግምት ኣይኣቱን እዩ ኢልካ ሸለል እትብሎ ነገር ከይህሉ ኣለሊኻ ምእንቲ ክትክእል እንሆ ነዚ ኢሉ ዝተሳነደወ ጽሑፍ እዩ'ሞ ተጠቐመሉ።

ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ቀንዲ ትሕዝቶ፥ ቀልብኻ ፈጺሙ ኣብ ናይ እግዚኣብሔር ዕ ብየትን ከሃሌ ኵሉነትን፥ ፍቕርን ምሕረትን ክጥሕል እሞ፣ ባህጊ ሥጋን ባህሪይ ዓለምን ኃይሊ ጸላእን ኣብ ሕይወትካ መስሎኺ ክስእን፥ ዝነበረካ ኣመላት እውን ካብ መዝገብ ልብኻ ተደምሲሱስ ፈጺሙ ክርሳዕ፣ ሕይወትካ ብዕርዲ ቅድስና ክትጋረድ እሞ ስለ ዅሉ ነገር ኣመስጊንካ ኽትክእል ኣብ መወዳእታ ሕይወትካውን ፍሬኻ ነባሪ ኪኸውን ዘኽእለካ ኃይሊ ከምዘሎ እዩ ዚሕብረካ። እወ፥ ኣብ ጻውዒት ኣምላኽ ሕይወትካ ምሉእ ነቜሕካን እሙን ኴንካን ኽትርከብ እዩ ሓገዙ ዜበርክተልካ።

ነዚ ጽሑፍ'ዚ ከሰናዱ ከሎኹ፥ ሽሕ'ኳ ብመንፈስ ተለዓዒለ እንተጸሓፍኩዎ ግናኸ ከምቶም ካልኦት ጽሑፋተይ ደስ እናበለኒ ኣይኮንኩን፤ ከመይ ኣብ ውሽጢ ምረትን፣ ኣብ ከቢድ ናይ ፈተና ቃልስን፣ መከራይ ምውዳእ ኣብ ዝኣበየሉ እዋንን፣ ኣብ ዘብሎን ዝገብሮን ምስ ጠፍኣኒ ኣብ እግሪ ጐይታ ወዲቐ እናበኸኹ፣ እንታይ ክገብር ከም ዘሎኒ ክሕብረኒ ዝለመንኩሉ እዋን እዩ። መልሲ ምስ ሰኣንኩ ኸዓ ኣብ ውሽጠይ ኣትየ፥ ነቲ ምስ ኣምላኽ ተሳንየ ኸይነብርን ድምጹ ኸይሰምዕን ዝዕንቅጸኒ ዘሎ ሓደ ብሓደ እናፈተሽኩ ምስ ገዛእ ርእሰይ ቃልሲ ከካይድ ጀመርኩ። ዝገርም እዩ! ክገልጾ ክሳብ ዘይክእል ጕዳም ኰይኑ እየ ዝረኸብኩዎ። ለካስ እቶም ኣብ ግምት ዘየእትዎም ዝነበርኩ፥ ካብ እግዚኣብሔር ይፈልዩኒ ኢለ'ውን ዘይገመትኩዎም፥ ንሕይወተይ ዜምክኑ ምኻኖም ተገንዘብኩ። ከመይ ኢለ እየ እሞ ዘረድኣካ? እቲ ቃልሲ ብርቱዕ ተጋድሎን ነዊሕ ጊዜን

ስለ ዝወሰድ ንኣምላኽ ኣብ ጽኑዕ እምነት ዝተመስረተ ዘይሕለል ትዕግሥቲ ክህበኒ ለመንኩዎ። እግዚኣብሔር ከዓ ቃልሰይ ክጅምር ብቓሉ ገይሩ ሓበረኒ። ካብ መጀመርያ ጀሚረ ድማ ነቶም ኣምኪኖምኒ ዝነብሩ ዝነበሩ፥ ብሰፊሑኳ ክገልጾም እንተዘይክኣልኩ፥ ብመጠኑ ኣብዛ ሕጽር ዝበለት ጽሑፍ ከመልክቶም ፈተንኩ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ እቲ ዝዓበየ ነገር ክርድኣኒ ዝኽኣለ እንተ ደኣ ኣልዩ፥ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኩነታት ዝቌጻጸርን መደብ ዘለዎ ምዃኑ እዩ። ነዚ ምስ ተረዳእኩ ከዓ ምረተይ ብምስጋና ክትካእ ጀመረ። ከም'ዚ ክብል ከሎኹ ግና ቃልሰይ ወዲኣ ማለተይ ዘይኮነስ ነቲ ብርቱዕ ቃልሲ ብምስጋና ከቃልሎ ስለ ዝኽኣልኩ እዩ።

እቲ ምስ ዓለምን ጸላእን ዝተጣበቐ ርክብ ዘለዎ ኣረጊት ሰብነተይ ፈታዊ ተመሲሉ ብስምዒተይ ገይሩ ንሕይወተይ ኣብ ምጥርጣርን ፍርሃትን ተኣሊኻ ከም እትነብር ዝገበራ ንነዊሕ ጊዜ ኣታሊሉኒ እዩ። ሕጂ ግና ነቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ጸላእየይ፥ ስለ ዘለሌኹዎን ምስ መን ኰይነ ከም ዝሰዕሮ እውን ስለዝፈለጥኩን ነቶም ዕድመይ ልክዕ ኣብ ልዕሊ ሕይወተይ ኣዳህሊሉ ዝዘርኦም ገፊጥ መፈጥ፥ ንኣይ ምንም ዘይመስሉኒ ዝነበሩ ምስ ነቓሕኩሎም "በቲ ኃይሊ ዝህበኒ ኣምላኽ" ሓደ ብሓደ እናለቐምኩ ክውግዶም ተለዓልኩ። ጌና'ውን እናለቐምኩዎም እየ ዘሎኹ። ከመይ ኣብ መዋዕለይ ልክዕ በብጊዜኡ እናተጠራቐሙን ናይ ጥፍኣት ዕርዲ እናዓረዱን ነቲ ሠናይ ኣለልየ ኝሽይክእል ዓይኒ ልቦናይ ተኸፊተን እውን ኣብ ሰማያዊ ባህርይ ከየቕልባ ዓፌኖም ምድሪ ምድሪ ቀንፈዘው ከምዝብል ዝገብሩኒ ዘይተፈልጡ ሰራማት ጸላእቲ እዮም። ነዚኦም ንምጥፋእ ብርቱዕ ቃልስን ነዊሕ ጊዜን ዝሓትት ስለ ዝኾነ ድማ ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ክዝንግዓሎም ኣይግባእን።

ንኣኻ'ውን እዚ ጽሑፍ'ዚ ሓገዙ ዘወፍየልካ ዘሎ ምስ'ቲ መታለሊ ዝኾነ ኣረጊት ሰብነትካ፥ ቃልሲ ዘይጀመርካ እንተደኣ ኼንካ ተጊህካ ክትጅምር፤ ጀሚርካ እንተድኣ ኴንካ ከዓ ካብ ዓወት ናብ ዓወት ኝኽትሰጋገር እዩ። ቃልሸኻ ወዲእካስ "ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘሎኹ ጐይታ ኢየሱስ እዩ ናባይ ዝነብር ዘሎ" ኣብ ዝብል መንፈሳዊ ትምክሕቲ በጺሕካ እንተድኣ ኼንካ ድማ ነቶም ጌና ኣብ ቃልሲ ዘሎና ኣሕዋትካ ከመይ ጌርካ ነዚ ዓወት እዚ ክትጭብጦ ከም ዝኽኣልካ ምኽርኻ ክትልግሰልና ብጽምኣት ንጽበ።

ኣብ'ዚ ጽሑፍ "ንሸኻ" "ንኣኻ" ዝብል መግለጺ ብብዝሒ ተጠቒመ ኣሎኹ፤

እንተቾነ ነስተንትኖ ኝኽሕግዘና'ምበር ንርእሰይ ኣውጺአ ከምዘይኮንኩ ኣቐዲመ ክገልጽ እፈቱ። ከምኡ'ውን ነቶም ኣብ ምእራምን ምስንዳውን'ዛ መጽሓፍ ዝተሓባበሩኒ አመስግኖም።

እግዚኣብሔር ይባርኽካ/ኪ ኣሜን!

ኣባ መስፍን (ፍሥሓጽዮን) ዘማር ቀሺ ጸጋይ

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## ኣብ ድምጺ ኣምላኽ ኣቕልብ

እግዚኣብሔር ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዕድሜኡ ልክዕ ከየቋረጸ ይጽውዖ። ስለ'ዚ እግዚኣብሔር ከየቋረጸ ዝጽውዓና እንተደኣ ኾይኑ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጊዜን ቦታን ምሳና ክምዘሎ የረድኣና። እግዚኣብሔር ወትሩ ምሳና እዩ።

እግዚኣብሔር ከየቋረጸ ክጽውዓና ኸሎ፥ ብሠለስተ ዓበይቲ ነገራት እዩ ዚጽውዓና። ንሳተን ከዓ እዘን ዚስዕባ እየን። 1ይ፥ ጸዋዕታ ድኅነት፥ 2ይ፥ ጸዋዕታ ዕላማ፥ 3ይ፥ ጸዋዕታ ሰማዕትነት (ምስክርነት) እየን።

### 1ይ ጸዋዕታ ድኅነት፥

ወዲ ሰብ ብምኽንያት ኃጢኣት ኣዳም ኣብ ጸልማትን ጽላሎት ሞትን ይነብር ነበረ። ድኅሪ ነዊኅ ስደት ግና ቃል (ወዲ) እግዚኣብሔር ብርሃን ኮይኑ ናብ ዓለም መጺኡ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ኣሳገረና፤ ካብ ባርነት ናብ ናጽነት፥ ካብ ዝኽትምና ናብ ሕያው ዝኾነ ሥልጣን ዘጨብጥ መሰል ውሉድነት ንኽንጓናጸፍ ጸውዓና፤ እዚ ጸውዒት'ዚ ንኹሎም ደቂ ኣዳም እዩ ዝነበረ፤ እንተኾነ ግና ኣይተቐበልዎን። ናብ ወገኑ እውን መጸ፤ ንሳቶም'ውን ኣይተቐበልዎን። ንዝተቐበልዎ ዘበሉን ብስሙ ንዚኣምኑን ግና ውሉድ ደም፥ ውሉድ ፍትወት ሥጋ፥ ውሉድ ድላይ ሰብኣይ ምኻን ተሪፉስ ውሉድ እግዚኣብሔር ኪኾኑ መሰል ሃቦም። ስለ'ዚ መሰል ውሉድነት እንለብሰሉ ጻውዒት እዩ። "ኣባ ኣባ" ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውሉድነት ዝተቐበልናሉ ጻውዒት እዩ። እቲ ኣብ መንጐናን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ዝነበረ ናይ ጽልኢ መጋረጃን ናይ ዕዳ ጽሑፍን ዝተደምሰሰሉን፥ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ዝነገሠሉን፥ ዘመን ባርነት ኣኽቲሙ ሓርነት ዝተኣወጀሉ፥ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም መድኃኒናን ጐይታናን ኣምላኽናን ዝተቐበልናሉ፥ ኣእምሮና ብባርነትን ብድንቍርናን ብፍርሃትን ተዓፊኑ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ንመጀመርያ ጊዜ ጩራ ብርሃን ዝረኤናሉ፥ ኣቦን ውሉድን ዘመናት ተፈላልዮም ዝነበሩ ዝተሓቛቑፍሉን ጸዋዒት እዩ። ኢየሱስ ነቶም ዝተቐበልዎ፥ እንደገና ጸላኢ ካብ ኣቦኦም ከይፈልዮም፥ ደቂ እግዚኣብሔር ምኻኖም መረጋገጺ ንጸላኢ ዘኢደንግጽ ብደሙ ማኅተም ገበርሎም። ነዚ ማኅተም'ዚ ንጸላኢ የርዕድ እዩ። ስለዚ ኦ ክርስትያን ባዕልኻ ኣይትደፈር፥ ሐደ'ኳ ኪደፍረካ ዚኽእል የልቦን፤ ባዕልኻ ግና ነቲ ማኅተም ዝገበረልካ መድኃኒኻ ብጸላኢ ከተድፍሮ ትርከብ። ተጠንቀቕ! ናይ ገዛእ ርእሰኻ ናይ ጥፍኣት ምኽንያት ንስኻ ባዕልኻ ጥራይ ኢኻ። እቲ ኣብ ልዕሌኻ ኪፍጸም ዘሎዎ ሠናይ ዘበለ ኲሉ ኢየሱስ ኣማሊኡ ሂቡካ እዩ። ስለ'ዚ ከዓ እዩ "ቃል ሥጋ ኮይኑ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ኣባና ዝሓደረ" ዝብለና።

## 2ይ ጸዋዕታ ዕለማ (ሕርየት)፣

እቲ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበልናዮ ሕይወት፥ መሰል ውሉድነት ምቕባል ጥራይ ዘይኮነስ ፍርያምን ስላጠት ዘለዎን ኮይኑ ኣብ'ቲ ዓስቢ ዓወት ምእንቲ ኬብጽሓና ጐይታ ባዕሉ ወሪዱ ዝመደበልና ናፃ ህያብ ዝኾነ መንገዲ ሕይወት እዩ።

በዚ ከዓ እዩ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ "ኣነ እየ ዝሓረኽኹም እምበር ንሸኻትኩም ኣይሓረኹምንን፣ ኬድኩም ፍረ ምእንቲ ከተፍርዩ ፍሬኹም'ውን ምእንቲ ነባሪ ክኸውን ሸምኩኹም" ዚብል (ዮሓ.15፡16)።

ንሓደ ዕላማ ክንምረጽ ከሎና፣ ሽሕ'ኳ እቲ ምርጫ ብወገን እግዚኣብሔር ጥራይ እንተኾነ፥ ነዚ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ህያብ ምስ ተቐበልናዮ ብተኣማንነት ክንፍጽሞ ይጽበየና እዩ። ብውሑድ እሙናት ኴንና ምስ ተረኸብና ተኣማንነቱ ኬንብረልና እዩል ስለዚ ኣብነት እግዚእትነ ማርያም ተኸቲልና "እኔኹ አነ ባርያ እግዚኣብሔር እየ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ" ብዝብል ቃል መኽሊትና እቲ ሰራቒ ከይምንጥለና ከም ሐደ ንጡፍ ነጋዳይ አብ ክርስትያናዊ ጉዕዞና "ጥበበኛታት ከም ተመን፣ ለውሃት ከም ርግቢ ኩኑ" ዝበለና ኢየሱስ ከይዘንጋዕና ብጥንቃቐ ንመላለስ።

"ወደየ ... ንሕገይ ኣይትረስዓዮ፣ ልብኻውን ንትእዛዛተይ ይሓልወን፥ ሕይወትን ሓቅን ካባኻ ኣይፈለያ ኣብ ክሳድካ እሰረን፥ ኣብ ጽላት ልብኻዉ ንትእዛዛተይ ይሓልወን፥ ሕይወትን ሓቅን ካባኻ አይፈለያ አብ ክሳድካ እሰረን፥ አብ ጽላት ልብኻ'ካውን ጸሓፈን፤ ሽዑ አብ ቅድሚ አምላኽን ሰብን መጐስን ልቦናን ክትረክብ ኢኻ። ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን፥ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ፥ ኣብ ኵሉ መንገድኻ ንእኡ ሕሰብ፥ ንሱ ከዓ ኣከያይዳኻ ኬቅንዕ እዩ። ባዕለይ እፈልጥ አይትበል፥ ንእግዚኣብሔር ፍራሕ፥ ካብ ክፉእ ከዓ ርሓቕ" (ምሳ. 3፡1-7) እናበለ ኣብቲ ዘቐመጠና ክንኮና ዝግብኣና ብዝተፈላለየ መንገዲ ይነግረና፣ ማለት ብራእይ ብሕልሚ ብቓሉን ሕሹኽታኡን ገይሩ ኣብ ልብና ፍሉይ ጦብላሕታ ብምቕማጥ፥ መሪሕ ይህበና። መኣስ ከምዚፍጸም ግና ኣይነግረናን። እግዚኣብሔር ካባና ዝደልዮ ብእምነት ጸኒዕና ብትዕግስቲ ምጽባይ እዩ። ኣብ መንጎ'ዚ ብዙኅ ሓሳረ መከራ እንተ ገጠመና እቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ተስፋ ተቛሪጹ ማለት ኣይኮነን፤ እንታይ ደኣ ኣምላኽ ነቲ ዕላማ ብቑዓት ምእንቲ ክንከውን ከም ጴጥሮስ ይግስጸና። "ወደየ ከምቲ ኣቦ ንዜፍቅሮ ወዱ ዚቐጽዖ ከምኡ ከዓ እግዚኣብሔር ንዜፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ'ሞ ተግሳጽ እግዚኣብሔር ኣይትንዓቕ እንተ ገሰጸካ ከዓ ኣይትመረር" (ምሳ. 3፡11) ይብል። ስለዚ ኣብቲ እግዚኣብሔር ዘንበረካ ዝገጠመ ይግጠምካ ብእምነት ጸኒዕካ ተጸበዮ። ንሱ ነቲ ዝሃበካ ተስፋ ፈጺሙ ኣይልውጦን እዩ።

ንኣብነት ታሪኽ ኣብርሃም፣ ዮሴፍ፣ ሙሴ እንተርኤና፥ ዳርጋ ኹሎም ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃቦም ተስፋ ከይተጸበዩ ተሃዊኾም ከንደልህጹ ይርኣዩ። እግዚኣብሔር ግና

ናብቲ ዕላማ ክሳብ ዝበጽሑ ይጥንቀቐሎም ነበረ። ስለዚ ኣብቲ ብእግዚኣብሔር ዝተዋህበና ዕላማ፥ በብደረጃኡ ጽንዓት ክህልወና የድሊ። ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ኣብ እንመላለሰሉ ጊዜ ዝሰራሕናዮ ዘበለ ኹሉ ይሰልጠና እዩ። ድምጺ እግዚኣብሔር ንምስማዕ ኮነ ንምልላይ የኽእለና፤ ካብ ምኽሪ ክፉኣትን ካብ መንገዲ ኃጢኣተኛታትን ካብ መንበር ተሳለቕትን ግልል ኣቢሉ ለይቲ ምስ መዓልቲ ብሕጉ እነስተንትን ሰባት ይገብረና።

እስከ ጸዋዕታ ኣብርሃም ንርአ። እግዚኣብሔር ንኣብርሃም መጀመርያ ክጽውዖ ከሎ ጣያት ካብ ዘምልኹ ወገን ጸዊዑ፡ "ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን፡ ካብ እንዳ'ቦኻን ኣነ ኣብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ፥ ዓቢይ ሕዝቢ ክገብረካን ክባርኸካን ከዓ እየ" ምስ በሎ ኣብርሃም ገለኳ ከይተጠራጠረ ድምጺ እግዚኣብሔር ሰሚዑ ኣብ ዘይፈልጦም ጓና ዝኾኑ ሕዝብን ዘይፈልጦ ሃገርን ብእምነት ሰጋእ ከይበለ ከደ። ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ ሓደ ሓደ ሽግር ከምዝገጠሞ ካብ ታሪኽ ሕይወቱ ንርዳእ።

ኣብ ካልኣይ ጸዋዕታኡ እንተተመልከትና እግዚኣብሔር ንኣብርሃም "ኣዕይንትኻ ቋሕ! ኣብል'ሞ ኣብዛ ዘሎኻያ ቦታ ኴንካ ናብ ኩሉ ወገናት ጠምት፥ እዛ እትርእያ ዘሎኻ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ንዘለዓለም ክህባ እየ፤ ዘርእኻ ድማ ከም ሑጻ ኬብዝሖም እየ በሎ። ኣብርሃም ድማ ገለ'ኳ ዘርኢ ኣይሃብካንን እንሆ ድማ ሓደ ካብ ቤተይ ዝተወልደ ክወርሰኒ እዩ በለ። እግዚኣብሔር ግና ኣይፋሉን፡ ካብ ከስዔኻ ዚውለድ እዩ ዚወርሰካ እምበር እዝስ ኣይወርሰካን እዩ በሎ። ንግዳም ኣውጺኡ ድማ ንሰማይ ጠምት፡ ምቚጻሮም ትኽእል እንተኴንካ ከዋኽብቲ ቊጸር በሎ። ዘርእኻውን ከምኡ ኪኸውን እዩ በሎ፤ ብእግዚኣብሔር ከዓ ኣመነ፡ ንሱ ድማ ንጽድቂ ቈጸረሉ" (ዘፍ. 15፡3-7)።

ግናኸ ኣብርሃም ጊዜ ነዊሕዎስ ይኹን ወይ ተሃዊኹ ይኹን ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃቦ ተስፋ ንሣራ ኣማኸራ። ሣራ ከዓ ተጸሊልካ ዲኻ? ካባይ ኣይትጸበ፡ "እንሆ ኣነ ኣግዚኣብሔር ከይወልድ ዓጽዩኒ እዩ ምናልባሽ ብኣኣ እንተፈሬኹ በጃኻ ናብዛ ግዝእተይ እቶ" እናበለት ደፋፍኣቶ። ኣብርሃም ከዓ ብሓደ ወገን ህርፋን ውሉድ ኣለዎ ብሓደ ወገን ከዓ ሣራ ስለዘፍቀደትሉ ንእግዚኣብሔር ከየማኸረ ካብ ኣጋር ወለደ፤ እቲ እግዚኣብሔር ዘተስፈዎ ውሉድ ንሱ ስለ ዘይነበረ ግና ኣብርሃም ጌና ነዊሕ ዓመታት ከርተት በለ። ን14 ዓመት ዚኣክልዉውን ብዘይ ድምጺ ኣምላኽ ምስ ጸንሐ ኣብ 99 ዕድሜኡ እግዚኣብሔር ተገልጸሉ። ስሙ ለዊጡ ከዓ ኣቦ ብዙኃት ከም ዝኸውን ኣበሰሮ። ኪዳን'ውን ኣብ መንጐኦም ኣቐመ። እዚ ኪዳን'ዚ ከዓ ኣብ ቤቱ ወዲ ዝተወልደ ዘበለ ኹሉ ኪግዘር፥ ኪዳን ዘለዓለም ከዓ ከምዚኸውን ኣጥቢቑ ኣዘዞ። ሽዑ ኣብርሃም ብገጹ ተደፍአ፡ ስሒቑ ድማ ብልቡ ንወዲ ሚእቲ ዓመትዶ ወዲ ይውለደሉ፤ ሣራ ጓል 90 ዓመትከ ትወልድዶ በለ። ኣብርሃም ድማ ንኣምላኽ እስማዒል ግዳ ኣብ ቅድሜኻ እንተ ዝነብር በሎ። ኣምላኽ ከዓ በለ፡ ኣይፋሉን ሰበይትኻ ሣራ ደኣ ወዲ ክትወልደልካ እያ። ስሙ ድማ ይስሃቅ ከተውጽኣሉ ኢኻ። ኪዳነይ ከዓ ምስኡን ብድሕሪኡ'ውን ምስ ዘርኡን ኪዳን ዘለዓለም

ኬቕውም እየ በሎ።

ኣብርሃም እቲ 25 ዓመት ዚኣክል ብተስፋ ትጽቢት ዝተገብረሉ ሕጻን ተወልደሉ፥ ከም'ቲ እግዚኣብሔር ዝበሎ ኸዓ ይስሐቕ ኢሉ ሰመዮ። ይስሐቕ ከዓ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ወለዱን ባህ ዜብል ሕፃን ኮይኑ ይዓቢ ነበረ።

### 3ይ ጸዋዕታ ሰማእትነት፥

ጸዋዕታ ሰማእትነት (ምስክርነት) እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ነቲ ሓደ ወዱ ሠውዓለይ ምስ በሎ ተቐላጢፉ ሕራይ ዝበለዶ ይመስለካ? ጽሞና ወሲዱ ሓሲቡን ኣስተንቲኑን፣ ነቲ 25 ዓመት ትጽቢት ዝተገብረሉ ሕፃን፣ እሞ ከዓ ፍሉይ በረኸት እግዚኣብሔር ዝለበሰ ኣቐዲሙ ኣብ ማኅፀን ከሎ ዝተሓርየ፣ ዓለም ብዘርኡ ክትባረኽ ከም ዘለዋ ኪዳን ዝተኣትወሉ እንኮ! ካልኣይ ዘይብሉ ሰብ ንመሥዋዕቲ ኬቕርቦ ከሎ ቀሊልዶ ይመስለካ? ርግእ ኢልካ ሕሰቦ። ሕራይ እግዚኣብሔር ቃሉ ስለ ዘይዓጽፍ፣ ከመይ ኣቐዲሙ ኣቦ ብዙኃት ኪኸውን እዩ፣ ሕዝቢ ዓለም ብእኡ ኪባረኹ እዮም ኢሉ ቃል ስለዘሕለፈ፣ ኣብርሃም ከዓ በዚ ቃል እዚ ተኣማሚኑ እንተሞተ'ውን ከተንሥኦ እዩ ኢሉ ብእምነት ፍቓድ ኣምላኽ ኪፍጽም እንተተኣዘዘ ንኽስዕሮ ግና ኣዝዩ እዩ ዝኸብዶ፥ ከመይ ነቲ ብእግዚኣብሔር ኮነ ብወለዱ ዓቢይ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝተፈትወ ሕፃን ባዕሉ ክሳድ ወዱ ብሰይፊ ክቕንጽል ብባህሪያዊ መንገዲ ተቐላጢፍካ ፍቓደኛ ክትከውን ዘይደፋፍኣካ ከቢድ ናይ ኃዘን ጽዕነት ዘሎዎ ነገር እዩ። ስለዚ ኣብርሃም ኣቐዲሙ ነቲ ዘለዎ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዜንጸባርቕ ሥጋዊ ባህርይ ሠዊኡ እዩ ንኣምላኽ ባህ ኬብልን ናይ እምነት ሰብ ተባሂሉ ኪጽዋዕን ዝበቕዐ። ነዚ ኵሉ ኪፍጸም ከሎ ግና፣ ንወዱ እናተሓጕሰ ኣይኮነን ናብ መሥዋዕቲ ዘቕረቦ፤ ብሓዘን ተጸቒጡ ከሎ፣ መዓንጣኡ ሸጥ ኣቢሉ ትብዓት ብዝመልኦ እምነት ክሳድ ወዱ ኪቕንጽል ድሕር ኣይበለን። ከመይ ዓይኒ ልቦናኡ ናብ'ቲ ዓስቢ ዓ ወት ስለዘቕለበ ነቲ ኪስዓር ዘይክኣል ኪስዕሮ ተረኽበ። እንሆ ከዓ ናይ ኵሎም ኣመንቲ ኣቦ እምነት ተባሂሉ ኪጽዋዕ ይርከብ። ስለ'ዚ ሰማያዊ ዓወት ብቐሊሉ ኣይትጸበዮ፤ ጽንዓት ዘድልዮ እዩ።

ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ጌተሰማኒ ክሳብ ቀራንዮ ዝነበረ ስቓይ እንተርኤና እውን ተመሳሳሊ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ፤ ከመይ ኢየሱስ ነቲ ስቓይ'ቲ ብታሕንስ ሓንጎፋይ ኢሉ ኣይኮነን ዝተቐበሎ። ነቦኡ ክሳብ “ፍቓድካ እንተድኣ ኮይኑስ ነዛ ጽዋዕ እዚኣ ካባይ ኣሕልፋ፣ ግናኸ ፍቓድካ'ምበር ፍቓደይ ኣይኹን” (ሉቃ. 22፥42) እናበለ ፍቓድ ኣቦኡ ንኽፍጽም ነቲ መሪር ጽዋዕ ብትዕግሥቲ ተቐበሎ። ነቲ ኵሉ ኣብ ልዕሊኡ ዚወርድ ዝነበረ ዕዳ ናይ ደቂ ሰብ ብፍቓዱ ናብ ዝባኑ ጸዓኖ፤ ከም ሓደ በደለኛ ርእሱ ኣድኒኑ ድማ ናይ ሞት ጽዋዕ ኪሰቲ ተሰለፈ። ብጸላእቲ ተኸቢቡ ኸዓ ምስቶም ዓ

መጸኛታት ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ምስቲ ኵሉ በደልና ሓቢሩ ተሸንከረ። እቲ ዘይመውት ከዓ ንሞት ብሞቱ ንኽስዕር ሞተ፤ እሞ ከዓ ኣብ መስቀል፥ ይስሓቕ ሽሕ'ኳ ናብ መስዋዕቲ እንተቐረበ ኣብ ክንዳኡ በጊዕ ተተኪእሉ እዩ፤ እቲ ገንሸል ድኅነትና ዝኾነ ኢየሱስ ግና ንኹልና ተኪኡ እዩ ዝሞተ።

እግዝእትነ ማርያም እትፈትዎ ወዳ ኣብ መስቀል ተሸንኪሩ ኪጽዓር ከሎ፥ ሽሕ'ኳ እቲ ሓደ ወዳ ክስዋዕ ከሎ ምእንቲ ኃጢኣት ዓለም ንኽድምስስ ኣብ'ቲ ሥራሕ እግዚኣብሔር ፍቓደኛ እንተነበረት ብጽንዓት መዓንጥኣ ሸጥ ኣቢላ ኣብ ትሕቲ መስቀል ቆይማ እንተ ተረኽበትን፥ እንተኾነ ሰይፊ ኃዘን ንልባ ሰንጢቑ ይወግኣ ነበረ። ልብኻ ብሰይፊ እናተወግአ ክትሕጐስ ኣሸጋሪ እዩ። ግናኸ ነቲ ዘፍርዮ ዓስቢ ዓወት ርእያ ነቲ ዘይክኣል ከኣለቶ። ከመይ ካብ ኵሉ ፍጥረት ፍልይቲ ዚገብራ <u>“ብጸጋ ኵሉ ናይ ምኽኣል ኃይሊ ተሸሊማ እያ”</u> ንዝለመና ኵሉ ከዓ ነዚ ኃይሊ'ዚ ተልብሶ እያ። እቲ ኵሉ ክእለታ ግና ካብ ኃይሊ ወዳ ዝመጸ እዩ።

ኣብ ደቂ ሰብ እውን ብመጠኑ ከምዚ ዝኣመሰለ መስዋዕቲ ኣብ ዝወርደሉ እዋን፥ ነቲ ዜስዕቦ ዓወት ብእምነት እናተጸቤኻ ብዓይኒ ተስፋ እናጠመትካ፥ ብኃይሊ መንፈስ ጸኒዕካ ምጽባይ እዩ'ምበር። ባህ ኢሉካ ተካይዶ ተግባር ኣይኮነን። ነዚ ንኽትፍጽም ግና ኣቓዲምካ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ዝሰረጸካ ሰብ ክትከውን የድሊ።

ኣብርሃም ነቲ ሓደ ወዱ ጨኪኑ ንመስዋዕቲ ከቕርቦ ዝኸኣለ፤ እዚ ጭካኔ'ዚ ምስ እግዚኣብሔር ዝነበሮ ፍጹም ዝተኣሳሰር ፍቕርን ጽኑዕ እምነትን እዩ ዘመልክት። ፍጽምቲ ፍቕሪ ንሰማዕትነት ድኅር ኣይትብልን እያ። ንነፍስ ወከፍ ክርስቲያን እውን ከምዚ ዝኣመሰለ ጸዋዕታ እዩ ዝጽበዮ። እንተኾነ “ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ኣይፍትነኩምን እየ” ዝብል ዘኪርካ፥ ዓቕልኻ ከየጽበብካ ብትብዓት ተለዓል።

ዝተጸዋዕና ንዕላማ፥ ዝተመረጽና ድማ ንሰማዕትነት እዩ። እቲ ናይ መጨረሽታ ሰማዕትነት ኣብ ልዕሌና ዝፍጸመሉ ጊዜ ስለዘይንፈልጥ ነፍሲ ወከፍ ኣካል ክርስቶስ ዝኾነ ኹሉ ኣቓዲሙ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣብ ልቡ ንኽቕረጽ ከየባተኸ ዘይሕለል ጻዕሪ ከካይድን ኣረጊት ባህሪኡ ቐትልን ኣለዎ። ከመይ ሰብኣዊ ባህርይ ብፍቕሪ ንኸይንስዋዕ ይዕንቅጸና እዩ። ብፍቕሪ ንኸይንሥዋዕ ዝዕንቅጽ ዘበለ ኵሉ ከዓ ኣቓዲምና ክንስዕሮ የድሊ። ሓዋርያ ጳውሎስ “በታ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመጸላ መዓልቲ ከዓ ብዘይ መንቅብ ምእንቲ ክትርከቡ ንመንፈስኩምን ነፍሶኹምን ሥጋኹምን ይሓልዎ” ይብል (1ተሰ. 5፥23)።

ስለዚ ሥጋዊ ባህርና ተወጊዱ ብመልዕልተ ባህርይ እንተዘይተተኪኡ ዕላማና ኣኽቢርና ጐይታ ከምዝደልዮ ኴንና እንተዘይተመላሊስና ከዓ መንፈስ ክብሪ ብኣና ክሰርሕ ይጽግሞ እዩ። እንተዘይሰርሐ ከዓ ኣባና ኪነግሥ ኣይክእልን እዩ። ኣባና ዘለዉ ሕርሚ እንተዘይተወጊዶም፥ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣባናን ብኣናን ክንዲ ዚሰርሕ ተደጕሉ እዩ ዚነብር።

ምእንት'ዚ ከስ ነፍሲ ወከፍ ብክርስቶስ ተጸዊዑ ኣብ ግራት እግዚኣብሔር ዝተዋፈረ መልእኽተኛ ኣቐዲሙ ሰብነቱ ሕያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መሥዋዕቲ ገይሩ ኬቕርብ ምስ ዚተግህ ኃይሊ መንፈስ ኣብ ልዕሌኡ ኣሳልጦ ይረክብ።

ኣብ ጕዕዞ ሕይወትካ ዚገጥመኻ ፈተናታት ማለት ናይ ኢየሩሳሌም ጕዕዞኻን ናይ ድኅሪ ጸራቅሊጦስ ዘሎ ጕዕዞኻን ብዝግባእ ብዘሎካ ዓቕሚ እንተድኣ ፈጺምካ፡ ጕዕዞ ቀራንዮ ዓወት ክትረኽበሉ ኢኻ።

እግዝእትነ ማርያም ነቲ ዘሰቕቕ መከራ ጕዕዞ ቀራንዮ ብትብዓት ጸኒዓ ከተሕልፎ ዝኸኣለት፡ ዘሕለፈቶ ጕዕዞታት "እኔኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሔር እየ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ" ዝበለቶ ቃል ብግብሪ ከዓ ተጠንቂቓ ስለ ዝፈጸመቶ ብዝገጠማ ሽግር እንጽርጽሮት ከየርኣየት ፍቓድ ኣምላኽ ንኽፍጸም ንሹሉ ብትዕግሥትን ብትሑት መንፈስን ኣብ ልባ ትዓቝሮ ነበረት። ምኽንያቱ ብባህሪያዊ መንገዲ ክርኤ ከሎ'ኳ ክፉእ እንተመሰለ እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዚመጽእ ዘበለ ኹሉ ብሩኽ ምዃኑ ስለ ዝኣመነት እዩ። ንሕና ግና ኹሉ ነገር ብፍቓድ እግዚኣብሔር ዝመጸ ምዃኑ እናፈለጥና ከሎና፡ ኣብ'ቲ ዓስቢ ዓ ወት ክንዲ ነማዕዱ ብኽፉእ ኣመልና ተዓብሊልና ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሔር ነንጸርጽር፤ ደሓን ክርስቲያን እንተ ተባሂልና ድማ ነጕረምርም፤ እረ ሓደ ሓደ ጊዜስ ምስ እግዚኣብሔር ንበኣስ፡ ዘየዋጽእ ባእስስ ዕሽነት እዩ!

ኣደታት ኣብ ልዕሊ ውሉደን ግፍዒ ክፍጸም ምስ ዝርእያ፡ ልበን ክሳብ ዝጠልመን የንጸርጽራ። እግዝእትነ ማርያም ግና ወዳ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ጻዕረ ሞት በርቲዑዎ ክጸዓር ከሎ፡ ሽሕ'ኳ ብባህሪያዊ መንገዲ ክትጸሮ ዘይክኣል እንተነበረ ንሳ ግን እምነታ ናብ እግዚኣብሔር ስለ ዘውደቐቶ በቲ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ትዕግሥታ፡ ጽንዓት ዝተጓናጸፈ ሓዘን ደኣዉምበር ናይ እንጽርጽሮት ምልክት ኣየርኣየትን። በዚ ከዓ ኹሎም ቅዱሳን ኣብነታ ተኸቲሎም ኣኽሊል ቅድስና ደፍኡ። ንሰኻኸ ኣብነታ ተኸቲልካ ዘይትቕደሰሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ?

ስለ'ዚ እግዚኣብሔር ንሹልና ብኸም'ዚ ዝኣመሰለ ዕላማ ስለ ዝጽውዓና ንእግዝእትነ ማርያም ተኸቲልና ብትብዓት ጕዕዞና ንቐጽል። ንዕላማና ዘደናቕፍ ዘበለ ኹሉ ጽቡቕ መሲሉ'ኳ እንተመጸ ነቲ ዓስቢ ዓወት ተመልኪትና ብእምነት እምቢ! ንበሎ።

ሙሴ ኣብ ልቡ ዝተፈጥረ ዕላማ እግዚኣብሔር ንኽፍጽም "ንጊዜኡ ብኃጢኣት ባህ ካብ ዚብሎስ ምስ ሕዝቢ ኣምላኽ መከራ ኪጸግብ ሓረየ"።

"ዮሴፍ ናብቲ ዓስቢ ኣማዕድዩ ስለ ዝጠመተ፡ ንሰበይቲ ጐይታኡ ክብረ ንጽሕናኡ ክትገሦ ምስ ዓቀነት፡ ብእምነት እምቢ በለ" ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ዕዉታት ቅዱሳን ክንደይ ኢለ እየ'ሞ ክቖጽሮም!

ጸዋዒት እግዚኣብሔር ብዝግባእ ንኽትፍጽምን ብቑዕ ኴንካ ንኽትርከብን፡ ንዓለም፥ ንሥጋ፥ ንሰይጣን ኣብ እምነት ጸኒዕካ እምቢ እንተዘይበልካ ጸላኢ ሰርሲሩ ሰርሲሩ፥ ኬዕ

ንወካ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ዕላማኻ ተሰሊፍካ ከሎኻ ዝገጥመካ ዘበለ ኩሉ ተጸሚምካ ብትዕ ግሥቲ ምሕላፉ ኣዝዩ ዝበለጸ እዩ። ነዚ ኩሉ ክንስዕሮ ዜኽእለና ግና ኣብ እግዚኣብሔር ዘሎና ፍልጠትን ፍቕርን እናማዕበለ ምስ ዝኸይድ እዩ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ንክርስቶስ ክፈልጦ ኣዝየ ጽምኣት ኣሎኒ ይብል። እንታዋይ እዩ ጳውሎስ? ብመሠረቱ ንተኸተልቲ ክርስቶስ ዜሳድድ ዝነበረ ሕጊ ኦሪት ኣብ ትሕቲ ገማልኤል ኮይኑ ትምህርቱ ብዝግባእ ዝፈጸመ ብሃይማኖቱ ቀናእተኛ እዩ ዝነበረ። ስለ'ዚ ንኹሉ ነገር ብቕንኣት መንፈስ ተላዒሉ ብቕኑዕ ኅሊና ይገብሮ ስለ ዝነበረ፡ እግዚኣብሔር ነቲ ቅኑዕ ኅሊናኡ ክጥቀመሉ ደለየ። ሓደ መዓልቲ ከም ልማዱ ንክርስቲያን ከሳድድ ንደማስቆስ ክኸይድ ከሎ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዝደኾሕ ብርሃን ተገልጸሉ'ሞ "ሳውል! ሳውል! ንምንታይ ተሳድደኒ ዚብል ድምጺ ሰምዐ፡ ጳውሎስ ብስምባዱ ተዋሒጡ፡ ጐይታይ መን ኢኻ በሎ፡ ጐይታ ከዓ ኣነ እቲ ንስኻ ተሳድዶ ዘሎኻ ኢየሱስ እየ። ጐይታይ እንታይ ክገብር..." በሎ። ኢየሱስ ከዓ ኪገብሮ ዘለዎ ኩሉ ነገሮ። ካብ'ዚ ንደሓር ፈሪሳውነቱ ገዲፉ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኢየሱስ ኼግዝእ ቀዳማይ ጻዕሩ ኮነ፤ ንሠለስተ ዓመት ዝኣክል' ውን ባሕተወ፡ ሓሳብ ልቡ ከዓ ተፈጸመሉ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ'ዚ ጥራይ ኣይተወሰነን ንኢየሱስ ብሞቱ ኪመስሎ ሃረር በለ። ብከቢድ መከራ'ውን ሓለፈ፤ ሓሙሽተ ጊዜ ነርብዓ ሓደ ጐደል ብጭጕራፍ ተገርፈ፥ ሠለስተ ሳዕ ብሽመል ተዘብጠ ብዙኅ ጊዜ ከዓ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሳቐየ። ሕይወት ጳውሎስ ኣስፈሕካ እንተድኣ ርኢኻዮ፡ ምእንቲ ክርስቶስ ብዙኅ ሓሳረ መከራ እዩ ጸጊቡ (ዘሕለፈ) መከራኡ ከዓ ኣብ ዘይበርስ ክብሪ ተለወጠሉ፤ እወ እቲ ሃረር ዚብሎ ዝነበረ ሠመረሉ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ንክርስቶስ ቅድሚ ሞቱ ይፈልጦ ኣይነበረን፥ እንተኾነ ብመከራኡ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ክፈልጦ ከኣለ። ሓ.ጳውሎስ ኣብ መጨረሽታ ብዛዕባ ሕይወቱ ኪምስክር ከሎ፥ "ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፡ ጉያይ ወዲአ እየ፡ እታ እምነትውን ሓልየያ እየ። ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ፤ እዚ ግና ነቶም ንምግላጹ ሃረር ዚብሉ ኲላቶም ደኣዉምበር ንኣይ ጥራይ ኣይኮነን" (2ይ ጢሞ. 4፥6-8) ይብል። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሃረርታ ቅድስና ዘለዎ ነቲ ኣብ ሕይወቱ ዚገጥሞ ፈተና ስዒሩ እግዚኣብሔር ኣብ ዘቐመጦ እሙን ኮይኑ ምስ ተረኽበ ፍረ ጻማኡ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩሉ ኣሎ፤ ኣብዚ ኽበጽሕ ግና ብዘይ ምስልካይ ተጊሁ ክቃለስ ይግብኦ። "እቲ ተዋሂቡኩም ዘሎ ጸጋ ከዓ ብእኡ ክትኣምኑ ጥራይ ዘይኮነስ ምእንታኡ'ውን መከራ ክትቅበሉ እዩ" ዝብል ጥቕሲ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ንጽዓር (ፊሊ. 1፥29)። ከምዚ ዝበለ እሙን ኣገልጋሊ ኣብ መወዳእታ፡ "ግብረ ዘወሀብከኒ ፈጸምኩ" እናበለ ኣብ ቅድሚ እቲ ቅኑዕ ፈራድን እሙን ጐይታኡን ብታሕጓስ ደው ኪብል እዩ።

ነዚ ዓወት'ዚ ንኽትጭብጥ ለምለም እናረገጽካ፥ ምቹእ ሕይወት (ብሥጋ) እናሕለፍካ ኣይኮነን ዚርከብ። ከመይ ሕይወት ክርስትና መከራን ታሕጓስን ዝተፈራረቖ ስለዝኾነ፥ ከይንዝንግዕ "እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዚመስሎ ከይወድቕ ይጠንቀቕ" ዚብል ምሕፅንታ እዩ ዝተዋህበና። ስለዚ ተጠንቂቕካ ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ኣብ እትመላለሰሉ ጊዜ ስንፍናኻ እናተወገደ ሰማያዊ ራእዩኻ ነጸብራቑ እናጕልሐ ኪኸይድ እዩ። ኣብቲ ጊዜ'ቲ እግዚኣብሔር ምስ ዚጽውዓካ፥ ናብ ኤሊ ክንዲ ትኸይድ "ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎሞ ተዛረብ" ንምባል ስንዱው ኴንካ ክትርከብ ኢኻ፤ ኣቦን ውሉድን ኴንኩም ከዓ ጕጅም ክትብሉ ኢኹም። እቲ ምስኡ ቅድሚ ምርኻብካ እትፍጽሞ ዝነበርካ ተግባር ድማ ክትጽየፎ ኢኻ። ብድኅር'ዚ ካብቲ ቆሪኑካ ዝነበረ ሥጋዊ ኣርዑት ተላቒቕካ ብፍቕሪ ኣምላኽ ክትሰክር ኢኻ።

ነዚ ስለ ዝምነየልካ ከዓ'ዩ ጕይታ ብንጉሥ ሰሎሞን ገይሩ "ወደየ ነዚኣተን ካብ ዓ ይንኻ ኣይትፍለየን፥ ንጥበብን ንምኽርን ተጠንቂቕካ ሓዘን፥ ንሳተን ንነፍሰኻ ሕይወት ንክሳድካ ከዓ ሽልማት ኪኾናኻ እየን፥ ሽዑ ሃዲእካ መንገድኻ ክትከይድ እግርኻ'ውን ኣይክትዕንቀፍን ኢኻ። እንትተገምሰስካ ኣይክትብህርርን ኢኻ ... እግዚኣብሔር እምንቶኻ ኪኸውን እዩ"። (ምሳ.3፥21-26) እናበለ እዩ ዚመኽረካ።

እወ ናይ መከራ መዋእል ሓጺር ምዃኑ ተረዳእ፤ "ቁሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም" እዩ ዚብል እሞ መዓት እግዚኣብሔር ክሳብ ዚሓልፍ ዓቂንካ ሰጕም። ኤሳው ድኅሪ 20 ዓመት ናፍቖት ምስ ሓዉ ተራኺበ'ሞ ቀልጢፎም ናብ ወለዶም ንኺበጽሑ ሃወኾ፤ ያዕቆብ ግና "ሕለፍ ደኣ ኣነስ ከም ስጕምቲ እተን ቀቅድመይ ዘለዋ ማልን ከም ስጕምቲ እቶም ቈልዑን ገይረ ቀስ እናበልኩ እመጽእ" በሎ፤ ንሸኻ ከዓ ከይተረበጽካ ኣምላኽ ክሳብ ዚቈጻጸረካ ስንፍናኻ እናተኣመንካ ተጠንቂቕካ ብጥበብ ሰጕም። ብድኅር'ዚ ንልብኻ ሰላም ንሰብነትካ ሞገስ ክዓስሎ እዩ።

### መንፈስ ቅዱስ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ገይሩ እዩ ዝጽሊ'ሞ ምረትካ ኣቕርበሉ

እስራኤላውያን ባሕሪ ኤርትራ ምስ ተሳገሩ ድኅሪ ሠለስተ መዓልቲ ናይ በረኻ ጕዕ ዞኦም ጽምኢ ማይ ክጻወርዎ ኣይከኣሉን። ኣብ ማይ ዘለዎ ምስ በጽሑ ከዓ ካብ ብዝሒ ጽምኣት ዝተላዕለ እናተደፋፍኡ ክሰትዩ ጀመሩ። እንተኾነ እቲ ማይ መሪር ስለ ዝነበረ ክሰትይዎ ኣይከኣሉን ... እቶም ሕዝቢ ከዓ ንሙሴ እንታይ ክንሰቲ ኢና ኢሎም ኣጕረምረምሉ፤ ንሱ ከዓ ናብ እግዚኣብሔር ተማህለለ። እግዚኣብሔር ድማ ሓንቲ ኦም ኣርኣዮ፤ ኣብቲ ማይ ከዓ ደርበያ እቲ ማይ እውን መቀረ። ካብዚ ቦታዚ ተላዒሎም ድማ ናብ ሓደ ቦታ (ኤሊም ዝበሃል) መጹ። "ኣብኣ 12 ዓይኒ ማይን 70 ኦም ተምርን ነበረ። ኣብኣ ከዓ ኣብ ጥቓ ማይ ሰፈሩ" (ዘጽ. 15፥23-27)።

ስለዚ ጉዕዞ ሕይወት ወዲ ሰብ መሪርን ምቁርን መከራን ታሕጓስን ዝተፈራረቖ ስለ ዝኾነ ከምቲ ሙሴ ነቲ መሪር ማይ ኦም ሰንዲዩ ከምዝምቅር ዝገበሮ ከምኡ'ውን ንሸኻ ናይ መከራ ጉዕዞኻ መንፈስ ቅዱስ ምስ ዓረፎ መከራኻ ተወዲኡ ሰላም ክነግሠልካ እዩ። ኣብ ሕይወትካ ዚጓነፉኻ ሓሳረ መከራ ኵሎም ዘውግደልካ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እንተኾነ ኘክውገደለካ ናትካ ብርቱዕ ድላይ እዩ ዚሓትት። እንተዘይደሊኻ ግና መንፈስ ቅዱስ ኣይግድደካን እዩ። ሕዝቢ እስራኤል ልመናኦም ናብ እግዚኣብሔር ክንዲ ዘዕርጉ ኣብ ልዕሊ ሙሴ ኬፋጥጡ ጀመሩ፤ ብናቶም ኣገባብራ ጥራይ ኢዶም ተሪፎም ነይሮም። ሙሴ ግና ገለ'ኳ ቃል ከይመለሰሎም ንኣምላኹ ተወከሰ'ሞ ነቲ ማይ ዘመቅር ምልክት ሓበሮ፡ ሽግር ሕዝቡ ከዓ ተፈትሐ። ሙሴ ናብ እግዚኣብሔር እንተ ዘይምህለል እቲ መሪር ማይ ናብ ምቁር ማይ ኣይምተለወጠን ነይሩ። በብጊዜኡ ፈተና ከም ዝመጽእ ናይ ግዲ እዩ። ስለዚ ምስ ፈተና ክትዋጋእ ዘይኮነስ ምስቲ ኣብ ልዕሊ ፈተና ዓወት ዝህበካ ክትዋሳእ ምስ እትርከብ እዩ፥ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝገጥመካ ዘበለ ኵሉ ዓወት እትረክብ። ስለዚ እቲ ኣብ ልዕሊ ፈተና ዘዐውተካ ምሳኻ ስለ ዘሎ፡ ዝመጸ እንተመጸ ኣይትጨነቕ፡ ካባኻ ጽንዓት ጥራይ እዩ ዜድሊ። ከመይ "ቁሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም ንሱ ፍጹማን ኪገብረኩም፥ ኬጽንዓኩም፥ ከበርትዓኩም፥ ኪስርተኩምውን እዩ" 1ጴጥ 5፡10 ዚብል ተስፋ ቃል ስለ ዝተዋህበና ፈተና ኣብ ዝኸበበና ጊዜ ከም ሙሴ ዓይኒ ልቦናና ናብ ኣርያም ናብ እግዚኣብሔር ነልዕል'ሞ ሽግርና ንንገሮ። እቲ ከቢቡና ዝነበረ ማዕበል ከዓ ከም ቅጽበት ክድምሰስን ከምዘይነበረ ኪኸውን ክንርእዮ ኢና።

ቅ.ጳውሎስ ፍረ ሓሳረ መከራ ብሕልፊ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ክጽሕፍ ከሎ ኣብ ብዙኅ ምዕራፋት ደጋጊሙ ከም ምኽሪ ከቕርበሎም ንርእዮ። (1ቆሮ. 4፡11) "ክሳብ'ዛ ሰዓ ት እዚኣ ንጠምን ንጸምእን ንዓርቕን ንህረምን ኣሎና፡ ማሕደር'ውን የብልናን፡ ... ንዝጸረፉና ንምርቕ፡ ንዘሳድደና ንዕገስ፡ ስምና ንዘካፍእ ብጥዑም ቃል ንምልስ ኣሎና። ክሳብ ሕጂ ከም ናይ ዓለም ጕሓፍና ከም ናይ ኵሉ ነገር ጐድፍን ኴንና ኣሎና"፡ እንተኾነ ዓወት እንጓናጸፈሉ ርሑቕ ኣይኮነን ይብል፡ (2ቆሮ.6፡5-8-10፤ 4፡10-11፤ 11፡23-27፤ ፊሊ. 4፡12 ርአ)።

ገሊኣትም ክርስትያን ሕይወት ክርስትና ፈተና ዘይብሉ ሰለል ኢሉ ዝኸይድ ምቹእ ናብራ ገይሮም ይግምትዎ፤ ኵሉ ኸዓ ከም ድላዩም ክኾነሎም ይደልዩ። ካብ'ቲ ክሓልፍዎ ዘለዎም ፈተናታት እውን ኣብ ልዕሊኡ ክዕወቱ ክንዲ ዝዕቅኑ፡ ካብኡ ኘኸምልጡ ዘይጥቀምዎ ሜላን ሓሶትን ምትላልን የልቦን። ከምኡ'ውን ንኣኦም ባህ ዚብሎም ኣብ ክብሪ ርእሶም ዝተመሥረተ ሓሳብ ብጸሎት ናብ ጐይታ የቕርብዎ፤ ኘክፍጸመሎም ከዓ ንእግዚኣብሔር ደጋጊሞም ይጭቕጭቕዎ። መንፈስ እግዚኣብሔር ብናቶም ኣተሓሳስባ ኘክምራሕ ዘይገብርዎ ጻዕሪ የብሎምን። ነዚ ንክገብሩ ኣይስልክዮምን እዩ። ብንቕሓት እዮም ዚገብርዎ እግዚኣብሔር ግና ነዚ ንክብሪ ርእሶም ዘቕረብዎ መደብ ጸሎቶም፥

ጸኒሑ ዘምጽኣሎም ጠንቂ ስለ ዝፈልጥ መልሲ ኣይህቦምን። ንሳቶም ግን ስኖም ነኺሶም ደጋጊሞም ይጭቅጭቅዎ። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሰባት ብናእዳ ሰብ ንቕድስና ዚበቕዑ ዚመስሎም ብድፍኢት ስምዒቶም ደኣምበር ነቲ ኣብ ልቦም ዚፍጠር ናይ እግዚኣብሔር ሕሽኸታ ፈልዮም ስለ ዘይክእሉ ዋጋ ድኻነት ክበጹን ጥቕሙን ከይተገንዘብዎ ጕስዩዎም ይሓልፍ፤ ዕድሚኦም ልክዕ ከዓ ድላይ ኣምላኽ ከየለለይዎ ብኸንቱ ይመላለሱ። "እቲ ናባይ ዚመጽእ እግዚኣብሔር ዘንጊዑ ከየሕልፎ ይሰውረኒ" ይብል ቅዱስ ኣጐስጢኖስ። ካብዚ ይሰውርካ(ኪ)።

ገለ ሰባት ፍቓድ እግዚኣብሔር ኰይኑ ብስደትን ብመከራን ብስቓይን ብሕማምን ኪጐሳቘሉ ኣብ ዝምልከትሉ ጊዜ፡ ፍቓድ እግዚኣብሔር ከም ዘይኮነ ገይሮም ይግምትዎ፤ ኣረ ምግማት ጥራይ ዘይኮነስ እግዚኣብሔር ዝጸልኣሉ ሰብ እዩ ክሳብ ምባል ይደፍሩ፥ ካልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት እውን ኣፎም ዝሃቦም ይዛረቡ፤ እዚ ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ናብ ሓዲሽ ኪዳን'ውን ክድገም ይርአ እዩ።

ብኦሪት መኻን፥ ድኻ፥ ከም ኢዮብ ዝኣመሰሉ ብሕማም ዝተረመሱ ማለት ሓሳረ መከራ ዝወረዶም ሰባት ወዘተ መርገም ናይ እግዚኣብሔር ገይሮም ይሓስብዎ ነይሮም። ሓንቲ ቅድስቲ ካብቲ ሕማማት ናይ ኢየሱስ ንኽትካፈል ሃረር ትብል ስለዝነበረት ንኢየሱስ ኣጥቢቓ ለመነቶ'ሞ ኢየሱስ ከዓ ካብ 12 ዓይነት ሕማም ኣምረጸ። ንሳ ግና ንኹሉ ሃበኒ ኢላ ለመነቶ። ከመይ ጌርኪ ክትክእልዮ ኢሉ ምስ ሓተታ ኣነ ፍቓደኛ ክኸውን ጥራይ እዩ ዘድልየኒ፥ እትሽከመለይ ግና ንስኻ ኢኻ ኢላ መለሰትሉ። ብሓቂ ብፍቕሪ ክርስቶስ ዝሰኸረት ምኻና ከዓ ንርዳእ።

ክብሎ ዝደሊኹ ተረዲኡካዶ? ከምቲ ናታ እኺ ካብ እግዚኣብሔር መከራ ክትቅበል ሃረር እንተዘይብልካ ነቲ ብእግዚኣብሔር ዚመጽእ ዘበለ ኵሉ፡ "ቡሩክ ዘይመጽእ በስመ እግዚኣብሔር" እናበልካ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣሜን! ኢልካ ክትቅበሎ እየ ዝላበወካ።

ቅዱስ ጳውሎስ ካብ'ቲ ዘጨንቖ ዝነበረ ሕማም ናፃ ኪኸውን ንጐይታ ምስ ለመኖ፡ "ጸጋይ ይኣኽለካ" ዚብል መልሲ እዩ ዝረኸበ። በዚ ከዓ እዩ ጳውሎስ ነቶም ኣብ ልዕሊ ሥራሕ ኣምላኽ ዝወራዘዩ ሰብ ቆሮንቶስ ፍረ ናይ ሓሳረ መከራ እናገለጸ ኣብ መስመር ከምዝኣትዉ ዝገበሮም (2ቆር. 6፥5-8-10፤ 4፥10-11፤ 11፥23-27፤ ፊሊ. 4፥12)።

ከመይ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ኃጢኣት እንተዘይኮይኑ ገለ ነገር ዚፍጽም የልቦን። እግዚኣብሔር ብጥበቡ ኵሉ ንጥቕምና እዩ ዚፈቕዶ፤ "ክፉእ ደኣ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ" ኢልካ ትሓስብ ትኸውን፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ጌተሰማኒ ክሳብ ቀራንዮ ዘሕለፎ ግፍዒ ጽቡቕዶ ይመስለካ? መልሱ ንኣኻ እገድፎ ኣሎኹ።

ክርስትና ኣብ ግዳማዊ ጣዕምን ሃብቲ ዓለምን ዝተመሥረተ ኣይኮነን። ኣብዚ ከተስተውዕሎ ዘሎካ ሃብታም ዝተረግመ'ዩ ማለተይ ዘይኮነስ እግዚኣብሔር ብዝፈቐዶ መንገዲ ኣብ ዕላማኻ እሙን ኴንካ ክትጽበዮ ከሎኻ እቲ ክፉእ ዝመስል ዝነበረ ኣብ

ሡናይ ክልወጥ ክትርእዮ ኢኻ። "እቶም ንጽድቂ ዚጸምኡን ዚጠምዩን ኪጸግቡ እዮም እሞ ብፁዓን እዮም" ማቴ 5፥6 እዩ ዝበለ'ምበር ነቶም ናይ ዓለም ጣዕሚን ሃብትን ሃረር ዚብሉ ኣይኮነን ዝበለ።

እስራኤላውያን ናይ ምድረበዳ ሕይወቶም በቲ ናይ እግዚኣብሔር ተኣምራታዊ ተግባር ክንዲ ዜስተንትኑ ኣብ ግብጺ ዚበልዕዎ ዝነበሩ ሃረር ምስ በሉ እግዚኣብሔር ከዓ ስስዕቶም ርእዩ ከምቲ ዝደልይዎ በብዓይነቱ ሥጋ ኣውረደሎም፥ እንተኾነ እቲ ዚበልዕዎ ዝነበሩ ሥጋ ጌና ካብ ጐረርኦም ከይወረደ ከሎ ብዕባር ኣማሰኖም። ትምኒት ወዲ ሰብ ከስ እዚ እዩ ትርፉ። ስለዚ ፍቓድ እግዚኣብሔር እዩ ዝበልጽ። እግዚኣብሔር እቲ ንዓና ዚሓይሽ ካብና ኣብሊጹ ስለዚፈልጠ፥ ፈተና ኣብ ዝገጥመና ጊዜ ፍቓድ እግዚኣብሔር ምዃኑ ተረዲእና ብምስጋና ክንቅበሎ ኣሎና። ካብኡ እንተሓለፍና ከዓ ፍቓድካ ይኹን፥ ብዝብል ቃል ዓወት ክንሰዕር፥ ኵሉ ሳዕ ተሳናዲና ክንጸንሕ ይግባእ። "ንበሩ ድልዋኒክሙ" በዚ ዘይሓለፈ ቅዱስ ሓደኳ ኣይትረክብን ኢኻ። "ቅንኡ እንተ ትዓቢ ጸጋ" ... ናይ ቅድስና ቅንኣት እንተ ደኣ ኣልዩካ ኣብ ቅድስና ዘይትበጽሓሉ ምኽንያት የብልካን።

ኣብ ሕይወት ክርስትና እግዚኣብሔር ብዝመደበልካ ዕላማ፥ ጕዕዞኻ ኣብ እትጅምረሉ ጊዜ ስለምንታይ ነቲ ጥዑም መንገዲ ሕይወት መሪር ዝደባለቖ። እግዚኣብሔር ንመንገዲ ድኅነት ንምንታይ ኣሸጋሪ ገበሮ። "በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኵሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳብ ዚህብ ንዓለም ኣፍቀራ" ስለዚ እግዚኣብሔር ፍቕሩ ኪገልጸልና ከሎ ሕይወቱ ክሳብ ምሕላፍ ካብ በጽሖ ስለምንታይ ደኣ ብመከራ ክንሓልፍ ይፈቅድ?

እግዚኣብሔር ኩሉ ጊዜ ሰላምና እዩ ዚምነ። ቀጺልና'ውን ናብ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ ክንኣቱ እዩ ዝናብየናን ዝሓልየልናን። ግናኸ መከራ ነቲ ኣባና ዘሎ ንእግዚኣብሔር ክብሪ ዘይህብ ኣልጊሱ መልዕልተ ባህርይ ከልብሰና ስለ ዝደለየ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቕለ ንኃጢኣትና ክድምስስ እዩ ዝሞተ እምበር ኣባና ዘሎ ዝንባሌ ኃቲኣት ኣይደምሰሶን። እንተኾነ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ምስኡ ኳንና ከም ኣረጊት ክዳን ክንድርብዮ ኵሉ ሳዕ ምስ ቀስቀሰና እዩ። መን እሞ ይስምዓዮ? ምስማዕ ምስ ኣቤና ብመከራ ኪጥቀም ይግደድ።

ቅዱስ ጴጥሮስ "ኣታ ሰይጣን ኪድ ካባይ ርሓቕ" ተባሂሉ ዝተገሰጸ ሰብ ድኅሪ 6 መዓልቲ ሣልሳይ ርእሱ ክብሪ ኣምላኽ ንምርኣይ በቕዐ። ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ኩሉ መከራ ምስ ሓለፈ "ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘሎኹ፥ ኢየሱስ እዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ" እናበለ ፈከረ። ስለዚ ኝክብርና ደኣ'ምበር ንመከራና ዚምነ ኣምላኽ ኣይኮነን ዘሎና። እግዚኣብሔር ሞት፥ ኃጢኣት፥ ክፍኣት እዩ ዚጸልእ። ንኃጢኣተኛ ግና ኣዝዩ ስለ ዜፍቅሮ ብጸጋ ሸሊሙ ብቑዕ ዜጋ ኝክገብሮ ምኽንያት እዩ ዚደሊ። "ብጸጋ ኢኹም ዝደኃንኩም፥ ብዋጋ

ኢኹም ዝተዓደግኩም” እናበለ ሕሩያት ዘርኢ ምኺንና ድምጺ ተስፋታቱ የስምዓና። ስለ'ዚ ከዓ እዩ እግዚኣብሔር ኣብ ሰማያዊ ርስቲ ተኻፈልቲ ምእንቲ ክንከውን በብደረጃኡ ዚጽውዓና።

መጀመርያ ደረጃ ብዋጋ ንግዛእ፤ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከዓ ብዋጋ ዝተገዝአ ሕይወትና መኺኑ ኀኸይተርፍ ንዓቢይ ዕላማ ንሕረ፤ ሣልሳይ ኣብቲ ዝተሓረናዮ እሙናት ኴንናን ንምስክሩ ዝበቓዕናን ኴንና ንርከብ እሞ፥ ፍረ ጻማና ኀኽንቅበል ኣብ ቅድም'ቲ ቅኑዕ ፈራዲ ደው ንብል። ንሱ ከዓ፥ “ኣታ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ ብውሑድ ተኣሚንካ ኢኻ'ሞ ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ” ዝብል ጥዑም ቃል የስምዓና። ንዘለዓለም ከዓ ኣብ'ቲ ልቢ ሰብ ክሕልኖ ዘይክእል ኣእምሮ ሰብ'ውን ክበጽሖ ዘይክእል ንጓሩያቱ ተዳልዩሎም ዘሎ ክብሪ ተሳተፍቲ ኀኸውን።

# ካልኣይ ምዕራፍ

# ቀጻሊ ቃልሲ

## ሀ. ክርስትያን ክሳገርዎ ዘለዎም ጽንኩር ሕይወት (2ጴጥ. 1፥3-11)

ንእግዚኣብሔር ምስዓብ ብባህርያዊ መንገዲ ክብጻሕ ዘይክኣል ጽንኩር ነገር እዩ። ደቀመዛሙርቱ እኳ እቲ ዚብሎ ምስ በርትዖም "እዚ ዘረባዝስ ዕፁብ ነገር እዩ፥ መንከ ክሰምዖ ይኽእል" በሉ። እግዚኣብሔር ነዚ ኩሉ ተገንዚቡ ነቲ ኣባና ዘሎ ንእኡ ክብሪ ዘይህብ ባህሪይ ሥጋ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክቐርፎ፥ ከልግሶን ይጅምር። በዚ ከዓ እዩ ቅዱስ ጳውሎስ "ሰብነትኩም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መሥዋዕቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ ብምሕረት ኣምላኽ እልምነኩም ኣሎኹ፤ እዚ ማለት እቲ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ። እቲ ሠናይን ባህ ዜብልን ፍጹም ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ መርሚርኩም ክትፈልጡ፥ ኣእምሮኹም ብምሕዳስ ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም'ዚኣ ኣይትምሰልዋ (ሮሜ 12፥1-2) ዝበለ። ስለዚ እግዚኣብሔር ሕይወትና ብዘይ መንቅብ ምእንቲ ኪሕሎ ናይ ዓለም ከንቱ ዝኾነ ነገር በቲ ሓላፊ ጣዕሙ ከየታልለና ብክንገር ዘይክኣል ጥበቡ፥ ዝቕረጽ እናቜረጸ ከፍሪ ዘይክእል ዘበለ ኩሉ ገሪዙ የጽርዮ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ንተዓዛቢ እነሕዝን ኴንና ንርኤ። ኩሉ ከሎና ሓንቲ ከምዘይብልና ኴንና ንርእ (2ቆሮ. 6፥9-10) ኣብዚ ጊዜ'ዚ እቶም ብፍቕሪ ኣምላኽ ዝሰኸሩ ናይ ሰብ ነገር ግዲ ከይገበሩ እግዚኣብሔር ከም ዝደለየ ክገብሮም ገዛእ ርእሶም የወፍዩ። ገለ ግና በቲ ተዓዛቢኦም ዝዘርኦን ዝነዝሖን ወረ ተዳሂሎም ካብቲ ሕንጹጽ ዕላማ ናይ ዓስቢ ዓወት የድሓርሕሩ፥ ተስፋ ቅብጸት የጕልብቦም እሞ ኣይውዑይ ኣይዝሑል ኮይኖም ይነብሩ፤ ገለ ከዓ ንእግዚኣብሔር ብምኽታሎም ተጣዒሶም ምስ እግዚኣብሔር ዝነበሮም ርክብ ጨሪሾም ይበትክዎ እሞ ተጻይ እግዚኣብሔር ይስለፉ።

ኣብዚ ኽንበጽሕ ዝደፋፍኣናስ ሳዕቤኑ እንታይ እዩ? በረኸት ናይ ኣምላኽ ጥዓምናኸ ነቲ ክፉእ ክንመርጽ ዝገብረና እንታይ እዩ? ቀልብና ቀጺሉ ናብ እግዚኣብሔር ክንዲ ዜድህብ እዝንና ነቲ ዓለምን ሰይጣንን ሥጋን ዝነዝሖ ወረ ኪሰምዕ ኣብ ዝጅምረሉ ጊዜ እቲ ብፍቕሪ ኣምላኽ ዚኾስኮስን ዚምልመልን ዝነበረ ሕይወትና ብፍርሃት ተናዊጹ ኢዱ ንጸላኢ ክሳብ ምሃብ ይበጽሕ። "ፍርሃት ምስ መቕጻዕቲ ዝተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ ከዓ እቲ ዚፈርህ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኮነን"።

ቅ.ጴጥሮስ ብዛዕባ'ቲ እግዚኣብሔር ዝገበረልና ከይረሳዕና ቀጺልና ክነመስግኖን ብፍቓዱ ክንመላለስ ከምዘሎናን ይገልጽ እሞ ኣብ መወዳእታ፥ "እዚ ነገር'ዚ እንተ ደኣ ኣሎኩም እናማዕበለ'ውን እንተኸደ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክፍልጠኩም እዩ። ሃካያትን

ዘየፍርዩን እውን ኣይክትትኮኑን ኢኹም፤ እዚ ነገር'ዚ ዘይብሉ ግና ኣርሒቑ ዘይርኢ ዕዉር ሰብ እዩ። ካብቲ ናይ ቀደም ኃጢኣቱ ከምዝነጽሐ እውን ዝረስዐ እዩ" ይብል (2ጴጥ 1፥(1-7)8-9)። ደቂ እግዚኣብሔር ነቲ መጀመርያ ዝተዋህበም ጸጋ ደርብዮም፥ ዳሕራይ ጸጋ ንምቕባል እንተደኣ ኮይኑ ዕላማኦም፥ እናርኣዩ ዘይርእዩ፥ እናሰምዑ ዘይሰምዑ ኮይኖም እዮም ዝተርፉ። ካብዚ ከምዝስ ይሰውረና።

እግዚኣብሔር ንጸጋኡ ብናፃ እኳ እንተሃበና፥ ኣብ ልዕሊ ዝተዋህበና ጸጋ ሽለል ክንብል ግና ኣይፈቅድን እዩ። ስለዚ ነቲ ዝተዋህበካ ብጥበብ ተጠንቂቕካ ሓዞ። ለይቲ ምስ መዓልቲ ከዓ እናስተንተንካ ኣማዕብሎ። ብፈሪሃ እግዚኣብሔር እውን ክትመላለስ ጸዓር።

ብጉልበት እትሰርሖ ዘበለ ነገር ኩሉ ከምዝሰራሕካዮ መጠን ዝግብኣካ ደሞዝ ትረክብ፤ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ከይደኸምካሉ ብናፃ እትቕበሎ ግና ብዙኅ ጥንቃቐን ትሕትናን ትዕግሥትን ዝሓትት እዩ። ሕራይ ነዚ ኸክትቅበል ብወገንካ ነቲ ብናፃ ዚህበካ (ኣምላኽ) ብንጹሕ ልቢ ቀሪብካ ሽግርካ ከይሓባእካ ምስ ኣካፈልካዮ ብኣእምሮኻ ክትበጽሖ ዘይትኽእል ጸጋኡ የፍስሰልካ። እንተኾነ ካብዚ ንደሓር እዩ ዘሎ ከቢድ ሰማዕትነት ዘድልዮ። ከመይ ጸላኢኻ ኣብ ልዕሊኡ ዓወት ከምዝረኸብካ ስለ ዝፈልጥ ኣብ ልዕሌኻ ከዕ ገርግር ይጀምር ገጢሙካ ዘይፈልት ውግእ እውን የልዕለልካ፤ ኣብ ክትወጾ ዘይትኽእል መቓቕሮ እውን የእትወካ። ብዝተዋህበካ ጸጋ ኣርሒቕካ ዘይትርኢ ዕውር ሰብ እንተደኣ ኴንካ ኢድካ ትህብሞ መጻወቲ ጸላኢ ትኸውን፤ ዝተዋህበካ ጸጋ እናስተንተንካ ሕጂ'ውን ብኣምላኽይ ክዕወት እየ እናበልካ ብትብዓት ትንቅሳቐስ እንተድኣ ኴንካ፥ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ይዓስለካ'ሞ ወዮ መምለቕ ስኢንካ ጸቢቡካ ማዕበል ውሒጡካ፥ ጸልማት'ውን ከቢቡካ ዝነበረ፥ ርኢኻዮ ዘይትፈልጥ ብርሃን ይዓስለካ፤ ህውከትን ናዕብን ከቢቡካ ዝነበረ፥ ጸጥታ ዝመልኦ ሰላም ይኾነልካ።

ስለዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክትወጽኣሉ ኣብ ዘይትኽእል ክትቃቐር ከሎኻ ምስ የናታት ኴንካ እግዚኣብሔር ካብቲ ከቢቡካ ዘሎ ኃይሊ ጸላኢ ከምዘናግፈካ ተረዲእካ ኃይሊ እምነት ዝዓሰሎ ትብዓት ተጐናጺፍካ ምስ እትዋጋእ ብድኅሪ'ዚ ሥራሕ ኣምላኽ ክፍጸም ከሎ ሓቂ ዲዩ ሕልሚ! ክሳብ እትብል ክገብረካ እዩ (1ሳሙ.14፥6)። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ምስ በጻሕካ ሰይጣን ዓወትካ ርእዩ ኸክትሰንፍ ዘይገብሮ ጻዕሪ የብሉን። ብዘይ እትጽበዮም ሰባት ይፍትነካ። እቶም ናተይ ኢልካ እምነት ዘሕደርካሎም ከይተረፉ ኽኽሕዱኻ ይርከቡ።

ክሳብ እዛ ሰዓት'ዚኣ ኩሉ ከም ጎዱፍ ቈጺርካ፥ ኣሎኒ እትብሎ ኩሉ ጸንቂቕካ፥ ኣብ ኣምላኽ እንተደኣ ተወኪልካ ብኣእምሮኻ ክትበጽሖ ዘይትኽእል ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ልብኻ ኪነግሥ እዩ። ፍርሃት ዚብልዎ ካብ ሥሩ ስለ ዝተነቕለልካ መንፈሳዊ ትብዓት ተጐናጺፍካ ነተን ኣብ ጸልማት ዘለዋ ነፍሳት ሓርነት ክትእውጀለን ኢኻ። ዘየቋርጽ ሥራሕካ ከዓ ኪኸውን እዩ። (ኤፌ. 6፥14-17) "ደጊም ሕቘኹም ብሓቂ ተዓጢቕኩም፥

ድርዒ ጽድቅውን ተኸዲንኩም ቁሙ። ነቲ ሰላም ዚህብ ወንጌል ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ብምእታው ተዳለኹም ደው በሉ። ኣብ ርእስ'ዚ ኵሉ ከዓ ነቲ ናይቲ ክፉእ ሃልሃል ዚብል ፍላጻታት ኵሉ ከተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ፥ ናይ ምድኃን ቆብዕ ሓጺን ኣእትዉ፥ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሰይፊ'ውን ማለት ቃል ኣምላኽ ሓዙ ...” ይብል። ብድሕር'ዚ ጸላኢኻ ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝተረግጸ፥ ዝሓለፍካዮ ኮነ ዝተዛረብካዮ ዝሠራሕካዮ'ውን ኵሉ ክሰልጠካ እዩ። ብርሃንካ ኣብታ ዝጸልመተት ዓለም ክበርህ እዩ።

ምእንት'ዚ ነቲ በብጊዜኡ ዚገጥመካ ሓሳረ መከራ ግዲ ኣይትሙተሉ፤ ኣብቲ ሕንጹጽ ዕላማ ናይ ዓስቢ ዓወት ጠምት፤ ልብኻ ናብኡ ጥራይ ኣቕልብ፤ “እቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ናብ ናይ ዘለዓለም ክብሩ ዚጸውዓኩም ኣምላኽ ኵሉ ጸጋ፥ ቍሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም ንሱ ፍጹማን ኪገብረኩም፥ ኪጽንዓኩም፥ ኪበርትዓኩም፥ ኪስርተኩም'ውን እዩ” ይብለና (1ጴጥ. 5፥10)።

## ለ. ወዲ ሰብ መጠን፣ ናብ እግዚኣብሔር ዝተጸግዐ መጠኑ ተቓውሞ ይረክብ

ወዲ ሰብ መጠን ናብ እግዚኣብሔር እተጸግዓሉ፣ መጠኑ ጸላኢ ብቕንኣት ተላዒሉ ከም ዚጻረሮ ግሁድ እዩ። ከመይ ብረብሓና ኣዝዩ እዩ ዚቐንእ፤ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ነቶም ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተገብረሎም ጕንዖ ዘየስተማቕርዎ ሰባት ኣብ ሓደጋ ከውድቖም ከሎ፥ በቶም ብናይ እግዚኣብሔር ሥራሕ እናተገረሙ ኣብ ምስጋና ዝተጸምዱ ሰባት ግና ተዋሪዱን ሓፊሩን እዩ ዚምለስ።

እስከ ነዚ ኣብነት ዝኾነና ካብ ቀዳማይ መጽሓፍ ሳሙኤል ንርአ፤ ካብዚ ምዕ ራፉት'ዚ ኤሊ፥ ሳኦል፥ ዳዊት ክንወስድ ንኽእል።

1. ኤሊ

ኤሊ ኣርብዓ (40) ዓመት ዚኣክል ንሕዝቢ እስራኤል እኳ እንተመርሐ፥ ብዝሕለት መንፈስ ተጸቒጡ ስለ ዝነበረ ደቁ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ነውሪ እናፈጸሙ ክግስጸምን ኪቐጽዖምን ስለዘይተረኸበ ኵራ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ቤት <u>ኤሊ</u> ነደደ። ስለዚ እግዚኣብሔር ብሳሙኤል ገይሩ ናይ ተግሳጽን ናይ ንስሓ መልእኽትን ከተሓላልፈሉ ከሎ ገጹ ናብ እግዚኣብሔር ኪመልስን፥ ደቁ ኪቐጽዕን ዚግብኦ፥ ካብ ድንዛዜ መንፈስ ዝተላዕለ “ንሱ እግዚኣብሔር እዩ። ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራእዮ ይግበር” ብዝብል ናይ ስንፍና ቃላት ንምሕረት እግዚኣብሔር ዓጸዎ፤ ምስ ቤተሰቡ ጸኒቱ ከዓ ንሕዝቢ እግዚኣብሔርን (እስራኤል) ንታቦት እግዚኣብሔርን ኣብ ኢድ ጸላእቶም ንኽወድቁ ምኽንያት ኮነ። (1ሳሙኤል ካብ ምዕራፍ 2 ክሳብ 4 ርአ)። ብዝኾነ <u>ኤሊ</u> ብመንፈሳውነቱ ዝደረቐሉ፥ ብኣገልግሎቱ ዝሰነፈሉ፥ ሸለልትነት ንሕይወቱ ከም ዝወረሶን በዚ ንርዳእ።

## 2. ሳኦል

ሕዝቢ እስራኤል መሪሕነት እግዚኣብሔር ንዒቆም ከምቲ ኣብ ኣከባቢኦም ዘሎ፥ ብንጉሥ ኪምርሖ ንሳሙኤል ንጉሥ ኬንግሥሎም ኣሸገርዎ፤ ሳሙኤል ግና እዚ ነገር'ዚ ኣዝዩ ኣጕሃዮ፤ ናብ እግዚኣብሔር እውን ጸለየ። "እግዚኣብሔር ድማ ንሳሙኤል ኣነ ከይነግሥም ንኣይ እዮም ዝነዓቑ እምበር ንኣኻ ኣይኮኑን ዝነዓቑ'ሞ ዝበሉኻ ኵሉ ቃሎም ስማዕ" በሎ (1ሳሙ 8፡7)። ሳሙኤል'ውን  እግዚኣብሔር ብዝሓበሮ ካብ ነገደ ቢንያም ሳኦል ዝስሙ ጎበዝ ቀቢኡ ኣንገሥሎም። ሳኦል ከዓ ምስ ተቐብአ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊኡ ወረደ፥ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ከዓ ብቕኑዕ መንገዲ እናመርሐ ካብ ኢድ ጸላእቶም ኣናገፎም፤ መንፈስ ኣብኡ ሓዲሩ ስለ ዝነበረ ምስቶም ኣብ ዙርያኡ ዚርከቡ ኵሎም ጸላእቱ ተዋግአ፥ ገጹ አብ ዝመለሰሉ ዘበለ ከዓ ሰዓረ፤ ንእስራኤላውያን እውን ካብ ኢድ ጸላእቶም ናፃ ኣውጽኦም።

እንተኾነ ሳኦል ኣብቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ብዘይምጽንዑ ብዙኅ ጊዜ ንእግዚኣብሔር ዜሕዝን ይሠርሕ ነበረ። ሓደ ጊዜ ብጸላእቱ እተኸበሉ እዋን፥ ንሳሙኤል ክንዲ ዚጽበ ብኢደ ወናኒኡ መስዋዕቲ ምስ ኣቕረበ ሳሙኤል መጺኡ፥ "ዓሺኻ፥ እቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ ትእዛዝ ኣይሓሎኻን" ክብሎ ንሰምዕ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ሳኦል ትእዛዝ እግዚኣብሔር ካብ ምጥሓስ ኣይተቘጠበን። ንኣማሌቃውያን፥ ሰቦም ጥሪቶም ኬጥፍኦም ካብ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ተመሓላሊፉሉ ከሎ፥ ከምቲ ዝተባህሎ ስለ ዘይገበረ እግዚኣብሔር ኣብ እስራኤል ከይነግሥ ነዓቆ፤ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘንገሦ እውን ተጣዕሰ። ሳሙኤል ግና ብዛዕባ ሳኦል ይጕሂ ነበረ። እግዚኣብሔር ድማ ንሳሙኤል "ኣነ ንሳኦል ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከይነግሥ ንዒቐዮ ከሎኹ፥ ንስኻ ክሳብ መኣስ ኢኻ ንሳኦል እትጕህየሉ? ናብ እሰይ በዓል ቤትልሔም ክልእከካ ኣብ መንኅ ደቁ ንጉሥ ዚኾነኒ ርእየ ኣሎኹ'ሞ ቀርኻ ዘይቲ መሊእካ ኪድ በሎ ..." ሳሙኤል ድማ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝበሎ ገበረ (ምዕ. 15-16 ርአ)።

ሳኦል ከዓ መንፈስ እግዚኣብሔር ምስ ተፈልዮ ክፉእ መንፈስ የጨንቆ ነበረ'ሞ ምእንቲ ክፈኾሰሉ ኢሎም በገና ዚወቕዓሉ ኣናድዮም ንዳዊት ኣምጽእሉ፤ ዳዊት ክወቅዕ ከሎውን ይሕሾ ስለዝነበረ ንዳዊት ፈተዎ፤ ምስኡ ኪቕመጥ ከዓ ንእሰይ ለመኖ። ከምዚ ኢሉ ሳኦል እግዚኣብሔር ምስ ረሓቆ፥ ዝገብሮ ጠፍኦ፤ ጸላእቱ ምስ ከበብዎ'ውን ናይ ዓቕሊ ጽበት ተራ ሰብ ኮይኑ ብለይቲ ናብ ሓንቲ ጠንቋሊት ከደ፤ ንሳሙኤል ከተተንስኣሉ እውን ሓተታ፥ ሳሙኤል ከኣ ተንሢኡ ስለምንታይ ኢካ ከተተንሥኣኒ ዘዕገርገርካኒ በሎ። ሳኦል ከዓ ኣነ ኣዝዩ ጸቢቡኒ ኣሎ። ፍልስጤማውያን ይወግኡኒ ኣለዉ፥ እግዚኣብሔር ድማ ረሓቑኒ ብነብያት ኮነ ብሕልምታት ኣይመለሰለይን፤ ስለዚ ከዓ እቲ ዝገብሮ ክትነግረኒ ኢለ ጸዋዕኩኻ በሎ። ሳሙኤል ድማ እግዚኣብሔር ካብ ረሓቐካ ጸላኢኻ'ውን

ካብ ኮነ ደአ ስለምንታይ ኢኻ እትሓተኒ? ነቲ ቃል እግዚኣብሔር ስለዘይሰማዕካን፥ ከምቲ ኸራሉ ኣብ ኣማሌቅ ስለዘይገበርካን እግዚኣብሔር ንዓኻን ንሠራዊት እስራኤልን ኣብ ኢድ ፍልስጤማውያን ኣሕሊፉ ክህበኩም እዩ ጽባሕ ድማ ንሰኻን ደቅኻን ምሳይ ክትኮኑ ኢኹም በሎ'ሞ ሽዑ ሳኦል በቲ ዘረባ ሳሙኤል ኣዝዩ ፈሪሁ ብኡ ብኡ ብምሉእ ቍመቱ ናብ ምድሪ ወደቐ። ምልእቲ መዓልትን ምልእቲ ለይትን ከዓ እንጌራ ኣይበልዐን እሞ ገለ ኃይሊ'ኳ ኣይነበሮን" (ምዕ. 28 ርአ)።

ብዝኾነ እስራኤላውያን ምስ ጸላእቶም ውግእ ገጠሙ'ሞ ብዙኃት ብስሕለት ወደቑ ሳኦል ምስ ደቁ ከዓ ኣብ ዓውዲ ውግእ ሞቱ፤ እቶም ዝተረፉ እስራኤላውያን ድማ ዓ ዶም ገዲፎም ተበተኑ።

ሳኦል ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ስለ ዘይተመላለሰ፥ ንርእሱ ኮነ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ኣብ ኢድ ጸላእቶም ኻኺወድቁ ምኽንያት ኮይኑ ተረኽበ። "እግዚኣብሔር ምስ ዚጸልእ ምኽሪ ይኸልእ" ከም ዝበሃል ምኽሪ እግዚኣብሔር ከይፍለየና ብምስትውዓል ንመላለስ።

## 3. ዳዊት

ዳዊት ብልቡ ብቕንኣት ቤት እግዚኣብሔር ዝነደደ ሰብ ነበረ። ብሕልፊ ምስ ተቐብአ መንፈስ እግዚኣብሔር ስለዝዓሰሎ ለይቲ ምስ መዓልቲ ብተግባር እግዚኣብሔር እናተገረመ ኬስተንትንን ኪዝምርን የሕልፎ ነበረ። ኣብ ልቡ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ስለ ዝተቐርጸ ድማ ዝሓሰቦ ኾሉ ይሰልጦ ነበረ (መዝ. 1፥1-3)።

ኣብቲ ጊዜ'ቲ ሓደ ጐልያድ ዚብሃል ፍልስጤማዊ ኣብ ኃይሉን ጕልበቱን ክእለቱን ተኣማሚኑ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ እስራኤል እናላገጸ ብንዕቀት የባጭዎም ነበረ። ሕዝቢ እስራኤል ከዓ ፍርሃትን ረዓድን ሓዞም፤ ሹማምንቲ እስራኤልን ሳኦልን እውን ዝገበርዎ ጠፍኦም፤ እታ ካብ ኢድ ጸላእቶም እተናግፎም ዝነበረት ቅልጽም ኣምላኽ ረሲያም ድማ ብጕልበት ጐልያድን ኃይሉን ተሸቢሮም ፍርሃትን ረዓድን ሓዞም።

እቲ ተራ ጓሳ ኣባጊዕ ዝነበረ ዳዊት ግና ብገርሁ ነቶም ምስ ንጉሥ ኣብ ውግእ ተሰሊፎም ዘለዉ ሠለስተ ኣኃዋቱ ቀለብ ኬብጽሓሎም ከደ'ሞ ንዕቀት ናይ ጐልያድ ኣብ ልዕሊ ሠራዊት እስራኤል ዝጅሃሮ ምስ ሰምዐ፥ "እዚ ኣብ ልዕሊ ሠራዊት ሕያው ኣምላኽ ዜባጩ ዘሎ ዘይግዙር ፍልስጤማዊ እዚ መን ኮን እዩ? በለ። ኤልያብ እቲ ዓቢይ ኃዉ ድማ ምስቶም ሰባት ኪዛረብ ከሎ ሰሚዑዎ ኾራ ኤልያብ ኣብ ልዕሊ ዳዊት ነዲዱ፥ "እንታይከ ክትገብር ኣብዚ ወረድካ፥ እተን ሒደት ኣባጊዕካ ኣብ በረኻ ንመን ገዲፍካየን?" እናበለ ተቛጥዖ። ዳዊት ግና ኃይሊ መንፈስ ስለ ዝደፍኦ ነዚ ቃላት'ዚ ኣብ ልዕሊ ሠራዊት ህያው ኣምላኽ ደጋገሞ። እዚ ነገር'ዚ ኣብ እዝኒ ንጉሥ ሳኦል በጽሔ'ሞ ንጉሥ ድማ ኬምጽኡሉ ኣዘዘ። ዳዊት ከዓ ንሳኦል ብዛዕባ እዝስ ልቢ ሓደ'ኳ ኣይሽበር ግልያኻ ከይዱ ምስ እዚ ፍልስጤማዊ እዚ ኪዋጋእ እዩ በሎ" (17፥26-32)።

መዓልቲ ግጥም ምስ ኣኸለ ከዓ ዳዊት ንጐልያድ ብእምኒ ወንጭፍ ግንባሩ ኣንሃሎ። "እታ እምኒ ከዓ ኣብ ግንባሩ ኣተወት፣ ንሱ ድማ ብገጹ ተደፊኡ ናብ ምድሪ ወደቐ" (ቁ. 49)። ኣምላኽ እስራኤል ከዓ ናብ ኵሉ ዓለም ተፈልጠን ተፈርሂን። ዳዊት እውን ብሹማምንቲ እስራኤል ኮነ ብሕዝቡ ፍቱውን እሙንን ኮይኑ ተረኽበ። ብሕልፊ ከዓ ምስ ዮናታን ወዲ ሳኦል ትኽ-ትንፋስ ኮኑ፤ ኪዳን'ውን ተኣታተዉ። ሳኦል ከዓ ኣብ ልዕሊ እቶም ሰብ ውግእ ሓለቓ ገበሮ።

እንሆ ከዓ እቲ ዳዊት ኣብ መዝ. 119፡97-104 ዝደረሶ ክፍጸም ንርእዮ።

"ንሕግኻ ብዘይ መጠን ኣፍቀርኩዎ፥
ኵሉ መዓልቲ'ውን ኣስተንትኖ ኣለኹ።
ትእዛዛትካ ሕልፊ ጸላእተይ ኣለበመኒ፥
ከመይ ኵሉ ጊዜ መሰነይታይ እዩ።
ትምህርትኻ ዜስተንትኖ ምዃነይ፥
ካብ ኵሎም መማህራነይ ኅልፊ ፈለጥኩ።
ትእዛዛትካ ዝሕሉ ስለ ዝኾንኩ ድማ፥
ካብ ሽማግሌታት ንላዕሊ ለበምኩ።
ንቃልካ ምሕላው ምእንቲ ክጥዕመኒ፥
ነእጋረይ ካብ መንገዲ ክፍኣት ዘበለ፥
ካብ ኵሉ ኣርሒቐ እሕልወን ኣሎኹ" ይብል።

ዳዊት ንጐልያድ ቀቲሉ ምስ ተመልሰ ኣዋልድ እስራኤል፣ "ሳኦል ቀታል ሽሕ፥ ዳዊት ቀታል እልፊ (10,000)" እናበላ ይደርፋ ነበራ። ሳኦል ከዓ ንዳዊት ካብኡ ኣብሊጸን (ብምፍታወን) ብምግማተን ክፉእ ናይ ቅንኣት መንፈስ ሓዲሩዎ፥ ንዳዊት ብክፉእ ዓይኒ ክጥምቶ ጀመረ። ሰይጣን ኣብ ልዕሊኡ ከም እተዓወትካ እንተደኣ ፈሊጡ ኀኸጥፍኣካ ዘይፍሕሶ ተንኮል የልቦን። ሳኦል'ውን በዚ ክፉእ መንፈስ ተደፊኡ ንዳዊት ዚቐትለላ ምችእቲ ጊዜ ይጸናቶ ነበረ። ምችእቲ ጊዜ ምስ ረኸበ ከዓ ምስ መንደቕ ኣላጊቡ ክወግኦ ክልተ ጊዜ ኵናት ወርዊሩ ሰሓቶ፤ በዚ ስለ ዘይሰለጠ ድማ ኣብ ፈቐዶ እምባታትን ዱርን በዓትታትን ወተሃደራቱ ኣኽቲቱ ሃደኖ። ዮናታን ወዲ ሳኦል ግና ኵነታት ኣቦኡ ተዓዚቡ ንዳዊት ኣጠንቀቖ፤ ነቦኡ'ውን "ዳዊት ኣይበደለካን ግብሩ ከዓ ንኣኻ ዓቢይ ጥቕሚ እዩ'ሞ ንትሥ ብጊልያኡ ዳዊት ኣይኅጣእ፤ ነፍሱ ኣብ ኢዱ ገይሩ ድማ ነቲ ፍልስጤማዊ ቀተሎ፣ እግዚኣብሔር ከዓ ንብዘሎ እስራኤል ዓቢይ ምድኃን ገበረ፤ ንሰኻ'ውን ነዚ ርኢኻ ተሓጐስካ" ኢሉ ብዛዕባ ዳዊት ተዛረበ። ሳኦል ከዓ "ዘረባ

ዮናታን ሰሚዑ ሕያው እግዚኣብሔር እዩ፣ ኣይመውትን እዩ ኢሉ መሓለ" (19፡2-6)።

ሳኦል ክፉእ መንፈስ ስለ ዝሓደሮ ንዳዊት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቶም ኩሎም ንዳዊት ገበርቲ ድማዑ ዘበሉ ከይተረፈ ካብ ምድሪ እስራኤል ከጥፍኦም ተላዕለ፤ ኤዶግ ኤዶማዊ ዝተባህለ ነቶም ተሓባበርቲ ዳዊትን ሓገዝቱን ኵናታት እናጠቈመ ንኸጥፍኦም ይደፋፍኦ ነበረ። ሓሰዩ እውን 85 ካህናት ከም ዝቕተሉ ገበረ (ምዕ. 22 ርአ)።

ሳኦል ንዳዊት ካብ ምድሪ እስራኤል ኬጥፍኦ ኣብዉቲ ዝተሓብእሉ እንባታትን በዓ ትታትን ሰዓበ፤ ዳዊት ድማ ንሳኦል ብለይቲ ኣብ ጥዑም ድቃሱ ከሎ እናመጸ፣ ሓደ ጊዜ ካብ ክዳኑ ቈሪጹ ሓደ ጊዜ ከዓ ዕጥቂ ወሲዱ፣ ንሳኦል ጸዊዑ ዕጥቕኻ ምሳይ ኣሎ ሰብ ልኢኽካ ውሰዶ፤ ክቕትለካ እንተ ዝደልስ እግዚኣብሔር ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ከም ዝሃበኒ ኣዕይንትኻ ርእየን እየን። ከቕትለካ'ውን መኸሩኒ ኣነ ግና ቅቡእ እግዚኣብሔር ስለ ዝኾንካ ነሓፍኩኻ። ንስኻ ግና ክትቀትለኒ ከም ቈቓሕ ትሃድነኒ ኣሎኻ፤ እንታይ እዩ በደለይ ኣብ ልዕሌኻ ዝገበርኩዎ ነገርሲ እንታይ ኣሎ? በሎ። ሳኦል ከዓ ኣነ ክፉእ እናገበርኩኻ ጽቡቕ ገቢርካለይ ኢኻ'ሞ ካባይሲ ንስኻ ትጸድቕ፣ ሕጂ ከዓ እንሆ ንስኻ ብርግጽ ከም እትነግሥ እታ መንግሥቲ እስራኤል ድማ ኣብ ኢድካ ከም እትቐውምን እፈልጥ ኣሎኹ። ሕጂ ከዓ ብድኅረይ ንዘርአይ ከይተጽንቶም ... ብእግዚኣብሔር ምሓለለይ በሎ። ዳዊት ድማ ንሳኦል መሓለሉ" (ምዕ 24 ርአ)።

ሕይወት ዳዊት እንተ ተመልከትና ብባህሪያዊ መንገዲ ክትበጽሖ ዘይትኽእል ጽንኩር ነገር እዩ። እንተኾነ ሕይወቱ ብስደት እኳ እንተኣሕለፎ፣ እግዚኣብሔር ተፈልዩዎ ኣይፈልጥን። ንዳዊት ምድሪ እስራኤል ለቒቑ ኣብ ጸላእቲ ኪዕቈብ ዘገደዶ፣ ካህናት ኮነ ካልኦት ፈተውቱ ብሰንኩ ኪቕተሉ ምርኣዩ ኣዝዩ ስለ ዜሕዝኖ እዩ። ካህናት ብሰንከይ ካብ ተሰየፉ ኣነውን ሓንቲ መዓልቲ ብኢድ ሳኦል ክጠፍእ ኢየ፤ ስለዚ ናብ ምድሪ ፍልስጤማውያን ካብ ምኻድ ዝሓይሽ የብለይን ኸዑ ሳያል ኣብ እስራኤል ምስ ሰኣነኒ ቀሲኑ ይቕመጥ ኢሉ ሓሰበ'ሞ ምስ 600 ብጾቱ ናብ ንጉሥ ጋድ ተሳገረ። ንጉሥ <u>ኣክሽ</u> እውን ንከተማ ጺቅላግ ሃቦ፤ ኣብኣ ከዓ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን ተቐመጠ። ሕጂ'ውን እስራኤላውያንን ፍልስጤማውያንን ውግእ ንኽገጥሙ ሠራዊቶም ኣኽተቱ'ሞ ንጉሥ ኣክሽ ከዓ ንዳዊት ሠራዊቱ ኣኽቲቱ ክሕግዞ ተለዓል በሎ። ዳዊት' ውን ምስ ሠራዊቱ ነቐለ። ዳዊት ሕጂስ እንታይ ኮን ክገብር እዩ? ተጻይ መን እዩ እቲ ዚዋግኦ? ኣየ መከረኛ ዳዊት! ኣብ መንጎ ተቓቒሩ፣ ንንጉሥ ኣክሽ እንተሓገዘ ንሠራዊት

ኣምላኽ ክወግእ ንኣክሽ ገዲፉ ምስ እስራኤላውያን ኮይኑ ንፍልስጤማውያን እንተወግአ፣ እቶም ኣብ ሃገር ፍስልስጤም ዚነብሩ መሳድድቱ እንታይ ይኹኑ? ትርኢዶ ኣለኻ ስራሕ ዲያብሎስ ኣብ ልዕሊ ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ከዕገርግር ከሎ? እስኪ ሓደ ኣብነት ክንርኢ ብሕልሚ፣ <u>ሓደ ሰብኣይ ኣንበሳ ክጥሕሮ ምስ መጸ ሃዲሙ ናብ ኦም ደየበ፤ ኣብቲ ኦም ከዓ ዘይሓሰቦ ገበል ተቐበሎ፣ እዚ ሰብዉዚ ከመይ እንተገበረ ሕይወቱ</u>

<u>ኬድኅን ይኽእል? ናብ መሬት እንተ ወረደ ኣንበሳ ኪበልዖ እዩ፣ ኣብታ ዝደየባ ኦም ስኽ እንተበለ ከዓ ገበል ኪውሕጦ እዩ፣</u> ካብዚ ሓደጋ'ዚ ኝኽድኅን እንታይ እንተዝገብር ምሓሸ?

ነዘን ተሰሚሩወን ዘሎ ደጋጊምካ ኣንቢብካ መልሲ ሃብ። ብድኅርዚ ንባብካ ቀጽል።

<u>መልሲ</u>፣ ካብዚ ዘጨንቕ መከራ'ዚ ኪድኅን ካብ ድቃሱ ኪበራበር ኣለዎ። ከምኡ'ውን ርእሰ ሊቃነ ጳጳስ ዮሐንስ መበል 23 ንጽጽስና ምስ መረጽዎም ኣዝዩ ስለዘተሓሳሰቦም ተጨነቑ። ካብ ድቃሶም ተንሢኦም ድማ እናዞሩ ክሓስቡ ከለዉ፣ “ንቤተክርስቲያን ዚመርሓ መን ድዩ? ዚብል ድምጺ ሰምዑዉሞ ንሶም ከዓ መንፈስ ቅዱስ በሉ። እሞኸ ደኣ! እንታይ ኣጨነቐካ! ኪድ ደቅስ” ዚብል ድምጺ ምስ ሰምዑ ተመሊሶም ደቀሱ። ዳዊት እውን ነቲ ከቢብዎ ዘሎ ግዲ ከይሞተሉ ብእምነት ንኣምላኽ ኣሕሊፉ ኪህቦ ኣለዎ። ከምዚ ንምግባር ከዓ ልማዱ ስለ ዝኾነ ንዳዊት ምኽሪ ኣየድልዮን እዩ።

ስለዚ ኣምላኽ በቶም ጸላእቱ ገይሩ ተዛረበሉ። እቶም ሹማምንቲ ፍልስጤማውያን ንዳዊት ምስኦም ተሰሊፉ ንወገኑ ኪወግእ ክኸይድ ምስ ረኣይዎ ንንጉሥ ኣክሽ ተጸሊልካ ዲኻ! እዝስ እቲ ጅግና እስራኤላዊዶ ኣይኮነን? ሳኦል ቀታል ሽሕ፣ ዳዊት ቀታል እልፊ (10,000) ኢሉ ዝተደርፈሉ ሰብዶ ኣይኮነን። ከመይ ኢልካ ደኣ ንወገኑ ኪወግኣልካ ተሰልፎ ኣሎኻ? እናበሉ ምስ ደሃልዎ፥ ንዳዊት ጸዊዑ፣ ንሰኻ ቅኑዕ ከምዝኾንካ ሕያው እግዚኣብሔር እዩ፤ ካብታ ናባይ ዝመጻእካላ መዓልቲ ገለ'ኳ ክፉእ ኣይረኸብኩልካን ብኣኻ ባህ እብለኒ ነይሩ። ነዞም ሹማምንቲ ግና ባህ ኣየበልካዮምን። እምበኣር ሕጅስ ንሹማምንቲ ፍልስጤማውያን ዘጕሂ ከይንገብርሲ ተመለስ እሞ ብሰላም ኪድ በሎ (ምዕ. 29 ርአ)። ዳዊት ድማ ብሥራሕ ኣምላኽ እናተገረመ ናብ ሰፈሩ ናብ ጺቅላግ ተመልሰ፤ ኣብኡ'ውን ዝገደደ ሽግር ገጠሞ። እቶም ስድራ ቤቱ መላስ ኣውያት ዘይብሎም ብኣማሌቃውያን ተማሪኾም ከይዶም፥ እታ ዚቕመጡላ ዝነበሩ ከተማ ጺቅላግ ድማ ሓዊ ነዲዳ ጸንሓቶም፤ እዚ ዘይሓሰብዎ ምስ ገጠሞም ተስፋ ቅጽበት ጕልበቦም። ክሳብ ዚደኽሙ ከኣ በኸዩ። እቶም ብጾት ዳዊት እውን ብቍጥዓ ነዲዶም ንዳዊት ንሰኻ ናይ ደም ሰብ ኢኻ እናበሉ ብዳርባ እምኒ ክቐትዎ ተላዕሉ። ዳዊት ግን ሕጂ'ውን እንተኾነ ሕሊናኡ ከየዕረበ ንኣምላኹ ሓተቶ'ሞ ከርክቦም ከምዝኽእል ገለጸሉ። እንተኾነ ሕሊናኡ ከየዕረበ ንኣምላኹ ሓተቶ'ሞ ከርክቦም ከምዝኽእል ገለጸሉ። እንተኾነ ድኻም ኣብ ልዕሊ ድኻም ስለ ዝተደራረቦም ካባታቶም 200 ዝኾኑ ደኺሞም ኣብ መንገዲ ተረፉ፤ እቶም 400 ግና ምስ ዳዊት ኮይኖም ለይቲ ምስ መዓልቲ እናተጓዕዙ ኣርከብዎም። ሓንቲ ነፍሲ ከይጐደለት ከዓ ሕዝቦም ኣምለሱ። እቶም ዘመትቲ ብዘይካ 400 ሰብኣይ ብገመል ዚሃድሙ እንተዘይኮይኑ ሓደ'ኳ ኣየምለጠን። ኹሎም ቀተልዎም። ብድኅርዚ ቤተሰቦም ሒዞም ብሰላም ናብ ቦታኦም ተመልሱ።

ከምዚ ኢሉ ዳዊት ንጐልያድ ምስ ቀተል፥ ሓንቲ መዓልቲ'ኳ እፎይ ከይበለ ስደት ኣብ ልዕሊ ስደት ክስዕቦ ንርኢ። ስለምንታይ እዩ ንእግዚኣብሔር ኣብ እተሰለፍናሉ እዋን ጸላእቲ ዚበዝሑ? ስደት'ውን ኣብ ልዕሌና ዚልዓል? ኢልካ ትሓስብ ትኸውን። ኣይግረምካ! ኣብቲ ዜጸናንዕ ቃል ወንጌል ኣቕልብ። "ዓለም እንተ ጸልኣትኩም ቅድሚኹም ንኣይ ከምዝጸልኣትኒ ፍለጡ። ንሽኻትኩም ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ ዓለም ከም ናታ ምፈተወትኩም ነይራ" (ዮሓ. 15፥18-19)። ስለዚ ካብ ዓለም ክሳብ ዘይኮንካ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዘይትጽበዮም ሰባት ከሳድዱኻን ኣሕሊፎም ክህቡኻን እዮም፤ እቲ ጽሑፍ ከዓ ኣብ ልዕሌኻ ኪፍጸም እዩ። እሞኸ ድኣ ካን! ተሳኢኑካ? ኣብ ኣፍ ደገ ናይ ድኅነት ምስ በጻሕካ ኢድካ ክትህብ ጸላኢ እሞ ኸኣ እዚ ኵሉ ደኺምካ ክትዕወት ምስ ቀረብካ ኢድካ ክትህብ ክርኢ ከሎ ከበሮ ሓምሓም እዩ ዚሃርም፤ ስለዚ መፍቶ ጸላኢ ከይትኸውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ። "እቲ ክሳብ መወዳእታ ዚዕገስ ንሱ ኪድኅን እዩ" ዚብል ቃል ወንጌል ኣይትረስዕ። ስለ'ዚ ክሳብ መወዳእታ ጸኒዕካ ተዋጋእ፤ ክትዕወት ከዓ ኢኻ።

እቲ ኣብ ናይ ኦለምፒክ ውድድር ዚሳተፍ ሰብ፥ ምእንቲ ኪዕወት ኣቐዲሙ መዓልቲ መጸ ልምምድ እናገበረ ይሰናዶ፤ ዝኣክል ምስ ተሰናደወ ከዓ ብመዓልቲ ኦለምፒክ ፍረ ጻማኡ ናይ ዓ ወት ሽልማት ይቕበል። ንሸኻኸ ደኣ፥ ኣብቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ዘለዓለማዊ ኦለምፒክ ንኽትቀዳደም ከይተሰናደኻ ሓንቲ ልምምድ ከይገበርካ ብሓቂዶ ሽልማት ክትቅበል ትሓስብ? ሓንቲ መዓልቲ እኮ! ፈቲኻ ጸሊእካ ናብ ውድድር ምቕራብካ ኣይተርፈካን እዩ፤ እሞኸ ድኣ ብሓቂ ተሰናዲኻ ማለት ድዩ? ወይስ ከም ኤሊ ነታ መዓልቲ ሓተታ ትጽበያ ኣሎኻ? ንመን ኢኻ ተተዓ ሻሹ ዘሎኻ። እቲ ናብ ዘለዓለማዊ ኦለምፒክ ንኽይትሳተፍ ዓንቂጹካ ዘሎ ክፉእ ኣመልካ ክሳብታ መዓልቲ እቲኣ ሓቝፍካዮ ኣይትዙር፤ ንሰባት ኣታሊልካ ክትሓልፍ ትኽእል ኢኻ፥ ነቲ ኣብ ዘለዓ ለማዊ ኦለምፒክ ዝጽበየካ ዘሎ ግና ብምንም ዓይነት ከተታልሎ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሳኦል ብጸላእቱ ምስ ተኸበበ ሳሙኤል ደንጕዩዎ ባዕሉ መስዋዕቲ ብምቕራቡን፥ ኣብ ልዕሊ ኣማሌቃውያን ምስ ተዓወተ ነቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ገዲፉ ካብተን ስቡሓት ጥሪቶም ንመስዋዕቲ ዝኾና ሒዙ ምምጻኡን ንንጉሥ ኣማሌቅ ማሪኹ ምምጽኡን፥ ብዓይኒ ደቂ ሰብ ክርአ ከሎ ክሳብ ክንድ'ቲ ክፉእ ኣይግመትን፤ ኣረ ጽቡቕ እዩ ዝገበረ ምተባህለ፤ ብዓይኒ እግዚኣብሔር ክርአ ከሎ ግና ብዝፈጸሞ ተግባር፥ "ናብ እስራኤል ከይነግሥ ንዓቕ፤ ናብ እስራኤል ዘንገሥ'ውን ተጣዕሰ" ይብል። ስለ'ዚ ዘይታለል ኣምላኽ እዩ ዘሎና'ሞ ርግእ ኢልካ ጽሙና ወሲድካ ሕሰብ።

## ሐ. ካብ ዝዘራእካዮ ፍረ ከም እትሓፍስ

እስከ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሰምዩ ሰባት ታሪኽ ሕይወቶም ርኢኻ ንሸካ እውን ሕይወትካ ምስ ናይ መን ሕይወት ከምዚመሳሰል ኣወዳድሮ'ሞ ዝጐደልካዮ እንተሎካ ኸዓ ምሕረት ካብ ኣምላኽ ለምን።

### 1. ኤሊ

ኣብ መወዳእታ ዘመኑ ብድንዛዜ መንፈስ ተዋሒጡ ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተመሓላለፈሉ ናይ ተግሳጽ መልእኽቲ ክንዲ ዚጥቀመሉ፥ "ንሱ እግዚኣብሔር እዩ፥ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራእዮ

ይግበር” ብዝብል ናይ ስንፍና ቃላት ንምሕረት እግዚኣብሔር ዓጸዎ። ንሸኻኸ ካብ ከምዚ ዝዓይነቱ ስንፍና ናጻ ዲኻ? ንኅሊናኻ መርምር።

2. ሳኦል

ብመንፈስ እግዚኣብሔር ዚምራሕ ዝነበረ ሰብ ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህቦ ትእዛዝ፡ ሽሕ'ኳ ነቲ ዓበይቲ ነገራት ኪፍጽም እንተ ተረኽበ ኣብቲ ንሱ ንኣሽቱ እዩ ኢሉ ዝግምቶ ግና ሽለል ክብሎ ስለ ዝተረኽበ እግዚኣብሔር ነዓቖ፤ መንፈስ ከዓ ተፈልዩ። ቀስ ብቐስ'ውን ክፉእ መንፈስ ስለ ዝሓደሮ ንናይ እግዚኣብሔር ሰባት የሳድድን ይቕትልን ነበረ። ኣብ መወዳእታ ሕይወቱ ድማ፡ እቲ ንጠንቌልቲ ካብ ምድሪ እስራኤል ዜሳድድ ዝነበረ ሰብ ተመሊሱ ኣብ ኢድ ጠንቌልቲ ወደቐ። ንኣሽቱ ነገራት እዩ ኢልካ ሽለል ምባል ብሓቂ ዚገርም እዩ። ኣብ ምንታይ ከም ዜብጽሕ'ውን ርአ። ንኣኻ'ውን እዚ ዓይነት'ዚ ከም ዜጥቅዓካ ርግጽ እዩ። ከምኡ እንተዘይትኸውን ናይ ግዜኻ ብርሃን ምኽንካ ኔርካ፤ ስለዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተደፊእካ ተኣመን፡ ነውሪ የብሉን። ክብሪ ኢኻ ትረኽበሉ፡ ነውርስ ንኣሽቱ ነገራት እዮም ኢልካ ሽለል ምባል እዩ። ኃጢኣት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንእሽቶ ነገር የልቦን፤ ብዙኅ ጊዜ እግዚኣብሔር ብንኣሽቱ ነገራት እዩ ዚሓተና፥ ነቲ ሓሙሽተ መክሊት ዝሃቦ ጐይታ እንታይ ከምዝበሎ ዘክር፡ “ኣታ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ ብውሑድ ተኣሚንካ ኢኻ'ሞ ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ” በሎ። ንኣይን ንኣኻን እዚ ቃል'ዚ ይውሃበና ደኾን ይኸውን። ሃየ'ምበኣር ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ምጥንቃቕ ካብ ሕጂ ንጀምር፤ ንእግዚኣብሔር ዚሰኣኖ የልቦን። “ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ” ክብለና እዩ፤ ኣይትጠራጠር።

3. ኤዶግ ኤዶማዊ

ነቶም ንጹሓት ካህናት ንዳዊት ስለዝተሓባበርዎ ሓሰዩ ዘቕተለን ዝቐተለን ሰብ እዩ፤ ንሸኻኸ ክትፍቶ ስምካ ክውረ ወዘተ ... ንሰብ ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ባህሪዶ ኣሎካ? ንሰብ ኣሕሊፍካ ምሃብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክፉእን ፍንፉንን እዩ። ስለዚ ከምዚ ዓይነት ባህርይ እንተሎካ ጐይታ ኪሕክመካ ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ወዲቕካ ብኸ! ጻማ ብኽያትካ ክትረክብ ኢኻ።

4. እቶም ሰዓብቲ ዳዊት

ኣብ በረኻ ምስኡ ብከርተት ዘሕልፍዎ ዝነበሩ መጋፍዕቲ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ትዕግሥቶም ተወዲኡ ናይ ዓቕሊ ጽበት ነቲ መራሒኦም ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ምኺኑ እናፈለጡ ብዳርቢ እምኒ ክቕትልዎ ተላዕሉ። ንሸኻኸ ብዝገጠመካ ሓሳረ መከራ ትዕግሥትኻ ተወዲኡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ዝወደቕካሉ ጊዜዶ ኣሎ? ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኽትወድቕ ትሕልንዶ? “ተዓገሥ፡ ህዳጠ እስከ ይኃልፍ መዓቶ ለእግዚአብሔር” ቀጥዓ ኣምላኽ ክሳብ ዝሓልፍ ንቅሩብ ጊዜ ተዓገሥ” ኣይተንጸርጽር፡ ኣንጸርጺርካ እተፍርዮ ነገር የብልካን። ኣብ ክንዲ ምንጽርጻር ኣመስግን እሞ ፍሬኡ ክትርእዮ ኢኻ።

5. ዮናታን

ዮናታን ነቲ ኣብ ልዕሊ ዳዊት ዚፍጸም ዝነበረ ግፍዒ ክዕገሥ ስለ ዘይከኣለ ንሳኡል ኣቦኡ፥ “ዳዊት ኣይበደለካን! ግብሩ ኸዓ ንኣኻ ዓቢይ ጥቕሚ እዩ'ሞ ንትሥ ብጊልያኡ ዳዊት ኣይሕጣእ፤ ነፍሱ ኣብ ኢዱ ገይሩ ድማ ነቲ ፍልስጤማዊ ቀተሎ እግዚኣብሔር ከዓ ንብዘሎ እስራኤል ዓቢይ ምድኃን ገበረ፤ ንሸኻ'ውን ነዚ ርኢኻ ተሓጐስ”፤ እናበለ ብድፍረት ኪምስክረሉ ንርእዮ። “ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝተኣመነኒ ኩሉ ኣነ ከዓ ኣብ ቅድሚ'ቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ኪእመኖ እየ” ዝበሎ ጐይታ፥ ንሸኻ'ውን ከም ዮናታን እሙን ክትከውን ትጋህ፤ ንሱ ካብቶም ውሩያት ሰባት ኣይነበረን፥ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ግና እሙንን ፍትሔኛን ነበረ።

ዮናታን ሓደ ጊዜ ንበይኑ ምስ ጋሻ ጃግሬኡ ከይኑ ብስዉር ንመንም ከየፍለጠ፥ “እግዚኣብሔር ብብዙኃት ኮነ ብሒደት ገይሩ ምድኃን ዘይክኣሎ የልቦን” እናበለ ብሥራሕ ኣምላኽ ተኣማሚኑ ኣብ ልዕሊ ሠራዊት ፍልስጤማውያን ዝተዓወተ ሰብ እዩ (1ሳሙ. 14 ርእ)።

6. ዳዊት

ሕይወት ዳዊት ብሰፊሑ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ኣሎ። ካብ ሕይወቱ እንመሃሮ ክልተ ኣድለይቲ ነገራት ኣለዉ።

1ይ፥ እቲ ኩሉ ዝገጥሞ ዝነበረ ፈተና ብባህሪያዊ መንገዲ ክትስዕሮ ዘይከኣል እዩ ዝነበረ፤ ንሱ ግና ከይተጨነቐ ይጽመሞ ነበረ። እቲ ካብ ኩሉ ዚገርም ግና፥ ነቲ ንሕይወቱ ኬጥፍእ ዚሃድኖ ዝነበረ ሳኦል፥ እግዚኣብሔር ክልተ ጊዜ ኣብ ኢዱ ኣሕሊፉ ሂቡዎ ከሎ፥ ሰባት'ውን ክቐትሎ እናደፋፍእዎ እሞ ከዓ ንሱ ከይሞተ ዕረፍቲ ከምዘይረክብ እናፈለጠ፥ ኢደይ ኣብ ልዕሊ ቅቡእ ኣይዝርግሕን እየ ኢሉ ምንሓፉ ብሓቂ ናይ ምሕረት ሰብ ምዃኑ ንርዳእ። ሳኦል ምስ ደቁ ምስ ሞተ'ውን ዋዕ ኢሉ በኸየሉን ሓዘነሉን። ኣየ! ከመይ ዝበለ ልቢ ኣለዎ? ንጻላኢኡ ክሳብ ክንድ'ዚ ዚርሕርሕ። ንሸኻኸ ኣብ ልዕሊ ጸላኢኻ ከምዚ ዝበለ ርሕራሔዶ ኣሎካ? ልብኻ ኣብዚ ሰዓት'ዚ እወ ንምባል ይጽግሞ እዩ። ኣይኮነንዶ? ፈቲኻ ጸሊእካ ግና ከምኡ እዩ ክትከውን ዘሎካ።

2ይ፥ ንዳዊት ስለምንታይ ስደት ኣብ ልዕሊ ስደት ተደራረቦ ኢልካ ትሓስብ ትኸውን? እግዚኣብሔር ንዳዊት እቲ ኣሎኒ ዝበሎ ኩሉ ክሳብ ዚጽንቕቕ ከጽርዮ ስለዝደለየ እዩ። ከመይ ኸሕ'ኳ ኣብ እግዝኣብሔር ዝነበሮ እምነት ጽኑዕ እንተኾነ ነቶም ሓደ ሓደ ተስፋኡ ዘቐመጠሎም ዘይተበጠሱ ፈትልታት ክውግደሉ ደልዩ እዩ። ንኣብነት ንሳኦል ከፍቱ ብዙኅ ነገራት ፈጺሙ እዩ፥ ግናኸ እቲ ሽግር ኣይተፈትሐን (ም. 18-27 ርእ)። ኣብ እምባታት እስራኤል ተሓቢኡ ካብ ሳኦል ኬምልጥ ዓ ቀነ፥ እንተኾነ ኬናግፍዎ ኣይክኣሉን። ካህናትን ነብያትን ጸግዒ እንተኾንዎ ኢሉ ዓቀነ፥ እንተኾነ ለከሞም ደኣ'ምበር ዘፍረዮ ነገር የብሉን። ኣብ መወዳእታ ብኹሉ ምስ ጸበቦ መሬት እስራኤል ለቒቑ ናብቶም ጸላእቲ ሠራዊት እግዚኣብሔር (ፍልስጤማውያን) ዕቝባ ሓተተ፤ ኣብ'ዚ እውን ዝገደደ ንሠራዊት ሕያው ኣምላኽ ክወግእ ተኣዘዘ። ሠራዊቱ ሒዙ እውን ነቐለ። “ዝበሉኻ ግበረሎም ወይ ዓዶም ሕደገሎም” እዩ። እግዚኣብሔር ግና ብዘደንቕ ጥበቡ ኣብ ውግእ ከይበጽሔ ከም ዚምለስ ገበሮ። ካብዝስ እግዚኣብሔር ኣድሒኑኒ ተመስገን ኢሉ ከብቅዕ፥ “ዘይሓሰብካዮ እፍጠረልካ፥ ኣይመርገም ኣይምርቓ” ከምዝብሃል ዘይሓሰብዎ እታ ዚቕመጡላ ዝነበሩ ከተማ ሓዊ

ነዲዳ ቤተሰቦም ከዓ ዘየልዉ ምስ ጸንሕዎም ብጾት ዳዊት እቶም መጋፍዕቱ ኣብ ልዕሌኡ ኵራኦም ነዲዱ ብዳርቢ እምኒ ኪቐትልዎ ተላዕሉ። ኣብዚ ጊዜዚ ዳዊት ሓደ'ኳ ዚጽግዮ ዘይብሉ ንበይኑ ጠረው ኪብል ተረፈ፣ እቲ ኣሎኒ ዚብሎ ኵሉ ተጸንቀቐ ኣብቲ ጊዜቲ ኣሎኒ ዚብሎ እንተደኣ ኣልዩ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። ሕጂ ዚጽበዮ ካብ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። እግዚኣብሔር ድማ ንእኡ ጥራይ ጽን! ዚብል ከም ልቡ ስለ ዝረኸበ ምሉእ ብምሉእ ተጠቐመሉ፤ መከራኡ ተወዲኡ ከዓ ቅሳነት ኮነሉ።

## መ. ንሸኻ'ውን ነቲ ኣሎኒ እትብሎ እንተዘይኣወፈኻሉ ጐይታ ምሉእ ብምሉእ ኪጥቀመልካ ይጽግሞ እዩ

ኦ ክርስቲያን፣ ንሸኻ'ውን እቲ ኣሎኒ እትብሎ ዘበለ ኵሉ ነጥቢ ከየትረፍካ እንተዘይኣወፈኻዮ እግዚኣብሔር ምሉእ ብምሉእ ኪጥቀመልካ ይጽግሞ እዩ። ሕራይ፣ ሕጂ'ውን እጥቀመልካ ከምዘሎ ኣይስሕቶን እየ፤ እንተኾነ እንታይ ዝዓይነቱ ኣጠቓቕማ እዩ ዚጥቀመልካ። ዝተወሰነ ጊዜ ከተብርህ፣ ገለ ጊዜ ከዓ ከተጸልምት ዝተወሰነ ጊዜ ክትሃንጽ መብዛሕትኡ ጊዜ ከዓ ክትዕንቅፍ፤ ዝተወሰነ ጊዜ ክትምስክር ገለ ጊዜ ከዓ ከተታልል ትርከብ፤ ንመንፈስ ቅዱስ ዓፊንካ ክትሕዞ ዘይኮነስ፣ መንፈስ ቅዱስ ጨፍሊቑ ክሰርሓካ ኢኻ ዝዓደምካዮ፤ መንፈስ ቅዱስ በቲ ንሸኻ እትደልዮ ጥራይ ክሰርሕ ኣይኮነን ኣብ ውሽጢ ልብኻ ክኣቱ ዝዕደም። እንታይ ደኣ እቲ ናባኻ ዘሎ ንኣምላኽ ክብሪ ዘይህብ ኣልጊሱ፤ ብጸጋ ሸሊሙ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ገይሩ ኪመርሓካ ኢልካ ኢኻ ዝፈቐድካሉ። እዚ ከዓ ንኣኻ ክሕሽካ ደኣ እምበር ንእኡ እትውሰኾሉ ክብሪ የብልካን። ስለዚ ገዛእ ርእሽኻ ክትክሕድ ዘይምሕላንካ ንመንፈስ ቅዱስ ብጸላኢ ተድፍሮ ኣሎኻ፣ ኣታ ዓሻ ንቓሕ ካብ ድቃስካ ተበራበር። መከራን ጸሊእካ ክብርን ደሊኻ ኣይከውንን እዩ። መዓንጣካ ሸጥ ኣቢልካ ነቲ ክፉእ ኣመልካ ምስ መንፈስ ቅዱስ ኳንካ ንምልጋሱ ትጋህ።

ነቲ ኢየሱስ ዚገበረልካ ብሓቂ ከተስተማቕሮ ትደሊ እንተደኣ ኼንካ ለይቲ ምስ መዓልቲ ኣስተንትኖ ከመይ ከድኅነካ ከሎ ንካልኦት ልኢኹ ወይ ኣዚዙ ኣይኮነን ዘድኃነካ፤ ባዕሉ ኣብቲ ዝወደቕካዮ ወሪዱ ብዘይካ ኃጢኣት ንኣኻ መሲሉ ከም ሓደ በደለኛ ኣፉ ከይከፈተ ከም ሓደ በጊዕ ኣብ ማሕረዲ ዝኸይድ ብጸላእቱ ተጓተተ፤ መሳለቒ ጸላእቱ ከዓ ኮነ።

በደል ዘይብሉ ንጹሕ ከሎ እዚ ኵሉ ኣብ ምንትምንታይ እዩ እንተበልካ ንኣኻ ወኪሉ ካባ (ባርኖስ) መርገም ለቢሱ ጾርካ ጸይሩ ብበደልካ ከም በደለኛ ተቈጺሩ ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ቀረበ፤ ፍርዲ ከዓ ኮነኖ ከመይ እቲ ዚኸውንን "ካባ" ናይ ሞት ለቢሱ ስለዝቐረበ ምሕረት ኣይተገብረሉን፤ እኳ ደኣ ነቲ ዓመጸኛ በርባን ፈቲሖም ንኢየሱስ ግና ኰነንዎ፤ ከመይ ገበንካ ቀሊል ስለ ዘይነበረ መርገምካ ለቢሱ ስሌኻ ኃጢኣት ኮነ። ምስ ዓመጸኛታት እውን ተቈጽረ፤ ጲላጦስ እኳ ኪቐትለካን ኪፈትሓካን ሥልጣን ከምዘሎኒዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ ኢሉ ኬፋጥጠሉ ከሎ፣ ኢየሱስ ከዓ "ካብ ላዕ ሊ ሥልጣን እንተዘይወሃበካ ኣባይ ሥልጣን ኣይምሃለወካን ነይሩ" በሎ።

ስለዚ ነቲ ዘሎካ ኵሉ ወሲዱ ኣብ ዝባኑ ጸዓኖ፣ ጾርካ ኵሉ ጾሮ። ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ከዓ ክሳብ መወዳእታ ነጥቢ ደሙ ጸንቂቑ ዚኸሰካ ዝነበረ ዕዳ ጽሑፍ ደምሰሶ። መርገጽ እግሪ ጸላኢ ዝነበርካ ንጸላኢኻ እትረግጸሉ መሰል ውሉድነት ሃበካ፤ መልክዕ እንስሳ ጥራይ ዘይኮነስ መልክዕ ናይ

ሓደ ክፉእ እንስሳ ለቢስካ ንረኣይኻ እተጸይፍ ዝነበርካ ሰብ ብርሃን ዓለም ክትከውን ካብ መዓሙቕ ጸልማት መንጢሉ ኣውጸኣካ። ምእንታኻ ዘይገበሮሞ እንታይ ኣሎ? ብልቢ ሰብ ክሕለን ዘይከኣል እዩ። ኣየ ትሕትና እወ ልቢ ሰብ ዚማርኽ ትሕትና! ኣየ ፍቕሪ ብኣእምሮ ክብጻሕ ዘይክኣል እዩ ጥልቀቱ! ኣየ ትዕግሥቲ ክሳብ ክንደይ ዘስደምም እዩ! ኣየ ርሕራሔ ደረት ዘይብሉ ርሕራሔ! ኣየ ዕምቈት ምሕረቱኸ መን ኪበጽሖ ይኽእል! ምእንታኻ ምእንቲ በራሲ እቲ ንጹሕ ወዲ ኣምላኽ ብፍቕርኻ ክሳብ ሞት፣ እሞ ከዓ ኣብ መስቀል ብክፉእ ሞት ኪመውት እቲ ዘለዎ ኵሉ ጸንቀቐልካ። ንስኻ ኸደኣ ምእንትኡ ዘይትውፈየሉ እንታይ ኣሎ? ንሱ ብንጹሕ ደሙ ኪሓጽበካ ዝመረጸ፣ ንስኻ ግና ነቲ ክፉእ ኣመልካ ንምውፋይ ነፊግካሉ፤ ይዋእ ሰብ!

“ሰብእሰ እንዘክቡር ውእቱ ኢያእመረ ወኮነ ከመ ኣንስሳ ወተመሰሎሙ” ኣብ ማእከል ክብሪ ዚነብር ሰብ ዝኾነ እንተኾነ ኣይርድኦን እዩ። ነቶም በረስቲ እንስሳ መሰለ” (መዝ. 48(49)12)። ስለዚ ከምቶም በረስቲ እንስሳ ኴንካ ከይትተርፍ ርግእ ኢልካ ሕሰብ እሞ ንፍቕሩ ኣብ ልብኻ ክትቀርጾ ጸዓር። ካብ ጌተሰማኒ ክሳብ ቀራንዮ ዘሕለፎ ስቓይ፣ ኣብ ምንትምንታይ እዩ። ምእንታኻዶ ኣይኮነን ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ተንጠልጢሉ ከሎኸ ቅድሚ ነፍሱ ምውጻኣ “ኤሎሄ ኤሎሄ፣ ላማ ሰበቕታኒ - ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ” እናበለ ብዓብይ ድምጺ ኪጭርሕ ከሎኸ ድራማዶ ይመስለካ? ድራማ ኣይነበረን። እንታይ ደኣ ኢየሱስ ንኵሉ ኃጢኣትናን ሞትናን ካብ እግዚኣብሔር ምፍላይናን ወሲዱ ኣብ ዝባኑ ምስ ጸዓኖ፣ ንኣና ወኪሉ ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ቀረበ፤ ናቱ ዝኾነ ኵሉ ናትና ምእንቲ ኪኸውን መርገምና ኵሉ ወሰዶ። ስቓይ ከዓ ካብ ልክዕ ንላዕሊ በርትዖ፣ ክሳብ ሞት ከዓ በጽሔ።

ስለዚ ከዓ እዩ ቅዱስ ጳውሎስ፣ “ዋጋ ኃጢኣት ሞት እዩ ዝበለ” ስለዚ ኢየሱስ መይቱ ተቐቢሩ ምስኡ ከተንስኣና ደለየ። “እቶም ውሉድ ሥጋን ደምን ዚለበሱ ሰብ ስለዝኾኑ ኢየሱስ እውን ከምኦም ሰብ ኮነ፤ እዚ ከዓ ብሞቱ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ሥልጣን ዘለዎ ዲያብሎስ ምእንቲ ኪስዕር” ንገዛእ ርእሱ ብፍቓዱ ኣብ ትሕቲ ሞት ኣግረሮ። ኣብ ልዕሊ ሞት ሥልጣን ዘለዎ ዲያብሎስ ስለዝኾነ ከዓ ሞት ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ቅጽበት ሕጋዊ ሥልጣን ነበሮ፣ እንተደኣ ኣስተውዒልና ግና ኢየሱስ ንርእሱ (ሥጋኡ) ኣብ ትሕቲ ሞት ከም ዝግዛእ ዝገበሮ ምእንቲ ፍቕርና ብፍቓዱ ደኣ እምበር መንም ዝገደዶ የልቦን። መርገምና ተሰኪሙ ከዓ ኣብ ውሽጢ ሕምብርቲ መሬት ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ምስ ጸንሐ መንፈስ እግዚኣብሔር ካብ ሙታን ኣተንሥኦ።

ኢየሱስ እቲ ኪግረፍን እሾኽ ኣኽሊል ክድፈኣሉን፣ መስቀል ኣብ ዝቈሰለ ዝባኑ ተሰኪሙ ክጕዓዝ ከሎን፣ ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ስቓይ በዚሕዎ ኪጽዓር ከሎን፣ ኣብ ቅድሚ ጸላእቱ ከም ስዑር መልሲ ከይሃበ ጸጥ ዝበለ ገንሸል ድኅነትና ኣምላኽ ክንሱ መርገምካ ክሳብ ዝድምሰስ ዝተጸመመልካ፣ ንስኻኸ ደኣ ነቲ ክፉእ ኣመልካ ቀቲልካ ክሳብ እትቐብሮ እንተ ትጽመምዶ ኣይምበለጸካን? ኣብ ጥራይ ጎልጎል ጃህራ ይጽንሓልካ፤ ዘይብልካ ኣሎኒ ኢልካ ምጅሃርስ ነውሪዶ ኣይኮነን? እቲ ኵሉ ዚኽእል ጐይታ ኢየሱስ ከም ዘይክእል መሲሉ ኪጽመም ከሎዶ ኣይሓነጸካን እዩ? እሞኸ ደኣ ዓቕሊ ካብኡ ዘይትምሃር? ናቱ ኣብነት ወሲድካ ምዕጋሥ ይሕሸካ። ብትዕግሥትኻ ብዙኅ ከተፍሪ ኢኻ። ብድኅርዚ ኵሉ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽርካ ኪኸውን እዩ።

እቲ መሳለቒ ጸላእቱ ኮይኑ ዝነበረ ኢየሱስ መምህርካ ንጸላኢ ብዘይተጸበዮ ኪኅብጦ ከሎዶ

ኣይርኣኻን ኢኻ? ናብ ሚኣል ናብ ኣደባባይ ጸላኢ ወሪዱ፡ "ነቶም ሕልቅነትን ሥልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ ብመስቀሉ ምስ ሰዓሮም ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ኣሕፈሮም (ቈላ. 2፥14-15)። መቓብር ፈነቓቒሉ ኪትንሥእ ከሎ እውን ነቶም ምሩጻት ሓለውቲ መቓብር፡ ብየማነ ጸጋሙ ጻሕ! ኢሎም ከምዚወድቁ ገበሮም። ጸላኢ ድማ ብዘይ ሓሰቦ ኵነታት ስለ ዝተሳዕረ፡ "ኣይ ውእቱ ዝንቱ ሥጋ ለቢሶ ዘምዓኒ - መን እዩ'ዚ ሥጋ ለቢሱ ዚስዕረኒ" እናበለ መሬት ኣፉ ከፊታ ክትውሕጦ ተመነየ። ግናኸ መሬት'ውን ተፍኣቶ። ስለዚ ጐይታ ሞት ስዒሩ ምስ ተንሥአ ኣብ ቅድሚኡ ኪቐውም ዚደፍር ኣይነበረን። ኢየሱስ "ሞይተ ነበርኩ እንሆ ከዓ ካብ ዘለዓለም ዓለም ሕያው እየ" ኣብ ልዕሊ ሞትን ሚያልን ከዓ ሥልጣን ኣሎኒ (ራእ. 1፥18) ዝበሎ፡ ኣብቶም ብእኡ ኣሚኖም ገዛእ ርእሶም ዝኸሕዱ'ውን ኪፍጸም ንርእዮ። ንሸኻ ከዓ ተጸሚምካ ገዛእ ርእሸኻ ክሒድካ እንተደኣ ቀሪብካዮ ካልእ ሰብ ኴንካ ስለ እትትንሥእ ጸላኢኻ ብኣኻ ኪርዕድ እዩ፤ ብኣሽሓት ዚቝጸሩ እውን ብየማነ ጸጋምካ ኪረግፉ እዮም። ስለዚ ድኻምካ ጻማ ምእንቲ ኪህልዎ ናብ ገዛእ ርእሸኻ ምግታእ ዘምብል። ገዛእ ርእሸኻ ምስ ከሓድካዮ ድማ እንደገና ተጣዒስካ ከይትምለሶ፡ ነቲ መቓብር መንም ኪግንጽሎ ብዘይክእል እምኒ ጌርካ ሕተሞ፤ እዚ ማለት ከዓ ቈራጽ ምዃን ማለት እዩ።

"እዚ ነገር'ዚ እንተደኣ ኣልይኩም እናማዕበለውን እንተኸደ ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኬፍልጠኩም እዩ" ዝተባህለ'ውን ኣብ ልዕሌኻ ኪፍጸም እዩ (2ጴጥ. 1፥4-11)። ኣረ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነስ ክትለብሶ ኢኻ፤ ትርኢትካ እውን ከም ብርሃን ኬንጸባርቕ እዩ። እወ እቲ ኣብ ደብረ ታቦር ዚተፈጸመ ኣብኻ ኪድገም እዩ። ምስ ጐይታ ምንባር ሠናይ ከም ዝኾነ ከዓ ከተስተማቕሮ ኢኻ። ኣየ ተዓዲልካ! እቲ ዚለበስካዮ ብርሃን ከዓ ከም ቅዱስ እስጢፋኖስ ጸላእትኻ ክትምሕር እትኽእለሉ መንፈስ ርሕራሔ ኬሕድረልካ እዩ። ከመይ፡ ከምታ ጥቓ ወሓዚ ማይ ተተኺላ በብጊዜኡ ፍሬኣ እትህብ ቈጽላ'ውን ዘይጽምልው ኦም ኴንካ ገጽካ ዘይጽምሉ ኵሉ ጊዜ ብሩህ ዝገበርካዮ ዘበለ ከዓ ኵሉ ዝሰልጠካ ክትከውን ኢኻ። ትጉህ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ዚደኸማ ነፍሳት ዜጽልላሉ፡ ዚጠመያ እውን ዚዕንገላሉ ናይ ፍቕሪ መስኖ ክትከውን ኢኻ። ነቶም "መን እዩ ንሠናይ ዘርእየና" እናበሉ ሃንቀው ዚብሉ፡ ነታ ሓቀኛ መንገዲ ሕይወት እትሕብር ትጉህ ሰብ ክትከውን ኢኻ። ከመይ ኢለ እየ እሞ ዚገልጸልካ? ቃላት ሓጺሩኒ! ሥራሕ ኣምላኽ ኣስደሚሙካ ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ኴንካ፡ "ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘሎኹ፡ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ" እናበልካ ናይ ኣድናቖት ቃላት ክትደግም ኢኻ። ሃሌሉያ፡ እግዚኣብሔር ይመስገን። ኣምልኾ ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን፡ ክብሪ ንእግዝትነ ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ ይኹን። ኣሜን!

# ሣልሳይ ምዕራፍ
# ዕቁባት

## ሀ. "ሃብትኻ ኣብ ዘሎዎ ልብኻ ኣብኡ ኣሎ"
(ማቴ. 6፥20-34)

ልብኻ ናብ መን እዩ ዜቕልብ፥ ናብ ዝተፈላለየ ናይ ዓለም ነገራት ዝዘንበለ ብዝተፈላለየ ሓሳባት ዝተሰልበ፥ ምስ እግዚኣብሔር ውሕደት ኘኸይህልወካ ብዝረብሕን ብዘይረብሕን ትውሰድዶ? መንግሥቱን ጽድቁን ክንዲ ተቐድም ዘይረብሑ ነገራት ብዅሊት (ብሕን) እናኣተዉ ሓሳብካ ይዝርፍዎዶ? እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ነገራት ንጎሊናኻ ዕረፍቲ ንልብኻ ሰላም፥ ንኣእምሮኻ ቅሳነት ስለዘይህብዎ ሓደ ብሓደ እናኣሬኻ ክትውግዶም እንተዘይጽዒርካ ምስ እግዚኣብሔር ቀሲንካ ንክትራኸብ ዕድል ኣይህቡኻን እዮም። እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ንልቢ ወዲ ሰብ እናዘረፉ ቅሳነት ዜስእኑ፥ ንክንደይ ዓበይትን ሊቃውንትን ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ዚነበሩ፥ ኣብ ደልሃመት ዘውደቑን ዜውድቑ ዘለዉን ሰንካማት ዝኾኑ ስዉራት መሳርሒ ሰይጣን እዮም።

ንጉሥ ሰሎሞን ካብ እግዚኣብሔር ዝለመኖ ህያብ፥ ሃብትን ክብርን ዘይኮነስ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር መሪሑ ዚኽእለሉ ጥበብ ክህቦ እዩ ዚሓተተ፤ ልመና ሰሎሞን ከዓ ንእግዚኣብሔር ባህ ኣበሎ። በቲ ዝተዋህቦ ጥበብ እውን ንነገሥታት ዓለም ኣደነቖም። ብዝተዋህቦ ጥበብ ከዓ ንኣምላኽ ኣብ ኣሕዛብ ከይተረረ ኣፍለጦ። ስሙ ድማ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርግሐ። ኣምላኽ እስራኤል ልዕሊ ኵሎም ኣማልኽቲ ኮይኑ ስለ ዝተረኸበ፥ ናይ ነገሥታት ንጉሥ ናይ ጐይቶት ጐይታ ዚብል ስም ተዋህቦ። ሰሎሞን ንእግዚኣብሔር ብዅሉ ከም ዝፍራሕን ዝኽብርን ስለ ዝገበሮ ንባዕሉ ከዓ ከቢሩን ተሓፊሩን ይነብር ነበረ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ዕንባባ መሮር ኣይደኽሙ፥ ኣይፈትሉ፥ ከመይ ኢሎም ከም ዝዓብዩ ተመልከቱ። ኣነ ግና ሰሎሞን እኳ በቲ ኵሉ ክብሩ ከም ሓደ ካብኣቶም ከምዘይተኸድነ እብለኩም ኣሎኹ" (ማቴ. 6፥28-29) እናበለ ካብ ደቂ ሰብ ከም ሰሎሞን ክብሪ ዝነበሮ ሓደ'ኳ ከምዘይነበረ ይገልጸልና።

ሰሎሞን ዝተመስገነን ዝኸበረን ኣብ ቅድሚ ደቂ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ብእግዚኣብሔር እውን ተመስጊኑ እዩ። ቤተመቕደስ ኣምላኽ ሠሪሑ ምስ ፈጸመ ነተን 120,000 ኣባጊዕን 22,000 ኣብዑርን ዚሓርር መሥዋዕቲ ገይሩ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቕረቦም እሞ ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ሓንት ከየትርፈ በልዖም፤ እግዚኣብሔር እውን ተገልጸሉ፤ "ምህልላኻ ሰሚዐዮ እየ፥ ብሥራሕካ ባህ ስለ ዝበለኒ ነዚ ዚሠራሕካዮ ቤተ መቕደስ ቀዲሰዮ እየ። ንዘለዓለም ከዓ ኣብኡ ክነብር እየ" ዚብል ዜሐጕስ ቃላት ኣስምዖ።

ሰሎሞን ምስዚ ኵሉ ጥበቡን ክብሩን ብዝበለጸ ከዓ ምስ እግዚኣብሔር ዘለዎ ርክብን ፍሉይ ፍቕርን ንኸየማዕብል ንልቡ ዚዝርፍን ነቲ ብጥበብ ኣምላኽ ዝተሸለመ ኣኽሊል ዘጨብጥን ትዕድልቱ ዜሰናኽልን ሓደ ሓደ መኸላእታታት ነበርዎ። እንተዀነ ሰሎሞን ነቲ ክቡር ትዕድልቲ ጸላኢ ከይዝርፎ ኣጽኒዑ ክንዲ ዝሕዞ (ራእ. 3፥14) ነቶም ዘይረብሑ ነገራት ኣብ ልቡ ቦታ ንክረኽቡ ዕድል ሃቦም።

ሰሎሞን ከም እንፈልጦ ብብዝሒ ኣንስቲ ዳርጋ ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘ እዩ እንተበልናዮ ምግናን ኣይኮነናን እዩ። 700 ንግሥታት፥ 300 ዕቁባት ኣንስቲ ነበራኦ። እተን ንግሥታት ብኹሉ ዝተፈልጣ እየን ዝነበራ፥ እተን ዕቁባት ግና ብስዉር ብሕጓ እናኣተዋ ሰርሲረን ሰርሲረን ንልቡ ዝዘረፋኦ እየን ዝነበራ። እተን ንግሥታት ብማዕጾ ተዓጂበን እየን ዝኣትዋ ዝነበራ፤ ስለዚ ናይ ሰሎሞን ምዃነን ኣብ ቅድሚ ኵሉ ተዓዛቢ ስዉር ኣይነበረን፤ እተን ዕቁባት ግና ብሕጓ እናኣተዋ ውሽጢ ውሻጤኡ ዚተቈጻጸራ ልቡ ዝሰለባኦ እየን፤ ምናልባት ኣነ ክመስለኒ እቶም ንጥበቡ ንምርኣይ ብዓቢይ ሃረርታ ካብ ርሑቕ ዝመጹ ዝነበሩ ነገሥታት ገለ 2 ዓመት፥ ገለ ሓደ ዓመት፥ ገለ 6 ወርሒ ብእግሪ እናተጓዕዙ ጥበቡ ንምስማዕ፥ ምስ ሰሎሞን እናክራኸቡ እተን ዕቁባት ብሕጓ ኣትየን ብሕሽኹታ ኮነ ብምልክት አ...! ሰሎሞን! መጺእና ኣሎና! እናበላ ምስቶም ነዊሕ ጕዕዞ ተጓዒዞም ዝመጹ ዘረባኡ ከይወደአ የሸግራኦ ከም ዝነበራ ዘየጠራጥር እዩ።

ንሱ'ውን ነቶም ሥራሕ ኣምላኽ ንምርኣይ ብዙኅ ሃንቀውታ ካብ ነዊሕ ተጓዒዞም ዝመጹ ካብ ኣፍ ሰሎሞን ዝወጽእ ቃላት ጽምኣት ዝነበሮም ከየፋነወ ልቡ በተን ዕቁባት ተሰሊቡ፥ ሓንሳብ! መጻእኩ! ተጸበዩኒ! እናበለ ናብተን ብሕጓ ዝኣተዋ ዕቁባቱ ናብ ውሻጠ ሓሊፉ ጊዜ የጥፍእ ነይሩ ኢለ እየ ዝግመት፤ በዚ ምኽንያት'ዚ እውን ንጥበቡ ክንዲ ዜማዕብል ተግባር ናይተን ዕቁባት ልቡ ስለ ዝዘረፎ ንኣታተን ንኸሐጕስ ናብቲ ዜምልኻኦ ጣዖት ብሕልፊ እኳ ደኣ በተን ኣንስቱ ዝነበራ ነገሥታት ዓረብ ተጓቲቱ ክኸይድ ይርአ።

ሰሎሞን ነቲ ክቡር ንኣምላኽ ዚበቅዕ ዚሓርር መሥዋዕቲ ምስ ኣቕረበ እግዚኣብሔር ብመሥዋዕቱ ባህ ስለ ዝበሎ ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ነቲ መስዋዕቲ በልዖ። ንሰሎሞን'ውን ተራእዩ፤ ባረኾ ከዓ። እንተዀነ ሰሎሞን ነቲ ዜክብሮ እግዚኣብሔር ገዲፉ ብዕቁባቱ ተታሊሉ ናብ ኣምልኾ ጣዖት ክኸይድ ምርኣይን ብሰንኩ መንግሥቲ ይሁዳን መንግሥቲ እስራኤልን ክከፉፈል ምርኣይን ጕድኣት ዜስዕብ እዩ። ይዋእ ሰሎሞን ክልተ ሳዕ ተራእዩ።

ሳኦል ንርእሱ ብጽቡቕ ሥራሑ ዝተመስገነሉን፥ ኣብ ቅድሚ ጸላእቱዉውን ሞገስ ዚረኸበሉን ጊዜ ነይሩ እዩ፥ "መንፈስ ኣብኡ ስለዝነበረ ምስዉቶም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ኵሎም ጸላእቱ ተዋጊኡ ገጹ ኣብ ዝመለሰሉ ዘበለ ከዓ ሰዓረ" ይብል። ግናኸ ብዘይረብሑ ነገራት ልቡ ስለ ዝተጠልፈ እግዚኣብሔር ኣብ እስራኤል ከይነግሥ ነዓቐ።

ነገሥታት እስራኤልን ይሁዳን ሽሕዉኳ ገለ ካብኣቶም ብእግዚኣብሔር ዝተመስገኑ እንተነበሩ ብዘይካ ሕዝቅያስ ነቲ ሕዝቢ ናብ በረኽቲ ንኸይሰግድ ኣይተቓወምዎን። ስለዚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ምስ እግዚኣብሔር ንከይራኸቡ ዚዕንቅጾም ነገራት ብዙኅ ነይሩ እዩ።

በልክ ናይ ሰብ ገዲፍና ኣብ ርእስና ንመለስ። ንሸኻኸ ክንደይ ዝኾና ዕቁባት ኣለዋኻ? ካብ እግዚኣብሔር ፈልዮም ጉጅም ዘብሉኻ ማዕረ ክንደይ እዮም? መልሸኻ መቸም እግዚኣብሔር ይመስገን ካብ ናይ ዕቁባት ነገርሲ ናጻ እየ ኢልካ ከም እትምልሰለይ ርግጽ እዩ። ኣይኮነንዶ ንሰሎሞንሲ ብጥበቡ ኮነ ብዕቁባቱ ኣይመስሎን እየ ዝብል እዩ መልሸኻ? ብክብሩ ኣይመስሎ ብዝናኡ ኣይመስሎ እናበልካ'ውን ገዛእ ርእሸኻ ትሕት ከምተብል ግሁድ እዩ።

እሞ ንሕሊናኻ ክረትዖስ ጽን! ኢልካዶ ክትሰምዓኒ ምኽኣልካ? ሓቂ ብምዝራብይ ኣይኽፋእካ፤ ንክፉእካ ዚምነ ከይመስለካ ንሠናይካ ዝምነን ካብ ልበይ ዝሓልየልካን ሰብ እየ። ሰሎሞን ኣብ መዋዕሉ 300 ዕቁባት ነይረናኦ፤ ንሸኻ ግና ኣብ መዓልቲ ካብ 300 ዘይውሕዳ ዕ ቁባት ወጢረን ስለ ዝሓዛኻ ትርጉም ዘይብሉ ሕይወት ከተሕልፍ ትርእ።

ንኣብነት ገበርቲ ድማዕካ ብሕሉፍ መንገዲ እተፍቅሮም ምስ ጐይታ ኣብ እትራኸበሉ እዋን ኣብ ሓሳብካ ድቅን እናበሉዶ የሕስሩኻ፡ ኣብዚ ጊዜዚ ምስ ጐይታ ምውሳእ ገዲፍካ ምስቶም ብሕጓኻ ዚኣተዉ ምውሳእ ከምእትጅምር ሕሊናኻ ይምስክር እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ሠናይ ሥራሕካ ዚቃረኑኻ ሰባት ምስ ጐይታ ኣብ እትራኸበሉ ጊዜ ንክርስቶስ ኣብዚ ጽናሕ ኢልካ ምሳታቶም ሓደ ክልተ ክትበሃሃል ጊዜኻ ብከንቱ ተሕልፎ። ብሓጺሩ ኣብ ጊዜ ጸሎት ምስ እግዚኣብሔር ክንዲ ትዋሣእ፡ ምስቶም ብሕሉፍ መንገዲ እተፍቅሮምን እትጸልኦምን ልብኻ እናተሰልበ ብዘይ ፍረ መኻን ከም እትኸውን ይገብሩኻ። ብቀደሙስ እቲ ሕሉፍ ፍቕሪ ብዘይካ ንጐይታ እንተዘይኮይኑ ንካልእ ምኣስ ይዕደል? ናይ ፍቕርኻ ኣተዓዳድላ እዩ ኣብ ጸገም ኣውዲቑካ። ኢየሱስ ዚበሎዶ ዘንጊዕካሉ ኢኻ? "ናባይ ዚመጽእ እንተሎ እሞ ኣቦኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ደቁን ኣሕዋቱን ኣኃቱን ሕይወቱ ከይተረፈዉውን እንተዘይጸልአ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ" እናበለ ኣትሪሩ ዚተዛረቦ። ስለዚ ዓለምን ሥጋን ብዝተፈላለየ ኵነታት ምስ ኣምላኽካ ከይትራኸብን ከይትዋሳእን ንሓሳብካ ከይምንጥልዎን ከይዝርፍዎን ካብ ፍቕሪ ኣምላኽካ መንዚዖም'ውን ከየትርፉኻን ተጠንቀቕ። እዞም ምስ ኣምላኽ ቀሲንካ ከይትዋሳእ መጋረጃ ኮይኖም ዚዓግቱኻ፡ ኃጢኣት ዘይመስሉ ስዉራት ፍሕሶ ጸላኢ ዚኾኑ፡ ንሰሎሞን ብሕን ኣትዮም እናጸውዑ ከይተፈለጦ ንልቡ ዚዘርፉ፡ ንኣኻ'ውን ከይተፈለጠካ ደሓን ኣሎኹ እናበልካ ከሎኻ ጭቡጥ ኃጢኣት እዩ እትብሎ ከይፈጸምካ ካብ ኣምላኽ ዝንጽሉኻ፡ ንሕጂ ኣዕሩኽ ዚመስሉ ጽባሕ ግና ከሰስቲ ኮይኖም ዚቐርቡ ሰንካማት መኸላእታታት እዮም።

እተን ነገሥታት ኣንስቲ ሰሎሞን ኣንስቱ ምኺነን ብኸሉ ዝተፈልጣ ስለዝነበራ እቲ ንሰን ኣብ ልዕሊ ሰሎሞን ዜስዕባእ ስዉር ስለዘይኮነ ውዒሉ ሓዲሩ መድኃኒት ክርከበ እዩ።

ከምኡ'ውን እቲ ግሉጽ ናይ ኣደባባይ ድኽመትካ ውዒሉ ሓዲሩ ኬልግስ፡ ኪፍወስ ይከኣል እዩ። ማለት በብዓይነቱ ዝኾነ ጠባይ፡ ቂምታ፡ ትዕቢት፡ ሓሜት፡ ሓሶት፡ ስስዔ፡ ቍጥዓ ወዘተ ... ካብ ቅድሚ'ቶም መናብርትኻ ስዉራት ስለዘይኮኑ ንኽተጥፍኦም ዘይሕለል ጻዕሪ ከም እተካይድ ፍሉጥ እዩ። እቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎም ግና ብወጻኢኳ ክቡር መሲልካ እንተተረኣኻ፡ ውሽጥኻ ከም ሰሎሞን ብስዉር ጓሕጒሖም ጥራሕካ ከምዘትረፉኻ ፍለጥ፤ ብዕቁባትካ እውን እንተኾነ ካብ ሰሎሞን እሓይሽ እየ ኢልካ ኣይትመካሕ፡ እንተዘይገዲድካ ኣይትሓይሽን ኢኻ። ይንኣስ ይዕበ ልቦናኻ ናብ እግዚኣብሔር ከምዘየቕልብ ዚገብረካ ዘበለ ኵሉ ዕቁባት ኢልካ ስመዮ። ንኣኻ ምንም መሲሎም እንተዘይተራእዩኻ ማዕጾ ልብኻ ከፊቶም ንኃጢኣት ዚዕድሙ ንሕይወትካ

ዚኃሕጕሑን ዘደንዘዙን ዘድረቑን፣ ንርእሸኻ ደሪቕካ'ውን ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ኽትደርቁ ምኽንያት ክትከውን ዚገብሩኻን ሕርምኻ ከምዝኾኑ ኣለልዮም፣ ኣይትዘንግዓሎም'ውን። ንርእስና ከነታልል ኽንእል ኢና። ንእግዚኣብሔር ግና ከነታልሎ ኣይንኽእልን ኢና።

ስለዚ እቶም ካብ እግዚኣብሔር ክፈልዩኻ ዚጋደሉ ዕቑባትካ ብቔራጽነት ካብ ሕይወትካ ክትበትኮም ጸዓር እምበር ኣይተመኽንየሎም። ሓናንያን ሰጲራን ናብ ማኅበር ክርስቲያን ኪኣትዉ ዝገደዶም የብሎምን፤ ብድላዮም ፈትዮም እዮም ንመሬቶም ሸይጦም ዚኣተዉ። እንተኾነ መሬቶም ምስ ሸጡ ብምልኡ ክንዲ ዜረክብዎ ንርእሶም መቚሎም ኣትሪፎም ኽሶሉ ከምዝሃቡ ኣምሲሎም ንመንፈስ ቅዱስ ከታልልዎ ዓቀኑዉሞ ብሞት ተቐዝፉ። ንጕይታ ምሉእ ብምሉእ ዘይምውሃብ እንታይ ከምዘስዕብ ርኢኻዶ? እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣይሰረቑ ኣይዓመጹ፤ እንተኾነ ኣብ ቅድሚ መንፈስ ቅዱስ እሙናት ኮይኖም ብዘይምርካቦም ሞት ኣኸተለሎም።

ሕርሚ ኣካን ንሠራዊት እስራኤል ብዘሎ ኣብ ዓቢይ ውድቀትን ጥፍኣትን ከም ዜብጽሖም፣ ከምኡ'ውን እዞም ንኣኻ ምንም ዘይመስሉኻ ጸኒሖም ግና ካብ ኣምላኽ ፈልዮም ትርጉም መቐረት ሕይወት ክሳብ እትስእኖሉ ዚገብሩኻ ብቔራጽነት ተላዒልካ ከተጥፍኦም እንተዘይጽዒርካ ሱር እናሰደዱ ንልብኻ ኣደንዚዞም ኣብቲ ሰሎሞን ዝወደቐ ናይ ሕስረት ደረጃ ከውርዱኻ ዘይከኣል ኣይኮነን። ስለዚ "ሰውነትካ ሕያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መሥዋዕቲ ገይርካ ከተቕርብ ብምሕረት ኣምላኽ እልምነካ ኣሎኹ። እቲ ሠናይን ባህ ዜብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ መርሚርካ ክትፈልጥ ኣእምሮኻ ብምሕዳስ ተለወጥ እምበር ነዛ ዓለም'ዚኣ ኣይትምሰላ" (ሮሜ 12፥1-2)። እወ መስዋዕትኻ ሕያው መስዋዕቲ ይኹን። "ካብ ሓረድካዮስ ስቡሕ ግበሮ" ከምዝብሃል ክትወሃብ ከሎኻ ምውፋይካ ዘይተርፍም ኵለንትናኻ ተወፈ፣ ሊጋስ ኵን፣ ፍሬኡ ከሓጕሰካ እዩ። ናይ ሕን ነገር ብሸለልትነት ኣይትርኣዮ ሓደራ።

## ለ. ቈራጽነት

ነቲ ኣብ መንኻኻን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ኮይኑ ኣረሓሒቑኩም ዚነብር ዘሎ ነዊሕን ሰፊሕን ጥልቀቱ ኣዝዩ ዝዓመቘን ውቅያኖስ (ባሕሪ) ብቔራጽነት ክትሳገሮ ተለዓል። ምስቲ ኣብ ስግር ባሕሪ ማዕዶ ኮይኑ ዝጽበየካ ዘሎ ኢየሱስ ኽትራኽብ ነቲ ሰፊሕ ውቅያኖስ ኽትሳገሮ ናይ ግዲ ስለ ዝኾነ ኣይትዳህልለሉ። ክትሳገሮ እንተ ደኣ ደሊኻ ብቓሉ ኣብ ማእከል ውቅያኖስ ድልድል እናሰራሕካ ምጕዓዝ ናይ ግዲ እዩ። ኣብ ውሽጢ ውቅያኖስ ድልድል ምስራሕ ቀሊል ኣይኮነን። ጥበብን ምስትውዓልን ዚሓትት እዩ።

ድልድል እናሠራሕካ ብማእከል ባሕሪ ሰንጢቕካ ኽትሓልፍ ኣብ እትጅምረሉ ጊዜ ኣብ ማእከል ምስ በጻሕካ ሰልክዩካ ንድኅሪት ከይትምለስ ድኻምካ ኽሸንቱ ኮይኑ ከይተርፍ ነቲ ዝሓለፍካዮ ድልድል እናፍረስካ ናብ ኢየሱስ ጐይታኻ ክሳብ እትበጽሕ ብቔራጽነት ንቕድሚት እናቐጸልካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዘይትሕለል እሙን ኳንካ ተረኸብ። ቈራጽ ኩን!

ከምዚ ኽትገብር ምስ እትርከብ ኣብ ማእከል ውቅያኖስ ምስ በጻሕካ "ሓዲግ ሰማይ ሓዲግ ምድሪ" ምስ ኰነካ፣ ተስፉ ቍርጸት ይጕልብበካ፡። ሽሕ'ኳ እቲ ዝተረፈካ ነዊሕ ኮይኑ እንተተራእየካ፣ ነቲ ዝሓለፍካዮ ብቈራጽነት ስለዘፍረስካዮ፣ እቲ ዝሓለፍካዮ'ሞ ዘፍረስካዮ ድልድል

ኮነ ዝተረፈካ ማዕረ ስለ ዝኾነ፡ ድኻም ዘይተርፍ ነቲ ዓስቢ ዓወት ዚርከበሉ ዚተረፈካ ባሕሪ ከይተሓለልካ ድልድል እናሠራሕካ ክትሳገርዉሞ ምስ ኢየሱስ ጐይታኻ ገጽ ንገጽ እትራኸበሉ ስለ ዝኾነ፡ ድሕሪት ካብ ምምላስ ብቈራጽነት ንቅድሚት ምጒዓዝ ምምራጽ እዩ። ብድሕር'ዚ እቶም ኣብ ልዕሌኻ ሥልጣን ዝነበሮም ኣመላትካ፡ ነገሥታት ኮነ ዕቁባትካ ኵሎም ኣብቲ ውቅያኖስ ጥሒሎም ኪተርፉ እዮም፤ ንሸኻ ግና ንበይንኻ ክትሳገር ኢኻ። ኵለንትናኻ ከዓ ንኢየሱስ ከተወፍዮ ኢኻ። እቲ ዜጥቅዓካ ዝነበረ ድኹም ጐድንኻ ሕጓ መእተዊ ዕቁባት ኮይኑ ዘሸግረካ ዝነበረ ተደምሲሱስ ኢየሱስ በቲ ድኹም ጐድንኻ ደው! ምስ በለልካ ንኃይልታት ጸላኢ ኵሎም ብእግርኻ ረጊጽካ ጨፍሊቕካ ኢየሱስ ኣባኻ ኬንጸባርቕ ምስ ጀመረ፡ ኣብቲ ሰዓት'ቲ ዚስምዓካ ታሕጓስ ብኣእምሮኻ ክትበጽሖ ዘይትኽእል ደስታ እዩ። ኣብየት ተዓዊልካ! ነዚ ትዕድልት'ዚ ዚሸለመካ ኣምላኽ ስሙ ይባረኻ።

ካብዚ ኵሉ ሥራሕካ ብዝበለጸ ዓወት ዘጨበጠካ ኣየናይ ይመስለካ? በቲ ድልድል እናሠራሕካ ብዙኅ ዝደኸምካዮዶ ይመስለካ? እወ ብመጠኑ'ኳ እንተኾነ ፍረ ኣለዎ። ግናኸ እቲ ብዝበለጸ ዓወት ዘጨብጠካ ነቲ እናሠራሕካ ዝተሳገርካሉ ማለት ነቲ ዝሓለፍካዮ ድልድል ሰልክዩካ ንድሕሪት ከይትምለስ ብቈራጽነት ምፍራስካ እዩ። እወ ተጣዊስካ ንድኅሪት ከይትምለስ ብርቱዕ እምነትን ትብዓትን ኣሕዲሩልካ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ክርትስና ብዙኃት ሰባት ካብ ዓወት ናብ ዓወት እናሰጐሙ ዚጒዓዙ ዝነበሩ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ኣንደልሂጾም ንድሕሪት ዚተመልሱ ታሪኾም ዜባላሸዉ ውሑዳት ኣይኮኑን። ታሪኾም ኪልዓል ከሎ፡ ኣይ ...! እንታይ ዋጋ ኣለዎ፡ ከመይ ዝበሉ ሰባት መወዳእታኦም ከፊኡ እናተባህለ ይውረየሎም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ነቲ ውቅያኖስ ኪሳገሩ ዘይዓቀኑን ዘይጀመሩን ዕቁባቶም ኬጥፍኡ ዘይተጋደሉን ኮይኖም ኣይኮኑን፤ ጒድለቶም ነቲ ዚሓለፍዎ ድልድል ብቈራጽነት ዘይምፍራሶም እዩ ነይሩ። ብቅንኣት መንፈስ ተላዒልካ ቈራጽ ምኺን ናይ ውሑዳት ትሑታትን ትዕግሥተኛታትን እዩ። ንሸኻ'ውን ነዚ መምርሒ'ዚ ተኸተል። ቈራጽ ኩን! ሙሴ ነዚ ቈራጽነት እዚ ወሲዱ እዩ፡ ወዲ ጓል ንጉሥ ከይብሃል ነቲ ምዉቕ ናብራ ገዲፉ ኣብ ምድሪ በዳ ዚኾብለለ፤ ኵሎም ኣበውን ነብያትን ነገሥታትን ሓዋርያትን ቅዱሳንን በዚ ቈራጽነት'ዚ እዮም ተመልሚሎም ዝሓለፉ። ቈራጽ እንተድኣ ኴንካ ኣብ መወዳእታ ዓወት ክትረክብ ኢኻ። እወ "ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፡ ጒያይ ወዲአ እየ ነታ እምነት'ውን ሓልየያ እየ። ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ'ቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ንምግላጹ ሃረር ዚብሉ ኵላቶም ድማ እምበር ንኣይ ጥራይ ኣይኮነን" (2ጢሞ 4፡7-8) ክትብል ክትክእል ኢኻ።

## ራብዓይ ምዕራፍ
## ፍረ ክርስትና

### ሀ. "ፍሬኹም ነባሪ ኪኸውን ሸምኩኹም" (ዮሓ. 15፥16)

ሓደ ጊዜ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣዝዩ ጠምዩ ነበረ'ሞ ብርሑቕ ልምዕቲ ኦም በለስ ረኣየ። ምናልባሽ ፍረ እንተረኸበላ ኢሉ ናብኣ ከደ፤ ጊዜ በለስ ስለ ዘይነበረ ግና ብዘይካ ቈጽሊ ገለ'ኳ ኣይረኸበላን። ኢየሱስ ደጊም ካብኺ ሓደ'ኳ ንዘለዓለም ፍረ ኣይብላዕ በላ (ማር. 11፥12-14)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነታ ኦም በለስ ኣብ ዘይጊዜኣ ከተፍሪ ብከመይ ዝበለ ኣገባብ እዩዝተጸበያ። ሓደ ኦም ኣብቲ ዘፍርየሉ ወርሓት ብዘይ ሌላን ጉሌላን ንዝሓለፈ ፍሬኡ የበርክት፡ ኣብቲ ዘየፍርየሉ እዋን ግና ገለ'ኳ ኬበርክት ኣይክእልን እዩ።

ስለምንታይ ደኣ'ዩ ኢየሱስ ኣብ ዘይወርሓታ ፍረ ስለ ዘየጽንሓትሉ ዝረገማ? ብእምነት እንተዘይኮይኑ ክትርድኦ ጽንኩር ነገር እዩ። ኢየሱስ ኣብዚኣስ ተጋጊዩ ከይንብል፡ ኣብ ባህርይ ኢየሱስ ጌጋ ዚብሃል ፈጺሙ የልቦን። እኳ ደኣ ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮና ኪኀለን የብሉን፤ ንሳ ከተፍሪ ነይሩዋ ከይንብል ድማ በለስ ዘፍርየሉ ወርሓት ኣይነበረን፡ ኢየሱስ ግና ብዘይ ምፍራያ ረገማ። እሞኸ ደኣ እንታይ ክብል ምስ ደለየ እዩ? እዛ ኦምዚኣ ካብ መንጎ ብዙኃት ኣእዋም ፈልዩ ዘርእያ ልምላሜን ልሙዕ ቈጽልን ነበራ። እቲ ካብ ኵለን ኣእዋም ኣዝያ ከም እትለምዕ ዝገብራ ባዕሉ ጐይታ እዩ'ምበር ብኽእለታ ኣይኮነትን ዚለምዐት፤ ዝለምዐት ከዓ ንመልክዕ ጥራይ ዘይኮነስ በብወርሓቱ ፍረ ምእንቲ ክትህብ እዩ። እዚ ነገር'ዚ ኣብኣ ስለ ዘይተረኽበ ከዓ፡ ኢየሱስ ንዘለዓለም ፍረ ከይርከባ ረገማ። እዚ ምሳሌ'ዚ ነታ ኦም ዘመልክት ኣይነበረን፤ እንታይ ደኣ ደቂ ሰብ ንዝተዋህቦም ጸጋ ኣዕዚዞም ከፍርይዎ ከም ዘለዎም እዩ ዜመልክት።

ዳዊት ኣብ መዝሙሩ፡ (1፥1-3) "እቲ ብምኽሪ ረሲኣን ዘይከይድ፡ ኣብ መንገዲ ኃጥኣን ዘይቀውም፡ ኣብ ኣኼባ ተሳለቕቲ ዘይቅመጥ ግና ብሕጊ እግዚኣብሔር ዚሕጐስ፡ ለይትን መዓልትን እውን ንሕጉ ዜስተንትኖ ሰብ ብፁዕ እዩ። ንሱ ከምታ ጥቓ ወሓዚ ማይ ተተኺላ ኣብ'ቲ  ወርሓታ ፍሬኣ እትህብ፡ ቈጽላ'ውን ዘይሃስስ ኦም ይኸውን ዚገብሮ ዘበለ ከዓ ኵሉ ይሰልጦ" ይብል።

ኦም ከም ናይ ሰብ ሕይወት፡ ቈጽሊ ናይ ጽድቂ ስራሕ፡ ምዕባይ መንፈሳዊ ተመኵሮ፡ ፍረ ድማ ከም ምልኣት መንፈስ ኢልና ክንትርጉሞ ንኽእል። ዳዊት፡ ጽድቂ ንርእሱ ከምታ ጥቓ ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ገይሩ ኣቕሪቡዎ ኣሎ።

ዝኾነ ኮይኑ ሓደ ኦም ክዓብን ፍረ ክህብን ፍሬኡ ከዓ ነባሪ ኪኸውን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ዝኣክል መሬት (ሓመድ)፡ ማይ፡ ብርሃን፡ ሙቐት፡ ኣየር፡ የድልዮ፤ ካብዚኣቶም

ሓደ ምስ ዚጐድል ኪልምዕን ኪዓብን ኪዕንብብን ፍረ ኪህብን ኣይክእልን እዩ።

ብዙኃት ዓይነት ኣእዋም ኣለዉ፤ ገሊኣቶም ምሉእ ዓመት ቈጽሎም ዘይረግፍ፡ በብግዜኡ ከዓ ፍሬኦም ዚህቡ፤ ገሊኦም ከዓ ብሓደ ሓደ ወርሓት ቈጽሎም ዚረግፍ ኣለዉ። ናይ ቈጽሊ ምርጋፍ ቀንዲ ምኽንያት ግና ናይ ማይ ሕጽረት እዩ። እታ ቍጽላ እትረግፍ ኦም ብሠራ ዚኣክል ምስይ ስለዘይትረክብ ሙቈት ምስ መጸ እቲ ቈጽላ ዚኣክል ራሕሲ ብዘይምርካቡ፡ ብቐሊሉ ይደርቕ'ሞ ይረግፍ፤ ከምኡ ድማ ካብ ብዙኂ ሙቐት ዝተላዕለ ብቑጽልቱ ብዙኅ ሃፍ ናይ ማይ ስለ ዚወጽእ፡ ካብ'ቲ ጕንዲ ዝረኽቦ መግቢ ስለ ዚውሕዶ ካብ ጨናፍሩ ተነጺሉ ኪወድቕ ይግደድ እሞ ይረግፍ።

እታ በብግዜኡ ቈጽላ ዚለምዕን ዚረግፍን ከምቶም ንቓሉ ሰሚያም ንጊዜኡ ደስ ኢልዎም ብመንገዲ ሕይወት ኪመላለሱ ዚዕቅኑ፡ ግናኸ በቲ ኣብ መንፈሳውነቶም ዚገጥሞም መኸላእታታት ማለት ምረት መቐትን ኣውሎ ንፋስን ማዕበልን ምስ መጽአ መሠረት ስለ ዘይነበሮም ብቐሊሉ ናብ ዓለም ዚምለሱ፡ ወጅሃት መንፈስ ዘይብሎም ሰባት ክንብሎም ንኽእል።

እታ ቈጽላ ዘይትረግፍ ኦም ግና፡ ዝኣክል ማይ እትረክብ እያ። እዛ ኦም'ዚኣ ፍሬኣ ዘይተቋርጽን ብልሙዕ ቈጽሊ ዝተሸፈነትን በብጊዜኡ ዕንባባን ዘይበጽሐ ፍረን፡ ጕዕ ን፡ ዝበሰለ ፍሬን ይርከባ። ኵሎም ፍጡራት ከዓ ካብኣ ይምገቡ።

ስለዚ ከዓ እዩ ዳዊት ንጽድቂ ከም ኣብ ገምገም ወሐዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ገይሩ ዝምስላ። ወዲ ሰብ ብጽድቂ ኪዓብን ኪፈርን ናይ ግዲ እዩ። ስለ'ዚ ከዓ እዩ ዚተፈጥረ፤ ነዚ ድማ እዩ እንደገና ብደም ክርስቶስ ዝተገዝአ። ደም'ቲ ቅዱስ ዝኾነ ወዲ እግዚኣብሔር ብቕዓት ቅድስና ከልብሰና ደኣ እምበር ኻብንቱ ኣይኮነን ዚፈሰሰ፤ ብዋዛ ኣይትርኣዮ ሓደራ! ጐይታና ኢየሱስ ኣብ ወንጌል ዮሐንስ 15፡16 "ኬድኩም ፍረ ምእንቲ ክትፈርዩ፡ ፍሬኹም'ውን ነባሪ ኪኸውን ሸምኵኹም" ይብል። ከምኡ'ውን ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ ቆላ. 1፡10-11 "ብሠናይ ግብሪ ዘበለ ኵሉ ፍረ እናፈሬኹም፥ ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓቤኹም፡ ንእኡ ዚበቅዕ ሕይወት እናነበርኩም፡ ንጐይታ ብኹሉ ምእንቲ ከተሓጕስዎ ንጽሊ ኣሎና... " ይብል።

ስለ'ዚ ከም ፍቓድ እግዚኣብሔር ክትመላለስን፡ ክትዓብን፡ ክትፈርን፡ ፍሬኻውን ነባሪ ኪኸውን እንተደኣ ደሊኻ ምስ እግዚኣብሔር ተሳኒኻ ከይትነብር ዚዕንቅጸካ መኸላእታታት ከመልክተልካ ከሎኹ ተግሳጹ ኮነ ምኽሩ ብምስጋና ክትቅበሎ ጸዓት እምበር ኣይኽፋእካ፤ እዚ ንዓኻ ንስጕምትኻ ዜቃንዕ፡ ንመንፈስካን ነፍስኻን ሥጋኻን ፍጹም ዝኾነ ኣምልኾ ንምልምማድ ኪኽእለካ እዩ። ስለዚ ገዛእ ርእስኻ ብጥንቃቐን ብምስትውዓልን መርምር።

### ለ. ኣብ ክርስትና ምዕባይ

ብመንፈስ ኻኽንዓቢ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ቃል እግዚኣብሔር ይነግረና፤ ምዕ ባይ እንጅምረሉ ከዓ ካብታ ደቂ እግዚኣብሔር ዝኾንናላ እዋን ጀሚርና ኢና። እዛ ልደት እዚኣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዝተሳገርናላ፡ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ዝሓለፍናላ ሕርይቲ ዕለት እያ። ጉዕዞና ብመንገዲ ብርሃን ኪስጉም ኣብ ዝጀመረሉ ጊዜ ካብ'ዚ እዋን'ዚ ጀሚርና ምዕባይ ንጅምር።

እስከ እታ ዝደሐንካላ ዕለት ዘክር፤ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ዝነበረካ ቅንዕና ብዓይኒ ኣእምሮኻ መርምሮ፤ ካብ ዓይንኻ ንብዓት እናፈሰሰ መንዲልካ ብንብዓት ጠልቀዩ፡ ናይ ልብኻ ትርግታ ዕጽፊ እናወሰኸ ኣካላትካ ኩሉ ብርሃጽ ጠልቀዩ፡ ታሕጓስ፡ ሓዘን፡ ብኽያት፡ ሰሓቕ፡ እናተፈራረቑ ዜንጸባርቑሉ ዚነበሩሉ ጊዜ፡ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣትኩሮትካ ኣብ ኣምላኽካ ጥራይ ዝነበረሉ እዋን ኣብየት! ብኣእምሮኻ ኪብጻሕ ዘይክእል ደስታ እዩ! ዝሐለፈ ሕይወትካ በዚ ጥራይ ቀጺልካ እንተ ትኸውን ነይሩ፡ ኣበይ ምበጻሕካ? ቀጺልካ ናብ ዕ ብየት ክትጉዓዝ ምስ ጀመርካ ግና ሓደ ሓደ ጊዜ ናብ ኣምላኽካ ከተቕልብ ሓደ ሓደ ጊዜ ከዓ ናብ ምድሪ እናተከዝካ፡ ናብ የማነ ጸጋም ናብ ኣሕዋትን ኣኃትን ትምልከት እሞ፡ ካብኣቶም ገለ ምጽንናዕ ትጽበ ከም ዝነበርካ ትዝክር ኢኻ።

ኣብ ቅድመይ መስቀል ብድኅረይ ዓለም፡ ንቅድሚት እምበር ንድሕሪት ኣይምለስን ዝበልካ ሰብ ኢኻ። ብዙኅ ማሕላን ቍርጺ ፍቓድን ጌርካ ሽኽምኻ ኣራጊፍካ ቀሊሉካስ ብታሕጓስ እናዘለልካን እናዘመርካን ዝኸድካሉ እዋን ትዝክር ኢኻ፤ ነታ ብታሕጓስ ዝተመልኣት ዕለት ምልስ ኢልካ ኣስተንትናን'ሞ ካብታ ዕለት እቲኣ ጀሚርካ ክሳብ ሎሚ እንታይ ወሲኽካ፤ ከመይ ዝበለ ምምሕያሽከ ገበርካ? እንታይከ ኣፍሬኻ? ንጐይታ ብዝበለጸ ዝቐረብካዮ ሕጂ ዲዩ ወይስ በታ ጊዜ'ቲኣ፡ እታ ዝደሐንካላ (ዳግም ልደት) ዕለትዶ ትሓይሽ ወይስ ዝሓለፈካዮም መዋእል ክርስትናኻ? ወይ ድማ ዘሎኻዮ ሕይወት? ብዕድመ ብናብራ ኣብ ኣገልግሎትካ ኮነ ኣብ ማኅበራዊ ናብራኻ፡ ኣብ ስድራቤት ኮነ ኣብ ሓዳርካ፡ ብሓፈሻ ኣብቲ እግዚኣብሔር ዘቐመጠካ ይመችኣካ ኣይመችኣካ ብዘየገድስ ዕብየትዶ ኣርኢኻ? ካብታ ብመንፈስ ዝሰኸርካላ ዕለት ጀሚርካ ብድኅሪኣ ንእትስዕብ ዕለት፡ ቀጺሊ ንእትኽተላ ዓመት ደረጃ ሰውነትካ ከመይ እዩ? ካብ ቅድሚ ዓሚ ዓሚ፡ ካብ ዓሚ እውን ሎሚ ዘመን ካብ ቅድሚ ትማሊ ትማሊ፡ ካብ ትማሊ ከዓ ሎሚ ብዝበለጸ ዕብየት እንተዘየርኢኻ ምዕባይ ኣቋሪጽካ ኣሎኻ ማለት እዩ። ክትዓቢ እንተዘይተረኺብካ ከዓ ኣብ ፍረ ክትበጽሕ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ኣብ ቅድድም ዝስለፉ ብዙኃት እዮም፡ ኣብ መወዳእታ ዓወት ጨቢጦም ሽልማት ዚቕበሉ ግና ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። እስራኤላውያን ባሕሪ ኤርትራ ኪሳገሩ ከለዉ ብርቱዕ እምነትን ምልኣት ታሕጓስን ተጐናጺፎም እዮም ዝተሳገሩ፤ እንተኾነ ኣብቲ

እግዚኣብሔር ኪበጽሕዎ ዚመደበሎም ክይበጽሑ ዘልሓጥሓጥ ኪብሉ ተረኺቡ፤ እቶም ብእምነት ጸኒዖም ከየቋረጹ እናዓበዩ ኣብቲ ዝተዋህቦም ቃል ተስፋ ጸኒዖም ዚጽበዩ ዝነበሩ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ብመንፈስ ምስ ኣከባቢኻ ምኳዓዝ ልማድ እንበር መንፈሳዊ ዕ በየት ኣየምጽእን እዩ። ብብሕትኻ እተዘውትሮ ናይ ዕብየት ገድሊ ከተካይድ ናይ ግዲ እዩ፤ እንተዘየሎ ትማልን ሎሚን ቀጺልካ ዕድሜኻ ልክዕ ለውጢ ዘይብልካ ክትነብር ኢኻ ለውጢ እንተዘይብልካ ከዓ ካብ ምዕባይ ኣቋሪጽካ ኢኻ ዘሎኻ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ኪምዕዶ ከሎ፡ "ጽቡቕ ናይ እምነት ገድሊ ተጋደል፥ ነታ ዝተጸዋዕካላ፡ ኣብ ቅድሚ ብዙኃት ምስክር'ውን ጽቡቕ ምእማን ዝተኣመንካላ ሕይወት ዘለዓለም ሓዛ። ነቲ ትእዛዝ ብንጽሕና ብዘይ መንቅብ ክሳብ ምግላጽ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ክትሕልዎ፥ ኣብ ቅድሚ እቲ ንኹሉ ሕያው ዚገብር ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ጽቡቕ ምእማን ዝተኣመነ ክርስቶስ ኢየሱስ እእዝዘካ ኣሎኹ" 1ጢሞ 6፡12-14 ይብል።

ንሾኻ'ውን እቲ ዝቐደመ ማሕሳኻን ቀኅርጺ ፍቓድካን ዘክር፤ ናይ ጸጋ መዓልታት ከይተዓጽወካ ከሎ ንብዙኅ ጊዜ ዝመስከርካሉ መዓልቲ ምድኃንካ ብቕዓት ክረክብ ገዛእ ርእሶኻ እና'ተኻሽልካ ሠናይ ዝኾነ ዕብየት እናዓቤኻ ፍረ ኣፍሪ፤ ዘየፍሪ መኻን ክርስትያን ቦታ የብሉን።

## ሐ. ፍረ ክርስትና

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነታ በለስ ምናልባሽ ፍረ እንተረኸበላ ክርኢ ናብኣ ከደ፤ እንተኾነ "ጊዜ በለስ ስለ ዘይነበረ ብዘይካ ቈጽሊ ገለ'ኳ ኣይረኸበን፤ ደጊም ካባኺ ሓደ'ኳ ንዘለዓለም ፍረ ኣይብላዕ" በላ ከምቅጽበት ከዓ ነቒጸት ደረቕ ዕንዕጨይት'ውን ኮነት። ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይ ቅዱስ መጽሐፍ ድማ "ጽቡቕ ፍረ ዘየፍሪ ዘበለ ኦም ኵሉ ይቕኅርጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ" ማቴ 3፡10 ይብል።

ካብታ ልደት ድኅነትካ ጀሚርካ ክሳብ ዘሎኻያ ጊዜ እንታይ ኣፍሪኻ? ብእምነትካ፡ ብትሕትናኻ፡ ብትግሃትካ፡ ብትግዕሥትኻ፡ ብለውሃትካ፡ ብረዲኤትካ፡ ኻኻልኦት ብምጽንናዕካ ብዘሎካ ቅንኣት መንፈስ ብዘሎካ ጽምኣት ድኅነት ነፍሳት፡ ብጽንዓትካ ማዕረ ክንደይ ዝኾና ነፍሳት ናብ ጐይታ መሊስካ? ማዕረ ክንደይከ ብብርሃንካ ተማሪኸን ኣብ መንገዲ ድኅነት ዚተመልሳ ኣለዋ? ከም እገሌ ምኧን ኣየ ክንደይ በረኸት ዚመልኦ መለኮታዊ ትዕ ድልቲ እዩ? እናበላ ጣዕሚ ድኅነት ዜስተማቕራኦ ማዕረ ክንደይ ይኾና? ብኣገልግሎትካ ምኽንያት ዝረወያ ነፍሳትስ ኣለዋዶ? ዕርቃነን ዝሸፈናስ ይርከባዶ? ዝጸበበንን ዝጨነቐንን ተስፋ ዝቈረጻን ብዝወፈኻለን ሠናይ ምኽሪ ምጽንናዕ ረኺበን ንጐይታ ዘመስግና ማዕረ ክንደይ ነፍሳት እየን? እዚ ኵሉ ፍረ መንፈስ እዩ።

ፍቑር ሓወይ ነፍሽኻ ዚኣክል መንፈሳዊ መግቢ ዝተመገበት እንተደኣ ኮይና ልክዕ ከምታ ጥቓ ወሓዚ ማይ ተተኺላ ኣብ ወወርሓቱ ፍሬኣ እትህብ ቈጽላ'ውን ዘይረግፍ ኦም ክትከውን ኢኻ፤ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ፍረ እንተዘይብልካ ግና ሕሊናኻ መርምር እሞ ፍረ መንፈስ እንተደኣ ዘይብልካ ናይ ከንፈር ኣምልኾ ሒዝካ ብናይ ዕሽነት ማሕለኻ ተቐይድካ ብከንቱ ኢኻ ትመላለስ ዘሎኻ፤ ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህበካ መኽሊት ተቐቢልካ ከተብቅዕ ቀቢርካያ ትነብር ኣሎኻ፤ “ካብ እዝግስ” 30-60-100 ከተፍርዮ እዩ ዝግብኣካ ነይሩ፤ ጐይታ ዝሃበካ ምሕጽንታ ዘንጊዕካሉ ትርከብ ኣሎኻ። ሕያው ቃሉ፡ “ኣነ እየ ዝሓረኹኹም እምበር ንሰኻትኩም ኣይሓረኹምንን፤ ኬድኩም ፍረ ምእንቲ ከተፍርዩ፡ ፍሬኹም'ውን ምእንቲ ነባሪ ኪኸውን ሸምኩኹም” (ዮሓ 15፡16) እዩ ዝበለ።

### መ. ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም

እታ ኣብ ገምገም ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ንጸላእን ንፈታውን ብዘይ ሌላን ጕሌላን፡ ጽላላን ፍሬኣን ክትልግሠሎም ትርከብ፤ ኣብነት ትኾነካ ካብኣ ተማሃር፤ ንሰኻ ካብኣ ከምትበልጽ'ውን ኣይትረስዕ፡ ካብ ፍጡራት ኵሎም ሕሉፍ ትዕድልቲ ዝተዓደልካ ንሰኻ ኢኻ፤ ነዚ ከዓ ሕዝቅኤል ብመጠኑ ገሊጽዎ ኣሎ። ነቲ ነቢይ ዝተገልጸሉ ራእይ ከዓ ከምዚ ዚስዕብ እዩ። “እነሆ ማያት ካብ ትሕቲ መድረኽ እታ ቤት (መቕደስ) ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ወጸ .... ካብቲ የማናይ ወገን ከዓ ይፍልፍል ነበረ። እቲ ሰብኣይ ናብ ምሥራቕ ኪወጽእ ከሎ ዚእምተሉ እመት ኣብ ኢዱ ነበረ።... ብእኡ ገይሩ ከዓ ኣርባዕተ ሽሕ እመት ለክዐ። ክሳገር እውን ወሰደኒ፡ እቲ ማያት ድማ ናብ ዓካዓካችቶይ በጽሐ። እቲ ካልኣይ ሽሕ እመት ዚለክዖ እውን ኣብ ኣብራኽይ በጽሐ፤ እቲ ሣልሳይ ድማ ኣብ ሕቌይ በጽሐ፤ እቲ ኣብ መወዳእታ ዚለክዖ ግና “እቲ ማያት ሓንቢስካ እንተዘይኮይኑ ዘይስገር ዓሚቝ ወሓዚ ኮይኑ እዩ'ሞ ኣነ ክሳገሮ ዘይክኣለኒ ውሑጅ ኮነ፤ ንሱ ከዓ ኣታ ወዲ ሰብ ትርኢዶ ኣሎኻ በለኒ፡ ሽዑ ወሰደኒ ኣብቲ ወሰን'ቲ ወሓዚ ማይ መለሰኒ፡ እዚ ማያት እዚ ናብ ምብራቕ አቢሉ ይውሕዝ አሎ፡ ናብ ጐላጉል ኪወርድ፡ ናብ ባሕሪ ከዓ ኪበጽሕ እዩ። ናብ ባሕሪ ምስ አተወ ድማ... እቲ ማያት ባሕሪ ኪጥዒ እዩ። እቲ ወሓዚ ኣብ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ ኵሉ ብሕይወት ክነብር እዩ። ዓሣታት ከምቲ ዓሣ ናይ ዓበይቲ ባሕሪ፡ በብዓይነቶም አዝዮም ብዙኃት ናብኡ ኪህልዉ እዮም። ክኽውን ከዓ እዩ ገፈፍቲ ዓሣ ናብኡ መርበቦም ኪዝርግሑ እዮም። ዓዘቕቱን ዕቋሩን ግና ጨው ኮይኑ ኪነብር እዩ'ምበር አይክጥዕን እዩ። ወሰን ወሰን ናይ'ዚ ሩባ'ዚ ብየማነ ጸጋሙ፡ ኵሉ ዓይነት ፈራይ አእዋም ኪበቍል እዩ፤ አቕጽልቱ አይክጽምሉ፡ ፍሬኡ'ውን አይኪውዳእን እዩ፤ ማያት ካብ'ቲ መቕደስ እዩ ዚፍልፍል'ሞ አብ ወወርሒ ሓዲሽ ፍረ ኪፈሪ፡ ፍኀታቱ ንመግቢ፡ አቕጽልቱ ድማ ንመድኃኒት ኪኸውን እዩ” (ሕዝ 47፡1-12)

እዚ ወሓዚ እዚ ዘይነጽፍ ፈልፋሊ ስለዝኾነ ንዝሓለፎ መሬት ቀጺሉ እናጥለለ ናብ ውቅያኖስ ይሕወስ። በቲ ዘየቋርጽ ወሓዚ ማይ ከዓ አብ የማነ ጸጋሙ ዚርከቡ አእዋም ከየቋረጹ ፍረ ኪህቡ ይርከቡ፤ ፍሬኦም ከዓ ንዝሓለፈ ብዘይ ሌላን ጕሌላን ይምግቡ፤ ልሙዕ ቈጽሎም ድማ ዝደኸመ ዘበለ ኵሉ የዕርፈሉ፤ ነዚ ከዓ እዩም አብ ወሰን ወሓዝ ማይ ዝተተኽለ። እዚ ወሓዚ እዚ ነቲ ደረቕ ምድረበዳ እናንትዐ ይሓልፍ'ሞ፣ አብቲ ምድረ በዳ ከይተረፈ ቈጽሎም ዘይረግፍ፣ ፍሬኦም በብጊዜኡ ዚህቡ ኣእዋም የዕቢ። ብምድረ በዳ ዚጕዓዙ ሰባት፣ ህልከት ናይ ጽምኢ ማይ ስለ ዜጥቅዮም ማይ ዘለዎ የናድዮ'ሞ አማዕድዮም ናብቲ ኣቢሎም ይጕዓዙ። ድኅሪ ነዊሕ ድኻም ከዓ ናብቲ ወሓዚ ማይ ይበጽሑሞ ቅድሚ ምስታዮም አብ ትሕቲ ጽላል ኦም ኮይኖም ህልከቶም የራግፉ፤ ድኻሞም ምስ ወጸሎም ሰብነቶም ቁርብ ምልስ ምስበለ ከዓ ካብቲ ቀጺሉ ዚውሕዝ ርባ ማይ ሕይወት ርስሓቶም ንኸራግፉ ይሕጽቡ። እቲ ብወቕዒ ጸሓይ ምድረበዳን ብነዊሕ ጕዕዞን ዚመጸ ህልከትን ቀስ ብቀስ የራግፍዎ። አዝዩም ምስ ተረጋግኡ ድማ ካብቲ ሕይወት ዚህብ ወሓዚ ማይ ሰትዮም ይረውዩ፤ እንደገና ናብቲ ጽላል ኦም ተመሊሶም ካብቲ ብንፋስ ዚወዛወዝ አቝጽልቲ ጥዕና ዚህብ ሓዲሽ አየር እናተንፈሱ ድኻሞም ይለቀሎም፤ ብድሕሪዚ ካብቲ ኦም ዘዝወደቐ ፍረ ምምጋብ ይጅምሩ። ሰብነቶም ዝኣክል መግቢ ስለዝረኸበ ከዓ ኃይሊ፣ እሞ ከዓ ሓድሽ ሓይሊ ይረክብ። ብምድረበዳ ክትጕዓዝ ከሎኻ እቲ ኣዝዩ አድላዪ ኮይኑ ዚርከብ ማይ እዩ። አብ ምድረበዳ ምስቲ ብርቱዕ ሃሩርን ናይ ፀሓይ ወቕዕን፣ ዝገደደ ከዓ ዚስተ ማይ ዘየልቦ ብሓቂ ጽንኩር ስለዝኾነ፣ ንሕይወትካ አብ ኢድካ ጨቢጥካ ኢኻ ትጕዓዝ። እንተኾነ “ንዘይመውት ፈውሲ አለዎ” ከምዚበሃል ዓ በይቲ አፍላጋት ብምድረ በዳ ሰንጢቖም ናብ ባሕሪ ስለዚጽንበሩ እቶም ብምድረበዳ ዚጕዓዙ'ውን አብዚ ፈለግዚ ንምብጻሕ ዘይሕለል ጻዕሪ እዮም ዜካይዱ።

ዓለም'ውን ብኃጢኣት ምኽንያት ምድረ በዳ ኰይና ወጅሃታ (ግርማኣ) ተቐንጢጡ ከሎ ብደረቕ ምድረበዳ አብ እትመላለሰሉ እዋን፣ ፈለግ ሕይወት ዝኾነ ኢየሱስ ነቲ ብኃጢኣት ባዲሙ ዝነበረ ሕይወትና ንኸተርክሰልናን ንኸርውየናን ካብቲ ወሓዚ ማይ ሕይወት ክንሰቲ ኣብቲ ብኃጢኣት እናተጨማለቕና እንነብረሉ ወሪዱ፣ ብምድረበዳ ሰንጢቑ ሓሊፉ ነቶም ጽምኦም ንኽርውዩ ብምድረበዳ “ሃለኽ”! እናበሉ ዚርከቡ ጠለት ኪህቦም ቀጺሉ ይውሕዝ ኣሎ። “ዝጸምአ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ!” (ዮሐ.7፥37) እናበለ ከዓ ቀጺሉ ዕድመ ይገብረልና ኣሎ። እዚ ማይ ሕይወት ዝኾነ ወሓዚ ካብ የማናይ ወገን ናይቲ መቕደስ ቀጺሉ ዚፍልፍል ዘሎ እዩ። ንዝሓለፎ ዘበለ ኵሉ እናረስረሰ ከየቋረጸ ናብ ባሕሪ ይጽምበር፤ ነቲ ምዉት ባሕሪ ከይተረፈ ከዓ ሂወት ሂቡ ዓ ሳታት ከም ዚፋረዩ ዚገብርን ነቲ ደረቕ ምድረበዳ ዝነበረ ኣጥሊሉ ፍርያም ዚገብርን ብርቱዕ ዘየቋርጽ ወሓዚ እዩ። ነዚ ወሓዚ'ዚ ዳዊት፣ “... ኣብ ዝሓለፍካዮ በረኸት

የንጠብጥብ፡ በረኻታት ምድረበዳ ኣንጠብጠቡ፡ ኮረብታታት ድማ ብታሕጓስ ተሸፊኑ" ይብሎ።

እዚ ሕይወት ዚህብ ዘይነጽፍ ምንጪ ዓይኒ ማይ ንዳዊት ኮነ ንነቢይ ሕዝቅኤል ንኻልኦት'ውን ከምኡ ብራእይ ዝተገልጸሎም ከምቶም ብምድረበዳ ዝሓልፉ ኣፍላጋት ንዝተወሰኑ ቦታታትን ወገናትን ዚምግብ ጥራይ ዘይኮነስ ንምሉእ ዓለም ንዝጠመየ ዜዓ ንግልን ንዝጸምአ ዜርውን ንዝነቐጸ ዜተርክስን፡ ንዝደረቐ ሕይወት ሂቡ ዘለምልምን፡ እቲ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ጐድኑ ዚፈሰሰ ደምን ማይን፡ መወዳድርቲ ዘይብሉ ቀጺሉ ዚውሕዝ ርባታት ማይ ሕይወት እዩ። ካብ ውሽጢ'ቲ ቅዱስ ዝኾነ ኣምላኽና ዝፈልፈለ ወሓዚ ጸጋ፡ ዘይነጽፍን ዘይጐድልን ባሕሪ፡ ናይ ሕይወት ዓይኒ ማይ እዩ። እዚ ዓይኒ ማይ ሕይወት ዝኾነ ወሓዚ ጸጋ፡ ነታ ብኃጢኣት ደሪቓ ዝነበረት ዓለም በዚ ወሓዚ ጸጋወዚ ገይሩ የተርክሳን ሕይወት ይህባን። እዚ ወሓዚ ጸጋ'ዚ "ዝጸምአ እንተሎ ናባይ ይምጻእዉሞ ይስተ" እናበለ በቶም ኣብ የማነ ጸጋሙ ዝተተኽሉ በእዋም ዝተጠቕሱ እሙናት ኣገልገልቱ ንዝመጽኣ ኩሉ በቲ ልሙዕ ኣቕጽልቶም (ኣብነቶም) ካብ ርሑቕ ሓበሬታ እናሃቡ ካብዚ ወሓዚ ማይ ሕይወት ንኽሰትዩ በቲ ጥለት ዝመልኦ ሕይወቶም ጣዕሙን መቐረቱን ናይቲ ወሓዚ ማይ ሕይወት ነጸብራቕ እናርኣዩ፡ ዝጸምአ ኩሉ ናብኡ ኣቢሉ ኪውሕዝ ይዕድሙ። ኣብዚ ወሓዚ ጸጋ'ዚ ምስ በጽሑ ከዓ ዘለዎም ድኻም ዘበለ ኩሉ፡ ስንፍና፡ ጭንቀት፡ ድርቀት፡ ሓዘን፡ ተስፋ ቍርጸት ወዘተ ኣብዉቲ ማይ ሕይወት ተደርብዮም ይትርክሱዉሞ ካብ ሽግሮም ተላቒቖም ሰላም፡ ቅሳነት፡ ርውየት ይመልኦም። ካብ ኩሉ ሕማሞም ከዓ ይሓውዩ። "እቲ ብኣይ ዚኣምን ከምቲ ጽሑፍ ዚብሎ ካብ ውሽጡ ሩባታት ማይ ሕይወት ኪውሕዝ እዩ" ዝበሎ ከዓ ኣብ ልዕሊኦም ይፍጸም። ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ወሓዚ ጸጋ'ዚ ምስ ኮኑ ድማ ከምተን ኣብ የማነ ጸጋም ናይ'ቲ ወሓዚ ዝተተኽላ እሞ ከዓ ቈጽለን ዘይረግፍ ፍሬኣን እውን ቀጺለን ዝህባ ኣእዋም ይኾኑ።

ኣብኻ ክምለስ፡ ንሰኻ'ውን ካብተን ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ብየማነ ጸጋሙ ዝተተኽላ ኣእዋም ከም እትምሰል ኣይትረስዕ። ርኢኻዶ እታ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ሌላን ጉሌላን ዘይብሉ፡ ንዝመጸ ፍሬኣ ከተበርክትን ጽላላ ድማ ክትልግሥን ጸላኢኣ ደኺሙን ጠምዩን ክመጽእ ከሎ ኣብ ትሕቲ ጽላላ ከየዕርፍን ካብ ፍሬኣ ከይምገብርን፡ ክትነፍገሉ ባህሪኣ ኣይኮነን። የግዳስ ኣብ ትሕቲ ጽላላ ኣዕሪፉ ድኻሙ ምስ ወጸሉ ካብ'ቲ ወሓዚ ማይ ይሰቲ'ሞ ሕይወት ረኺቡ ክመላለስ እዩ ዝርአ።

ንሰኻኸ "ብርሃንኩም ኣብ ዓለም ይብራህ" ንዝበሎ ከምቲ ዝተባህለካ ብርሃንካዶ ኣብቲ እትነብረሉ ኣከባቢ ይበርህ ኣሎ? ገጽካኸ እቶም ዝተጨነቑ ንዃኻ እናክርእዩ ጭንቀቶምዶ ይውገደሎም? እትጥቀመሎም ቃላትከ ንሰማዕትኻ መግቢዶ ይኾኖም? ንዝተወሰነ ዘይኮነስ ቀጺሎምዶ ካባኻ መግቢ ሕይወት ይረኽቡ? እቲ ነቢይ ነታ ኦም፡ "ፍሬኣ ንመግቢ፡ ቈጽላ ድማ ንመድኃኒት ኪኸውን እዩ" ዝበላ፡ ኣባኻስ ብሓቂዶ ይሠርሕ

እዩ? ከመይ እግዚኣብሔር ናይታ ኦም ገዲሱዎ ኣይኮነን ነዚ ራእይ'ዚ ዜመሓላለፈልና። ኣነን ንሾኻን ክንኮኖ ዚግብኣና እዩ ዚሕብረና ዘሎ። ስለዚ ንቓሕ ካብ ድቃስካ ተበራበር፤ ከመይ ብኣኻ ዚምገቡ ብዙኃት ስለዝኾኑ ኬድካ ከተፍርን ፍሬኻ ነባሪ ኪኸውንን ኢኻ እተጸዋዕካ፤ ስለዚ ኣይትዳህልለሉ። ሓላፍነትካ ፍለጥ። እወ ካብቲ ቅዱስ ጐድኑ ዝወጸ ሩባ ማይ ሕይወት ዝሰቴኻን ኣኺሉ ተሪፉካ ዚውሕዝ ዘሎን እዩ። ነዚ ካብ ቅዱስ ጐድኑ ዚውሕዝ ርባታት ማይ ሕይወት ንምልግጋሱ ሸለል እንተበልካ ዓቕርካዮም'ውን እንተ ነበርካ፡ ዘይወጽእ ጣዕሳ ኪኾነካ እዩ። "ዓዘቕቱን ዕቒሩን ጨው ኮይኑ ኪነብር እዩ'ምበር ኣይኪጥዕን እዩ" (ሕዝ. 47፥11)። እቲ ብውሽጢ ልብኻ ሰንጢቑ ኣርውዩካ ዚሓልፍ ማይ ሕይወት ይውሓዝ ግደፎ። ንዝደረቐ ዘበለ ኵሉ የተርክስ ግደፎ፤ ኣብ ዝሓለፍካዮ ዘበለ ጥለት ግደፍ፡ ሠናይ ስም ገዳፍካ ሕለፍ።

ሔዋን ካብ ጐድኒ ኣዳም ከም ዝወጸት ቤተክርስቲያን ከዓ ካብቲ ቅዱስ ዝኾነ ጐድኒ ኢየሱስ ዝወጸ ደምን ማይን ዝፈልፈለ ማእለያ ዘይብሉ ቀጻሊ ዝኾነ ወሓዚ ተሓጺባን ተሸሊማን ዝወጸት እያ። ኣዳም ከቢድ ድቃስ ወሲድዎ ከሎ ካብ ጐድኑ ዝወጸት ሰበይቲ፡ ኣደ ሕያዋን ተባሂላ ክትጽዋዕ ከላ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ከቢድ ናይ ሞት ድቃስ ከሎ ነቲ ቅዱስ ጐድኑ ምስ ወግእዎ በቲ ደምን ማይን ዝፈሰሰ፡ ንቤተክርስቲያን ካብ ርስሓታ ሓጺቡ ቀደሳ፤ በቲ ቅዱስ ደሙ ስለ ዝዓደጋ ከዓ ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ተባሂላ ትጽዋዕ ኣላ። እንታይ'ሞ ኪኸውን፡ ኣነን ንሾኻን ኳንና ደቃ፤ ክሳብ መኣስ ብዕሽነት ክንመላለስ፡ ይኣክል! ካብዙይ ቅዱስ ቤተመቕደስ ዝተወለድካ ውሉድ ደም፡ ውሉድ ሥጋ ወይ ድማ ውሉድ ፍቓድ ሰብኣይ ኳንካ ኽይትተርፍ ብደሙ ማኅተም ዝተገብረልካ ምስ ማኅበር ቅዱሳን ሱታፌ ዘሎካ ሰብ ኢኻ፤ ብእምነት እንተ ደኣ ተመላሊስካ ካብ ውሽጥኻ ሩባታት ማይ ሕይወት ኪውሕዝ ኣዩ፤ ፍሬኻ ከዓ ነባሪ ኪኸውን እዩ።

## ሠ. ኣብ ማይ ሕይወት ምጥላቕ ዜስዕቦ በረኸት

እቲ ብሽሕ እመት ኣርባዕተ ጊዜ ዝተለክዐ ርባታት ማይ ሕይወት እናሓንበስካ ሰንጢቕካ ሓሊፍካዮዶ? ወይስ ናብታ መጀመርያ ኣብ ዓካር ዓካሪትካ እትበጽሕ ማይ ሕይወት ምስ በጻሕካ ኣይቀጸልካን? ወይስ ኣብታ ካልኣይቲ ኣብ ብርክኻ ምስ በጽሐ ኣብኡ ጠጠው ኢልካ? ወይ ድማ ናብታ ሣልሰይቲ ናብ ሕቘኻ ምስ በጽሐ ዝበቓዕካ መሲሉካ ሕይወትካ ኣብኡ ኣዕሪፉ?

ነቲ ብጥልቀቱ ሓምቢስካ እንተዘይኮይኑ ክትሳገሮ ዘይትኽእል ርባታት ማይ ሕይወት ኵለንትናኻ ተኣሊኽካ ክትሕምብስ ጀምር እሞ እቲ ኵሉ ዚኽእል ጐይታ ኬኽእለካ እዩ፤ እንታይነትካ ኣብኡ ጥሒሉ ምስተረፈ ከዓ "ማእለያ ዘይብሎም መን እዩ

ንጽቡቕ ዘርእየና” እናበሉ ንዚጭርሑ፣ ካብ ውሽጦኻ ርባታት ማይ ሕይወት ስለዚውሕዝ ኣብዚ ማይ ሕይወት'ዚ ኣቢሎም ኻኸምርሑ ነቲ መንገድን ሓቅን ሕይወትን ዝኾነ ጐይታ ክትሕብሮም ክትክእል ኢኻ።

እሞኸ ደኣ ነዚ ከይትገብር ዚዕንቅጸካ ዘሎ እንታይ እዩ? “እቲ ፍቓድ እግዚኣብሔር ዚገብር፣ ንዘለዓለም ይነብር፤ እዚ ዓለምን ናብ ዓለም ዘሎን ግና ሓላፊ ስለዝኾነ ኣይትብሃጎ” ብፍቓድካ ምምልላስ ካብ ሕጂ ንድሓር ይትረፍካ። ፍከራ ናይ ቅዱስ ጳውሎስዶ ኣየቕንኣካን እዩ? ሕይወቱ ብዓወት ምስ ደምደሞ፣ “ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፣ ጕያይ ወዲአ እየ፣ ነታ እምነት እውን ሓልየያ እየ፣ ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ፤ እዚ ግና ነቶም ንምግላጹ ሃረር ዚብሉ ኵላቶም ድማ እዩ እምበር ንኣይ ጥራይ ኣይኮነን” (2ጢሞ. 4፥7-8) ይብል። ንሸኻ'ውን ኣብዚ መሰል ኣሎካ።

ንሸኻ ግና ኣማዕዲኻ ኣብቲ ዓስቢ ዓወት ክንዲ ትምልከት በቲ ናይ ደገ ሥነ ሥርዓትካ ርእዮም ዚውድሱካን ዚምጉሸኻን ሰባት ተታሊልካ ዝበቓዕካ መሲሉካ ባርኖስ ጃህራ ተወንዚፍካ ክትመላለስ ምርኣየይ ኣየ ክንደይ እዩ (ዜሕዝነኒ) ዘጕህየኒ! ህድእ ኢልካ እሞ ሕሰብ፣ ንመን ኢኻ እተትዓሻሹ ዘሎኻ? ነቲ ልብን ኰላሊትን ዚምርምር ከተታልል ትዕቅን ኣሎኻ? “ብመዓልቲ ፍርዲ ብሓቂ እብለካ አሎኻ፣ አይትፈልጠካን እየ እንተበለካዶ ይሓይሽ? ካብዚ ዜሰንብድ ቃል'ዝስ ይሰውርካ። ንኣሽቱ ነገራት (ሕዝ. 47፥3-5፥ መዝ.4፥6) ተሰዊሮም ዝተረፉኻ፣ ዝዘንጋዕካሎም ሽለል ዝበልካዮም፣ ከም ፍረ ጽድቂ ዚቔጸርካዮም እንተለው ቅድስና ከየምልጠካ ሓደ ብሓደ ሃሰስ በሎም እሞ ምስ ረኸብካዮም ብቈራጽነት በንቀኣስካ ክትውግዶም ጸዓር።

ረ. ሓቀኛ መንፈሳውነት ይሃሉኻ

መንፈሳውነትካ ኣብ ቤተክርስትያን ጥራይ ድዩ ወይስ ኣብ ኵሉ ቦታ? ትሕትናኻ ኣብ ቅድሚ ዓበይቲ ሰባት ጥራይ ድዩ ወይስ ኣብ ቅድሚ ተራ ሰብ ከይተረፈ እዩ ዜንጸባርቕ? ትዕግሥትኻ ኣብ ቅድሚ ፈተውትኻ ጥራይ ዲዩ ወይስ ንጸላእትኻ ከይተረፈ ዚማርኽ ትዕግሥትኻ ኣብ ቅድሚ ፈተውትኻ ጥራይ ዲዩ ወይስ ንጸላእትኻ ከይተረፈ ዚማርኽ ትዕግሥቲ ኣሎካ? ብመንፈሳውነትካ ንተዓዛቢኻ እትሃንፅ ሰብ ዲኻ? እቲ እትሰብኮን እትዝምሮን ምስቲ ናብራ ሕይወትካ ይሰማማዕ ድዩ? መልሓስካ ክልተ ዝዓ ይነታ ከይትኸውን ተጠንቀቕ፤ ይዝከርካዶ ብጊዜ ጕብዝናኻ መን ከማይ እንበልካ ክትጀሃር፣ ከም አፍዑት ፉፍ! ክትብል፥ ከም ዕንቅርቢት ክትናኸስ፥ ከም ህቦብላ ንፋስ ክትነፍስ፥ ብትዕቢት ተነፊሕካ ኣብ ርእሲ ሰብ ክትይድብ፥ ሕጂ ግና እዚ ኵሉ ተሪፉ ናብ ኣምላኽካ ተመሊስካ ኣብ ቤተክርስትያን ተላቢስካ፣ ዲኖ በጊዕ ተኸዲንካ አሜን

ሃሌሉያ! እናበልካ ክትዝምርን ከተመስግንን ከሎኻ ንተዓዛቢኻ ዚሃንጽ እዩ። ብሕልፊ ነቶም ዝቐደሙ አመላትካ ብኃይሊ መንፈስ ስዒርካስ አብ ልዕሊኦም ተዓዊትካ እንተደአ ኴንካ እወ ብሓቂ ዚሃንጽ ሕይወት እዩ። እንተኾነ ካብ'ቲ ናይ ቀደም አረጊት አመላትካ ተሰዊሩ ዝተረፈ፡ ወይ ሽለል ኢልካ ዝገደፍካዮ፡ እሞ ከዓ አብ ቅድሚቶም ዚውድሱኻን ዜዓጅብኻን ፍሉይ ሰብ ገይሮም ዝርእዩኻን ተጠንቂቕካ ብስውር ሓቝፍካዩ እትንብር እንተ ደአ ኴንካ ንገዛእ ርእስኻ ብሓላፊ ውዳሴ ተታልላ አሎኻ።

ባዕልኻ እተምጽኦ ጠንቂ እሞ ከዓ ከቢድ ጕድኣት ዜስዕበልካ እንተጠቆምኩኻስ ብዕ ሩፍ ሕሊናሶ ክትሰምዓኒ ምኽኣልካ? ዝኾነ ይኹን ሰብ ምስ ዜባሳጭወካ ብናይ ውሽጥኻ ነድሪ ተደፊእካ፡ ዓ...ሕ! ዋይ አነ ግዲ! ንተዓዘብተይ ዕንቅፋት ከይከውን እምበር... ክርስትያን ስለዝኾንኩ እምበር ... በዓል መዓርግ ስለ ዝኾንኩ ... ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ተባሂለ ዝጽዋዕ ስለ ዝኾንኩ እምበር ... ወዘተ መርኣኹዎ ነይረ! በሊዐ'ውን ኣይምጸገብኩሉን ነይረ! እናበልካዶ ተሕነኒ? ይዋእ ኢኻ! ዓይኒ ሰብ ፈሪህካ ወይ ድማ ክርስቲያን ብምዃንካ ጥራይ እንተደኣ ኮይኑ ክፉእ ከይትገብር ቀይዱ ሒዙካ ዘሎ፡ ነቶም ዚገጥሙኻ ፈተናታት ተሓጕስካ "እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዚመጽእ ቡሩኽ እዩ" እናበልካ፡ ክትስዕሮም እንተዘይተጋዲልካ፡ እቲ ናይ ውሽጥኻ ነድሪ ሰበብ ጥራይ ዚደሊ እንተደኣ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢኻ ምብቃል ኣይተረፈካን። ነዚ ኵሉ ምኽንያት ኮይኑ ዚርከብ ዘሎ ብክርስትያናዊ ሕይወት ስለ ዘይበሰልካን፡ ኣብ'ቲ ርባታት ማይ ሕይወት ምሕምባስ ስለ ዘይተለማመድካን እዩ። እወ፡ ጌና ከም ቀደምካ ምስ ኣረጊት ባህርኻ ኢኻ ትቃለስ ዘሎኻ፤ ስለዚ ቅድም ምስ ኣረጊት ባህርኻ ዘሎካ ቃልሲ ክትውድእ የድሊ። ረሲዕ ካዮ ዲኻ ቅዱስ ጳውሎስ ዝሃበካ ምሕጽንታ፡ "ነቲ ቀደም እትነብርሉ ዝነበርኩም ብክፉእ ትምኒት ዝተባላሸወ ኣረጊት ሰብነትኩም ቀንጢጡ፡ በተሓሳሰቢኹም እውን ተሓደሱ፡ ነቲ ብኣርኣያ እግዚኣብሔር ብጽድቅን ብቅድስናን ዝተፈጥረ ሓዲሽ ሰብ ከዓ ልበስዎ" (ኤፌ. 4፡22-24) እናበለ ካብኡ ክንወጽእ ከምዘሎና ኣጠንቂቑና እዩ። ንስኻ ግና በዚ ሕይወት'ዚ ትማላለስ ዘሎኻ ትመስል? እምበኣርከስ እዚ ባሕርይ እዚ ባሕርይ ክርስትና ኣይኮነን፥ ተንሥእ እሞ ዶሮና ኣመልካ ኣራጊፍካ ብቈራጽነት ተለዓል! ነቲ ዝለመድካዮ ሰንካም ኣመልካ ኽትውግዶ ንጊዜኡ ይብርትዓካ ይኸውን፡ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ተዓወትካ ግና ከም ቅዱስ እስጢፋኖስ ንጸላእትኻ "ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ኣይትሓዘሎም" እናበልካ ብብርቱዕ ፍቕሪ ተደፊእካ ክትምሕሮምን ክትጽልየሎምን ክትርከብ ኢኻ።

## ሰ. ሠናይ ዘበለ ነገር ኵሉ ኣብ ኣእምሮኻ ይቀረጽ፡ ኣብ መዝገብ ልብኻ ከዓ ይተሓተም

ንብሕትኻ ተቐሚጥካ ከሎኻ፡ ወይ ንበይንኻ እናኸድካ ከሎኻ፡ ክፉእ ዚገበረካ ሕሱም ሰብዶ ትዝ! ኢሉካ ይፈልጥ? ስለዚ ሰብዚ ብሓሳብካ ብምሉእ ኣእምሮኻ ይኹን ኣይኹን

ኣይግድስን እዩ፥ እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ነድሪ ፈሊሑካ ክዳንካ ሰብሲብካ፡ ነዲርካ ክትጥሕሮን ከተዋርዶን ሓንቲ'ኳ ከምዘይብሉ ጌርካ ከተቃልሎን ከተካፍኦንዶ ትርከብ? እዚ ኩሉ ግና ብሓሳብካ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሓሳብ ቃልሲ ኪፍጠር ከሎ፡ ናይ ምልኣት ልብኻ ባህሪይ ዚገልጽ እዩ። ካብ ቅዱስ ማኅደር ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ኪወጽእ ኣይግባእን። "ንስኻ ቤተ መቕደስ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ፥ ስለዚ ካብ ማእከሎም ውጻእ" (2ቆሮ. 6፡17)። ንሕዝቅኤል ነብይ ዝተገልጸሉ ራእይ ርባታት ማይ ሕይወት፡ ኣብ የማነ ጸጋሙ ዝተተኽላ ኣእዋም ኩሉ ጊዜ ካብ'ቲ ርባታት ማይ ሕይወት ዝቐሰማኦ ጥራይ እየን ዜንጸባርቓ፥ ንስኻ ግን ካብዚ ርባታት ማይ ሕይወት ሰቲኻ ኘኸተብቅዕ ምስቲ ማይ ሕይወት ዘይሳነ ባሕሪይ ተንጸባርቐ ኣሎኻ። ኃጢኣት ደይ መደይ ኢልካ ከም ዘይትገብር እፈልጥ እየ። ኘኽፉእ ዘበለ ኩሉ ጽኑዕ ተቓውሞ ከም እተካይድ እውን እፈልጥ እየ። እንተኾነ ንኃጢኣት ፈጺምካ ከም ዘይተጸየፍካዮ ዘመልክት ኣብ ሕይወትካ ሓሓሊፉ በለቕ ክብል ይርአ ኣሎ፤ ተጸይፍካዮ እንተትኸውን፥ ሽሕ'ኳ እቲ ክፉእ ዝንባሌኻ ኣዘንጊዑ እንተመጸካ ኣይምተቐበልካዮን ኔርካ፤ ርግጽ ንምቕዋሙ ትቃለስ ኢኻ፡ ምቅዋምካ ኣይነጽጎን እየ፡ ጽቡቕ እዩ። እትቃወሞ ዘሎኻ ምስኡ ዕርክነት ዘየዋጽኣካ ምዃኑ ስለ ዝተረዳእካ ኢኻ ትዝ እናኸብለካ ትከላኸል ዘሎኻ። ተጸይፍካዮ እንተ ትኸውን ግን ዋጋ ኣይምቼጸርካዮን ኔርካ።

"ሕጅስ እምበር ኣብዚኣካዮ! እንታይ ክገብር ኢኻ ትደልየኒ ዘሎኻ? ኃጢኣት እኮ! ፈሊጥካን ደሊኻን ክትገብሮ ከሎኻ ጥራይ እዩ ኃጢኣት ዝኸውን እቲ ብዘይ ድላይካን ዘንጊዕካ ከሎኻ ብዘይፍላጥን እትገብሮ ግና ኃጢኣት ኣይኮነን፡ ንስኻ ግና በቲ ዘንጊዐ ከሎኹ ዝገበርኩዎ ትወቕሰኒ፡ እናበልካ ከምዘይትቕበለኒ እፈልጥ እየ። ኦ ኃወይ! ነቲ ቅዱስ ወንጌል፡ "መዝገብኩም ኣብ ዘለዎ ልብኹም ኣብኡ ኣሎ" ዝበሎ ዘክር።

እዚ ከምዚ ዝበለ ባህርይ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ፈጺሙ ቦታ የብሉን፤ ኣብ'ቲ ቅዱስ ማኅደር እውን ሕማቕ ዘበለ ኪሕለን ኣይግብኦን። ሕጂ ዘዛርበኒ ዘሎ ብዛዕባ'ቲ ከም ክፉእ ጌርካ ዘይትግምቶ፡ እሞ ኸዓ ኣዕዚዝካ ከይትፈሪን ከይተፍርን ወጢሩ ሒዙካ ዘሎ ኣመላትካ እዩ። ንኃጢኣት እሞ ከዓ መዓንጣኻ ሸጥ! ኣቢልካ ከም እትቃወሞ ኣይጠራጠርን እየ፤ እንተኾነ ግና ጌና ኣይተጸየፍካዮን። ምጽያፍን ምቅዋምን ዝተፈላለዩ ቃላት እዮም። እቲ እትቃወሞ ሓደ ሓደ ጊዜ ከሸንፈካ ዘይክኣል ኣይኮነን፤ ነቲ እተጸየፍካዮ ግና ንዒቕካ ስለ ዝሓደግካዮ፡ ኣብ ልብኻ ቦታ ስለዘይረክብ፡ ብግዜ ምስትውዓ ልካ ኮነ ብጊዜ ምዝንጋዕካ ብሕልምኻ'ውን ከይተረረፈ እቲ ሠናይ ኣብ መዝገብ ልብኻ ዘሎ እዩ በለቕ ዚብለካ። ናይ'ታ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ባህሪይ ተመልኪትካዶ? ናይቲ ተቶኺላትሉ ዘላ ነጸብራቕ እንተዘይኮኑ ካልእ ነጸብራቕ ከተርኢ ኣይተረኽበትን፤ ንስኻ ግና ብጐይታ ካብኣ ትበልጽ ከሎኻ ዝተፈላለዩ ነጸብራቕ ተርኢ ኣሎኻ።

ሕጅስ ደረት "አፍ ሳይድ" ሓሊፍካ ከምትብለኒ ኣይስሕቶን እየ፤ እወ "አፍ ሳይድ" ከምዝሓለፍኩ እርድኣኒ እዩ። ንሸኻ'ውን ካብ ባህሪይ ዓለምን ሥጋን አፍ ሳይድ እንተዘይሓሊፍካ፡ መልዕልተ ባሕርይ ክትለብስ ኣሸጋሪ እዩ፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነታ ኦም በለስ እተርፍየሉ ወርሓት ዘይነበረ ከሎ ካብ ዝግባኣ ንላዕሊ ስለ ዘየፍረየት ("አፍ ሳይድ" ስለዘይሓለፈት) ረገማ፤ ካብኻ'ውን ትጽቢት ካብ ዚግበረልካ ንላዕሊ እዩ ፍረ ዝድለ ዘሎ። ኣታ ዓሻ! ዓሻ እንተብልኩኻ ኣይትሕዘን፤ ዓሻ እንተቸኽውንሲ ኣይመጕሃየንን ነይሩ፤ ፈራህ ስለ ዝኾንካ ብፍርሂ ዝኣክል ኢደ እግርኻ ተኣሲሩ ትሕዞን ተረምስሶን ጠፊኡካ እዩ ዘሎ። "እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ኣውጺኣ ትድርብያ ደኣ'ምበር ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን። ፍርሃት ምስ መቕጻዕቲ ዝተተሓሓዘት ስለዝኾነት እቲ ዚፈርህ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኮነን" (1ዮሓ. 4፥18)። ስለዚ ኣጽዋር እምነት ተዓጢቕካ ብፍቕሪ ጐይታ ክትቃጸል ተለዓል። እቲ ሓቀኛ ፍቕሪ ባዕሉ ኪሕብረካ እዩ። ከም በጊዕ ደኒንካ ምድሪ ምድሪ ቀንፈዘው ኣይትበል። ከም ንስሪ ብዓይኒ ልቦናኻ ንሰማይ ኣቢልካ እናጠመትካ ኣቕልቦኻ ናብ ሰማያዊ ኣምላኽካ ጥራይ እናገበርካ ብመንፈስ ንፈር። ንስሪ ከም ደርሆ ክነፍር እንተትርእዮ ምገረመካዶ ነይሩ? ግናኸ ክሳብ ክንድዚ ዝገርም ኣይኮነን። ኵሎም እንስሳታት እዮም፤ ናትካ እዩ ብጣዕሚ ዝገርም። ብሰረገላ እሳት ንሰማይ ክትዓርግ ዚግብኣካ ብባህሪያዊ መንገዲ ምኻድ መሪጽካ ርእሰኻ ኣድኒንካ ምድሪ ምድሪ ቀንፈዘው ትብል ኣሎኻ።

እዝስ ኣይክኣልን እዩ ብዝብል ድኹም ኀሊና፡ ኣብኻ ዘሎ መለኮታዊ ኃይሊ ንኸይሰርሕ ዓፊንካ ሒዝካዮ ትርከብ ኣሎኻ፤ ስለምንታይ ኀሊናኻ ተዕርብ? እቲ ብሰብ ዘይክኣል በቲ ማይ ሕይወት ዘስተየካ ጐይታ ንኹሉ ክትክእሎ ኢኻ።

እቲ ዓቢይ ኃይሊ ናይ ኣምላኽ እምበር ናትና ከምዘይኮነ ምእንቲ ኪግሃድ እዚ ነገር'ዚ ኣባና ከም ኣብ ኣቕሓ መሬት ዝተቐመጠ እዩ። ብኹሉ ወገን ንግፋዕ፡ ግና ኣይንሰዓርን ኢና፤ እንገብሮ ይጠፍኣና፡ ግና ተስፋ ኣይንቈርጽን ኢና። የሳድዱና፡ ግና ኣይተሳዓርናን፡ ይወቕዑና ግና ኣይንመውትን ኢና፡ ሕይወት ኢየሱስ ኣብ ሰብነትና ምእንቲ ኪግሃድ እውን ሞት ኢየሱስ ኣብ ሰብነትና ኵሉ ሳዕ ንጸውር ኣሎና" (2ቆሮ. 4፥7-10)።

ስለዚ እቲ ኣብኻ ዘሎ ኃይሊ ኣምላኽ ምእንቲ ኪሠርሕ ኣብኻ'ውን እናማዕበለ ኪኸይድ ኣተሓሳስባኻን ቋንቋኻን ለዊጥካ ናብኡ ጥራይ ንምቕላብ ጸዓር፡ ዓወት ከዓ ክትረኽበሉ ኢኻ።

### ቀ. "መን ምዃንካ ክፈልጥሲ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገረኒ"

ኣዕሩኽትኻ በዓል መን እዮም? ምስ ቋንቋኻን ኣተሓሳስባኻን ፈጺሞም ርክብ ዘይብሎም ድዮም? ማለት ናይ ሰኽራን ናይ ዝሙት ኣመል ዘለዎም ብርኽሰት ዝተመልአ መልሓስ ዘለዎም ድዮም? ዋዛ ፈዛዛ! ዜብዝሑ ድዮም? ምስዚኣቶም መን ጸመደካ? በቲ ዚፍጽምዎ ሥራሕ እንተ ተቓወምካዮም ንሰኻስ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ኢኻ፡ ብዛዕባ ዓ ለም ሓንቲ ስለ ዘይትፈልጥ ሰቕ ኢልካ ምስማዕ ጥራይ እዩ ዘዋጽኣካ እናበሉ ኣብ ልዕሌኻ ንዜባጭዉ፡ በዚ ዘይረብሕ ልግጭኦም (ላግጾም) ተታሊልካ ብሓሳዊ ውዳሴ ካብ ኵሎም ዝጸደቕካን ጸብለል ዝበልካን መሲሉካ ካብኦምስ ኣነ እሓይሽ እየ ብማለት ጽድቕ ብኣታቶም እናገምገምካ ንኽተድንኖም ዘይኮነስ ንክብሪ ርእሰኻ ክትብል ከይተፈለጠካ ብቋንቋኦምን በተሓሳስብኦምን እናተመረዝካ ናብ ጥፍኣት ኣቢልካ ኢኻ ትጉዓዝ ዘሎኻ፤ ከይተፈለጠካ ጥራሕካ ከይትተርፍ የፍርሓኒ እዩ። እዚ ክብል ከሎኹ ነቶም ኣብ ጥፍኣት ዚመሓደሩ ግደፎም ማለተይ ኣይኮነን፤ ናባኻ ክትስሕቦም እምበር ናብኦም ክስሕቡኻ ኣይግባእን። እታ ዝተረግመት ኦም ካብ'ተን ኣብ ኣከባቢኣ ዝነበራ ኣእዋም ፍሉይ ለምዒ ነይሩዋ፤ ንሰኻ'ውን ከምኡ ብጐይታ ካብኣቶም ጸብለል ኢልካ እትርአ ሰብ ኢኻ።

ኢየሱስ ለሚዓ ምስ ረኣያ ፍረ ይርከባ ይኸውን ኢሉ ናብኣ እንተቐረበ፡ ልክዕ ከምተን ካልኦት ፍረ ኣይነበራን፤ ካብኣተን ክትበልጽ ዚግባኣ ልክዕ ካብ ኣከባቢኣ ዘይትሓይሽ ኰይና ጸንሓቶ። ንሓዋሩ ፍረ ከይትህብ'ውን ረገማ። ንሰኻ'ውን እዚ ኵሉ ብጸጋ ተሸሊምካ ከተብቅዕ ትጽቢት ካብ ዝግበረልካ ንላዕሊ እንተዘየፍሪኻ ወይለኻ! በከባቢኻ ዝነፍስ ንፋስ ከየዳህልለካ ተጠንቀቕ። ዳዊት "ብምኽሪ ረሲኣን ዘይከይድ፡ ኣብ መንገዲ ኃጥኣን ዘይቀውም፡ ኣብ ኣኼባ ተሳለቕቲ ዘይቅመጥ፡ ግና ብሕጊ እግዚኣብሔር ዚሕጐስ ለይትን መዓልትን'ውን ንሕጉ ዘስተንትኖ ሰብ ብፁዕ እዩ" ኢሉካዩ'ሞ ስምዓዮ (መዝ. 1፥1-2)።

ከምኡ'ውን ሓ.ጳውሎስ (2ቆሮ. 6፥14-16) "ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣይትቈረኑ፤ ጽድቅን ኃጢኣትንከ ኣበይ ይራኸቡ? ወይ ከዓ ብርሃን ምስ ጸልማት እንታይ ሕብረት ኣለዎም? ክርስቶስ ምስ ዲያብሎስ እንታይ ስምምዕ ኣለዎ? ኣማኒ ምስ ዘይኣማኒ እንታይ ሕብረት ኣለዎ? መቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣዖት እንታይ ስምምዕ ኣለዎ? ንሕና ቤተመቕደስ ሕያው ኣምላኽ ኢና፡ ስለ'ዚ ካብ ማእከሎም ውጹ!" ይብለና ኣሎ'ሞ ንስምዓዮ።

### በ. ፍቕርኻ ንኹሉ ብዘይ ግብዝነት ትኹን

ኣብ እትነብረሉ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ቤተክርስቲያን፡ ወይ ኣብ ጉባኤ ጸሎት ወይ

ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ፡ ካብ'ቶም ምሳኻ ሓቢሮም ዚሳተፉ ደስ ዘይብለካ ምስክርነቲ ዘይውሓጠልካ ቃል እግዚኣብሔር ኣብ ዘተሓላለፈሉ ጊዜ'ውን ይኹን ርእሰኻ ኣድኒንካ ቃሉ ንኸይትሰምዖ ተዕለብጥ፤ ቁሩብ ደቓይቕ እውን እንተተዛረበ ነዊሕ ሰዓታት ኮይኑዶ ይስምዓካ? ርግጽ እዩ ናይ ቀለዓለም ደኣ ይኹን እምበር ሰላምታኻ ኣይትነፍገሉን ኢኻ፤ እዚ ከዓ ንረኣይኻ መሸፈኒ እምበር ካብ ልብኻ ዝነቐለ ኣይኮነን፤ ስለዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰላምታ ሕውነት ክምሥርት ኣይክእልን እዩ፤ ከምዚ ክብል ከሎኹ ነገር እናደለየካ ኣቀባጥረሉ ማለተይ ኣይኮነን። ኣብ ክርስትና ምቅብጣር ኣይሠርሕን እዩ። ኣብዚ ተጠንቀቕ! ኃውኻ ክልተ መልክዕ ሒዙ እዩ ዚመጸካ ዘሎ፡ እቲ ድኹም ረድኤት ዜድልዮ ሓውኻ፡ ምስቲ “መጻርርትኻ፡ ዚውሕጦ ደልዩ ከም ዚጓዝም ኣንበሳ ዚዘውር ዘሎ” (1ጴጥ. 5፥8) ንኣኻ'ውን ብኃውኻ ገይሩ ከረኻኽበልካ ዘይጥቀሞ ተንኰል የልቦን፡ ኣብዚ እምበኣር'ዩሞ መንፈሳዊ ጅግንነትካ ዚምዘን፡ ከይትሓድጎን ከም ሰይጣን ጌርካ ከይትቃወሞን ብዘይ ፍቕሪ ኃው መንግሥቲ ኣምላኽ ክትወርስ ኣይትኽእልን ኢኻ። ከይተቀባጥረሉ ከዓ ሰይጣን ናባኻ መእተዊ ኪረክብ እዩ። ኦ ኃወይ! ኣብቲ ጐይታ ኣጥቢቑ ዜማኅጸነካ ኣቕልብ፡ “ጥበበኛ ከም ተመን ለዋህ ከም ርግቢ” ኲንካ ቅረቦ።

ቅንፍዝ መቸም ሰብነታ ኵሉ ብእሾኽ ከም እተኸበ ትፈልጥ ኢኻ። ሓደ ጊዜ ክትሕተት ተጸዊዓ መጸት፤ እቲ ሕቶ ከምዚ ዚስዕብ ኣዩ ነይሩ። “ወይዘሮ ቅንፍዝ ንደቕኺ ከመይ ገይርኪ ትሓቕፍዮም?” ምስ በልዋ፡ “ከከም ገጾም” ኢላ መለሰት ይበሃል። ንሰኻ ከዓ ነቲ ብናይ ጸላኢ እሾኽ ዝተኸበ ሓውካ ነቲ እሾኽ ተመልኪትካ ክንዲ ትጭክነሉ፡ ካብቲ ተኸቢብዎ ዘሎ ንኸተውጽኦ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣካይድ፤ ናይ ቀለዓለም ሰላምታኻ ኣቒሪጽካ ብሠናይ ተግባር ተክኣዮ። ናይ ቀለዓለም ሰላምታ ፍረ የብሉን። ጐይታ ክመጽእ ከሎ ብዘይ ፍረ እንተጸኒሕካ ከዓ ወይለኻ! እቲ ጽሑፍ “ንብጻይካ ከም ርእሰኻ ፍቶ” እዩ ዚብል። ምናልባትከ እግዚኣብሔር ንኣኻ ዚኸውን መልእኽቲ በቲ ጸላኢኻ ገይሩ እንተ ኣመሓላለፈልካ እንታይ ትፈልጥ? ዘንጊዕካሉ ዲኻ እግዚኣብሔር ንመልእኽቲ ብኣድጊ በልዓም ዜተሓላልፈሉ ጊዜ፥ ረሲዕካዮ ዲኻኸ ንበዓል ቅዱስ ጳውሎስ ኣጋንንቲ ኪምስክሩሎም ከለዉ።

ስለዚ ምስ ቅ.ኣጎስጢኖስ ኲንካ “ካብቲ ዚሓልፍ እግዚኣብሔር ጐስዩኒ ከይሓልፍ ይሰውረኒ” እናበልካ “ንኹሉ መርምሮ ነቲ ሠናይ ሓዞ፡ ካብ ክፉእ ዘበለ ኵሉ ርሓቕ”። ስለዚ እግዚኣብሔር ንድኅነትካ ዚኸውን መልእኽቲ ከመሓላልፍ ከሎ ብመን ገይሩ ከምዘመሓላልፈልካ ስለ ዘይትፈልጥ ነቲ ደስ ዘይበለካ ሓውኻ ከይተረፈ ኣቕልበሉ፤ እቲ ዚዛረቦ ቍምነገር ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብትዕግሥቲ ክትሰምዮ ጸዓር። ከመይ መልእኽቲ ድኅነትካ ብዘይትጽበዮ ገይሩ ከመሓላልፈልካ ዘይከኣል ኣይኮነን። ሥራሕ መንፈስ ቅዱስ በየን ከምዝመጽእ ኣይንፈልጥን ኢና። “ንፋስ ናብ ዝደለዮ ይነፍስ፡ ደሃይ ከዓ ትሰምዕ፡ ካበይ ከም ዝመጽእ ናበይ'ውን ከም ዝኸይድ ግና ኣይትፈልጥን ኢኻ” (ዮሓ. 3፥8)።

እታ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ኣብነት ትኹንካ፤ ጽላላን ፍሬኣን ንዝደኸመን ንዝጠመየን ኲሉ ክትልግሥ ትርከብ። ኣብቲ ባህርያዊ ማይ ተተኺላ፡ ሌላን ጉሌላን ዘይብሉ፡ ነቲ ዘለዋ ካብ ለገሥት፡ ንሸኻኽ ደኣ ካብቲ ርባታት ማይ ሕይወት ዝኾነ ኢየሱስ ሰቲኻ ዝረወኻ ሰብ ካብኣ ንላዕሊ ክትልግሥዶ ኣይምተገብኣካን? ስለዚ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ማለት ብሕልፊ ከዓ ንዝሓዘኑን ንዝተጨነቑን ንተስፋ ዝቈረጹን ልቦም ኣረስሪሱ ዜጸናንዕ፥ ካብ መንገዲ ስሕተት ዚመልስን፥ ብሩህ ገጽን ንልቢ ዚማርኽ መኣዛ ዘለዎ ቃላትን ይሃሉኻ።

እዚ ክብል እንከሎኹ፡ ኻኽፍኣት ኃውካ ሓቐፍካዮ ንበር ማለተይ ኣይኮነን፤ ክፍኣት እንተለዎ ከም ኃውኻ መጠን ብፍቕሪ ብትሑት መንፈስ ምኸሮ። "እንተተመልሰ፡ ንኃውኻ ረባሕካ" ክትመኽሮ እትኽእለሉ መንገዲ እንተዘይረኸብካ ከዓ ከይሰልኪኻ ቀጺልካ ጸልየሉ፤ እዚ ኲሉ እንተዘይፈጸምካ ግና ስሕተቱ ናብ መን ከተጸግዮ ኢኻ? እቲ ዘይወደቐ እዩ ንዝወደቐ ዜተንሥእ እምበር ካብቲ ዝወደቐ ስለምንታይ ሓገዝ ትጽበ? እዝን ወድዝን ከዓ እዩ ፍረ ከይትህብ ኣምኪኑካ ዝነብር ዘሎ። ኣብ መንጎ ኣጎዋት ከምዚ ዝበለ ነገር ኪህሉ ፍጹድ ኣምላኽ ኣይኮነን። እቲ ጐይታ ብሕሩያቱ ገይሩ ዜተሓላልፎ መልእኽቲ ክነግረካ "እምበኣር ኣምላኽ ከም ዝሓረዮም ቅዱሳንን ፍቁራትን ሕዝቢ ኴንኩም፡ ምሕረት፥ ለውሃት፥ ትሕትና፥ ሕያውነት፥ ትዕግሥቲ ልበሱ" (ቆላ. 3፡12)።

ቀጺሉ'ውን ቀዳማይ መልእኽቲ ዮሓንስ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፡ "ኃጢኣትና እንተተናዘዝና፡ ኣምላኽ እሙንን ጻድቕን ስለዝኾነ ንኃጢኣትና ይቕረ ክብለልና ካብ ኲሉ በደልና'ውን ኬንጽሓና እዩ። ኃጢኣት ኣይገበርናን እንተበልና ሓሳዊ ንገብሮ ቃሉ'ውን ኣባና የሎን (1ዮሓ. 1፡9-10)።

ኣብ ሮሜ 12፡14-17 እውን "ንዚሰጉኹም መርቑ፥ መርቑ'ምበር ኣይትርገሙ። ምስ'ቶም ዚሕጐሱ ተሓጐሱ፡ ምስ'ቶም ዚበኽዩ ብኸዩ ነንሓድሕድኩም ተሰማሚዕኩም ንበሩ፤ ምስ'ቶም ትሑት ናብራ ዘለዎም ሕዉሳት ኩኑ እምበር ኣይትተዓበዩ፤ ፈላጣት ኢና ኢልኩም ኣይትመከሑ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ ኲሉ ሰብ ቅኑዕ ዝኾነ ደኣ ሕሰቡ እምበር ንሓደ'ኳ ክፉእ ኣብ ክንዲ ክፉእ ኣይትፍደይዎ"።

እንደገና ድማ ሮሜ 13፡8፡ "ነንሓድሕድኩም ምፍቓር እንተዘይኮይኑ ምስ ሓደ'ኳ ዕዳ ኣይሃልኹም። ምኽንያቱ እቲ ንብጻዩ ዜፍቅር ንሕጊ ፈጺሙዎ እዩ"።

ከምኡ ድማ ኣብ ማቴ. 5፡23-24 "እምበኣርከ መባእካ ኣብ መሰውዒ እንተ ኣምጻእካ፡ ሓውኻ ከዓ ተቐይሙካ ምህላዉ እንተዘከርካ ነቲ መባእካ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ መሠውዒ ሕደጎ፡ ኪድ ቅድም ምስ ሓውኻ ተዓረቕ፤ ደሓር ድማ ተመሊስካ መባእካ ኣቕርብ"።

ቀጺሉ'ውን ኣብ 1ዮሓ. 3፡10-18፡ "ጽድቂ ዘይገብርን ንሓዉ ዘየፍቅርን ካብ

ኣምላኽ ኣይኮነን፤ ደቂ ኣምላኽን ደቂ ዲያብሎስን በዚ እዮም ዚፍለጡ ...”። ይብል ከምኡ'ውን ብሰፊሑ ብዛዕባ ፍቕሪ ዚዛረብ 1ቆሮ. 13 ክትምልከት ትኽእል።

ብጠቕላላ ጐይታ ብዛዕባ ፍቕሪ ኃው ዝተዛረቦ ኻሎሉ ኣብ ጽሑፍ ኬስፍሮ ስለዘይክእል ብውኑዱ ጠቒሰልካ ኣለኹ። ስለዚ ኣታ ኣብ ልዕሊ ኃውኻ እትፈርድ! ንኃውኻ ብዓይኒ ንዕቀት እትጥምት፡ “ምስክርነቱ ኣሜን ኢልካ ከይትቕበሎ ብመንፈስ ጽልኢ ዝዓ ጾኻዮ፡ ኪድ'ሞ ተነሲሕካ ምስ ኃውኻ ተዓረቕ፤ ኣብ ልዕሊ ኃውኻ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዝኸሰስካ ናይ ጽልኢ ዕዳ፡ ሓንቲ'ኳ ኣይሃሉኻ፡ ምስ ኣካል ጐይታ ብንጹሕ ልቢ ክትጣበቕ ኪድ፤ ብሠናይ ሥራሕ ዝተሰነየ ጽድቂ ንነፍስኻ ኣጽርያ፤ እንተዘየሎ ሸኽምኻ ካብ ዝባንካ ኪራገፍ ኣይክእልን እዩ።

ሓደ ግሪኻዊ ፍላስፋ ካብ ዝሃቦ ኣብነት ክጠቕሰልካ። ሓደ ሰብ ሕይወቱ ምሉእ ክልተ ከበድቲ ሸኽሚ ተሰኪሙ ይዘውር። እቲ ሸኽሚ ኮፍ እንተበለ፥ ጠጠው እንተበለ፥ እንተደቀሰ ፈጺሙ ካብ ዝባኑ ኣይወርድን እዩ፤ እቲ ሸኽሚ ክልተ ስለ ዝኾነ ብቅድሚኡን ብዝባኑን ተሰኪምዎ እዩ ዝዘውር። ነቲ ብቅድሚቱ ዘሎ እንታይ ከም ዝሓዘ ኣዓርዩ እዩ ዚፈልጦ። ብዝባኑ ዘሎ ግና ትሕዝቶኡ እንታይ ከም ምዃኑ ኣይፈልጦን እዩ። ነቲ ብዝባኑ ዘሎ እንታይ ከም ምዃኑ ክሳብ ዘይፈለጠ ከዓ ሸኽሙ ኪራገፈሉ ኣይክእልን እዩ። እዚ ሰብ እዚ ካብቲ ከቢድ ሸኽሙ ኪላቐቕ እንተደልዩ ነቲ ብዝባኑ ዘሎ ሕቡእ ኻክፈልጥ ኣብ ትሕቲ እግሩ መሪጌን ዘርጊሑ ትሕት ኢሉ ብተገዳስነት ክፍትሽ ኣለዎ፤ ብድሕሪ'ዚ እዩ ካብቲ ከቢድ ጾሩ ናጻ ኮይኑ ብምስጋና ኪመላለስ ዚጅምር። እቲ ብቅድሚቱ ተሸኪሙዎ ዚዘውር ጾር ጥፍኣት ናይ ኃው እዩ፤ ብቐሊሉ ስለ ዝርእዮ ከዓ ንኃው ብጥፍኣቱ ኪኾንኖ ይነብር፡ ግናኸ ካብ'ቲ ተጻዒኑዎ ዘሎ ሸኽሚ ኪላቐቕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ብዝባንካ ዘሎ ሸኽሚ ብቐሊሉ ክትርእዮ ዘይትኽእል ግና ጥፍኣትካ እዩ፤ ነዚ ጥፍኣት'ዚ ትሕት ኢልካ ብመሪጌን ሕሊናኻ መርሚርካ ክሳብ እትበጽሖ ካብ'ቲ ከቢድ ጾርካ ክትላቐቕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ጾርካ ከተራግፍ እንተደኣ ደሊኻ ብዝባንካ ዘሎ ርኢኻ ክትክእል ኣዚኻ ትሕት በል። “ኣቱም ሸኽሚ ዝኸበደኩም ንዑ ናባይ ኣነ ኬዕ ርፈኩም እየ” ንዝብል ቃል ኣቕልበሉ (ማቴ. 11፡28-30)።

ዝተፈቶኹም ካብ ርባታት ማይ ሕይወት እናረወኹም እትዓብዩ ዘሎኹም፡ “ኅሩያት ወለዶ ... ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ” (1ጴጥ. 2፡9)። ከም'ቲ ንሰብነትኩም ብመሪጌን ኣብ እትርኣይሉ ጊዜ ንመልክዕኩም መኸላእታታት ዝኾነ ዘበለ ነገር ኩሉ ንምልጋስ ኣብ ቅድሚ መሪጌን ቀሪብኩም፡ ጸጕርኹም እናመዓራሬኹም፥ ገጽኩም ኮነ ኣስናንኩም፥ ኣከፋፍታ ኣፍኩም ተገዲስኩም ሓደ ብሓደ ኣዳቒቕኩም ትምልከቱ። ዝለበስኩምዎ ክዳን ዘመልክዓልኩምን ዘየመልክዓልኩምን ምዃኑ ንከተረጋግጹ ድማ ኣብ ቅድሚ ምሉእ ሰብነትኩም ዜርኢ መሪጌን የማነ ጸጋም እናተገለባበጥኩም ብዝባንኩም ዘሎ ከይተረፈ ተጠምዚዝኩም ምስ ተመልከትኩም ካብቲ ዝለበስኩምዎ ዕጣር ምጣር ወይ ድማ ባህ

ዘይብለኩም እንተረኸብኩምሉ ተቐላጢፍኩም ትቕይርዎ። ዝቕየር ቀይርኩም፣ ኻቱሉ ብጥንቃቐ ምስ ፈጸምኩም ጉዕዞኹም ትቕጽሉ። እዚ ጥራይ'ውን ኣይኣኽለኩምን፣ ንእግረ መንገድኹም ብማእከል ከተማ ክትሓልፉ ከሎኹም ኣብ ቅድሚ ተዓዘብኹም ዘማዕርገኩምን ዘየማዕርገኩምን ምኺኑ ንምፍላጥ ንምሉእ ሰብነትኩም ዜርኢ መረጸን ኪንነፈኩም ከሎ ካብ ጸጉሪ ርእሰኹም ክሳብ ጽፍሪ እግርኹምን ርዝነት ኣከያይዳኹምን እናተመልከትኩም፣ ኩታ! ኣለባብሳኹም ጥራይ ዘይኮነስ ክትዛረቡ ከሎኹም ኣከፋፍታ ኣፍኩም ላዛ መዓዛ ዘለዎ ምኺኑ እናስተማቐርኩም ክምስታ ዓይንኹምምን መኣዛ ግርማ ዝዓሰሎ ገጽኩም ምስ ፍሽኽታ ኣስናንኩም ተገዲስኩም ፈቲሽኩም ምስ ወዳእኩም፣ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ከምዘየሕፍረኩም ምስ ኣረጋገጽኩም ተኣማሚንኩም ጉዕዞኹም ትቕጽሉ።

ነዚ ኣብነት'ዚ ዘምጻእኩዎ ንተግባራትኩም ክነቅፍ ኢለ ኣይኮንኩን። ሰብነትካ ብመረጼን እናተመልከትካ ምትዕርራይ ሓንቲ'ኳ ኃጢኣት የብሉን፤ እንታይ ደኣ ነዚ ኪብል ዚደፍኣኒ ኣብ ሓደ ቍምነገር ክበጽሕ ምስ ደለኹ እየ፤ እዚ ከዓ ምእንት'ዛ በሰባሲት ሥጋና ሎሚ ብንእስነታ ተራእያ። ጽባሕ ብእርጋን ተጨማዲዳ እትርከብ እግዚኣብሔር ኣብ ዓለም ዘሎኪ ዕድመ ተወዲኡ እዩ ምስ በላ ድማ ሓመድ ኮይና ንእትተርፍ፣ ወግሐ ጸብሐ ብተገዳስነት ኣብ ቅድሚ መረጼን ቀሪብና ምክትታል ካብ ኣድለየ፣ ነታ ብመልክዓ ዝኣክል ንእግዚኣብሔር ክሳብ ሞት ዜብሓቶ ዘለዓለማዊት ነፍስና ነቲ መልክዓ ደምሲሱ ካብ እግዚኣብሔር ዝፈልያ ዘሎ ኃጢኣት ንምልጋስ ከደኣ ክሳብ ክንደይ ብዝበለጸ ብናይ ሕሊናና መረጼን እናፈተሽናን እናመርመርናን ኻኽነልግሶ ኽንተግህዶ ኣይምተገብኣናን።

ፍቑራት ኣሕዋተይ ሕጂ! ንጽባሕ ከይበልና፣ በቲ ጐይታ ብጥበቡ ዜሳናደወልና ንጹሕን፥ ጽሩይን፥ ስኩፍን ኣብ ውሽጥና ኣቐሚጡዎ ዘሎ ናይ ሕሊናና መረጼን እናፈተሽና ንነፍስና ንገደሰላ፤ ሎሚ ካብ መንገዲ ጐይታ ዘላገስኩዎዶ ኣሎ? ብኣይ ክዕረ ዝግብኦ ከሎ ሸለል ዝበልኩዎዶ ኣሎ? ካብ ዕብየት እግዚኣብሔር ምስትንታን ኣልጊሰ ኣብ ናይ ዓለም ከንቱ ዝኾነ ነገራት ኽሕሳስብዶ ጊዜይ ብከንቱ ኣጥፊኣ? ክሓሚ እኳ እንተዘይተረኸብኩ ኣብ ኣኼባ ሓመይቲ ኣብ እተረኸብኩሉ ጊዜ ነቲ ዚጻረረኒ ሰብ ስሙ ብኽፉእ ከልዕልዎ ከለዉዶ ባህ ይብለኒ? ብውሽጠይ ኃጢኣት ክሕልን ከሎኹ ቀልጢፈዶ ይቃወሞ? ክፉእ ትምኒት፥ ጽልኢ፥ ክርክር፥ ውረድ ደይብ እናበልኩዶ ኣብ ውሽጠይ የካውሶ? ዋዛ ቍምነገር ዘይብሉኽ የጥቅዓኒዶ? ወዘተ ... እናበልና ንርእስና ንመርምር።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዋዛ ፈዛዛ ተጠቒሱ ኣይንረክብን ኢና፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ምስ ደቀ መዛሙርቱ ኮነ ምስ ማንም ሕዝቢ፥ ወይ ድማ ሓዋርያት ነንሓድሕዶም ዋዛ ፈዛዛ ኣልዒሎም ይጻወቱ ነይሮም ዚብል ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ኣይንረክብን። “ኣብ መንግሥተ ሰማይ መን ይዓቢ” ማቴ. 18፡3። እናበሉ እዮም ቍምነገር ዝሓዘለ ጸወታ ዜልዕሉ ዝነበሩ። ስለዚ ከንቱ ዝኾነ ወረ ካብ እግዚኣብሔር ስለ

ዘይኮነ ፍረ እውን ስለ ዘይንረክበሉ ይትረፈና፤ ኣብዘይነትርፈሉ ዕዳጋ ኣይንረኸብ፡ ኣብ ዘይነፍርየሉ ሕርሻ'ውን ኣይንድከም፡ ንፍረ ስለ ዝተጸዋዕና ኵለንትናና ማዕከን ፍረ ኪኸውን እዩ ዘለዎ፤ ስለ'ዚ ኵሉ ጊዜ መረጼን ኅሊናና ዘርጊሕና ንጕዓዝ፡ እንተኾነ ንሱ' ውን ኣኻሊ ኣይኮነን፤ ነቲ ብመረጼን ዝረኤናዮ ቀልጢፍና ዘይነልግሦ እንተደኣ ኴንና፡ ኣብ'ዚ እዩ ዘሎ እቲ ዝዓበየ ስንፍናና እንታዋይ እዩ ኣብ ጕባኤ ዓበይቲ ሰባት ኽሳተፍ ምስ ተበገሰ፡ ኣብ ቅድሚ መረጼን ቈይሙ ነቲ ዝረኸቦ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዜነውሮ ርስሓትን ዕጣር ልብሰን ከየልገሰ ዝኸይድ፤ ኣብ መረጼን ዝቐርበ እኮ! ብመልክዑ ኪኾርዕ ዘይኮነስ፥ ዜኽፍኣሉ ዘበለ ኣልጊሱ ኣብ ጕባኤ ወራዙት ኪሕወስ ስለዝደለየ እዩ። ንሕናውን ብናይ ሕሊና መረጼን እንርእዮ፡ ነቲ ኣብ ማኅበር ቅዱሳን ኽይንሳተፍ መኸላእታ ዝኾነና ዘበለ ነገር ኵሉ ኽንልግስ እዩ ቀንዲ ነገሩ፤ እንተኾነ ብናይ ሕሊና መረጼን ተራኢና ከነብቅዕ ነቲ መርሚርና ዝረኸብናዮ ተቐላጢፍና ክንዲ ንኣልዮ ሎሚ ጽባሕ እናበልና ጊዜ ነናውሕ፡ ከምዚ ዓይነት ኣገባብራ እሞ ኸዓ! መፍቶ ጸላኢ እዩ። ጸላኢ ዝበለጸት ዚጥቀመላ ተንኰል፡ "ተርክበሉ፡ ጌና ጊዜ ኣሎካ" እናበለ እዩ ንነፍሳት እናተዓሻሸወ ዜጥፍኣና ዘሎ። መወዳእታ ዓለም እኳ ክንፈልጦ እንተዘይክኣልና ናይ ነፍሲ ወከፍ ፍጻሜ ግና፡ መዓልቲ መጸ ናብ ፍጻሜና እናቐረብና ኢና ንስጕም ዘሎና'ሞ ዘመን ጸጋ ከይተዓጽወና ከሎ ገዛእ ርእስና እናመርመርና ስንድዋት ኴንና ንጽበ።

ሰሎሞን ኣብ ምሳሌኡ "ወደየ ንቓላተይ ሓልዎ ንትእዛዛተይ እውን ኣብኻ ዕቘሮ። ንትእዛዛተይ ሓልዎ'ሞ ብሕይወት ክትነብር ኢኻ፤ ንሕገይ እውን ከም መርዓት ዓይንኻ ሓልዎ። ናብ ኣጻብዕካ እሰሮ፡ ኣብ ሰሌዳ ልብኻ እውን ጽሓፎ" እናበለ ንነፍሲ ወከፍና ወደይ ኢሉ ንዝጽውዓና ኣምላኽ ኣብ ድምጹ ነቕልብ" (ምሳ. 7፥1-3)። ነፍስናን ሕይወትናን ብናይ ኢየሱስ ኣነጺሩ ዘርኣ መረጼን ካብ ምምልካት ኣይነቋርጽ። እወ፡ ብርክና ዓጺፍና ገዛእ ርእስና ንኢየሱስ ኣግዚእና ንጸሊ። ጐይታ ነቲ ዘሎና ኵሉ ሕቡእና ቅሉዕን ኃጢኣትና ካብ ስሩ ኪምቅስልና እዩ።

እታ ቈጽላ ዘይረግፍ ፍሬኣ ከዓ በብወርሓቱ እትህብ ኦም ንእግዝእትነ ማርያም ዝተመሰለት ኦም እያ፤ ንዓና'ውን ንእግዚኣብሔር ዝሰኣኖ ስለ ዘየልቦ ፍሬና ነባሪ ኪከውን ኬኽእለና እዩ። ባዕሉ ጐይታ መንገዱ ይኽፈተልና፡ ብኢድና እናታተየ ከዓ ናብ'ታ ሰማያዊት ቅድስቲ ሃገር ንምስታፍ ብቑዓት ይግበረና፡ ኣሜን።

ፍቑራት ኣኃዋተይ ኣቢ ሠናይ ዘመን ዓመት መንፈስ ቅዱስ ብቕዓት ክብሪ ኣምላኽ ምእንቲ ክንረኽበሉ ነቲ ዘለዓለማዊ ክብሪ ዜልብስ ዓመት ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እናተመልከትና ብመንፈስ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ክንልወጥ ንሰናዶ፤ ስለዚ እቲ ንክርስቶስ ብምምሳል ዝጽበየና ዘሎ ኣኽሊል ሕይወት ከየምልጠና ብሃንቀውታ ንጽበዮ። እንሆ እኳ እቲ ኽሕሉ ዚኽእልን ዜኽእልን ኣምላኽና ብጥበቡብ ብምልኣት ጸጋኡን

ረድኤቱን ኃልዮቱን ምሕረቱን ከይተፈልየና ናብ ብርሃነ ልደቱ ብሰላም ተሳተፍቲ ንምኳን ዘብቅዓና ክብሪ ንስሙ ይኹን።

## ሓሙሻይ ምዕራፍ
## እቲ ክፉእ መሲሉ ዝርአየካ ሥራሕ
## ኣምላኽ ዝዓበየ ጠቕሚ ኣሎዎ'ሞ ኣመስግን

**"ኣዕዋፍ እንተዝወድቃስ"**

"ክልተ ኣዕዋፍዶ ብሳንቲም ይሽየጣ ኣይኮናን? ሓንቲ'ኳ ካብአተን ብዘይ ፍቓድ ኣቦኹም ኣብ ምድሪ ኣይትወድቕን እያ። ንስኻትኩም ግና ጸጕሪ ርእስኹም ኵለን እኳ ቊጹራት እየን። እምበኣርከስ ንስኻትኩም ካብ ብዙኃት ኣዕዋፍ ትበልጹ ኢኹም እሞ ኣይትፍርሁ" (ማቴ. 10፡29-31)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ነፍስ ወከፍ ዑፍ ዓይኑ ብምውዳቕ ተገዲሱ ከም ዝሕልወንን፣ ንጸጕሪ ርእስና'ውን ሓደ ብሓደ ከም ዝቈጻጸርን ንደቀ-መዛሙርቱ ገሊጹሎም። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብቲ ጭቡጥ ነገር እንተደኣ ክንበጽሕ ኴንና፣ ሕጂ እውን እንተኾነ ኣዕዋፍ በብጊዜኡ ክወድቃ ይረኣያ። ዜሕዝን ኵነታት እውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ክገጥሙና ይርኣዩ። እወ ብሰንኪ ብሸኽራማት ዝዝወራ መካይን ገለኳ ዘይፈልጡ ሕፃናት ኣብ ትሕቲ ጎማ ተጨፍሊቖም ክሞቱ ይርኣዩ። ኣዚና ካብ ልብና እነፍቅሮም ሰባት ብካንሰር ወይ ድማ ብካልእ ሕማም ብሞት ክፍለዩና ንርኢ። ከምኡ'ውን ምንም በደል ዘይብሎም ብናይ ካልኦት በደል፣ ሕፃናት ኮነ ካልኦት ከምኦም ዝመሰሉ ብአይድስ ክቕዘፉ ንርኢ።

እግዚኣብሔር ነዚ ዜሕዝን ኵነታት ማለት ንሕማም ካንሰር ኮነ ንናይ ሕፃናት ሙማት፥ ከምኡ'ውን ንናይ ኣዕዋፍ ምውዳቕ ከትርፍን ክኽልክልንዶ ምኸኣለ ነይሩ? መብዛኅትና እግዚኣብሔር ነዞም ነገራት እዚኣቶም ከትርፎም ዘኽእሎ ኃይሊ ከምዘለዎ ጌርና ኢና ንኣምን። ይኹን እምበር ምልስ ኢልና'ውን ምስ እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ነገራት በእምሮና ውግእ ምቕጻልና ኣይተረፈን። ኣብ ልዕሊ ሠናይ ዝኾነ ነገር ናይ ክፍኣት ዓወት ኣብ ዝመስለሉ፣ "እግዚኣብሔር ኣብ ልዕል'ዚ ኵነት'ዚ ከምኡ ክኸውን ስለምንታይ ስሕ ይብል?" እናበልና ምዝራብና ኣይተርፍን።

በዚ ምኽንያት'ዚ ከዓ እግዚኣብሔር ሓደ ሓደ ጊዜ ንሓደ ሓደ ነገራት ዘይግድሶ ጌርና ክንርእዮ ንጅምር። ወይ ድማ ከምዚ ዝበለ ክፉእ ነገር ዝወርዶም ሰባት፣ ብናይ ባዕሎም ኮነ ብናይ ካልኦት ኃጢኣት ዝሳቐዩ ዘለዉ ጌርና ንሓስብ። ግናኸ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ዝበለ ሕቶ ምስ ኣቕረቡሉ፣ ማለት ደቀ መዛሙርቱ ነቲ ብዕውሩ ዝተወልደ ብኃጢኣቱ ድዩ ወይስ ብናይ ወለዱ ኃጢኣት? ኢሎም ምስ ሓተትዎ፣ ብኃጢኣቱ ወይ ድማ ብወለዱ ኃጢኣት ዘይኮነስ፣ ንክብሪ ኣምላኽ ከምዝኾነ ገለጸሎም። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ክስተታትከስ እግዚኣብሔር ፍቕሪ ምዃኑ ይትረፍዶ ኬበስሩናስ

ኣንጻር ቃል እግዚኣብሔር ጌርና ኢና ንርእዮም። ንናይ እግዚኣብሔር ናይ ፍቕሪ ሓልዮት ንምቕባል ግና ፍጹም ሠናይ ምዃኖም ሕቶ ኣየድልዮን እዩ።

እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ እቶም በብጊዜኡ ዚፍጸሙ ነገራት ሓላፍነት ወይ ድማ ቊጽጽር ከምዘለዎ ዘይትሓስብ እንተደኣ ኴንካ፣ ከምኡ'ውን እግዚኣብሔር ሓደ ሓደ ጊዜ ብዛዕባ ሽግርን መከራን ናይ ሰባት ምንም ከም ዘይግድሶ ጌርካ ትሓስብ እንተደኣ ኴንካ ንእግዚኣብሔር ስለ ኵሉ ነገር ከተመስግን ኣይትኽእልን ኢኻ።

ብዙኅ ጊዜ ሓደ ሓደ ሰባት ክሓትዎ ዚስማዕ ሕቶ ኣሎ፣ እዚ ሕቶ'ዚ ከዓ "ቅዱስ መጽሓፍ ክፉእ ዘበለ ነገር ኵሉ ከም እንጸልእ የተሓሳስበና። ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ፣ ማለት ስለ ክፉእ ዝኾነ ነገር ንእግዚኣብሔር ምምስጋንዶ ይግበኣና እዩ?" ዚብል ሕቶ እዩ። ቃል እግዚኣብሔር "ኣቱም ንእግዚኣብሔር እተፍቅርዎ፣ እከይ ጽልኡ" (መዝ. 96(97)፣10)። ከምኡ'ውን ኣሞጽ 5፣15 "እከይ ጽልኡ፣ ሠናይ ከዓ ኣፍቅሩ" ይብል።

እዞም ዝጠቐስናዮም ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ክፍልታት፣ ንኣኻኸ ከመይ ዝበለ ትርጒም ይህቡኻ? ከምቶም ዝጠቐስናዮም ሰባት ጌርካዶ ትትርጒሞም? ከምኡ እንተኾይኑ መንገዲ ስሒትካ ኣሎኻ። ትርጒሞም ክነግረካ ጽን ኢልካ ስምዓኒ። እወ፣ ንክፉእ ነገራት ከይትተሓባበርን ከይትድግፍን ከይትቕበልን፣ ከይትፍጽምን ንገዛእ ርእሰኻ እውን ንክፍኣት ኣሕሊፍካ ከይትህብን ዘተሓሳስበካ ክፍሊ እዩ።

ብዛዕባ እቲ ክፉእ ዝኾነ ኵነታት ንእግዚኣብሔር ምምስጋን ማለት ንክፉእ ምድጋፍ ማለት ኣይኮነን። እስከ ካብዚ ቁሩብ ፍልይ ዝበለ ቃል ብናይ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣዘራርባ (ኣበሃህላ) ክንርኢ። ብመከራታት ደስ ክብለካ ከምዝግባእ ኣስፊሑ ይገልጽ። ከምዚ እናበለ ክገልጽ ከሎ ከዓ እግዚኣብሔር ነዚ ስቓይ'ዚ ንሠናይ ከም ዚጥቀመሉ ስለዝፈለጠን ስለዝኣምነሉን እዩ።

እግዚኣብሔር ክፉእ ነገር ኪቈጻጸረካ ኣይደልን እዩ። ኪፈጥረካ ከሎ ግና ናጻ ኴንካ ክትመርጽ ከም እትኽእል ገይሩ እዩ ዝፈጠረካ። ክፉእን ጽቡቕን ኣብ ምርጫኻ ኣቐሚጥዎ እዩ። ስለዚ ዝደለኻዮ ክትመርጽ ናጻ ኢኻ። "ደይ እዴከ ሃበ ዘፈቀድከ"። ኣብዚ ዓለምዚ ክሳብ ዘሎኻ ክፉእ ነገር'ኳ እንተገጠመካ፣ ኵሉ ብዘይካ ፍቓዱ ዚፍጸም የልቦን። ብዘይካ ፍቓድ እግዚኣብሔር ክፉእ ነገር ብምንም ዓይነት ዘፈርካ ክቐርብ ኣይክእልን እዩ። ክፉእ ነገር ስለ ዘሎ እዩ እግዚኣብሔር ንወዱ ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ተሰቂሉ ንክመውት ዝለኣኾ። ንሱ ንኃጢኣትና ተሰከሞ፤ ነዚ ዝገበሮ ከዓ ኣብ ልዕሊ ሕይወት እቶም ብእኡ ዘይኣምኑ ንኃይሊ ክፍኣት ንምዕናው እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ 14፣19 "እቶም እኩያት ኣብ ቅድሚ ሠናያት፥ ረሲኣን ከዓ ኣብ ቅድሚ ጻድቃን ይደኑ" ይብል። ኣብ ካልእ ትርጒም ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ድማ፣ "ክፍኣት ኣብ ቅድሚቲ ሠናይ ይሰግድ" ይብል። ንሕና ነዞም እንኣምን ንዓለም ኽንስዕ ራ፣ ወይ ድማ ኣብ ልዕሌኣ ዓወት ኽንረክብ ኃይሊ ተዋሂቡና እዩ። "ኢየሱስ መሲሕ

ከምዝኾነ ዚኣምን ዘበለ ኵሉ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ እዩ። ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ዘበለ ኵሉ ንዓለም ይስዕራ፥ እታ ንዓለም እንስዕረላ ዓወት ከዓ እምነትና እያ” (1ዮሓ. 5፥1-4)።

ስለዚ እዚ እምነት'ዚ ኣብ ልዕሊ እንታይ እዩ ክምሥረት ዘለዎ? ንሸኻኽ ንክትዕወት ከመይ ዝበለ እምነት ክህልወካ የድሊ?

እወ፥ ንክርስቶስ ትኣምን ኢኻ፥ ግናከ እምነት ካብዚ ንላዕሊ እውን ኣሎ። ምሉእ ብምሉእ ብክርስቶስ ምእማን ማለት፥ እግዚኣብሔር “ዘሎኹን ንዘለዓለም ዚነብርን ኣነ እየ” ከም ዝበለ፥ ኃይሊ ከምዝኾነን ንሱ ከይፈለጠን ከይፈቐደን ዚፍጸም ነገር ከምዘየልቦን ኣሚንካ ምቕባል ማለት እዩ። ስለዚ ጽኑዕ ብዝኾነ መንገዲ ነዚ ነገር'ዚ እንተድኣ ኣሚንካሉ፥ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኵነታትን ኣብ ልዕሊ ክፉእ ዘበለ ኵሉን፥ ኣብ ልዕሊ ክፉእ መሲሉ ዝርኣየካን ኣብ ልዕሊ ኵሎም እቶም ኣብ ዙርያኻ ዝገጥሙኻ ኵነታትን ንእግዚኣብሔር እንተ ተመስግን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከቢድ ኵነታትን ዘሕዝን ኵነታትን ኃይሊ እግዚኣብሔር ንሠናይ ከም ዝቕይረልካ ክትግንዘብ ምኽኣልካ ነይርካ።

ከምዚ ክብል ከሎኹ እንታይ ክብል ከም ዝደለኹ ከተስተውዕል የድሊ። እግዚኣብሔር ንነፍሲ ወከፍ ኵነት ንሸኻ ሠናይ እዩ ኢልካ ኣብ ዝሓሰብካዮ እዩ ዝቕይሮ ኢልካ ክትድምድሞ ኣይግባእን። ከምኡ ማለተይ'ውን ኣይኮነን። ንእግዚኣብሔር ብምምስጋንካን ብምውዳስካን ንኽፉእ ኵነታት ምሉእ ብምሉእ ንእኡ ኣሕሊፍካ እንተ ሂብካዮ ኃይሊ እግዚኣብሔር ናጻ ኰይኑ ክቈጻጸርን ክሠርሕን ከሎ ርኢኻ ክትክእል ኢኻ።

ኃይሊ እግዚኣብሔር'ውን ኣብቲ ክፉእ ኵነታት ዝተተለመ ናይ ክፍኣት መደብ፥ ኣብ ልዕሊኡ ብምዕዋት፥ ንፍቓድ እግዚኣብሔር ከም ዝፍጸም ገይሩ ይቕይሮ። ምናልባት መደብ እግዚኣብሔር ከተስተውዕለሉን ሠናይ ከምዝኾነ ክትግንዘቦን ኣይትኽእልን ትኸውን። እንተኾነ ብዛዕባ እቲ ዝገጥመካ ኵነታት ንእኡ እንተ ተመስግን ኃይሉ ናጻ ኮይኑ ከምዝፈስስን ከም ዚሠርሕን ነቲ ክፉእ ኵነታት እውን ንሠናይ መደብ ንኽጥቀመሉ ከም ዝምችኦን፥ ዓይኒ ኣእምሮኻ ተኸፊተን ክትርኢ ምኽኣልካ ኔርካ (2ነገ. 6፥15-17)።

ብዛዕባ ሠናይ ነገርን ክፉእ ነገርን ዘሎካ ኣተሓሳስባ ካብ ጉድለት መንፈሳዊ ልምምድካን ካብ ዋሕዲ እምነትካን ዝተላዕለ ብዙሕ ጊዜ ዝተዘባረረቐ ኮይኑ ይርከብ። <u>ንኣብነት</u>፡- ሓደ ቈልዓ ወይ ብሎቶሪ ወይ ብካልእ መንገዲ ብሚልዮናት ዝቝጸር ገንዘብ እንተ ዝረክብ ከመይ ዝበለ ዓቢይ ትዕድልትን ሠናይ ነገርን እዩ እናበልካ ሓጐስካ ትገልጽ። ብኣንጻሩ እቲ ቈልዓ እንተዝመውት እሞ ናብ ሰማያዊ ቤቱ እንተዝመውት እሞ ናብ ሰማያዊ ቤቱ እንተዝኸይድ ከመይ ዜሕዝን ዕድል እዩ እናበልካ ሓዘንካ ትገልጽ። እዚ እትብሎ ዘሎኻ ግና ክንድ'ዚ ዝኣክል ገንዘብ ኣብ ኢድ ሓደ ንእሽቶ ቈልዓ ክትሓዝ ከሎ፥ ኣብ ከመይ ዝበለ ድንገታዊ ዝኾነ፥ ማለት ናብ ምብታንን ናብ ከንቱነትን

ከምዝመርሖ (ሉቃ. 15፥12-16) ናብ ሰማያዊ ቤቱ ቀልጢፉ ምኻዱ ግና ንእኡ ሠናይ ምዃኑ እናፈለጥካ ኢኻ። ስለዚ እቲ እትፈልጦን እትገብሮ በበይኑ ኮይኑ ይርከብ።

ንእግዚኣብሔር ብሹሉ ኵነታት እንተተመስግን ገለ ካብተን ኣዕዋፍ ካብ ምውዳቕ ከምዝተርፉን፥ ሓደ ሓደ ሕፃናት'ውን ካብ ሞት ከምዝድኅኑን ሓደ ሓደ ሕማም ካንሰር ድማ ከምዝውገዱን እኣምን እየ።

እንተኾነ ንእግዚኣብሔር ንከተመስግን ዘለዓዕለካ ምኽንያት እዚ ነገር'ዚ ኽኸውን የብሉን። ሕጂ'ውን እንተኾነ ሓደ ሓደ ካብ አዕዋፍ ይወድቃ እየን። ካብ ሕፃናት'ውን ይሞቱ እዮም። ብካንሰር ዝተታሕዙ ድማ ውሑዳት ኣይኮኑን። ስለዚ ምስጋናኻ ነዚ ኵነታት'ዚ ኽኸውን የብሉን። የግዳስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕል ሕይወትካ ክፉእ ነገር ክወርድ ስለ ዘፍቀደ፥ እሞ ከዓ ንሱ ኣብ ልዕልዚ ነገርዚ ዕላማን መደብን ከምዘለዎ ፈሊጥካ ብእምነት ከተመስግኖ እዩ ዝግብኣካ። ቀጺልካኸ እንታይ ክትገብር ይግብኣካ? ብናይ ብሕትኻ ምስ ክፉእ ነገር ገጽ ንገጽ ክትጋጮ ከሎኻ መልሓስካ ከመይ ኽኸውን አለዎ? ኣብ'ዚ ነጥቢ እዚ ብዙኅ ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባ ዝሓዙ ክዝረቡ ስለ እትስምዕ ሓሳብካ ከይተኸፋፈለ ኣይተርፍን እዩ። እወ ኣብ ቃል ወንጌል ነንሓድሕዶም ዝጋጨው ዝመስሉ ስለ እትረክብ እምነትካ ክሳብ ዝድልድል ቅሳነት ኣይትረክብን ኢኻ።

ክርስቶስ ንተኸተልቱ፥ "ንኽፉእ ኣይትቃወምዎ" (ማቴ. 5፥39) ዝብል መምርሒ ክህቦም ትርኢ። ብካልእ ወገን ድማ ነቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ መቕደስ ኮይኖም ከብትን ኣባጊዕን ረጋቢትን ክሸጡን ገንዘብ ከሽርፉን ምስ ረኣየ፥ ካብ ገመድ ጭጕራፍ ተቲዑ (ከዓ) ምስተን ኣባጊዕን ኣብዑርን ንኹሎም ካብ ቤተመቕደስ ኣውጽኦም፤ ንገንዘብ እቶም መሸረፍቲዉውን ፋሕ! ኣበሎ ንሰደቓኦም ከዓ ገልበጦ (ዮሓ. 2፥15) ዝብል ትረክብ።

ኣብዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ክፉእ ነገራት ግሁድ ዝኾነ ስጕምቲ ከም ዝወሰደ ኢኻ ትርኢ። ኣብ ካልእ ጊዜ ግና ኣብ ጌተሰማኒ ኣብ ስፍራ ኣትክልቲ ክሕዝዎን ክኣስርዎን ንዝመጹ ሰባት ክቃወሞምን ንከይሕዝዎ ክከላኸልን ኣይርኣን። ቅዱስ ጴጥሮስ ብሴፍ እናተኸላኸለ ኬድኅኖ ምስ ዓቀነ እኳ ከም ዝኸልከሎ ኢኻ ትርኢ።

ስለዚ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ኃይሊ ክፍኣት ናይ ዓጻፉ መልሲ እትህበሉን፥ ናይ ተቓውሞ ስጕምቲ ኽትወስድን ዝመርሓካ (ዝተፈላለዩ) ዝተወሰኑ ጊዜያት ኣለዉ። ብኻልእ እዋን ግና ብኣንጻሩ ብዘይ ተቓውሞ ንገዛእ ርእሰኻ ኣብ ትሕቲ ሓለዋኡ ከም ዘሎኻ ፈሊጥካ ንዝገጥመኻ ክፉኣት ነገራት ዓቕሊ ጌርካ ክትቅበሎም ይፈቅድ። መኣስን ኣበይን እንታይ ክትገብርን ከምዘሎካ ከመይ ጌርካ ክትፈልጥ ትኽእል?

ቅድሚ ኵሉ ንክፉእ ነገር ብኽእለትካ ኽትስዕሮ ገለዉኺ ኃይሊ ከምዘይብልካ ክትፈልጥ የድሊ። ክትሓስቦ ዘሎካ እቲ ዓወት ዝህብ ኵሉ ጊዜ ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ። እግዚኣብሔር በዚ መልእኽት'ዚ ከተሓላልፈልካ ዝደለዮ ቀንዲ ቍምነገር እንተደኣ ኣልዩ፥ ንቓልብኻ ኣብኡ ጥራይ ከተዕርፎ ከም ዘሎካን ነዚ ነገር'ዚ ከተማዕብሎ ከምዘሎካን

ንምግንዛብ እዩ እምበር ነቶም ክገጥሙኻ ዘለዎም ክፉኣት ነገራት መኣስን ኣበይን እንታይ ክትገብር ከምዘሎካን ኣቐዲምካ ምጭናቕ ኣየድልን። እቲ ተወኪልካዮ ዘሎኻ ጐይታ ኃይሉ ናይ ኩሉ ዓወታት ምንጪ ስለዝኾነ፡ ዓይኒ ልቦናኻ ብዘይ ምቍራጽ ናብኡ ከምዝቕልባ ግበር። ብድኅርዚ ኩሉ ክሰልጠካ እዩ።

እወ ቶኾረትካ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝገጥመካ ክፉእ ነገር ክንዲ ትገብሮ፥ ኣብ እግዚኣብሔር ጥራይ እንተ ኣቕሊብካ ንሱ ከመይ ክትገብር ከምዘሎካ ብተግባር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጊዜ ክመርሓካን ክናብየካን ከሎ ክትርኢ ኢኻ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ነቶም ኣብ ቤተክርስቲያን ሮማ ዝርከቡ ምእመናን "ነቲ እከይ ደኣ ብሠናይ ጌርካ ሰዓር እምበር በቲ እከይ ኣይትሰዓር" (ሮሜ 12፥21) እናበለ ንክፉእ ነገር ኣብ ሕይወቶም ቦታ ከይህብዎ የጠንቅቖም።

ናይ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብጸላእቲ ተታኊዙ ምእሳሩ እንተ ተመልከትካ፤ ኣብ ዕንጨይቲ መስቀል ተሰቒሉ ምማቱ እውን እንተ ኣስተውዒልካ፥ ነዚ ክፉኣት እዚ ኣብ ልዕሊኡ ክፍጸም ምፍቃዱ ንርእሱ ናብ ዓለም ዝርከብ ዘበለ ኃይሊ ክፉኣት ኩሉ ሰባቢሩ ከምዝስዕሮ ገበረ እምበር በቲ ክፍኣትሲ ኣይተሳዕረን። ንተቓውሞ ክፉኣት ብዝምልከት ብዙኅ ጊዜ ካብቲ እትገብሮ ንላዕሊ ኢየሱስ ነቲ ክትገብሮ ዝግብኣካ ብዝበለጸ ናይ ኣገባብራን ኣፈጻጽማን መንገዲ ኪሕብረካ እዩ።

መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ልዕል'ቲ ዝገጥመካ ነገራት ተቓውሞኻ ከተርኢ ከሎኻ፥ ኣተሓሳስባኻ ኣብ'ቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝወረደ ክፉእ ነገር ዝተመሥረተን፡ ኣብኡ ኣቢሉ'ውን ዝደፋፍእ መልክዕ ዘለዎን ንኃይሊ ብኃይሊ ዚቃወምን መልሲ ዝህብን ኮይኑ ይርከብ። ስለዚ ነቶም ዝቃወሙኻ ወይ ድማ ዝጻረሩኻ ንምቅዋም መልሲ ትህብ። ዳርጋ "ዓይን ቤዛ ዓይን፡ ስን ቤዛ ስን" ይመስል። ስለዚ'ውን ኣብቲ እዋን'ቲ ህልውና እግዚኣብሔርን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ናይ ቍጽጽሩ ጸብለልትነትን ብዘይ ምስትውዓል፥ ነቲ ቅኑዕ መምርሒኡን ህልውናኡን ዕሙት ካብ ምዃንካ ዝተላዕለ ንፍቓዱ ብዝግባእ መንገዲ ክትፍጽሞ ኣይትርከብን።

ስለዚኸስ ኣብ ዝኾነ ደኹን ጊዜ ተግባራዊ ስጕምትኻ ብሸለልትነት (ከም ሓደ ግዲ ዘይብሉ ኴንካ) ትፍጽሞ እንተደኣ ኴንካ፡ ሕይወትካ ኣብ'ዚ ዘይረብሕ ናብራ ተቖሪኑ ዚመላለስ እንተደኣ ኮይኑ፡ ኣብ ዙርያኻ ኮይኑ ንዝቃወመካ ኃይሊ ክፍኣት መልሸኻ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ እንተደኣ ኮይኑ፡ ክፉእ ነገር ኻክቌጻጸረካ ተፍቅደሉ ኣሎኻ ክብሃል ይከኣል። ካብ ኣብ ከምዚ ዝበለ ከንቱነት ምርካብ ግና እምነትካ ኣብ እግዚኣብሔር ብምግባርን ኣብኡ ብምዕራፍን፡ ንሱ'ውን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኩነታት ፍጹም ዝኾነ ቍጽጽር ከምዘለዎ ኣረጋጊጽካ ብምፍላጥ ክትረጋጋእ ይግብኣካ። በዚ መንገድ'ዚ ምስ ተመላለስካ ጥራይ ኢኻ ንክፉእ ብሠናይ ጌርካ ክትስዕሮ እትኽእል። ክርስቶስ "ንክፉእ ኣይትቃወምዎ" (ማቴ. 5፥39) ክብል ከሎ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ክፉእ ልዑላዊነት ንዘለዎ ናይ

ቍጽጽር ኃይሊ ብተግባርን ብንቕሓትን ኣስተውዕሎን ፍለጦን ማለት እዩ። ነዚ ብምፍላጥካ እውን እግዚኣብሔር ሓደ ሓደ ጊዜ ክፉእ ብዝመስል ነገር እናተጠቕመ ሠናይ ዝኾነ መደብ ከምዘምጽእ ርኢኻን ተገንዚብካን ክትክእል ኢኻ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ እዋን ንክፉእ ምቅዋም ግና ነቲ ፍጹም ዝኾነ ናይ እግዚኣብሔር ዕላማ ንከይሰልጥ ከም ምርባሽ ዓይነት እዩ ዚቝጸር። ሓዋርያት ኣብ ስፍራ ኣትክልቲ ናይ ጌተሰማኒ ንናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንተ ዝቃወሙ እሞ እንተ ዝዕወቱ ነይሮም ምናልባት ኣብ ልዕልቲ ክፉእ ናይ ዓወት ነጥቢ ዘመዝገቡ እኳ እንተመሰሎም፡ ኣብ ዕላማ እግዚኣብሔር ግና ተጻረርቲ ኮይኖም ጣልቃ ከምዝኣተዉ ምተቘጽረ ነይሩ። ክርስቶስ ከመይ ጌርና ናይ ዓወት ሰባት ምዃን ከም እንኽእል ክምህረና መጸ እምበር፡ ዘይንረብሕ፥ ኣንዊሕና ዘይንጥምት፥ ኵሉ ጊዜ ብጸላኢ ክንጥቃዕን ክንሰዓርን ኢሉ ኣይመጸን።

ሓዋርያ ያዕቆብን ሓዋርያ ጴጥሮስን ብእምነት ጸኒዕና ንሰይጣን ክንቃወሞ ሓደራ ይብሉና። ጠቕላላ ሓሳብ ናይ'ቲ መልእኽቶም እንተደኣ ተመልኪትካዮ ምስ ናይ ሓዋርያ ጳውሎስን ምስ ናይ ክርስቶስን ምሉእ ብምሉእ ከምዚሰማማዕ ክትግንዘብ ኢኻ።

“እምበኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ፡ ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ ንሱ ካዓ ካባኹም ኪሃድም እዩ። ንኣምላኽ ቅረብዎ፡ ንሱ'ውን ኪቐርበኩም እዩ” (ያዕ. 4፡7-8) ይብል። ኣብ ልዕል'ቲ ጸላኢና ዝኾነ ዲያብሎስ ዘሎካ ናይ ተቓውሞ መከላኸሊ ኃይልኻ፡ ኃይሊ እግዚኣብሔር እዩ። እቲ ኵሉ ዝኽእል ኣብ ልዕሊ ሕይወትካ ወሪዱ ብናጻ መንገዲ ክሰርሓሉ ዝኽእል ግና ነዞም ክልተ ነገራት ክትፍጽም ምስ እትርከብ እዩ። እዚኣቶም ከዓ ፡

1. እግዚኣብሔር ብፍቕሩን በቲ ኣብ ልዕኵሉ ዘለዎ ፍጹም ዝኾነ ቍጽጽርን፥ ካብቶም ከቢቦምኻ ዚነብሩ ኵነታት ብጥበቡ ከም ዜናገፈካን ከምዚመርሓካን ብምርግጋጽ ኣብ እምነትካ ጸኒዕካን ደልዲልካን ክትቀውም ከሎኻን፤

2. ከምኡ'ውን ስለቲ በብእዋኑ ዝገጥመካ ኵነታት ንጐይታ ብምምስጋንን ብምውዳስን እምነትካ ክትገልጽ ምስ እትርከብን እዩ።

“ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም ዚውሕጦ ደልዩ ከም ዚጓዝም ኣንበሳ ይዘውር ኣሎዉሞ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ፡ ኣብ እምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ...” (1ጴጥ. 5፡8-9) እናበለ ዘት ዕለት ነቑሕና ክንርከብን ንናይ ጸላኢ ናይ ምጥቃዕ ተግባር ከም እነስተውዕለሉን ይነግረና። ይኹን ደኣ'ምበር ኣተሓሳሰባኻ ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ዘይኮነስ ኣቕልቦኡ ኣብ እግዚኣብሔር ዝዓረፈ ኪኸውን ከምዘሎዎ ኣብ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ካብ ቍጽሪ 6-7 ከምዚ እናበለ ይጠቕሰልና።

"ደጊም ብጊዜኡ ንሱ ልዕል ምእንቲ ኬብለኩም ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ ኣምላኽ ትሕት በሉ። ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ ኹሉ ኃልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ" እናበለ ኣቕልቦና ናብ ኣምላኽ ጥራይ ክኸውን ከምዘለዎ የተሓሳስበና።

ርግጽ እዩ ተግባር ጸላኢ ኻ ክትፈልጥ ኣድላዪ እዩ። ግናኸ ትኹረትካ ኣብ ጸላኢ ኻ ክዓርፍ ዘይኮነስ ናይ እግዚኣብሔር ከሃሌ ኵሉነትን ዕብየትን እናስተንተንካ ክትፈልጦን ከተፍቅሮን እምነትካ ከተማዕብልን ዘንተዕለት ቀልብኻ ኣብኡ ጥራይ ክድህብ ኣለዎ። ፍርሓትን ጥርጣሬን ኣብ ሕይወትካ ቦታን ስፍራን እንተደኣ ትህቦን ኴንካ ናይ ክፍኣት ህልውና ብምሕሳብ ጥራይ እውን ንርእሰኻ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ከንቱነት ከምዝጽመድን ከምዝእሰርን እንተደኣ ጌርካዮ ንኃይሊ እግዚኣብሔር ኣብቶም ከቢቦሙኻ ዘለዉ ክፉኣት ኵነታት ኣትዩ ኽይሠርሕ ኢኻ ትጋርዶ። ክፍኣት ነቲ ልዑል ኃይሊ እግዚኣብሔር ከም ዝግዛእ ክትፈልጥን ክትግንዘቦን የድሊ። ሽዑ ኢኻ ኃይሊ እግዚኣብሔር ኹሉ ነገር ንሠናይ ከምዝኸውን ገይሩ በቲ መሠረታዊ ዝኾነ መደቡ ክሠርሕ ከሎ ንምርኣይ ዜኽእለካ ካብኻ ዝደልዮ ነገር እንተደኣልዩ ኣብ እምነት ጸኒዕካ ደው ክትብል፥ ንናይ መንፈስ ቅዱስ ቅጽበታዊ ዝኾነ መሪሕነት ተኣዛዚ ምዃን፡ ብእኡ ተመሪሕካ ምጕዓዝ እዩ። ሽዑ እዩ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ ኵነታትካ ኣትዩ ነቲ ተግባራዊ ስጕምትኻ ባዕሉ ዚመርሖ። እዚ ግዳማዊ ዝኾነ ተግባራዊ ስጕምትኻ ዝመርሓሉ ቅኑዕ መንገዲ ኪኸውን ከሎ፥ ብውሽጥኻ እውን ክትገብሮ ዝግብኣካ እንተ ደኣ ኣልዩ፡ ኣዕይንቲ ልቦናኻ ናብ እግዚኣብሔር ምቕላብን ንእኡ ምምስጋንን ምውዳስን፡ ስለቲ ሠናይ ዝኾነ ግርማኡን ምሕረቱን፡ ስለ ኵሉ ነገር ምስጋናኻ ምቕራብ እዩ።

ኣብ እምነት ጸኒዕካ ደው! ምባል ማለት ፍቕርኻ ንቃል እግዚኣብሔር ከም ዝኣምን ምግባር ማለት እዩ። ኽምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ልዕሊ ቃል እግዚኣብሔር ዝዓረፈ እምነት ኣጽኒዕካ ምሓዙን፥ ከም ዝዓቢ ምግባሩን የድሊ። ነዚ ክትገብሮ ከሎኻ ድማ ስምዒትካ ዝደለየ ይኹን፥ ግዳማዊ ኵነታትካ እውን ዝጻረር እኳ እንተመሰለ እግዚኣብሔር ንኵነታት ዘበሉ ኵሎም ከም ዚቈጻጸር ቃሉ ኣርጊጹ ዘምህረና ስለዝኾነ እዩ። እቲ መስደምም ዝኾነ ግብርታት ኃይሉ ብቃሉ ቀሪቡልካ ኣሎ። ኽክፉእ ኣብ ጽቡቕ ምልዋጥ ኣይጽግሞን እዩ። "እቲ ብሰብ ዘይከኣል ብእግዚኣብሔር ግና ኵሉ ይከኣል እዩ"። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ሥራሕ ኣምላኽ ነቲ ቃሉ ዚብለካ ገዲፍካ ብስምዒትካ ተደፊእካ ምውርዛይ ይትረፍካ። ርግጽ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ሥራሕ ኣምላኽ ክትዋራዛ ከሎኻ ኣፍካ ከፊትካ ከምዘይትዛረብ እፈልጥ እየ። ብሓሳብካ ግና ኣብ ብዙኅ ነገራት ከም እትዋናጨፍ ይርድኣኒ እዩ። ኣብ ቅድሚ ጐይታ ምውርዛይሲ ንጴጥሮስን (ማር. 8፥32-33) ንማርታን (ዮሓ. 11፥39-40) ኣይጠቐመን እሞ መለበሚ ረኺብካ ኣሎኻ ይትረፍካ፤ ዓይንኻ ዓሚትካ ብቓሉ ኣብ ቃሉ እናንበርካ ስለ ኵሉ ነገር ከየባተኽካ ኣመስግን። ኣብ መወዳእታ ዓወት ክትጭብጠሉ ኢኻ።

ቃል እግዚአብሔር፥ እግዚአብሔር ንብርቱዕ ዝናማት ንምንቅጥቃጥ መሬት፥ ንህቦብላ፥ ንማዕበል፥ ንውግእ፥ ንጥሜት፥ ንሕማም፥ ንናይ ሰባት ምውላድን ሙማትን ከምዚቄጻጸር ኣርጊጹ ይነግረና። ኣብ መሬት ዝርከቡ ዕንባባታትን ንነፍሲ ወከፍ ዑፍን፥ ንነፍሲ ወከፍ ጸጕሪ ርእስናን ከም ዝምልከት እውን ኣብ ቃሉ ሰፊሩ ኣሎ። ንሸኻ'ውን ነዚ ተገንዚብካ ፍጥረታዊ ሰብነትካ ይቀበሎ ኣይቀበሎ (1ቆሮ. 2፥14) ክትኣምኖ ወይ ክትክሕዶ ናትካ ውሳኔ እዩ። ገለ ሰባት ኣምላኽ ንሓደ ሓደ ክስተታት ሓላፍነት ክህልዎ ከሎ፣ ንሓደ ሓደ ካልእ ክስተታት ግና የብሉን ክብሉ ይስምዑ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ግና ንእኡ ብምልኣት ንምምስጋን መሠረት ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ከዓ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እቶም ክትቅበሎም ዘይትኽእል ኩነታት ክትሠርሕ ምስ እትጅምር ኣቐዲምካ ልብኻ ስለ ዝዓጸኻ ግብርታት ኃይሉ ክፍጸም ከሎ ምርኣይ ይስኣነካ። ከተስተውዕሎ ዘሎካ ኩነታት ስለዘይቅየሩ ነቲ ዘጸይፍ መልክዖም ኂዞም እዮም ዝቕጽሉ።

እግዚኣብሔር ከለዳውያን ኣተንሢኡ ከመይ ገይሩ ንሠናይ ከምዝተጠቕመሎም ብኣፍ ነቢያት ገይሩ ኪገልጽ ትርኢ። ንእስራኤላውያን ካብ ምርኮ ንምምላስ ንንጉሥ ቂሮስ ኣተንሢኡ ከመይ ገይሩ ከምዝተጠቕመሉ፥ ንነቢይ ኢሳይያስ ክገልጸሉ ትርኢ። ንኢዮብ ኣብዚጉ ክባርኾ ምስ ደለየ ከመይ ገይሩ ንሰይጣን ከምዝተጠቕመሉ፥ ንትእማር ሰበይቲ ወዱ ንይሁዳ ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ኣብ ትውልዲ ሓረግ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንክትሳተፍ ከመይ ገይሩ ናይ ንጉሥ ዳዊት ኣደ ዓባይ ንምኳን ከም ዝተጠቕመላ፥ ንዮሴፍ ናብ ግብጺ ከምዝሸየጥን ናብ ቤት ማእሰርቲ ከምዜሕልፍን ገይሩ ብእኡ ምኽንያት ከመይ ገይሩ ንሕይወት ኣኅዋቱን ኣዝማዱን ንምድኃን ንናይ እስራኤል ታሪኽ ለዊጡ'ውን ኣብቲ ንሱ ዝደለዮ መደብ ንኽመርሖም ከምዝተጠቕመሉ እንተደአ ኣስተውዒልካ እግዚኣብሔር ንኹሉ ነገራት ከምዚቈጻጸርን፥ ኣብቲ ንሱ ዝደለዮ ዕላማ እውን ከምዝመርሖን ክትግንዘብ ምኽኣልካ ኔርካ።

ኣብዚ ጊዜ እዚ ኢኻ ሰኽፍ ከይበለካ ስለ ኵሉ ነገር ከተመስግን እትኽእል። ብእኩያት ሰባት እናተገፍዑ ተስፋ ቅብጸት ዝጐልበቦም ሰባት ገጢሞሙኻዶ? ብጸላኢ እናተጨፍጨፉ የማነ ጸጋም እንተጠሙቱ ረዳኢ ስኢኖም ዝጭነቑ ሰባት ይገጥሙኻዶ? ምብኹሉ ተናዓቕም ዝተደርበዩ ሰባት ገጢሞምኻዶ? ክፉኣት ልቦም ነፊሖም ክሻድኑ፣ ንጽህት ግና መሳለቒ ክኾኑዶ ገጢሞምኻ? ኣጆኻ ድምብርጽ ኣይበልካ፣ ንጐይታ ዝሰኣኖ የልቦን፣ በዚ'ውን መደብ ኣሎዎ'ሞ ስለ ኵሉ ነገር ብእምነት ኣመስግን። "እቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፣ ከም መደቡ እውን ዝተጸውዑ ግን ኵሉ ንሠናይ ከም ዚድግፎም ንፈልጥ ኢና" (ሮሜ 8፥28) እናበልካ'ውን ንእግዚኣብሔር ስለ ኵሉ ነገር ካብ ምልኣት ልብኻ ዝፈልፈለ እምነት ከተመስግን ከለዓዕለካ እዩ። እዚ ነገር እዚ'ውን ናይቲ ብርቱዕ ቅልጽም ኣምላኽ ተዘርጊሑ ኃይሉ'ውን ንኹሉ ነገራት ዳህሲሱ ንሱ ናብ ዝደለዮ ዕላማ ከምዝመርሖ

ንኸትርኢ የኽእለካ። ስለዚ እግዚኣብሔር ኣብ ቃል ጽኑዕ እምነት ንኽህልወካ ዓይኒ ልቦናኻ ክኸፍተልካ ክየባተኻካ ስለ ኵሉ ነገር ኣመስግኖ(ንዮ)።

## ሻድሻይ ምዕራፍ

## ስምዒትን እምነትን

**(ዘኍ. 14፥9)**

ሕይወትካ በቶም ኣብ ሰሥርሖም ተጸሚዶም ዝርከቡ ብብዙኃት ኣካላት ዝቈመት፥ ብስምዒትን ብእምነትን እትመሓደር ከም ሓንቲ ዓባይ ፋብሪካ እያ። ሕይወትካ ብእምነት እንተደኣ ትምራሕ ኮይና፥ ካብ ዓወት ናብ ዓወት እያ እትሰጋገር። ግናኸ ስምዒትካ ምስ እምነትካ ተላዚቡን ብእኡ ተመሪሑን እንተዘይተመላለሰ ሕይወትካ ኣብ ከቢድ ድንገት ከም እትወድቕ ግሁድ እዩ።

ስምዒትካ ካብ እምነትካ ተነጺሉ ኣብ ዝሠርሓሉ ጊዜ፥ ጥርጣሬን ፍርሃትን ስለዘሕድረልካ፥ ንድኅሪት ክንትተካ እንተዘይኮይኑ ንቅድሚት ከም እትስጕም ኣይገብረካን እዩ። ብዙኅ ጊዜ ናይ እምነትካ ድኻምነት ነጸብራቕ ዝኸሰት በቶም ዘይረብሑ ንኣሽቱ ነገራት ገይሩ እዩ። እዚ ከዓ ስምዒትካ ድኽመት እምነትካ ርእዩ ስለ ዝዓደሞም እዩ። ነዞም ነኣሽቱ ነገራት እንተጠቐስኩልካ ሓሲብካዮም ስለዘይትፈልጥ ይገርመካ ይኸውን። እዚ ከዓ እጐድኡ ኢልካ ስለዘይትግምቶም ከም ሓደ ጽቡቕ መሳርሒ ጌርካ ምስ ባህርኻ ስለዘወሃሃድካዮም እዩ። ቃል እግዚኣብሔር ዝሃበካ ምሕጽንታ ግና "ካብተን ንኣሽቱ ኮራኹር ወኻሩ ተጠንቀቑ" ዚብል እዩ። "ኣታኽልቲ ወይንና ዓምቢቡ እዩ እሞ፥ ነታኽልቲ ወይኒ ዜባላሽዋ ወኻሩ፥ ነተን ኲራኩር ወኻሩ፥ ኣጸዊድኩም ሓዙልና" (መኃ.2፥15)።

እስከ እምበኣር ብናይ እምነትካ ድኽመት ዝተላዕለ ስምዒትካ ንሕይወትካ ከመይ ገይሩ ከም ዜፈራርሶ ንርአ። <u>ንኣብነት</u>፥- ብርቱዕ ፀሓይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኣብ ልዕሊ ፀሓይ ቅር ከምዝብለካን ከተዕዘምዝም ከም እትጅምርን ብቃልካ ትገልጾ። ከምኡ'ውን ከቢድ ዝናም ዘኒሙ ክዳንካ ኣብ ዝጅልግተሉ (ዝብስብሰሉ) ጊዜ፥ ማኪና እናዘወርካ ሃጺጽካ ክትከይድ ከሎኻ ድንገት ሴማፎሮ ቀይሕ መብራህቲ ምልክት ምስ ገበረልካ፥ ናይ ግዲ ትቐውም እሞ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ገበታ እናስተንፈስካ ተዕለብጥ። እረ ሓደ ሓደ ጊዜስ ምስታ መብራህቲ ትራገም። ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ተራ ሒዝካ ማለት ናብ ቤት ሕክምና ወይ ድማ ሽቓቕ ደሊኻ ክትጽበ ከሎኻ እቶም ቅድሚኻ ዝተሰርዑ ኣትዮም ምውጻእ ምስ ዝድንጉዩኻ ኣዚኻ ብውሽጥኻ ትህወኽ፥ ላዕልን ታሕትን እናበልካ እውን ተዕ ለብጥ። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ዝገጥሙኻ ጊዜ ብውሽጥኻ ከምዝተሃወኽካ ካብ ገጽካ ይንበብ። ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብራ ኣብ ውሽጥኻ ክሳብ ዘሎ ስምዒትካ ስለ ዝገዝኣካ ግብርታት ኃይሊ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሌኻ ክፍጸም ወይ ድማ ብኣኻ ገይሩ ኪሠርሕ ኣይክእልን እዩ። ከመይ በዞም ዘይረብሑ ነገራት ጌርካ ንከይሠርሕ ዓፊንካ ሒዝካዮ ኢኻ።

እስራኤላውያን ጕዕዞ ምድረበዳ ኣብ ዝጀመርሉ ጊዜ ድኅሪ ሠለስተ መዓልቲ "ማራ" ኣብ እትበሃል ቦታ ማይ ረኸቡ እሞ፥ ካብ ብዝኒ ጽምኢ ዝተላዕለ ኵሎም

እናተደፋፍኡ ክሰትዩ ጀመሩ። ግናኸ እቲ ማይ ኣዝዩ መሪር ስለዝነበረ፡ ክሰትዩ ስለዘይክኣሉ ንሙሴ ብዓይኒ ቍጥዓ እናጠመቱ ኣብ ልዕሊኡ ከማርሩ ጀመሩ። እዞም ሕዝቢ እዚኣቶም ጭራሖም ናብ እግዚኣብሔር ከዕርጉ ዝግብኦም፥ ቍጥዓኦም ኣብ ልዕሊ ሙሴ ኣዝነምዎ። ኣብዚ ክበጽሑ፡ ብውሽጦም ዝደፋፍኦም ዝነበረ ድማ ስምዒቶም ስለዝገዝኦም እዩ። ስምዒትካ ፍርሃት፥ ጥርጣሬ፥ ምጕርምራም ዘይምእማን ስለ ዝፈጥረልካ ሕይወትካ መሠረት ክሕዝን ክሕነጽን ኣይክእልን እዩ።

ሙሴ እቲ ብእምነት ዚመላለስ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ግና፥ ንኣታቶም መልሲ ክይሃበ ናብ እግዚኣብሔር ኣምሳኹ ተማኅለለ። ጐይታ ከዓ ነቲ መሪር ማይ ናብ ምቁር ማይ ለወጦ።

ስምዒትካ፡ ኵነታትካን ኣከባቢኻን መዚኑ ዘሐጕስ እንተረኸበ ይሕጕስ፥ ዜፍርሕን ዜጨንቕን እንተደኣ ገጢሙዎ ከዓ ንሰብነትካ ኣብ ውሽጢ ፍርሓትን ጥርጣሬን የስጥሞ። ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ናይ ዓለምን ሥጋን ሰይጣንን ከምዝግዛእ ድማ ይገብሮ።

ብእምነት ኣብ እትመላለሰሉ ጊዜ ግና ቃል እግዚኣብሔር ስለ ዝመርሓካ ኣተሓሳስባኻ ኣብ መልእልተ ባህሪይ ይጥሕል እሞ ዓይኒ ልቦናኻ ተኸፊተን ነቲ ግሩም ዝኾነ ተግባር እግዚኣብሔር ብምርኣይካ ደስ ስለ ዝብለካ ስለ ኵሉ ነገር ከተመስግን የለዓዕ ለካ። እወ፥ ብግብርታት ኃይሉ ደስ ይብለካ እምበር በቶም ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ብዝገጥሙኻ ማዕበል ኮነ ዘሕዝን ኵነታት ኣይትናወጽን ኢኻ።

ቅዱስ ጴጥሮስ እቲ ቃል እግዚኣብሔር ዝኾነ ኢየሱስ፥ ብማየ ማይ ገይሩ ናብኡ ንኽመጽእ ኣዘዞ እሞ፥ ንኢየሱስ እናኸርኢ ብዘይ ሰጋእታ ብማየ ማይ ክኸይድ ጀመረ። ንኢየሱስ ገዲፉ ኣብቲ ማዕበል ኣብ ዝምልከተሉ ጊዜ ግና ቅጽበት ጠሓለ። ስለዚ ስምዓ ትካ ኣብ እትቕድመሉ ጊዜ ኣብ ሓደጋ ኢኻ ትወድቕ።

ኣብ ዘኍ. 13፡25-26 "ኣብ መወዳእታ ኣርብዓ መዓልቲ ድማ ካብ ምስላይ እታ ምድሪ ተመልሱ። ... ናብ ሙሴን ናብ ኣሮንን ናብ ብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል መጹ። ንኣታቶምን ንብዘሎ ኣኼባን ነቲ ነገር ኣዛረብዎም፤ ፍሬ እታ ምድሪ'ውን ኣርኣይዎም፤" እቲ ወረ ከዓ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ሕዝቢ ተነዝሐ። እቲ ሕዝቢ እውን ስለዝተደናገሮ ተናወጸ። እቶም ዓሥርተ ሰለይቲ ደጋጊሞም ዜፍርሕ ወረ እናውረዩ ነቲ ሕዝቢ ሃወኽዎ። ቀጺልና'ውን ኣብ ቍጽሪ 31-33 እንተርኤና፥ ንሱ ካባና ይሕይል እዩ'ሞ ናብቲ ሕዝብ'ቲ ክንድይብ ኣይንኽእልን ኢና እናበሉ ብዛዕባ እታ ዝሰለዩዋ ምድሪ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢሎም ክፉእ ነገር ኣውረዩሎም። እቶም ኣብኣ ዝረኣናዮም ኵሎም ሕዝቢ ከዓ ነዋሕቲ ሰባት እዮም። ንሕና ኣብ ዓይንና ከም ኣምበጣ ኰንና፥ ኣብ ኣዕይንቶም ከዓ ከምኡ ነበርና" በሉ። ስለዚ ብሰንኪ እቶም ዓሥርተ ሰለይቲ ጥርጥርን ዘይምእማንን ዜሕድረሎም ክፉእ ወረ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕዝቢ ተነዝሐ። ኣብ ጥርጥር እምነት የልቦን፤ ክፉእ ወረ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ናብ ክሕደት እዩ ዚመርሖ። ሕዝቢ እስራኤል እውን ብኽፉእ

ወረኦም ድፍኢት ዝተላዕለ ኵላቶም ሓቢሮም ኣብዚ ደኣ ንመውት እምበር ነታ ሃገር እቲኣስ ምውራስ ኣይንኽእልን ኢና (ተበሃሃሉ) በሉ።

ካሌብ ነዚ ምስ ሰምዐ፡ "ነቲ ሕዝቢ ኣብ ቅድሚ ሙሴ ኣህድኦ፥ ኣጸቢቕና ንኽእላ ኢና እሞ ንደይብ ደኣ ነታ ምድሪ ንውረሳ ድማ በለ። እቶም ዓሥርተ ሰለይቲ "ንሱ ካባና ይሕይል እዩ እሞ ናብቲ ሕዝቢ እቲ ክንድይብ ኣይንኽእልን ኢና" ክብሉ ከሎዉ እቶም ክልተ ምስኦም ሓቢሮም ዝኸዱ ግና ናቶም ኣንጻር ክዛረቡ ኢና ንርኢ። እቶም ዓ ሠርተ ሰለይቲ ስምዒቶም ስለ ዝገዝኣም ፍርሃትን ርዓድን ሓደሮም። ንርእሶም ተናዊጾም ድማ ንሕዝብ እግዚኣብሔር ብክፉእ ወሪኦምን ብዘይ ምእምኖምን ብፍርሓት ከምዝናወጽ ገበርዎም።

ኢያሱ ከዓ ኣተሓሳሰብኦም ኣብዘይ ምእማንን ጥርጥርን ዓመጽን ከምዝተመሥረተ ተመልኪቱ፡ "ኣብ እግዚኣብሔር ግዳ ኣይትዓምፁ፥ ንሳቶም እንጌራን እዮም እሞ ንሸኻትኩም ንሕዝቢ እታ ምድሪ ኣይትፍርሕዎም። እቲ ዜጽልሎም ካባታቶም ኣግሊሱ፥ እግዚኣብሔር ከዓ ምሳና እዩ ኣይትፍርሕዎም" (ዘኍ. 14፡19) እናበለ ኣምሪሩ ተዛረቦም። ስለዚ እቶም ብስምዒት ዚምዘኑ ዘበሉ ኵሎም ናብ ጥርጣሬ እዮም ዜዘምብሉ። ጥራጣሬ ከዓ ዘይምእማን ስለዘኸትል፡ ማለት ኣብ ክሕደት ስለዜብጽሕ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዓ መጽ እዩ። እትጥቀሞ ቃላት፡ መንነትካ እዩ ዚገልጽ። እወ ቃላትካ ዶብካን ክልልካን እዩ ዚውሰን። እንታይ ዓይነት ሰብ ከምዝኾንካን እንታይ ዓይነት ዕለማ ከምዘሎካን ኣበይ ክትበጽሕ ከምዝደሌኻን የቃልዓካ፥ ብዘረብኻ ኢኻ ትግመት። እቲ እትዛረቦ ኵሉ ንሸኻ ንሱ ኢኻ። ሕይወትካ ናይቲ እትዛረቦ ነጸብራቕ እዩ (ማቴ. 12፡13-37፤ ሉቃ.6፡45)።

እስራኤላውያን ነታ መዓርን ጸባን እትውሕዝ ሃገር ኣብ ዝወረሱክ ጊዜ <u>"ካሌብ"</u> ኣብ ሰማንያን ሓሙሽተን (85) ዕድሜኡ፥ ንእግዚኣብሔር ዎ ጐይታይ ኣብዚ ዝለዓለ ወገን እምባታት ዘሎ ሃገር ክወርሶ በጃኻ ንኣይ ሃበኒ እናበለ ለመነ። ኣብ ጊዜ ሽምግልናኡ ነቲ ዝለዓለ ቦታ ምምራጹ ዝገርም ነገር እዩ። ካብ ብርታዐ እምነት ዝተላዕለ ጌና መንእሰይ ዘሎ ኰይኑ ስለ ዝተሰምዖ ነቲ ንኽትወጾ ጽንኩር ዝኾነ እምባታት ብዘይ ሓደ ጸገም ወጺኡ ተቘጻጸሮ። ኣብ ጊዜ ሽምግልናኡ ነቲ ጽንኩር እምባታት ክወርሶ ምህንጣዩ ከመይ ዝበለ ነሕ ዘይብል ብርቱዕ እምነት ስለዝነበሮ እዩ? ኣይገርመካን? እዚ ንኣኻ ጽኑዕ እምነት እዩ ዜሕድረልካ።

"... ነቲ ብክርስቶስ ገይሩ ኵሉ ሳዕ ናብ ዓወት ዚመርሓና፥ ብኣና ገይሩ እውን ክርስቶስ ከም ዚፍለጥ ንምግባር ከም ጥዑም መዓዛ ኣብ ኵሉ ቦታ ዚገልጽ ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። ከመይ ኣብ ማእከል እቶም ዚድኀኑን እቶም ዚጠፍኡን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መዓዛ ክርስቶስ ኢና። ነዚኣቶም ካብ ሞት ናብ ሞት ዜብጽሕ ሽታ፥ ነቲኣቶም ከዓ ካብ ሕይወት ናብ ሕይወት ዜብጽሕ ሽታ ኢና" (2ቆሮ. 2፡14-16)።

ስለዚ መንፈሳዊ ስላጠት ዘለዎ ኣነባብራ ትነብር እንተደኣ ኴንካ፣ መልዕልተ ባህሪይ ዝኾነ ራእዩ እውን እንተደኣ ኣልዩካ፣ ቀልብኻ ድማ ናብ ቃል እግዚኣብሔር ዘድኀብ እንተደኣ ኮይኑ፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ስለዘይትፈርህ ናይ ውድቀት ቃላት ካብ መዝገብ ልብኻ ፈጺሙ ኣይወጽእን እዩ። ምኽንያቱ ከዓ "እቲ ዓቢይ ኃይሊ" ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ ከምዘሎ ስለ እትፈልጥ ድምብርጽ ከይበለካ ተኣማሚንካ ኢኻ መንገድኻ ትቕጽል። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ስምዒትካ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር እምነትካ ስለ እተገዝአ ነቲ ሡናይ ነገር ጥራይ እዩ ዜተሓላልፍ። ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ ክጽሕፍ ከሎ፣ "በቲ ኃይሊ ዚህበኒ ክርስቶስ ንዅሉ እኽእል እየ" 4፥13 እናበለ ዓወት ብክርስቶስ ጥራይ ከምዝኾነ ይምስክር።

ወዲ ሰብ ካብ መጀመርያ ጊዜ ጀሚርካ እንተደኣ ተመልኪትካ፣ ብትምክሕቲ ርእሱ ተለዓዒሉ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ጊዜ ካብቲ ዝተንቀሳቐሰላ እዋን ጀሚሩ ክወድቕን ክንከራተትን ክድርበን ከምዘይነበረ ክኸውንን ኢኻ እትርእዩ። ንኣብነት፥- ፈርዖን፥ ጐልያድ፥ ሄሎፌርኖስ፥ ክንደይ'ውን ከምኦም ዝኣመሰሉን ብትምክሕቶ ኪወድቁ ይርኣዩ።

እቶም ናብ እግዚኣብሔር ዝተኣማመኑን ኵሉ ኃልዮቶም ናብኡ ዜውድቕዎን ሰባት ግና ማለት ከም እኒ ሙሴ፥ ዳዊት፥ ዮዲት ወዘተ ... ካብ ዓወት ናብ ዓወት ኪሰጋገሩ ኢና ንርኢ።

ኣብ 1ዮሐ. 4፥4፤ "ኣቱም ደቀይ ንሸኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፤ ካብቲ ኣብ ዓ ለም ዘሎ መንፈስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ መንፈስ ዚዓቢ ስለዝኾነ፥ ንሳኻትኩም ነቶም ሓሰውቲ ነብያት ስዒርኩምዎም ኢኹም" እናበለ ነቶም ንእግዚኣብሔር ብእምነት ዚኽተልዎ ካብ ዓወት ናብ ዓወት ከም ዝሰጋገሩ ይገልጽ።

ንሸኻ'ውን ካብ ኵሉ መርገምካን ክፍኣትካን ናጻ ወጺእካ ኢኻ። ብወገን እግዚኣብሔር "ዳግም" (እንደገና) ወዲ መርገም ኣኸይትኸውን ብደም ወዱ ማኅተም ገይሩልካ እዩ። ንቍስልኻ ብመግረፍቱ ሰፊፉን ጸጊኑን ኣሕውዩልካ እዩ። ብክርስቶስ ኢየሱስ ናይ ዓወት ሰብ ኴንካ ኢኻ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣኻን ንዝኸማኻን ኪብል ዝረኸቦ መከራ ኵሉ ጊዜ ኣስተንትኖ'ሞ ክትዕወት ኢኻ።

እወ ብሰሪ ኣበሳና፣ "ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ። በዓል ስቓይ ብሕማም ልዑይ፣ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዚጕልብቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ። ንሕና'ውን ገለ'ኳ ኣይቈጸርናዮን። ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ ንስቓይና ከዓ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፥ ንሕና ግና ከም እተወቕዐን ብእግዚኣብሔር ከም እተቐዘፈን ከም እተዋረደን ገርና ቈጸርናዮ። ንሱ ግና ብሰሪ በደልና ቈሰለ፣ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ። ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ። ንሕና'ውን ብስምብራቱ ሓዊና። ኵላትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና፥ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መንገዱ ዘንበለ፣ እግዚኣብሔር ከዓ ኣበሳ ኵላትና ናብኡ ኣውደቐ" (ኢሳ. 53፥3-6)።

እዚ ኵሉ ዝገበሮ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ጸልማት ደጒሉና ዝነበረ ጸላኢ ዕዉታት ኴንና ምእንቲ ክንርከብ እዩ። ካብዚ ንደኃር በቲ ዝሃበና ኃይሊ ንጸላኢ ባዕልና ተዋጊእና ክንስዕሮ ስለ ዝደለየ እዩ። እወ፥ ኣብቲ ዝሃበና ኃይሊ ክነተኵር እሞ ኣብ ልዕሊ እቲ ኵሉ ዝገጥመና ሰጋእ ከይበልና ብእምነት ጥሒስናዮ ክንሓልፎ ምስ ደለየ እዩ።

ኢያሱን ካሌብን ኣብቲ ዜደንቕ ግብርታት ኃይሉ ስለዜቕለቡ፥ ነቲ ኵነታት ኵሉ ኣትኵሮም ተመልከትዎ እሞ፥ እቶም ኣብታ ክወርሱዋ ዘለዎም ሃገር ዝርከቡ ኃያላትን ጒልቡታትን ምኺኖም እናፈለጡ ኣብ ቅልጽም ኣምላኽ ብምትእምማን፥ “ኣጸቢቕና ንኽእላ ኢና እሞ ንደይብ ደኣ ነታ ምድሪ ንውረሳ” (ዘኍ. 13፥30) በልዎም። ነቶም ንሕዝቢ ብሕማቕ ወረ ንዘናወጽዎም ከዓ ብዓይኒ ቍጥዓ እናተመልከተ ኢያሱ ነቲ ሕዝቢ ኣብ ቅድሚ ሙሴ ጸጥ ከምዝብል ምስ ገበሮ፥ “ኣብ እግዚኣብሔር ግዳ ኣይትዓምጹ፥ ንሳቶም እንጌራና እዮም እሞ ንሸኻትኩም ንሕዝቢ እታ ምድሪ ኣይትፍርህዎም፥ እቲ ዜጽለሎም ካባታቶም ኣግሊሱ፥ እግዚኣብሔር ከዓ ምሳና እዩ ኣይትፍርህዎም” (ዘኍ. 14፥9) እናበሉ ብእምነት ፈከሩ። እቶም ዓሠርተ ሰለይቲ ግና “ንሱ ካባና ዚኀይል እዩ እሞ ናብቲ ሕዝቢ እቲ ክንከይድ ኣይንኽእልን ኢና” (ቍ.31)፤ ኣብዚ ምድረበዳ እዚ ሙማት ይሕሸና እናበሉ'ውን ጨርሑን ኣብ ልዕሊ ሙሴ ኣጒረምረሙን። ስለዚ እቲ እትዛረቦ ቃል መንነትካ ከም ዚገልጽ ብቐሊሉ በዞም ሰባት እዚኣቶም ብዝግባእ ክትረዳእ ትኽእል። ኣብ እቲ ነዚ ዜብቅዓና ከዓ እቲ ዕርቡን መንፈስ ቅዱስ ዝሃበና ኣምላኽ እዩ። (2ቆር. 5፥5-7)

ብሥጋ ክሳብ ዘሎና ካብ ጐይታ ርሑቓት ከም ዝኾንና ንፈልጥ ኢና፤ ስለዚ ኵሉ ሳዕ ትብዓት ኣሎና። ምኽንያቱ “ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይኮንናን እንነብር ዘሎና” ይብል። ብስምዒት ዚሥራሕ ኵሉ ካብ ቍጽጽር እምነትና ወጻኢ እንተደኣ ኮይኑ፥ ማለት ንስምዒትና እምነትና እንተዘይገዚኡዎ፥ ኣብ ሕይወትና ሓደጋ እዩ ዜስዕበልና።

እምበኣርከስ ነዚ ኣብነት ዝኾነና ኣብዚ ዝስዕብ ንርአ።

<u>ኣብነት</u>፡- ኣቐዲመ ሕይወትካ ከም ሓንቲ ፋብሪካ ከምዝኾነት ኣመልኪተልካ ነይረ።

ሓንቲ ፋብሪካ ብብዙኃት ሠራሕተኛታት ዝቌመት እያ። ኵሎም ኣብ ዘዝተመደበሎም ሥራሕ ተጸሚዶም ክርከቡ ከሎዉ፥ እቶም ቀንዲ ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ኣብታ ፋብሪካ ዜመሓድሩ ግና፥ ናይታ ፋብሪካ ኣካያድን (ማናጀር) ተለኣኣኽን (ሓላው ማዕጾ ማለት ምስ ኵሉ ሠራሕተኛ ብሥራሑ ክብል ከይተራኸበ ዘይውዕል) እዮም። ክልቲኦም ብተኣማንነት ብትግሃትን ሰሚሮም እንተደኣ ሠሪሖም እታ ፋብሪካ እናማዕበለት ከም እትኸይድ ግሁድ እዩ። ከምዚ ዝበለ ምዕባሌ ንኸተርኢ ከዓ እቲ ኣካያዲ ፋብሪካ ብትግሃት ከመሓድርን ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍ ሠራሕተኛ ሽግር ከይፍጠር ተገዲሱ ክሓልን ክከታተልን ምስ ዚርከብ እዩ። ብዝተረፈ ኣብ ሥራሑ እንተዘይተጊሁን

ንሠራሕተኛታት እንተደኣ ዘይተገደሰሎምን እቲ ተለኣኣኺ ሓላው ማዕጾ ናቱ ድኽመት ርእዩ ኣብ ዘይሥራሑ ክወራዘ ይጅምር እሞ ብሥራሑ ምኽንያት ምስ እቶም ኵሎም ሠራሕተኛታት ስለ ዝረኽብ ነቲ ዘሎ ኵነታት ማለት ዜሕዝን፥ ተስፋ ዜቝርጽ፥ ኣብ ሓቂ ዘይተመስረተ ንጊዜኡ ዘሐጕስ ነገር ወዘተ በብጊዜኡ ከከም ዝነፈሶ ወረ እናመሓላለፈ ነቶም ተጊሆም ዝሠርሑ ዝነበሩ ሠራሕተኛታት በቲ ዝሰምዑዎ ሕማቕ ወረ ተናዊጾም ሥራሖም ከምዝዳኸም ይገብሮ።

በዚ ምኽንያት ከዓ ገለ ንሥርሑ ኣቐሙ ኣራጢጡ ወረ ዘካውስ፥ ገለ ከዓ ተበሳጭዩ ሥራሑ ብግቡእ ዘይፍጽም፥ ገለ እውን ብስምባዴ ዝኣክል ፈጺሙ ሥራሑ ዘቝውም ወዘተ ኮይኖም ነፍሲ ወከፍ ኣብ ሠሥርሑ ከሎ ሞራሉ ስለዝተተንከፈ ሥራሑ ብዝግባእ ክፍጽም ኣይርከብን። በዚ ከዓ እታ ፋብሪካ ምህርታ እናቐነሰ ስለዝኸይድ፥ ነቶም ሠራሕተኛታት ቶኽፍሎም ምስ ሰኣነት ሥርሓ ከተቋርጽ ትግደድ።

ውድቀት ናይታ ፋብሪካ እንተደኣ ተመልኪትካ ብሰንኪ ድኽመት ናይታ ፋብሪካ ኣካያድን (ማናጀር) ብሰንኪ እቲ ተለኣኣኺ ዘመሓላለፎ ሕማቕ ወረን ዝመጸ ኣብ ልዕሊ ብዙኃት ጕድኣት ኣስዒቡ እዩ። እዚ ከዓ፥

መጀመርያ፡- ዋና እታ ፋብሪካ ንሠራሕተኛታታ ክኢላስ መኽሰብ ዝጽበ ዝነበረ ብምኽሳሩ ይብደል፤

ካልኣይ፡- ናይታ ፋብሪካ ኣካያዲ ኣብ ሥራሑ እሙን ኮይኑ ስለዘይተረኽበ ይዋረድ፤ ኣብ ቅድሚ እቲ ብእምነት ኣብ ሓላፍነት ዘቐመጦ ጐይታኡ ከዓ ክቐውም የሕፍሮ፤

ሣልሳይ፡- እቶም ሠራሕተኛታት ብኅሮርኦም ስለ ዝተታሕዙን ኣብ ብርቱዕ ጸገም ስለ ዝወደቑን <u>ይጕድኡ</u>።

ከምኡ'ውን ሕይወትካ ብብዙኃት ሠራሕተኛታት ዝቘመት ከም ሓንቲ ፋብሪካ እትምሰል እያ። እዞም ሠራሕተኛታት እዚኣቶም ኣብ ዘዝተመደብዎ ቀጺሎም ከየቋረጹ ንኽሠርሑ ምስ ባህሮም ዝተወሃሃደ ካብቲ ዋና ጐይታ ሕይወትካ ዝተዓደልዎ ሕሉፍ ህያብ ኣለዎም። ኣብ ርእሲ እዚ እውን እቲ ዋና ሕይወትካ፥ እቲ ሥራሕ ጽቡቕ ኮይኑ ምእንቲ ክካየድን ምሉእ ስላጠት ምእንቲ ክህልዎን ናይታ ከም ሓንቲ ፋብሪክ ዝተመሰለት ሕይወትካ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ሠራሕተኛታታ ኮይኑ ዜመሓድር ናቱ ተፈላጢ ኣቘመሎም። እዚ ከዓ እምነትካ እዩ። ናይ እምነትካ ተለኣኣኺ ከዓ ስምዒትካ እዩ። ፋብሪካ ሕይወትካ ብነፍስን ብሥጋን እናማዕበለትን እናዓበየትን ክትከይድ እንተደኣ ኮይኑ፥ እቲ ንሕይወትካ ከካይድ ካብ ላዕሊ ካብ ጐይታ ሓላፍነት ዝተዋህቦ “እምነትካ” ኣብ ቃል እግዚኣብሔር ምቕላብን ብጸሎት ምትጋህን፥ ብመንፈስ ዝበሰለን ከየባተኸ'ውን ዜማዕብሎን ክኸውን ከሎ፥ በዚ መንፈስ'ዚ ተመሪሑ ኣብ ሓላፍነቱ ንቑሕን ትጉህን ኰይኑ ንኵለንትናኻ እናተቘጻጸረ በቲ ቅኑዕ መስመር ናይ ዓስቢ ዓወት ከም እትመላለስ ዝገብረካ

እሙን ኣካያዲ ክኸውን ከሎ እዩ። ስምዒትካ ከዓ (ተለኣኣኺ እምነትካ) እቲ ኣብ ሕይወትካ ዝፈጸም ዘሎ ሠናይ ዘበለ ኵሉ ነቲ ብሥራት ኣብ ሰብነትካ የተሓላልፎ። ከመይ ሥርሑ ካብ እምነትካ ተቐቢሉ ምትሕልላፍ ጥራይ እዩ። ስምዒትካ ኣብ ትሕቲ እምነትካ ኮይኑ እንተደኣ ሠሪሑ፥ ኣብ ምሕናፅ ሕይወትካ ዓቢይ ግደ ኣለዎ። እወ፥ ክልቲኦም በብደረጃኦም ብተኣማንነትን ብትዕግሥትን እንተደኣ ሠሪሖም ብነፍስን ብሥጋን ምሉእን ብሱል ሰብ እዮም ዝገብሩኻ። ሕይወትካ ከዓ ካብ ዓወት ናብ ዓወት ከም እትሰጋገርን ኣኽሊክ ዓወት ከም እትጭብጥን አየጠራጥርን እዩ።

ግናኸ እምነትካ ነቲ ካብቲ ዋና ሕይወትካ (ብእግዚኣብሔር) ዝለበሶ ሓላፍነት ብትግሃትን ብመንፈሳዊ ልምምድን እናዓበየ ንሕይወትካ ኣብቲ ሕንጹጽ ዕላማ መንገዲ ድኅነት ክንዲ ዚመርሓ ብሸለልትነት ተጸቒጡ ብመንፈስ ካብ ምዕባይ እንተደኣ ኣቋሪጹ፥ ነቲ መዓልቲ መጸ ኣብ ሕይወትካ ከበርክቶ ዝግብኦ እንተደኣ ዘይፈጸሞ፥ ስምዒትካ ናይ እምነትካ ድኽመት ርእዩ፣ ናይ ሕይወትካ ወናኒ ክኸውን ይጅምር። ካብ ሕዋሳትካ ተቐቢሉ ከዓ ነቶም በብጊዜኡ ዚነፍሱ ማለት ዜሕዝኑ፥ ተስፋ ዜቑርጹ፥ ኣብ ሓቂ ዘይተመሥረቱ ግናኸ ዘሐጕሱ ዚመስሉ እናለቓቐመ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብእምነት ክትምራሕ ዚግብኣ ሕይወትካ ይነዝሖም እሞ ንሕይወትካ ብነፍሲ ጥራይ ዘይኮነስ ብሥጋ እውን ከይተረፈ ኣብ ብርቱዕ ሓደጋ የውድቓ። እወ እቲ ዋና ሕይወትካ ዝኾነ እግዚኣብሔር ነቶም ኣብ ሰብነትካ ከየቋረጹ ብትግሃት ንኽሠርሑ ምስ ባህሮም ከም ዝወሃሃድ ዝገበሮ፥ ብሰንኪ ድኽመት እምነትካን ብሰንኪ እቲ ናይ ዓለም ወረ እናንዝሐ ንሕይወትካ ዜናውጻ ስምዒትካ፥ እቶም ከየቋረጹ ዕሥራን ኣርባዕተን ሰዓት ብትግሃት ሥርሖም ዜካይዱ ዝነበሩ ኣገልገልቲ ሕይወትካ፥ በቲ ዝተነዝሐ ወረ ተንዊጾም ገለ ነቲ ዝተዋህቦ ሥራሕ ገዲፉ ኣብ ናይ ዓለም ከንቱነት ጥሒሉ ዝርከብ (ኣእምሮኻ) ገለ ከዓ ካብ ብዝኂ ብስጭት ዝተላዕለ ነቲ ዚተዋህቦ ሥራሕ ብንጹት ስለፍጽም (ብዝሒ ደም) ኣብ ልዕሊ ንብረት እታ ብፋብሪካ እትምሰል ሕይወትካ ብዙሕ ጕድኣት የስዕብ። ገለ ድማ ብስንባደ ዝኣክል ፈጺሙ ሥራሑ ዘቝውም ሕማም ሽኮር (DIABETES) ይትሓዝ ክንደይ ኢለ እየ እሞ ዝቘጽሮም፥ ኵሎም በብዝተዋህቦም ሥራሕ ክዳኸሙ ይርአዩ።

ኣካላትካ ኣብ ዘዝግብኦም ሥራሕ ካብ ዘይምጽማድ ዝተላዕለ ከዓ ፋብሪካ ሕይወትካ ኣብ ከቢድ ጕድኣት ትወድቕ። ክሳብ ምዕንው እውን ትበጽሕ። ኣብዚ እንዕዘቦ ብሰንኪ ኣብ እምነት ጸኒዕካ ዘይምርካብካን ብሰንኪ እቲ ብስምዒትካ ዝተመሓላለፈ ሕማቕ ወረን ዝመጸ ጠንቅን፣

<u>መጀመርያ</u>፡- ነቲ ኣብ ልዕሊ ሕይወትካ ዝተዋህበካ ሓደራ እሙን ኴንካ ስለዘይተረኸብካ፥ በዚ ዝመጸ እውን ሕይወትካ ኣብ ሓደጋ ስለዘውደቕካያ፥ እቲ ዋና ሕይወትካ ዝኾነ እግዚኣብሔር <u>ይብደል</u>።

<u>ካልኣይ</u>፥- ነታ ክብሪ ኣልቢሱ ብሓደራ ዘረከበካ ሕይወትካ እውን ብሰንኪ ድኽመት እምነትካ ክብራ ቀንጢጥካ ኣብ ልዕሊኣ ዝፈጸምካዮ ዓመጽ ስለዝኸሰካ ኣብ ቅድሚ እቲ ቅኑዕ ጐይታ ትዋረድ። ገጹ ንምርኣይ (ዘፍ 3፥6-13) ስለ ዜሕፍረካ እውን ኣብ እተብሎ ይጠፍኣካ (ዮሓ. 3፥19-20)።

<u>ሣልሳይ</u>፥- እቶም ኣብታ ከም ፋብሪካ እትምሰል ሕይወትካ ኣብ ሠሥርሖም ተጸሚዶም ንሕይወትካ ምሉእ ጥዕና ዚህብዋ ትጉሃት ሠራሕተኛታት፥ ብሰንኪ እቲ ስምዒትካ ዚነዝሖ ክፉእ ወረን ብሰንኪ ድኽመት እምነትካን ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዓደልዎ ባህሪያዊ ትግሃቶም ከዘውትርዎ ስለዘይክኣሉ ኣብ ከቢድ ጕድኣት ይወድቁ፤ ሕይወትካ ከዓ <u>ትዓኑ</u>።

ኦ ሓወይ፣ እቲ ካብ ዓለም እናምጽአ ንሕይወትካ ዃሽዕኑ መስሎኹ ሃለው ዝብል ዘሎ ስምዒትካ ተጠንቂቕካን ኣብ እምነት ጸኒዕካን ሓልዎ።

ስምዒት ብግዙፍ ነገር ዝረኣዩን ዝድኅስሱን ብሕዋሳትካ ገይሩ ዝረኸቦም ነገራት ዜሐጕሱ እንተደኣ ኮይኖም ይሕጐስ፥ ዜሕዝኑ እንተደኣ ኮይኖም ከዓ ይሓዝን፥ ዜፍርሑ እንተደኣ ኮይኖም እውን ይፈርሕ፥ ዘጨንቑ እንተኮይኖም ድማ ይጭነቕ። ስለዚ በዚ ዓ ይነትዚ ክትስጕም እንተደኣ ጀሚርካ ማለት ስምዒትካ እንተደኣ ኣቐዲምካ ካብ ዓለም ሠናይ ነገር ስለዘይርከብ ኣብ ኵሉ ዘመን ሕይወትካ ብፍርሃትን ብርዓድን ተዋሒጥካ ኢኻ እትነብር፥ ኣብ መወዳእታ እውን ተስፋ ቈሪጽካ ኣብ ዘይመውደቒካ ትወድቕ። እምነትካ ተስፋ ዚገብረሉ ግና በቲ ዚርአ ናይ ዓለም ዘይኮንስ በቲ ዘይርአ ስዉር ዝኾነ መንፈስ እግዚኣብሔር እዩ።

ነቢይ ኤልሳዕ ብሠራዊት ንጉሥ ሶርያ ምስ ተኸበ፣ እቲ ግልያኡ ኣንጊሁ ተንሢኡ ምስ ስ ወጸ (ከዓ) እንሆ ሠራዊት ምስ ኣፍራስን ሰረገላታትን ነታ ከተማ ከቢቡዋ ነበረ። "እቲ ጊልያኡ ድማ ኣየ ጐይታይ እንታይ ክንገብር ኢና በሎ። ንሱ ከዓ ካብቶም ምሳታቶም ዘለዉስ ምሳና ዘለዉ ይበዝሑ እዮም'ሞ ኣይትፍራህ በሎ። ... እቲ ኣገልጋሊኡ ግና ካብ ብዝሒ ፍርሓት ዝተላዕለ ንነቢይ ኤልሣዕ ጠፋእና! ጠፋእና! እናበለ ደጋጊሙ ስለ ዝሃወኾ፣ ኤልሳዕ፣ *"ኦ እግዚኣብሔር እልምነካ ኣሎኹ፣ ክርእስ ኣዕይንቱ ክፈት"* ኢሉ ጸለየ። እግዚኣብሔር ከዓ ኣዕይንቲ እቲ ግልያኡ ከፈተ እሞ ርኣየ። እንሆ ድማ ኣብ ዙርያ ኤልሳዕ እቲ ከረን ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሠረገላታትን መሊኡዎ ነበረ። (2ነገ. 6፥15-17) ወዮ እቲ ንሠራዊት ሶርያ ርእዩ ብስምዒቱ ተገዚኡ ዝናወጽ ዝነበረ ጊልያ ብዓይኒ ልቦናኡ ንሠራዊት ሶርያ ርእዩ ብስምዒቱ ተገዚኡ ዝናወጽ ዝነበረ ጊልያ ብዓይኒ ልቦናኡ ንሠራዊት ኣምላኽ ምርኣይ ምስ ጀመረ ተረጋግአ፤ ብእምነቱ'ውን ጸንዐ።

ነቶም ሙሴ ዝለኣኾም ዓሠርተ ሰለይቲ እንተተመልኪትካ እውን ኣብታ መዓርን ጸባን እትውኅዝ ሃገር ዚነብሩ ዝነበሩ ሰባት ብዓይኒ ሥጋ ርእዮም ብስምዒቶም ክመዝንዎም ከለዉ ገዘፍትን ኃያላትን ምኺኖም ዘይክሓድ እዩ። ስለዚ ምስኣቶም

አወዳዲሮም ኣዝዮም ጉልቡታትን ኃያላትን እዮም እንተበሉ ሓቆም እዮም። ግናኸ እቲ እግዚኣብሔር ዝገበረሎም ብእምነት መርሚሮም አስተንቲኖምሉ እንተዝኾኑ ነይሮም ናይ ውድቀት ቃላት ኮነ ተስፋ ዜቑርጹ ቃላት ኣይምተጠቐሙን ነይሮም። ኣብ ግብርታት ኃይሊ እግዚኣብሔር ኬቕልቡን ኬስተማቕርዎን ዝግብኦም ዝነበረ ስምዒቶም ስለዝገዝኦም አይንኽእልምን ኢና እናበሉ ንርእሶም ተናዊጾም ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ንኽናወጹ ምኽንያት ኮይኖም ተረኺቡ። በቲ ዝተዛረብዎ ቃላት እውን መንነቶም ገለጹ። ከምቲ ዝተዛረብዎ ከዓ ኰነሎም። እወ ኣብዚ ደኣ ንመውት እምበር ነታ ሃገር እቲኣስ አይንወርሳን ኢና ስለዝበሉ ከምቲ ቃሎም ኰነሎም። "እትጸድቕ ብቓልካ፡ እትኹነን ብቓልካ" (ማቴ.12፡37) ዝብል ቃል ወንጌል ንኽፍጸም እዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ብዘይካ ካሌብን ኢያሱን ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ ዝነበሩ ሕዝቢ እስራኤል ኵሎም ኣብታ መዓርን ጸባን እትውሕዝ ሃገር ተስፋ ከይኣተዉ ኣብ ምድረበዳ ሞቱ። እቲ ዝጥቀምዎ ዝነበሩ ቃላት ኣብ ልዕሊኦም ተፈጸመ።

ንሸኻውን በቲ እትጥቀሞ ቃላት ኢኻ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ትምዘን እሞ ቃላትካን ኣተሓሳስባኻን ራእይኻን ክትቅይር ትጋህ። እግዚኣብሔር ይሓግዝካ/ኪ።

## ሻብዓይ ምዕራፍ
## ንስሓ

### ፩ይ ንስሓ

“ኣ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ተኸተል፥ ንእኡ ጥራይ ፍራህ፥ ንትእዛዛቱ'ውን ሓሉ፥ ንቓሉ ከዓ ስማዕ፥ ንብሕቱ ጥራይ እዩ ኣምላኽ ምስኡ'ውን ተጣበቕ፥ መለኮታዊ ፍርዲ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ተላዒሉ ዝጀምረሉ ጊዜ ከይበጽሐ እትድኅነሉ ሕጂ ብጊዜኡ ብንስሓ ንርእሽኻ ናብ መለኮታዊ ሓዊ ኣማኅጽን። ካብ ርስሓትካ ዜንጽሓካ ብናይ ጣዕሳኻ ንብዓት ንሕይወትካ ኣብ ቅድሚኡ ከተፍስስ ምስ እትርከብ ጥራይ እዩ።

ለቡ፡- (ራእ. 3፥14-22 ርኣ)። ኣብ'ዚ ኣብ ሎድቅያ ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን መልእኽቲ ተጻሒፉላ ነንብብ። ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ክንጥቀመሉ ከሎና፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ክርስትያን ውሳጣዊ ኵነታቱ ብቓል ኣምላኽ ኪመዝንን ኪምርምርን ሰለ ዝደሌና ኢና እምበር ብዛዕባ ትካላዊት (INSTITUTIONAL) ቤተክርስትያን ክንዛረብ ስለ ዝደሌና ኣይኮነን። ስለዚ ፍቕር ኣንባቢ ነቲ ብዛዕባ ቤተ ክርስትያን ሎዲቅያ ዚዛረብ ዓ ንቅጽ ገዛእ ርእሽኻ እናእቶኻ ከተንብቦ ሓደራ እብል። ነፍሲ ወከፍና ከም እንፈልጦ፡ ቤተ ክርስትያን እቲ እንእከበሉ ሕንፃ ዘይኮነስ፡ እቶም ብክርስቶስ እንኣምን ምእመናን ምስ መንፈሳውያን መራሕትና ኢና። ቤተ ክርስትያን ከም መጠን ኣካል ክርስቶስ ቅድስቲ ኢያ። ቅድስናኣ ድማ ብዘመናትን ብኵነታትን ዝቀያየርን ዝበላሾን ኣይኮነን። እቶም ደቃ (ደቂ ቤተክርስትያን) ግና ደረጃኣም ብዘየገድስ ንቕድስና ዚጋደሉ ሰባት ደኣ'ምበር ድሮ ዝተቐደሱ ኣይኮኑን። በዚ ምኽንያት'ዚ'ውን ኃጢኣትን ውድቀትን ተተመላሊሱ ዘሸግሮም ድኹማት ኮይኖም ይርከቡ።

እታ ናብ ቤተክርስትያን ሎዲቅያ ዝተጻሕፈት መልእኽቲ እግዚኣብሔር፡ ነዞም ኣብ'ዛ ዘመናዊት ዓለም ዘሎና ክርስትያን ብዝያዳ ትምልከተና ኢያ።

እምበኣር ነዛ መልእኽቲ'ዚኣ ከም መበገሲ ንውሰዳ'ሞ ንነፍስ ወከፍና ኮነ ንማኅበራትና ንመርምር።

እዚ ትምህርቲ'ዚ ነታ ኣብ ዘመንና ኣብ ዓለም እትዝምብል ዘላ ዳግማዊት ሎዲቅያ ቤተክርስትያን ክንብላ ዝደፈርና ናይ ንስሓ ጸዋዒት ንምትሕልላፍን ንምእዋጅን ክርስትያን ዘበሉ ኵሎም ካብ ኃጢኣቶም ኘኽምለሱ ከምኡ'ውን ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ንኽመላለሱ ክመጽእ ካብ ዘለዎ መለኮታዊ ፍርዲ ብናይ ንስሓ ንብዓት ንርእሶም ኪሕልዉ ምግባር እዩ።

1ሳሙ. 3፥1-8 ብምስትውዓል ኣንብብ። ሳሙኤል ብንእስነቱ ከሎ ዝነበረሉ ዘመን ከመይ ዝበለ ጊዜ ነይሩ? ራእይ እግዚኣብሔር ንሰባት ዘይግለጸሉ ጊዜ እዩ ዝነበረ፤ ቃል እግዚኣብሔር ዜስምዓካ ዘይትረኽበሉ እቲ ናይ እግዚኣብሔር ዓቢይ ካህን ኤሊ ኣሪጉስ ዓይኑ ምርኣይ ክሳብ ዚስኣኖ ምፍዛዝ ዝጀመረሉ ኤሊ ብመንፈሳውነቱ ኮነ ብኣገልግሎቱ ዝደንዘዘሉ ጊዜ እዩ ዝነበረ። ከምዚ ክንብል ዝኽኣልና ከዓ፥ እግዚኣብሔር ናይ ተግሳጽን ንስሓን መልእኽቲ ብሳሙኤል ገይሩ ኣብ ዜተሓላልፈሉ ጊዜ፥ ገጹ ናብ ኣምላኽ ክንዲ ዚመልስን ንደቁ ክንዲ ዚቐጽዕን ንገዛእ ርእሱ'ውን ናብ እግዚኣብሔር ክምለስ ዚግብኦ ዝነበረ፥ ካብ ስንፍናን ድንዛዜ መንፈስን ዝተላዕለ፡ "ንሱ እግዚኣብሔር እዩ፥ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራእዮ ይግበር" ብዝብል ናይ ስንፍና ቃላት ንምሕረት እግዚኣብሔር ዓጸዎ። ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ዚወርዶ መዓት እውን ስቕ ኢሉ ተጸበዮ። በዚ ከዓ ኤሊ ብመንፈሳውነቱ ኮነ ብኣገልግሎቱ ከም ዝደንዘዘን ኣብ ሕይወቱ ሽለልትነት ከምዝእተወን ንርዳእ።

ኣብቲ ጊዜቲ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ቅጥዒ ዚሰኣንሉን ኃጢኣት መግቢ ዕለቶም ዝኾነሉን ጊዜ እዩ ዝነበረ። እዚ ከዓ ብሰፊሑ ኣብ ምዕራፍ 2 ንረኽቦ። ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ክይተረፈ ዜሕዝን ናይ ድፍረት ኃጢኣት ዝነገሠሉ ጊዜ እዩ ነይሩ።

ዘሎናዮ ዘመን፡ ዘመን ዳግማዊ ሎዲቅያ ጥራይ ዘይኮነስ ዳግማዊ ዘመነ ሳሙኤል እንተበልናዮ'ውን ካብ ሓቂ ዝወጸእና ኣይመስለንን። እዚ ዘመን'ዚ ሰባት ብናይ ብሕቲ ጥቕሞምን ረብሓኦምን እና'ቐደሙ ናይ እግዚኣብሔር ኢና እናበሉ ብስም እግዚኣብሔር ዚሸቕጡ ኣብ ውሽጢ ፍቓድ እግዚኣብሔር ንርእሶም ዚሕልውሉ ቃል እምበር ሕይወት ዘይብሎም መለኮታዊ ቃልን መለኮታዊ ድምጽን ዝሰኣኑሉ ናይ ምድረበዳ ዘመን እዩ።

ብዙኃት ሰበኽቲ ወንጌልን መማህራን ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣለዉ ከዓ፤ ግናኸ እዚ ዘመን'ዚ ብሕይወት ዚሠርሑ መማህራን ዝተሳእንሉ ብቓል ዚመርሑ መማህራን ቊጽሮም ዝበርክተሉ ናይ ኣእምሮ ፍለጠት እምበር ካብ እግዚኣብሔር ዝመጸ ፍሉይ ድምጺ ወይ ድማ ብቓሉ ምኽንያት ዚመጽእ ግልጸት ዚጠፍኣሉ ደረቕ ጊዜ እዩ።

ናይ ዘመንና ዳግማዊት ቤተክርስትያን ሎዲቅያ ራእያ ካብ እግዚኣብሔር ስለዘይኮነ ነንሓድሕድካ ምፍልላይን ምውንጃልን እዩ ዜስዕብ፡ እሞ ከዓ ከም ዝኸሰረ ነጋዳይ ገለ'ኳ ፍረ ዘይርከቦ ንመንግሥቲ እግዚኣብሔር ዘይጠቅም ክርዳድ ዝኾነ ሥጋዊ ራእይ እዩ ዘለዎ።

እዚ ዘመን'ዚ ብዙኃት ናይ እግዚኣብሔር ሰባት፥ ብዙኃት ዓበይቲ ሰበኽቲ ወንጌልን መራሕቲ ቤተክርስቲያን ብመንፈሳዊ ሕይወቶም ዝደንዘዝሉን ብኹሉ መንፈሳዊ ነገሮም ሽንሃት ዝሰኣኑሉን ኣተሓሳስብኦም ናብራኦምን ናብ ቈሳቍስ ዝዘንበለሉን፥ ብዙኃት ክርስትያን'ውን ካብ ድንዛዜ መንፈስ ዝተላዕለ ዝቐመሉ ቦታን ዝነብርዎ ናብራን ፈልዮም ምርኣይ ክሳብ ዚስኣኖም ብዝተፈላለየ ናይ ድፍረት ኃጢኣትን ርኽሰትን ኣዕይንቶም ዜያሩሉ ዘመን እዩ።

በዚ ዘመንዚ ብናይ ንስሓ ተግሳፅን ምኽርን መልእኽቲ ምትሕልላፍን ብናይ ቅድስናን ንጽሕናን ወንጌል ምስባኽን ዋጋ ዜኽፍልን ሽግር ዜኸትልን ሕሱም ዘመን ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ቀደምሲ! ካብ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ንስሓን ፍረ ንስሓን ምጽባይ፡ “ከም ኣብ ሰማይ ዘሎ ደመና እዩ”። ነቢይ ኤልያስ ኣብ ዘመኑ ኮሉ ከምዝዓለወ ምስ ረኣየ፡ “ካብ ነብያት እግዚኣብሔር ኣነ በይነይ ጥራይ ተሪፈ ... ኣታ ኣምላኸይ ካብ ኣቦታተይዶ በሊጸ እየ ዘይትወስደኒ” እናበለ ናይቲ ዘመኑ ዘስካሕክሕ ጉዕዞ ተገንዚቡ ኬማርር ንርእዮ።

ናይዚ ዘመንዚ ወለዶ፡ ቃል እግዚኣብሔር ንእዝኖም ዚቾርቍርን ንኀሊናኦም ዜናውጽን ስለዝኾነ ቃሉ ከይሰምዑ ኣእዛኖም ዚዓጽዉን ልቦም ዜትርሩን ከም ገዛእ ትምኒቶምን ሃረርታኦምን ዚመላለሱ፡ ኃጢኣት ተላቢሶም ዚነብሩ እሞ ከዓ ሰኽፍ! ዘይብሎም ብኣገልግሎቶም መኻናት ዝኾኑ መምህራን ጥቕሚ ገዛእ ርእሶም ዘዳልውሉ ዘመን እዩ።

ንምዃኑ ሳሙኤል ኣብ ዝነበረሉ ደረቕ ዘመን እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዚኸውን መልእኽቲዶ ነይሩዎ? እወ፡ ከመይ ድኣ! እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዚኸውን መልእኽቲ ብሊቀ ካህናት ኤሊ'ኳ እንተዘይመጸ፡ ብሳሙኤል ገይሩ ዝለኣኾ መልእክቲ ነይሩዎ።

ሎሚኸ ካህኑ፥ ሽማግሌኡ፥ መምህሩ፥ ንእግዚኣብሔር ሓዲረ (ተወፍየ) እየ ዝብል ዘበለ ኵሉ እዞም ኵሎም ከለዉ እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዚኸውን ናይ ተግሳጽን ምኽርን ዜጸናንዕን ዜበራትዕን መልእኽቲ የብሉን ማለት ድዩ? ብዝግባእ ኣለዎ እምበር! ሕጂ'ውን እንተኾነ ካብ ልቡ ዜቕልበሎምን ዋጋ ዚቈጽሮምን ሰብ ኣይረኸቡን እምበር ከም ሳሙኤል ዝኣመሰሉ ብፍቕሪ እግዚኣብሔር ዝነደዱ ኵለንትናኦም ዝተወፈዩ ተራ መንእሰያት ዝተወሰነ ጊዜ ዘይኮነስ ቀጺሎም ምስ ቅድስቲ ድንግል ማርያም እናተራኸቡ፡ ንደቂ ሰብ ኣብ ዓለም ክወርድ ካብ ዘለዎ መዓት ንኽምልጡ ቀጺሎም መልእኽቶም የተሓላልፉ ኣለዉ። ንምዃኑ እግዚኣብሔር ነዚ ዘመን እዚ ዚኸውን ፍሉይ መልእኽቲዶ ይህልዎ ይኸውን! ቃሉ ይዛረብ፡ “እዝኒ ዘለዎ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ንኣብያተ ክርስትያን ዚብለን ዘሎ ይስማዕ” ቃሉ ከዓ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፡ “እግዚኣብሔር ከዓ ክፍኣት ሰብ ከም ዝበዝሓ ብሓሳብት ልቡ ዚሕልኖ ድማ ወርትግ ክፉእ ጥራይ ከም ዝኾነ ርኣየ፤ እግዚኣብሔር ከዓ ንሰብ ኣብ ምድሪ ብምግባሩ ተጣዕሰ፤ ብልቡ ድማ ጕሃየ፡ ምድሪ ከዓ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተበላሽያ ነበረት፡ ምድሪ ድማ ብዓመጻ መልኣት፡ ሥጋ ዝለበሰ ኵሉ መንገዱ ኣብ ምድሪ ኣበላሽዩ ነበረ'ሞ ኣምላኽ ከዓ ንምድሪ ረኣያ፤ እንሆ ድማ ተበላሽያ ነበረት” (ዘፍ. 6፡5-6፤ 11-12)።

ከምኡ'ውን ኢሳይያስ 59፡1-3 ኢድ እግዚኣብሔር ንምድኃን ሓጻር ኣይኮነትን ከይሰምዕ ከዓ እዝኑ ኣይጸንየን እዩ፥ ግናኸ ኣእዳውኩም ብደም ኣጻብዕኩም ብበደል ከናፍርኩም ሓሶት ይዛረባ ልሻንኩም ከዓ ክፍኣት ይናገር ኣሎ'ሞ ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኮይኑ ዝፈላልየኩሲ ኣበሳኹም እዩ። ከይሰምዓኩም ከዓ ኣብ

ቅድሚኹም ገጹ ዜሕብኣልኩም ኃጢኣትኩም እዩ" ይብል።

ከምኡ'ውን ሕዝ. 9፡3-7 ክብሪ ኣምላኽ እስራኤል ካብቲ ዝነበሮ ካብ ልዕሊ ኪሩቤል ተላዕለ። በቲ ልዳት እታ ቤት ከዓ ከደ፤ ነቲ ካብ ልሕጺ እንግጢዕ ዝተገብረ ዓ ለባ እተኸድነ ናይ ጸሓፊ ቀርኒ ቀለም'ውን ኣብ ሕቜኡ ዝነበሮ ሰብኣይ ጸውዖ። እግዚኣብሔር ከዓ ብማእከል ከተማ ብማእከል ኢየሩሳሌም ሕለፍ'ሞ፡ ነቶም ብዛዕባ'ቲ ኣብ ማእከላ ዚግበር ዘሎ ጽያፍ ዚጉህዩን ዚትክዙን ኣብ ግንባሮም ማኅተም ግበረሎም በሎ። ኣነ እናሰማዕኩ ከዓ ነቶም ካልኦት በሎም፥ ደድኅሪኡ በታ ከተማ ሓሊፍኩም ውቕዑ ዓ ይኹም ንሓደ'ኳ ኣይትንሓፍ፡ ኣይትራሕርሑ'ውን፥ ካብ መቕደሰይ ጀሚርኩም ንኣረገውትን ነጕባዝን ንጕረዙን ንቀለውዕን ንኣንስትን ቅተሉ፥ ኣጽንቱ። ነቶም ማኅተም ዘለዎም ግና ኣይትቕረብዎም። ንሳቶም ከዓ በቶም ኣብ ቅድሚ እታ ቤት ዘለዉ ኣረገውቲ ጀመሩ ..." ይብል።

ኦ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ተኸተል ንእኡ ጥራይ ፍራሕ፥ ንትእዛዛቱ'ውን ሓሉ፥ ንቓሉ ከዓ ስማዕ፥ ንብሕቱ ጥራይ እዩ ኣምላኽ፥ ምስኡ'ውን ተጣበቕ መለኮታዊ ፍርዲ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ተላዒሉ ዝጅምረሉ ጊዜ ከይበጽሔ ኣብ ትሕቲኡ ወዲቕካ ንስሓ ግበር።

## ፪ይ ንስሓ

ቀጺልና ያዕ. 4፡6-8 ዘሎ ክፍሊ ሓቢርና ንርአ። "ኣምላኽ ንዕቡያት ይጻረሮም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም ከም ዚብል፡ እምበኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ ንሱ ከዓ ካብኣትኩም ኪሃድም እዩ ንኣምላኽ ቅረብዎ ንሱ'ውን ኪቐርበኩም እዩ። ኣቱም ኃጥኣን ኣእዳውኩም ኣጽርዩ፥ ኣቱም ሰብ ክልተ ልብ'ውን ልብኹም ኣንጽሑ" ይብል።

ናይዚ ዘመንዚ ትውልዲ ንምሕዳስ ናይ ግዲ ሠለስተ ነገራት የድልዩና። እዚ ትውልዲ እዚ ነዞም ሠለስተ ደረጃታት እንተዘይተሳጊሩ፥ ፍልሖ ዓለማዊነት ከም ዝንሕጕሖን ዜዕነዎን፡ ነቐዝ እውን ዘሰኽሰኾን ሓጹር፥ ከም በሓድሽ ኪሕደስ ኣይክእልን እዩ። እዘን ሠለስተ ነገራት እዚኣተን ሓዋርያ ያዕቆብ ኣብ ላዕሊ ጠቒሱልና ኣሎ፤ ንሳተን ከዓ፡-

1. ርእሰኻ ኣዋሪድካ ትሕት እትብለሉ ጊዜን፥
2. ንእግዚኣብሔር እትግዝኣሉ ጊዜን፥
3. ንዲያብሎስ እትቃወመሉ ጊዜን እየን።

እዘን ሠለስተ መከላኸሊ ጽኑዓት ዕርዲ ዝኾና መሳርሒ ብውሽጢ ሕይወትና ኪሓልፉ ኣለወን። እዘን ደረጃታት እዚኣተን ንዳግማዊት ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ነቲ ዓ ለማዊነታ ብንስሓ ንምሕዳስን ምህናጽን ብእግዚኣብሔር ዝተሰናደዋ ሠለስተ ናይ ሓጺን ጽኑዓት ድልድል እየን።

ስለምንታይ ኣብ ዘመንና ዚርከቡ ናይ መብዛሕትኦም ክርስቲያን ሕይወት ክርስትናኦም ምስ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ኣመሳሰልናዮ? ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ እንታወይቲ እያ? ንመንከ ትመስል ነይራ? ኵነታታ ንኽንፈልጥ ኣብ ራእ. 3፥14-20 ዘሎ ሓቢርና ንርአ።

“እቲ ኣሜን እሙንን ሓቀኛን ምስክር ናይ ኵሉ ፍጥረት ኣምላኽ መበቈል ዝኾነ ድማ ከምዚ ይብል ኣሎ፥ ግብርኻ ኵሉ እፈልጦ እየ ኣይዝሑል ኣይምዉቕ ኢኻ፥ ብኻ! ዝሑል ወይ ምዉቅ ምኾንካ፣ ስለዚ ኣይምዉቕ ኣይዝሑል ልብጥ ዝበለ ስለ ዝኾንካ ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለካ እየ። ሃብታምን ፈሳስን እየ፥ ሓንቲ'ኳ ዚጐድለኒ ነገር የብለይን ብምባልካ ሕሱርን ዜደንግጽን ድኻን ዕዉርን ዕሩቕን ምዃንካ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ምእንቲ ክትህብትም ብሓዊ ዝጸረየ ወርቂ ካባይ ክትዕድግ፣ ሓፍረት ዕርቃንካ ምእንቲ ከይቅላዕን ክትክደንን ከዓ ጻዕዳ ክዳውንቲ ምእንቲ ክትርኢ ነዒንትኻ ክትኰሓለሉ'ውን ኵሕሊ ካባይ ክትዕድግ እመኽረካ ኣሎኹ። ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም ዘበሉ እገንሖምን እቐጽዖምን እየ። ደጊም ንቓሕ እሞ ተነሳሕ። እንሆ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢለ ማዕፆ ኳሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ። ሓደኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተኸፈተለይ ናብኡ ክኣቱ፥ ምስኡ ኣብ መኣዲ ክቕመጥ እየ። ንሱ'ውን ምሳይ ክቕመጥ እዩ” ይብል።

ኣቐዲሙ እግዚኣብሔር ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ገይሩ ዘርኣየና ቃል ግልጸት ነተን ሾብዓቲኤን ኣብያተ-ክርስትያን ኣሽያ ዝበለን ንርአ።

ኣብ ራእይ ዮሓንስ ዝተጠቕሰ ሾብዓቲኣን ኣብያተ ክርስትያን ብ96 ዓ.ም. ኣቢሉ ኣብ ውሽጢ ኣሽያ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዚርከባ ኣብያተ-ክርስትያን ኪኸውን ከሎ፥ ዝተጻሕፈ ንሓደ ዘመን እኳ እንተኾነ ናይ ሾብዓቲኣን ናይ ነፍሲ ወከፈን ኣብያተ ክርስትያን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘመን እናተኸፋፈለ ኣብ ቤተክርስትያን ይኸሠት ነይሩ እዩ። ብዝኾነ ኣብዚ ዘሕለፍናዮ ናይተን ሽዱሽተ ኣብያተ ክርስትያን ዘመን ናይ ሽዱሽቲኤን ባህርን ኣቕዋምን ሓደ ብሓደ ተገሊጹ ኣሎ። በዚ መሠረት'ዚ ሕጂ ዘሎናዮ ዘመን ብናይታ ሻብዓይቲ ቤተክርስትያን ሎዲቅያ ዝነበረ መንፈስ እንርከብ ዘሎና ይመስል።

በዚ ምኽንያት'ዚ ኣብ ዘመንና ዝርአ ክርስትና ዜንጸባርቕ ናይታ ብ96 ዓ.ም. ኣቢላ ዝነበረት ቤተክርስትያን ሎዲቅያ መንፈስ ይመስል።

ድሕር'ዚ ዘመን'ዚ እግዚኣብሔር፣ ነታ ቤተክርስትያን ዳግማዊት ሎዲቅያ ኴይና ኣብ'ዚ ዘመን'ዚ እትርከብ ዘላ ቤተክርስትያን ብንስሓ ምስ ኣሰናደወን ኣሐደሰን ምሕረቱ ሰፊሕ ስለዝኾነ ኣብ ቤተክርስትያን ሓዲሽ ለውጢ ክፍጠር እዩ ኢለ እየ ዝኣምን፤

## ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ እንታይ ትመስል ነይራ?

ሀ. ካብተን ሸውዓተ ኣብያተ-ክርስቲያን ናይ መጨረሽታ ምልክት ዝተጻሕፈላ እያ፤ እዚ ከዓ ናይ ቤተክርስቲያን መጨረሽታ ምሳሌ እዩ።

ለ. እተን ሽዱሽተ ኣብያተ-ክርስቲያን ኣብ ቅድሚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተነቕፋሉ እኳ እንተነበረን፥ ብሓደ ወገን ድማ ኣብ ቅድሚ ጐይታና ኩለን ዝተመስገናሉ ነይሩወን። እታ ሻብዐይቲ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ግና ነቓፋ እንተዘይኮይኑ ዝተመስገነትሉ ነገር ኣይነበራን።

ሐ. ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ኣይምዉቕ ኣይዝሑል ልብጥ ዝበለ ንጐይታ ክብሪ ዘይህብ ሕይወት እዩ ዝነበራ። እዚ ከዓ ምሳሌ ዓለማዊ ሕይወት እዩ ዘመልክት።

መ. ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ካብ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያን ፍልይቲ ገይሩ ዘርኣያ ምኽንያት ነቲ ዝረኸባ መንፈሳዊ ውድቀትን ክስረትን እኳ ፈልያ ምፍላጡ ምኽኣል ክሳብ ዝሰኣና መንፈሳዊ ኣዕይንታ ዄረን ነይረን። እዚ ከዓ ኣብ ቍ.15-18 ኣነጺሩ ይነግረና። ስለዚ እንተደኣ ኣስተውዒልና መንፈሳዊ ድንዛዜን ዑረትን እዩ ዜመልክት፤ ምእንትነ'ዚ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ኣሎኹ ኣይወደቕኩን ኣይጠፋእኩን ዝብል ኒሕ! ስለዝነበራ ናይ ንስሓ መልእኽትን መልእኽተኛታትን ኣይትቕበልን ነበረት።

ሠ. እግዚኣብሔር ናይታ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ምሕዳስ ዜሰናድዎ ነገር፥ ብናይ ንስሓ መልእክቲ ምልኣኽን ነታ ቤተክርስቲያን ስለ ኃጢኣታ ምቕጻዕን እዩ ዝነበረ። ቍ19-20። እዚኣ እያ እምበኣር ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ።

በዚ ምኽንያት'ዚ ከዓ ኣብ ዘመንና ዝርከቡ ክርስትያን፣ ፍረ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ ምሉእ ብምሉእ ኣብኦም ስለዝርኣን፣ መንፈስ ቤተክርስቲያን ሎዲቅያ እውን ስለዝገዝኦምን ምስኣ እንተኣመሳሰልናዮም፣ ካብ ሓቂ ዝወጻእና ኣይመስለንን።

ኣብ ዘመንና ዚርከቡ ክርስቲያን፥ ወይ ተባዓት ኣይኮኑ ወይ ከዓ ተባዓት ኪኾኑ ኣይጋደሉ። ወይ ድማ ጠቕሊሎም ኣብ ዓለም ኣይኣትዉ፥ ፍረ ዘይብሉ ሕይወት ኣይዝሑል ኣይውዑይ ንጐይታ ዘይጥዕም ሕይወት እናነበሩ ኪመላለሱ ይርኣዩ። ናይዚ ዘመን'ዚ ክርስቲያን መንፈሳዊ ኣዕይንቶም ስለዝፆረ ብዛዕባ ሕይወቶም ውድቀትን ጕስቍልናን ፈጺሙ ዘይግድሶም ስለዝኾነ ብናይ ንስሓ መልእኽቲ ንዝግስጾም ሰብ እኳ ጸላእቲ ኮይኖም እዮም ዚርከቡ። በዚ መሠረት'ዚ ከዓ እግዚኣብሔር ሕጂ'ውን እንተኾነ ንቤተክርስቲያን ኮነ ንክርስቲያን ክልተ ነገራት ኣብ ቅድሜና ኣቐሚጡ ኣሎ። እዚ ከዓ ብቓሉ ተሃኒጽና ንስሓ ምግባርን ብመቕጻዕቲ ንንስሓ ከም እንሰናዶ ምግባርን፣ እዘን ክልተ ነገራት እየን ዝጽበያና። ኦ ክርስቲያን ተጠንቀቕ፣ ንቓሕ፣ ብጊዜኡ ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ክትመላለስ ጸዓር። እግዚኣብሔር ኣምላኽ እውን ብቓሉ ተገሊጾምን

ተሃኒጾምን ኪምለሱ ሃረር ንዚብሉ ሠለስተ ደረጃታት ኣሰናድዩ ኣሎ። ንሳተን ከዓ፣ ኣብ ላዕሊ ከምዝጠቐስናየን፣ 1. ትሕት ኢልካ ምኽኣል 2. ርእሰኻ ገዚእካ ምኽኣል 3. ጸላኢ ተቓዊምካ ምኽኣል ዚብላ ደረጃታት እየን። ነዚኣተን ቀጺልና ሓደ ብሓደ ክንምልከተን ኢና። ንመጀመርያ ግና ሰፊሕ መጽናዕቲ እንገብረላ ናይ ትሕትና ተሓድሶ ኪኸውን እዩ።

"ኦ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ተኸተል፥ ንእኡ ጥራይ ፍራህ፥ ንትእዛዛቱ'ውን ሓሉ፥ ንቓሉ ከዓ ስማዕ ንብሕቱ ጥራይ እዩ ኣምላኽ፥ ምስኡ እውን ተጣበቕ። መለኮታዊ ፍርዲ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ተላዒሉ ዝጅምረሉ ጊዜ ከይበጽሐ እትድኅነሉ ሕጂ ብንስሓ ናብ መለኮታዊ ሓዊ ንርእሰኻ ኣወፊ"።

ኦ እስራኤል ሕጂ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምፍራህ ብመንገዱ ኩሉ ክትመላለስ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ'ውን ከተፍቅር ብፍጹም ልብኻ፣ ብፍጹም ነፍስኻ ክተምልኾ፥ ሠናይ ምእንቲ ክኾነልካ ሎሚ ንዓኻ ዚእዝዞ ትእዛዝ እግዚኣብሔርን ሕጉን ኽትሕሉ እምበር እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ካባኻ ዝደልዮ እንታይ ኣሎ? እንሆ ሰማየ ሰማያት ምድር'ውን ኣብኣ ዚርከብ ዘበለ ኩሉ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እዩ። ምእንትዚ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣምላኽ ኣማልኽቲ፥ ጐይታ ጐይቶት፥ ዓቢይ ኣምላኽ፥ ኃያል ግርማኡ ዘፍርህ፥ መደንግጸ ኢጋንንቲ፥ ኣብ ፍርዲ ዘየዳሉ፥ ግቦ ዘይቕበል እዩ'ሞ ክፍኣት ልብኹም ግዘሩ፥ ካብ ሕጂ ንደሓር ተረርቲ ክሳድ ኣይትኹኑ።

ኣብ ዓለም ዘለዉ ትምኒት ሥጋን፥ ባህጊ (ሃረርታ) ዓይኒን፥ ትምክሕቲ ገንዘብን፥ ካብዚ ዓለምዚ ደኣ'ምበር፥ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ ስለዘይኮኑ ሓደ'ኳ ንዓለም እንተኣፍቀረ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ኣብኡ የለን። ዓለምን ትምኒታን ኪሓልፉ እዮም። ፍቓድ እግዚኣብሔር ኣቦ ዚገብር ግና ንዘለዓለም ይነብር። ኣብዚ ስፍራ'ዚ ከም እንምልከቶ ሠለስተ ነገራት ፊት ንፊት ወጺኣም፥ ግልጺ ኮይኖም እዮም ዝርኣዩና።

ንዓለም ምፍቃር፡ ሀ. ትምኒት ሥጋ ማለት እዩ።

ለ. ሃረርታ (ባህጊ) ዓይኒ ማለት እዩ።

ሐ. ብገንዘብ ምምካሕ ማለት እዩ።

እዘን ነገራት እዚኣተን ሓደ ብሓደ ክንርእየን ክንፍትን ኢና።

## ሀ. ትምኒት ሥጋ

እዚ ኃጢኣት እዚ ንቤተክርስቲያን ኣይውዑይ ኣይዝሑል ልብጥ ዝበለት ከም እትኸውን ዝገበራ፥ ቤተክርስቲያን ምስ ዓለም ከም እትሓብር ዝገበራ መርዛም ዝኾነ ናይ መጀመርያን ናይ መጨረሽታን ኃጢኣት እዩ። ኣብዚ ዘመን'ዚ ክርስቲያን፥ ትምኒት ሥጋኦምን ድላዮምን ኪቈጻጸሩን ኪገትኡን ስለዘይክእሉ ነቲ ዚደልዩዎ ንኽፍጽሙ

ብትምኒት ሥጋኦም ተሳዒሮም ከም ዕቡድ ዚጐዩ ውሉፋት እዮም። ኣብ ዘኊልቍ 11፥4-10 ከምዚ ዚስዕብ ቃል ንንብብ፥ "ነቲ ኣብ ማእከሎም ዝነበረ ሕውስዋስ፥ ኣኽብካብ፥ ሕዝቢ ታፍላ ሓዞም ደቂ እስራኤል ድማ መሊሶም በኸዩ። በሉ ከዓ፥ እንበልዖ ሥጋ መን ይህበና፤ እቲ ኣብ ግብጺ ብኸምኡ ዝበላዕናዮ፥ ዓሣ፥ ዱባን ብርጭቕን፥ ሽጉርትን፥ ቃንጫን፥ ቀይሕ ሽጉርትን ጻዕዳ ሽጉርትን ዘከርና። ሕጂ ግና ገለ'ኳ የልቦን፥ ብጀካ መና እንርእዮ የብልናን እሞ ነፍስና ነቐጸት ..." በሉ።

"እዚ ከዓ ከምቲ ንሳቶም ነቲ እከይ ዝተመነይዎ፥ ንሕና'ውን ምእንቲ ከይንምነዮስ መለበሚ ኮነና" (1ቆሮ. 10፥6) ይብል። እዚ ኃጢኣት'ዚ ማለት ትምኒት ሥጋ ንሕዝቢ እስራኤል ዝገልበጠን ዘጥፍኣን ምስ እግዚኣብሔር ዘበኣሰን ዓመጽ እዩ ዝነበረ። ቅዱስ መጽሓፍ መግብን ልብስን እንተደኣ ኣልዩና ይኣኽለና ይብል።

ቅ.ወንጌል፥ "ሰማያዊ ኣቦኹም ነቲ ዘድልየኩም ይፈልጦ እዩ'ሞ ብናብራኹም ኣይትጨነቑ" ይብል። እንተኾነ ኣብዚ ዘመን'ዚ ብዙኃት ክርስቲያን ብናይ'ዚ ዓለም'ዚ ሓሳብ ብዛዕባ ብልጽግና ብምጭናቕ ልቦም ከቢዱ እዩ። ሰባት ከምቶም ናይ ጥንቲ ክርስቲያን ሕይወት ዘለዎ እምነት ኪነብሩ ኣይረኣዩን። ብዙኃት ክርስቲያን፥ እዚ ነገር'ዚ ፍቓድ እግዚኣብሔር እንተደኣ ኮይኑ ጐይታ ንጒድለተይ ኪመልኦ እዩ ብዝብል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብእምነት ምቕራብ ስለ ዝተሳእኖም፥ ጐይታና ኢየሱስ ርክስቶስ ኣብ ሉቃ. 21፥34 "እታ መዓልቲ እቲኣ ብሃንደበት ከይትመጸኩምሲ ብስስዐን ብሰኽራንን ብሓልዮት ናብራን ልብኹም ከይከብድ ንነፍሰኹም ተጠንቀቑ" እናበለ ከም ዝተነበዮ ናይዚ ዓለም'ዚ ናብራን ናይ ሓዳር ሓሳብን ልቦም ናብ ሰማያዊ መንግሥቲ እህህታኡ ከየዕርግ ብዜስግእ ኵነታት ናብ ዓለም ጥራይ ኝኸድህቡ ዓፊኑ እዩ ሒዙዎም። ብጥቕላል ንናብራኦም ዚርኢ ናይ ማኪና፥ ልብሲ፥ ጫማ፥ ሥራሕ፥ ስልጣን፥ ኣረ ክንደይ! ሎሚ ኣብ ልቢ ክርስቲያን ዚካወስን ንብዙኃት ነፍሳት ዚዋጋእን ንመንፈሳዊ ሕይወት ዚጕሕጕሕን ብዛዕባ ሰማያዊ መንግሥቲ ንከይሓስቡ ኣእምሮኦምን ጊዜኦምን ወጢሩ ዝሓዘ መጻወድያ ሰይጣን እዩ። "ሕጂ ከዓ እናንባዕኩ ዝነግረኩም ዘሎኹ ብዙኃት ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ዚመላለሱ ኣለዉ። መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ ኣምላኾም ከብዶም፥ ክብረቶም'ውን ኣብ ነውሮም እዩ፥ ሓሳቦም ከዓ ምድራዊ እዩ። ንኅና ግና ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ፤ ካብኣ ድማ ንመድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጽበ ኣሎና" (ፊሊ. 3፥19-20)።

ኦ ክርስቲያን! ትሰምዕዶ ኣሎኻ፥ ኣብዚ ዘመንዚ ዚርከቡ ብዙኃት ክርስቲያን ኣምላኾምን ጐይታኦምን ኰይንዎም ዘሎ ኪመልክዎን ኪቈጻጸርዎን ዘይክኣሉ ዚሰልጠነሎም ከርሦምን ትምኒት ሥጋኦምን ሓሳቦም እዩ። ከምኡ'ውን ሓሳቦም ዘበለ ኵሉ ምድራዊ እዩ። ከምኡ ድማ ነዚ ትውልድ'ዚ ክቡር ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ መኀስ ዝረኸበ ነውሪ ዝኾነ ሥራሕ ጥራይ እዩ። ነውረኛነቱ ዚፍለጥ እውን በቶም መንፈሳውያን

ዚኾኑ ክርስቲያን ጥራይ እዩ። እዚ እዩ እምበኣር ትምኒት ሥጋ ዝተባህለ፡ ንቤተክርስቲያን ኣይምዉቕ ኣይዝሑል ከምእትኸውን ዝገበራ ናይ ዓለም ኃጢኣት።

ለ. ባህጊ (ሃረርታ) ዓይኒ

ባህጊ ዓይኒ ሰንካም ዝኾነ፡ እቲ ኣቐዲሙ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ምስ ኣረማውያን ክደባለቑ ዝዓደመ፡ ዜባላሸወን ቀጺሉ'ውን ንክርስቲያን ምስ ዓለም ተወሃሂዶም ክነብሩ ዝዓደመን ዝዕድም ዘሎን ኃጢኣት እዩ። እዚ ኃጢኣት'ዚ መንቀሊኡ ብዙሳ ጊዜ ምስ ተጻይ ፆታ ርክብ ኣብ ዚጀመረሉ እዋን እዩ። እዚ ክፍሊ'ዚ ከዓ በዚ ነጥቢ'ዚ እዩ ዚዛረብ። በዘን ዚስዕባ ጥቕስታት መሠረት፡ ባህጊ ዓይኒ ንናይ እግዚኣብሔር ሰባት ከመይ ገይሩ ንዝርጋንን ንዝሙትን ናብ ሓዊ ምንዝርናን ከም ዝኣጐዶም ተመልከት፤ ነዘን ጥቕስታት እዚኣተን ከተንብብ ከሎኻ "ርኣየ!" ኣብ ዚብል ቃል ኣተኵር።

"ሳምሶን ድማ ናብ ተምና ወረደ፤ ኣብ ተምና ከዓ ካብ ኣዋልድ ፍልስጤማውያን ሓንቲ ሰበይቲ "ርኣየ"!" (መሳ. 14፥1)።

"ሳምሶን ድማ ናብ ጋዛ ከደ፡ ኣብኣ ከዓ ሓንቲ ኣመንዝራ ሰበይቲ "ርኣየ" እሞ ናብኣ ኣተወ ..." (መሳ. 16፥1) ይብል።

"ኣቤሴሎም ወዲ ዳዊት፡ ታማር ዝስማ መልክዔኛ ሓብቲ ነበረቶ፡ "ኣብኖን ወዲ ዳዊት ከዓ ኣፍቀራ፡ ንሳ ድንግል ነበረት እሞ ኣብኖን ገለ ክገብራ ከምዘይክኣሎ ስለ "እተራእዮ" ኣብኖን ብምኽንያት ሓብቱ ታማር ክሳብ ዚሓምም ሓሳቡ ኣፅገርገሮ" (2ሳሙ. 13፥2) ይብል።

"ኮነ ከዓ ኣጋ ምሸት ዳዊት ካብ ድቃሱ ተንሢኡ ኣብ ዝባን ናሕሲ ቤት ንጉሥ ኪመላለስ ከሎ ሓንቲ ሰበይቲ ማይ ክትሕጸብ ከላ ኣብ ዝባን ናሕሲ ኮይኑ "ርኣያ"! እታ ሰበይቲ ከዓ ትርኢታ ብዙሕ ጽቡቕ ነበረ" (2ሳሙ. 11፥2)።

ማቴ. 5፥27-28 ኣይትዘሙ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም።

"ኣነ ግና ንሰበይቲ ርእዩ ዚትምነያ ኵሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፡ እብለኩም ኣለኹ" ይብል።

ኣብዚ ዘመን'ዚ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ማለት ኣብ ማእከል ክርስትያን ንመንፈስ ቅዱስ ዜሕዝንን፡ ንቤተክርስቲያን ዜቕሱልን ዝተፈላለየ ርኽሰታት ብግህዶ እናተኻየደን እናተሰፋሕፍሔን እዩ። ገለ ካብ መንነ'ቶም ዚፍጸሙ ክንጠቅስ፡ ምንዝርና፥ ዝርጋን፥ ንባህሪይ ዘይግባእ ናይ ግብረ ሥጋ ርክብ፥ ካብ ሓዳሮም ወጻኢ ዝኾነ ንሥጋኦም ዜርውይሉ ሜላታት ምንዳይ፥ ምስ ዓለማውያን (ማለት ምስ ዘይኣምኑ) ንሓዳርን ንዝሙት ምትህድዳን፥ እንታይ ኣለዎ እናተባህለ ካብ ዓውዲ ክርስትና ነጺሉ ንዘውጽኣካ ሓዳር ምምሥራት ወዘተ ዝኣመሰሉ እዮም። እዚ ኃጢኣት'ዚ ኣብ ውሽጢ

ቤተክርስቲያን ማለት ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ኣብ መንጎ መንፈሳውያን (ቅዱሳን) ሰባት እናተኻየደ ከም ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ዚምስክሮ እዩ። ጐይታ'ውን ክንደይ ጊዜ ደጋጊሙ ብእግዝእትነ ማርያም ገይሩ መልእኽቲ ኣመሓላለፉልና እዩ፤ ቀጺሉ'ውን የመሓላልፍ ኣሎ፤ "እዝኒ ዘለዎ እቲ መንፈስ ቅዱስ ንኣብያተ ክርስቲያን ዚብለን ዘሎ ይስማዕ"። ስለዚ ባህጊ ዓይኒ ንብዙኃት ኣማንያን መንፈስ ዓለማዊነት ኣልቢሱ ዓይኖም ዘዖረ ሰንካም ዘይጠፍእ ሓዊ እዩ።

በዚ ከዓ እዩ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ዘሎ ክፍሊ፣ የማነይቲ ዓይንኻ እንተኣስሓተትካ፣ ካብኻ ጐጥጒጥካ ደርብያ" ዝበለ። ንስሓ ብምግባር ቈሪጽካ ክሳብ ኣብ ምድርባይ ዜብጽሕ ኣብ ውሳኔ ዝተመሥረተ በዚ ጽኑዕ መጠንቀቕታ ካብ ጐይታ ዝተቐበልናዮ ቤተክርስቲያን ንስሓ ብምግባር ገጻ ናብ እግዚኣብሔር እንተዘይመሊሳ ናይ እግዚኣብሔር ዘንጊ ፍርዲ ኣብ ኣፍ ማዕጾ ክጽበያ እዩ።

"ሰብ ዚገብሮ ኃጢኣት ኵሉ ካብ ሰብነቱ ወጻኢ እዩ ዚገብሮ፤ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ሰብነቱ እዩ ዚኃጥእ" ማለት ኣብ ልዕሊ ቤተመቕደስ ኣምላኽ እዩ ኃጢኣት ዚገብር (1ቆሮ. 6፥18)፣

ኦ ክርስቲያን ንሸኻኽ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኃጢኣትዶ ወዲቕካ?

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኃጢኣት ንምውዳቕከ ልብኻዶ ሃረር ይብል?

እምበኣርከስ ነቲ ዚብለና ቃል ንስማዕ፣ "ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም እቐጽዖም እየ። ተመሊሰ ቅናዕ፣ ንስሓ'ውን ግበር፤ ነቲ ዝቐደመ ሠናይ ሥራሕ ግበር፤ ኢየሱስ ዝሞተላ (ነፍሸኻ) መቕደሰይ ክትከውን መሪጸ ብደም ወደይ ንዝገዛእክዋ ሰብነትካ ብናይ'ዚ ዓለም ርኽሰት ኣይተጋዕዝያ።

## ሐ. ዓለማዊ ጠባይ ወይ ባህሪይ

ዓለማዊ ጠባይ ንቤተክርስቲያን ምስ ዓለም ዜዛመደ ዓለማዊነት ናብ ቤተክርስቲያን ዜእተወ፣ ቤተክርስቲያን ኣይ ውዑይ ኣይዝሑል ልብጥ ዝበለ ሕይወት ከም እትነብር ዝገበራ ሣልሳይ ኃጢኣት ዓለማዊ ጠባይ እዩ።

ዓለማዊ ጠባያት ከመይ ዝበሉ እዮም? ብዛዕባ ዓለማዊ ጠባይ (ሮሜ. 1፥29-31፤ 2ጢሞ. 3፥2-4) ብሰፊሑ ይትንትኑልና። ካብዚኣቶም ብውሑዱ ክንጠቅስ፣ "ጽልኢ፥ ሓሶት፥ ምረት፥ ሓሜታ፥ ጃህራ፥ ትዕቢት፥ ቅንኣት፥ ክርክር ወይ ጭቕጭቕ፥ ንዴት፥ በቐል፥ ምፍልላይ፥ ገዛእ ርእሸኻ ምፍታው፥ ጸርፊ፥ ዘይምእዛዝ" ወዘተ እዮም። ነዚኣቶም እዮም እምበኣር ናይ ዘመንና ክርስቲያን ከም ፍረ መንፈስ ገይሮም ዝተጐናጸፍዎም ዓ ለማዊ ጠባያት። ብዙኃት ነዞም ነገራት እዚኣቶም ጠባየይ እዩ! ተፈጥሮይ እዩ! እንታይ ክገብር ልምዲ ኮይኑኒ! ብዝብል ኣዘራርባ፣ ከም ኃጢኣት ገይሮም ስለዘይምልከትዎም ኣብ

ሕይወቶም ብዘይ ሰኽፍታ ልቦም ከፌቶም ይቕበልዎም። እዚኣቶም እዮም እምበኣር ንዓለም ብጠባይናን ብቛንቋናን ከምእንዛመዳ ዝገበሩና። ካብ ዓለም ክንፍለ ዘይከኣልና'ውን በዞም ነገራት እዚኣቶም ኢና። ኣተሓሳስባና ኣዘራርባናን በዞም ናይ ሥጋ ጠባያት ተመሊኡ እዩ።

ኦ ክርስቲያን ንቓሕ! ካብ ድቃስካ ተበራበር፡ ካብዞም ኣመላት እዚኣቶም ብሓንቲ'ኳ ዝተተሓዝካን ወይ ናይ ሓንቲ ካብዚኣተን ባርያ እንተደኣ ኴንካ ዓለም መሲልካ ኢኻ እሞ ንስሓ የድልየካ እዩ። ዓለባ ሳሬት ዓብይን ንእሽቶን የብሉን ኵሉ ፈትሊ ኪሰርሕ ይኽእል እዩ። ተግባር ሓጢኣት'ውን ዓብይን ንእሽቶን የብሉን። ኵሎም ካብ ጐይታ ክንጽሉኻን ጸጋኻ ኪገፉኻን ኃይሊ ኣለዎም። ምእንት'ዚ ንቓሕ'ሞ ኅሊናኻ መርምር። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሠለስተ ዓለማዊ ኃጢኣት ከይትህሉ ገዛእ ርእሰኻ ተመልከት። ዓሥርተ ጊዜ ዋጋ የኽፍልካ፡ ክስረት'ውን የምጽኣልካ ካብ እተፍቅሮ ሰብ ከይተረፈ እንተፈለየካ እኳ ግዲ የብልካን፥ ዋጋ ክፈል እሞ ተነሳሕ፡ መንገድኻ እውን ቀይር። ኢዮ 22፡23-26 ናብቲ ኵሉ ዚኽእል እንተተመለስካ ንዓመጻ ካብ ድኳንካ እንተኣርሐቕካዮ ከምብሓድሽ ክትሥርሕ ኢኻ። ንመዝገብካ ናብ መሬት ንወርቂ ኦፌርዉ'ውን ናብ ኣእማን ርባ ደርብዮ። ሽዑ እቲ ኵሉ ዚኽእልሲ ወርቕኻን ዜንጸባርቕ ብሩርን ኪኾነልካ እዩ። ሽዑ ንሰኻ በቲ ኵሉ ዚኽእል ባህ ኪብለካ እዩ። ገጽካ'ውን ናብ ኣምላኽ ከተልዕል ኢኻ" ይብል።

ስለዚ እቲ ዝተለማመድካዮ ኃጢኣት ካብ መጠን ንላዕሊ ወርቅን ብሩርን እኳ እንተኾነልካ ግዲ የብልካን። ሕጂ ጊዜ ከየጥፋእካ ንክብሪ ጐይታ ደርብዮ! ተጸየፎ! እግዚኣብሔር ንጕድለትካ ክመልኦ እዩ! ነቲ ዘጨንቐካን ዝዓዘመካን ኃጢኣት ብስም እግዚኣብሔር እናጸዋዕካ ርገሞ! ገዝኦ! ከሓዶ! ተጸየፎ! ጽልኣዮ! ዝኾነ ይኹን ሓደ እኳ ኣብ መንፍኻን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ኣትዩ ጣዖት ኣይኹንካ። ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦ ምሕረት ይቕረ ምእንቲ ኪብለልካ መንፈስ ትሕትና ለቢስካ፥ ብዝተዋረደን ብዝተሰበረን ልቢ ኣብ ቅድሚኡ ቅረብ፥ ተናዘዝ፥ ለምኖ፥ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ካብ ኃጢኣትካ ኬንጽሓካ እዩ። ጐይታ ካብ ዝተኣሰርካዮ ዘበለ ኵሉ፡ ሕጂ ሕጂ! ቅጽበት! ናጻ ኬውጽኣካ ይኽእል እዩ እሞ፡ ንኃጢኣት ቈጸራ ኣይትሃብ። ምኽንያቱ ቃሉ፡ "ብሰሪ እዚ ነገራት'ዚ ኣብቶም ንእግዚኣብሔር ዘይእዘዙ ሰባት ቍጥዓ ኣምላኽ ይወርድ እዩ'ሞ ሓደ'ኳ ብኸንቱ ዘረባ ኣየስሕትኩም" (ኤፌ. 5፡6) እናበለ ዜጠንቕቐና ብዝከኣል መጠን ካብ ኃጢኣት ምህዳም፤ እንተወደቕካ ከዓ ቀልጢፍካ ሽዑ ንሽዑ! ኣብ ቅድሜኡ ተደርቢኻ ምጥዓስ፤ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ከዓ ካብ ኃጢኣትካ ኬንጽሓካ እዩ።

ኦ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ተኸተል፥ ንእኡ ጥራይ ፍራሕ፥ ንትእዛዙ'ውን ሓሉ፥ ንቃሉ ከዓ ስማዕ፥ ንብሕቲ ጥራይ እዩ ኣምላኽ ምስኡ'ውን

ተጣበቕ፡ መለኮታዊ ፍርዲ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ተላዒሉ ዝጅምረሉ ጊዜ ከይበጽሐ ካብ መዓቱ እትድኅነሉ ሕጂ ብጊዜኡ ብንስሓ ናብ መለኮታዊ ሓዊ ንርእሰኻ ኣማኅጽን። ትሕት ብምባልካ'ውን ካብ ኵሉ ኣበሳኻ ኣንጺሑ ካብ መዓቱ ኽትድኅን ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ኪስውረካ እዩ። "ንሰማይ ዝናም ከየውርድ እንተዓጸኹዎ፥ ንኣንበጣ እውን ንምድሪ ክበልዓ እናተኣዘዝኩዎ፥ ወይ ኣብ መንጎ ሕዝበይ (ሕማም) ፌራ እንተሰደድኩ፥ እዚ ብስመይ ዝተሰምየ ሕዝበይ ከዓ ትሕት እንተበለ፥ እንተለመነ፥ ገጸይ'ውን እንተደለየ፥ ካብ ክፉእ መንገዱ ድማ እንተተመልሰ፥ ሽዑ ኣነ ካብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፤ ንኃጢኣቶም ከዓ ይቕረ ክብለሎም፡ ምድሮም'ውን ክፍውሰሎም እየ" ኣሜን።

## ፲ይ ንስሓ

ብርቱዕ እንቅስቓሴ መንፈስ ቅዱስ የድልየና እዩ፤ ኣብ ዘመንና ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ንተግባር እግዚኣብሔር ኣብ ውሽጢ ሕይወትና፥ ኣብ ቤተክርስቲያንና፥ ኣብ ሃገርና፥ ሓለፉ ካልእ ዘመን ኣብሊጽና ምሥራሕን ምንቅስቓስን ኣሎና። ምኽንያቱ ከዓ እዚ ዘመን'ዚ ካብ 2000 ናብ 3000 ዓ.ም እንሳገረሉ ዘመን፥ ዓብይን ብርቱዕን ዝኾነ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምንቅስቓስ ከምዘሎ ተስፉ ተዋሂቡና እዩ። ግናኸ እዚ ተስፉ'ዚ ኣብ ግብሪ ምእንቲ ከይውዕል ኃጢኣትና ዕንቅፋት ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ኃጢኣት ኣብ መንጎ ሰብን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ኣትዩ ዚፈላሊ ዓብይ ዕርዲ እዩ። ምንቅስቓስ መንፈስ ቅዱስ ኽይፍጠር ዚገብርን፥ ንሥራሕ መንፈስ ቅዱስ ዚቃወምን እምኒ ኃጢኣት እዩ። "እንሆ ኢድ እግዚኣብሔር ንምድኃን ሓጻር ኣይኮነትን፡ ከይሰምዕ ከዓ እዝኑ ኣይጸንየን እዩ፤ ግናኸ ኣእዳውኩም ብደም፡ ኣጻብዕኩም ብበደል ረኺሰን፥ ከናፍርኩም ሓሶት ይዛረባ፥ ልሳንኩም ከዓ ክፍኣት ይናገር ኣሎ እሞ ንኣምላኽኩምን ንኣኻትኩምን ኣብ መንጎኹም ኮይኑ ዝፈላልየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ፤ ከይሰምዓኩም ከዓ ኣብ ቅድሜኹም ገጹ ዘሕብኣልኩም ኃጢኣትኩም እዩ ..." (ኢሳ. 59፡1-4) ይብል።

ኃጢኣት ኣብ ዘለዎ ሥራሕ እግዚኣብሔርን ኃይሊ መንፈስ ቅዱስን ኣይርእን እዩ። ንኃጢኣት ሸፋፊንና፥ ሓባቢልና፥ ኣብ ጎሊናና ጽቡቕ ከምዝኾነ ጌርና እንተ ኣቕረብናዮ እውን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ግና ትሕዝቶ ኃጢኣትነቱ ኣይለቅቕን እዩ። "ንሱ ክሳብ ዚመጽእ፥ ጽድቂ ከዓ ክሳብ ዜዝንመልኩምሲ፥ ንእግዚኣብሔር እትደልይሉ ጊዜ እዩ እሞ ንኣምላኽኩም ብጽድቂ ዝርኡ፥ ከም መጠን ምሕረቱ ከዓ ዕጸዱ ሓድሽ ጽግኢ እውን ጽግኡ" (ሆሴ. 10፡12) ይብል።

ብዙኃት ብኃጢኣቶም ይሓዝኑን ይጠዓሱን፥ ግናኸ ንኃጢኣቶም ኪገድፉ ኣይረኣዩን። ብኃጢኣትካ ምሕዛንን ምጥዓስን ምንዛዝን ጨኪንካ ክትገድፎ እንተዘይቌሪጽካ ሓንቲ'ኳ ፍረ ኣይትረኽበሉን ኢኻ፤ "ተሓጺብካ ኣብ ጸብሪ" ከምዝብሃል፡ ኣብኡ ኢኻ

ክትጨማለቕ ትነብር። ጨኪንካ ንዘይትገድፎ ብኃጢኣትካ ምሕዛንን ምጥዓስን ውዒሉ ኃዲሩ ኣብ ተስፋ ቍርጸት እዩ ዜብጽሕ፤ ይሁዳ እዩ ነዚ ነገር'ዚ ዚፈጸመ። "ገበኑ ዚኸውል ኣይሰልጦን፡ እቲ ዚናዘዞ እሞ ዚኃድጎ ግና ምሕረት ይረክብ" (ምሳ. 28፡13)። ሎሚ መብዛሕትና ብናይ ብሕትና ሽግር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቀሪብና እንጽልዩ ጸሎት፥ ንኣሽቱ ኣርእስቲ ጸሎት እኳ ካብ እግዚኣብሔር መልሲ ክንረክብ ኣይከኣልናን፤ ምንብርካኽ ጥራይ ኮይኑ ትርፉ።

ብዙኃት ሎሚ ብነብረት ኮይኖም ምእንቲ ሥራሕ ወንጌል፥ ምእንቲ ሃገሮም፥ ምእንቲ ሕዝቦም፥ ብዙኅ ይልምኑ፤ እህህታኦም ናብ ኣምላኽ የዕርጉ፤ ግናኸ መልሲ የልቦን፥ ኃይልኻ ምድኻም ጥራይ ኮይኑ ይተርፍ።

እሞኸ ድኣ እቲ ጸገሙስ ኣበይ እዩ ዘሎ? ኣብ እግዚኣብሔር ድዩ ወይስ ኣብዚ? እወ! ኣብዚ እዩ፤ ጉዳዩ ናይ ኃጢኣት ጉዳይ እዩ። ብኃጢኣትና ምንዛዝን ንኃጢኣትና ምሕዳግን የድልየና እዩ።

ንምኻኑ ኢድ እግዚኣብሔር ንከይዝርጋሕ መንፈስ ክብሪ ኸይግለጽ፡ ብመንፈሳዊ ሕይወትና ከይንነቓቓሕ፥ መለኮታዊ ሓዊ ዝኾነ ሥራሕ ጕይታ ኸይባራዕ፡ ጸሎትና ኸይስማዕ፥ ዓፊኑ ዝሓዞ እንታይ ዝዓይነቱ ኃጢኣት ኮን ይኸውን? እስከ ኣብዘን ዚስዕባ ኃጢኣት ገዛእ ርእሰኻ መርምር።

1. ናይ ይቕሬታ ልቢ

ቂምታ ዝሓዝካሉ፥ ንልብኻ ብጽልኢ ወጢሩ ዝሓዞ፥ ኣብ ዝሓለፈ ሕይወትካ ዝበደልካዮ ወይ ድማ ዝበደለካ ሰብዶ ኣሎ? ምስዚ ሰብዚ ኸክትዕረቕ ምስተሓተትካኸ ነጺግካዮዶ? ይቕረ ንምባል ኬድካ ይቕሬታ ንምሕታት ብልብኻ ምስ መንፈስ ቅዱስ ትማጐትዶ?

2. ቍጥዓ

ንርእሰኻ ምቍጽጻር ክሳብ ዝሰኣንካ ዝጐድኣካ ብርቱዕ ናይ ቍጥዓ ጠባይ ኣሎካዶ? ቍጥዓኸ ይገዝኣካዶ? ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ውሽጥኻ ዝጸንሕ መሪር ቍጥዓዶ ኣሎካ?

3. ቅንኢ

ካልኦት ብፍልጠት፥ ብኣገልግሎት፥ ብሃብቲ፥ ብመንፈሳውነት፥ ወዘተ ዝበልጹኻ ክትርኢ ከሎኻ ልብኻ ብቅንኣትዶ የናውጸካ? ንከይሰልጦምከ ብቓል ኮነ ብግብሪ ትጻረሮምዶ?

4. ኮራ

ትዕግሥቲ ዘይብሉ ኮርፋፍ ጠባይዶ ኣሎካ? ንኣሽቱ ነገራት ከይተረፉ ዘኹርዩካ ሰብ ዲኻ? ንዝኾነ ይኹን ነገር ክትሓልፎ ይኸብደካዶ? ብዝኾነ ብዘይኮነ ዘይትጽመም ሰብ ዲኻ?

5. ትዕቢት

ኣብ ልብኻ ትዕቢትዶ ይስምዓካ? ብዙኅ ጊዜ ዘመክሓካን ዘሾርዓካን ኣብ ልብኻ ትዕቢት ዘሕድሩልካኸ ኣለዉዶ? ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሰብ ትሑት እየ ክትብል ትኽእልዶ?

6. ተኣማንነት

ናይ ቄሳር ንቄሳር፡ ናይ እግዚኣብሔር ንእግዚኣብሔር ጌርካዶ ብዝግባእ ትዕድሎ? ኣብ እትነብረሉ ኣከባቢ ናብ ዝተመደብካሉ ሥራሕ ናብ ቤተክርስቲያንካ፥ ኣብ ኣገልግሎትካ፥ ኣብ ቤተሰብካ፥ ኣብ ማኅበርካ፥ ኣብ ሓዳርካ፥ እሙን ከምዝኾንካ ትተኣማመንዶ? ወይ ድማ "እሙን እየ" ንምባል ትኽእልዶ?

7. ሕሜታ

ናይ ምሕማይ ጠባይዶ ኣሎካ? ኣፍካ ኣብ ዝኸፈትካሉ፥ ብዛዕባ ካልኦት ምውራይ፥ ወይ ድማ ናይ ምሕማይ ኣመል ኣሎካዶ? ብዝረብሕ ብዘይረብሕ ብናይ ካልኦት ውድቀትን ድኽመትን ምውራይከ የጥቅዓካዶ? ኣብ ልዕሊ ካልኦት ናይ ምንሻውን ምንቃፍን ኣመልከ ኣሎካዶ? ንሰብከ ኣሕሊፍካዶ ትህብ?

8. ቅጥፈት

ንእሽቶ ነገር እኳ ትኹን፡ እንታይ ኣለዎ ብዝብል ሰነፍ ኣተሓሳስባ ናትካ ዘይኮነ ንብረትዶ ትሰርቕ? ካብ ኣሥራትካኸ ካብ ናይ እግዚኣብሔር ገንዘብ ትሰርቕዶ?

9. ሥስዐ

ብዙኅ ጊዜ ዓለማዊ ትምኒትን፥ ሥስዐ ገንዘብን ኣብ ልብኻ እናሰልጠነ የጨንቐካዶ?

10. ክፉእ ወረ

ኣብ መንኅ ዓለማውያን ኣብ እትርከበሉ ጊዜ ኰነታትካ ይልወጥዶ? ንኣብነት እትዛረቦ ቃላት፥ እተውርዮ ጸወታታት፥ እትሠርሖ ሥራሕ፥ ምስ ናታቶም ይመሳሰልዶ? ኣብ ክፉእ ወሬኦምን ጸወታኦምንከ ትትሓባበሮምዶ? ክርስቲያን ምዃንካ እንተፈለጡኻኸ ትሓፍርዶ? ክትገብሮ ዘሎካ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ገሊጹልካ ኣሎ። (መዝ. 1፡1-3)።

11. ክፉእ ኣመላት

ንሞራል ዝጐድኡ ብድፍረት እትለማመዶም ፍሉጣት ልማዳት ኃጢኣት ኣለዉኻዶ? ማለት ከም ሽጋራ፥ ሰኽራን፥ ዝሙት፥ ምንዝርና፥ ካልኦት'ውን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣለዉኻዶ?

12. ሓሶት

ብዙኅ ጊዜ ሓሶት ምውራይን ከምኡ'ውን ንሓደ ነገር ከተውርዮ ከሎኻ ካብ መስመር ሓቂ ዝወጸ ኣጋኒንካ ምዝራብዶ ልምዲ ኣሎካ? ሃጠው ቀጠው ምውራይከ ይቐንዓካዶ?

13. ምጥርጣር

ካብ ዘይምእማን ዝነቐለ ኃጢኣት ኣብ ውሽጥኻ ኮይኑዶ ይኸሰካ? ብዙኅ ጊዜ

ተኣምራታዊት ኢድ ጐይታ እናርኤኻ ከሎኻ፥ ንጐይታ ምእማንዶ ይኸብደካ? ዘይምእማንካኸ ንሕይወትካ ሓኒቑዶ ሒዙዎ ኣሎ?

14. ዘይምጽላይ

ናይ ጸሎት ሕይወትካ ከመይ እዩ? ኣብ መዓልቲ ክንደይ ጊዜ ምስ ጐይታ ትራኸብ? ቅድስ መጽሐፍከ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ጊዜ ተንብብ? ንሓደስቲ ነፍሳትከ ብሥራሕ ጐይታ ትምስክረለንዶ? ስለ ኣብ ጥፍኣት ዘርከባ ነፍሳትከ ሸኽሚዶ ይስምዓካ? ወይስ ብጐይታ ትሓፍር ኢኻ?

እምበኣርከስ እዞም ነገራት እዞኣቶም፡ ኣብ ውሽጢ ሕይወትካ እንተደኣ ኣልዮም፥ ሓንቲ'ኳ ከይሓባእካን ከይሸፈንካን ከየመኽነኻን ከይመጐትካን፥ ኃጢኣት ኢልካ ስመዮም፤ ምኽንያቱ ከዓ እዞም ዝተጠቕሱ ኵሎም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኃጢኣት እዮም፤ ንኣኻ ግና ኃጢኣት መሲሎም ዘይርኣዩካ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ንሕይወትካ ዝንሕጉሑን ዘደንዝዙን፥ ዘድርቑን፥ ንርእሻኻ ደሪቕካ እውን ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ከምዘደርቁ ምኽንያት ክትከውን ዝገበሩኻን ሕርማኻ እዚኣቶም ከምዚኾኑ ፍለጥ፤ ኣይትዘንግዓሎም'ውን። ንርእሰና ከነታልል ንኽእል ኢና፥ ንእግዚኣብሔር ግና ብፍጹም ከነታልሎ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ከዓ እዩ ቅዱስ ቃሉ፡ "ንርእስና እንተ ንምርምር ኣይምተፈርደናን ነይሩ" ዝበሎ። እቶም ብፍቕሪ እግዚኣብሔር ዝተማረኹ ሰባት፥ እዚ ነገር'ዚ ተረዲኦም እዮም ኣብ ዘዘመኑ ብግሎም ኮነ ኣብ ጉባኤ ቀሪቦም ብናይ ንስሓ ንብዓት እናተሓጸቡ ኣብ ቅድሚኡ ወዲቖም ብዝተሰብረ ልቢ ምስ ተናዘዙን ካብ ኃጢኣቶም ምስ ተመልሱን፥ ኣብ መንጎ ሕዝቦምን ምድሮምን ዚፍጽምዎም ዝነበሩ ተግባራት ንተዓዛቢኦም ዜደንቑ ዓበይቲ ተኣምራታት እዮም ዚገብሩ ዝነበሩ። ንኣና ከይተረፈ'ውን ኣብ ከምዚ ዝበለ ንስሓ ክንጽመድ እዮም ዚደፋፍኡና።

እምበኣርከስ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ኮይኑ ናይ ጽልኢ ጽኑዕ ዕ ርዲ መሥረቱ ዘሎ ኃጢኣት እዩ።

ሕርሚ ኣካን ንሠራዊት እስራኤል ብዘሎ ኣብ ዓቢይ ውድቀትን ጥፍኣትን ከምዘብጽሖ፡ ከምኡ'ውን በዞም ዝተጠቕሱ፡ ኃጢኣት ኣነ ኮነ ንሸኻ ንስሓ ብዘይምግባርና ሕርምና ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ንኽወድቁ ምኽንያት ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ጊዜ ከየጥፋእካ ሕጂ ቀልጢፍካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ወዲቕካ ብኃጢኣትካ ተናዘዝ። ንኃጢኣት ጽላእ፡ ተጸየፎ፡ ንዒቕካ ሕደጎ። ብድኅር'ዚ ዝተረፈ ዘበለ ኵሉ ንእግዚኣብሔር ሕደገሉ። ሕጂ ካባኻ ዝድለ ዘሎ ምስ ዳዊት ኴንካ፡ "ኦ ጐይታይ መርምረኒ፡ ፈትነኒ" ምባል ጥራይ እዩ። ናይ ኃጢኣትካ ኣእማን ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ሓደ ብሓደ ከም ዝኣረገ ልብሲ ካብ ዝባንካ ቀንጢጥካ ኣውጽኣዮም፥ ወግዶም፥ ጠቕሊልካውን ቅበሮም፤ ነቲ ዝተቐብረሉ መቓብር ድማ ብዘይ ንቕነቕ እምኒ ሕተሞ! ብድኅር'ዚ ፈጺምካ ካብኣቶም ተሰናበት። ካብዚ ንደሓር ኣብ ልዕሊ ሕይወትካ፥ ኣብ ቤተሰብካ፥ ኣብ ቤተክርስቲያንካ፥ ኣብ

ሃገርካ፥ ዓቢይ ፈውስን ድንቂ ተኣምራትን ኪኸውን እዩ። እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ናይ ዓለም ብርሃን ኢኹም" ዝበሎ'ውን ኣብ ልዕሌኻ ኪፍጸም እዩ።

ኦ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ተኸተል። ንእኡ ጥራይ ፍራህ፥ ንትእዛዙ'ውን ሓሉ፥ ንቓሉ ከዓ ስማዕ፥ ንብሕቲ ጥራይ እዩ ኣምላኽ፥ ምስኡ'ውን ተጣበቕ፥ መለኮታዊ ፍርዲ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ተላዒሉ ዝጀምረሉ ጊዜ ከይበጽሐ ካብ መዓቱ እትድኅነሉ ሕጂ ብጊዜኡ ብንስሓ ናብ መለኮታዊ ሓዊ ንርእሰኻ ኣማኅጽን።

ካብ ኃጢኣት ዘበለ ኵሉ ጽሩይ እየ ዝብል ሰብ መን እዩ? ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብሓቂዶ ንፁሕ ይኸውን? ወይስ ክኸውንዶ ይኽእል?

ገበኑ ዚኸውል ኣይሰልጦን፥ እቲ ዚናዘዞ እሞ ዚሓድጎ ግና ምሕረት ይረክብ (ምሳ. 28፥13)።

ግብረ ሥጋ ግሁድ እዩ፤ ንሱ ከዓ ምንዝርና፥ ርኽሰት፥ ዝርጋን፥ ኣምልኾ ጣዖት፥ ጥንቈላ፥ ጽልኢ፥ ቍጥዓ፥ ገዛእ ርእሰኻ ምፍታው፥ ምፍልላይ፥ መናፍቕነት፥ ቅንኣት፥ ስኽራን፥ ጓይላ፥ ከምዚ ዝኣመሰለ ካልእ'ውን እዩ። ነዚ ዚገብሩ ከዓ መንግሥተ ሰማይ ኣይወርሱን እዮም። ፍረ መንፈስ ቅዱስ ግና ፍቕሪ፥ ሓጐስ፥ ሰላም፥ ትዕግሥቲ፥ ልግሲ፥ ሕያውነት፥ እሙን ምዃን፥ ለውሃት፥ ርእሰኻ ምግታእ እዩ። ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን (ገላ. 5፥19-24)።

## ሻሙናይ ምዕራፍ
## ምስጋና

"ኵሉ ሳዕ ተሓጎሱ፥ ከየቋረጽኩም ጸልዩ፥ ብኹሉ ኣመስግኑ፥ ኣብቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎኩም ሕይወት ኣምላኽ ዚደልዮ እዚ እዩ። ሓዊ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጥፍኡ" (1ተሰ. 5፡16-19)።

ጸኒዕካ ምምስጋን፥ ንእግዚኣብሔር ክብሪ ትህብ፥ ንልብኻ ወሓዚ ኵሉ ሠናይ ትገብሮ፥ ንእምነትካ ተበርትዖ፥ ንሰላምካ ትሕልዎ፥ ንጎሊናኻ ተዕርፎ፥ ነእምሮኻ ከዓ ከም ፀሓይ ትኹልዖ፥ ንሕይወትካ ብዘይቲ መንፈስ ተረስርሶ።

እታ ዝበለጸት ምስ እግዚኣብሔር እተራኽበና ናይ ጽንዓት መሣርሒ፥ ከየባተኽካ ምምስጋን እዩ። "ብኹሉ ኣመስግኑ" እቲ ከየቋረጸ ዜመስግን እዝኑ ካብ ናይ ዓለም ክፉእ ምኽሪ፡ ካብ ኀብረት ኃጢኣተኛታት፡ ካብ ጉባኤ ተሳለቕቲ፡ ናጻ ይኸውን። ስለዚ ንሸኻ ከዓ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ናይ ምስጋናኻ ፍረ ዘርኣየካ ኣምላኽ ኣብ ጽንኩር ጊዜ ኮነ ኣብ ራህዋ፥ ምስጋና ይግብኦ እዩ'ሞ ከየባተኽካ ኣመስግኖ፤ ስለ ኵሉ ነገር ኣመስጋኒ ንምኳን ትጋህ፤ ኃይሊ ምስጋና ምስ መለኮታዊ ሓዊ ንምውህሃድ ኬብቅዓካ እዩ።

ካብ ኣዴኻ እግዝእትነ ማርያም ተምሃሮ፤ ከመይ ንሳ ነቲ ፍጡር ኪጾሮ ዘይክእል ሓሳረ መከራ ብምስጋና ይኸኑለይ ብዝብል ቃል ስዒራቶ እያ። ኣብኣ እንተደኣ ተወኪልካ ጸሎትካ ብድኻም ዝጀመርካዮ ብተመስጦ ከም እተመስግን ክትገብረካ እያ፤ ብድኅሪ እዚ ኢኻ ከምታ "ኣብ ዘፈር ወሓዚ ማይ እተተኽለት ኦም፥ ፍሬኣ ከየቋረጸት እትህብ፥ ቈጽላ ከዓ ዘይረግፍ፡ ኵሉ ጊዜ ልሙዕ" (መዝ. 1፡1-3)፡ ንሸኻ'ውን ኣብ ውሽጢ ምስጋና እንተደኣ ጥሒልካ፥ ዓለም ኣናድያ ክትስእነካ እያ፤ ባህሪይ ሥጋ'ውን ካብ ሱር መሠረቱ ተመንቀሉ ኪጠፍእ እዩ፤ ኣብ ክንድኡ ከዓ ምስጋና ኪትካእ እዩ። ኃይልታት ጸልማት ኵሎም ድምጺ ምስጋናኻ ሰሚዖም መሬት ተኸፊታ ክትውሕጦም ክምነዩ እዮም፤ ከመይ ኃይሊ ምስጋና የናውጾም እዩ። ንሸኻ ግና ብድኅር'ዚ ኣብ ዘይምኖ ሕይወት ክትሕምብስ ኢኻ፤ ከይተፈለጠካ'ውን ብመንፈስካ ምስቶም 24 ሰዓት ቀጺሎም ከየቋረጹ ኣብ ሰማይ ኮይኖም ንኣምላኽ ዜመስግንዎ ክትሕወስ ኢኻ፤ ካብዚ ንደሓር ካብዚ ጥዑም ሕይወት'ዚ ኪሰናኽለካ ዚኽእል ሓደ'ኳ የልቦን። ከመይ ናይ ምስጋናና ቀንዴል ባዕሉ ኢየሱስ እዩ። ኣብ ቅድሚ እቲ መለኮታዊ ብርሃን ዝኾነ ጐይታ ደፊሩ ዚቐውም ከዓ ሓደ'ኳ የልቦን። ነዚ ተረዲኡ እዩ ጳውሎስ፡ "ብኹሉ ኣመስግኑ" ዝበለና።

ብዙኃት ክርስቲያን ኣብ ኣከባቢኦም ዘሎ ነገራት ኣዘንጊዑ ከይጐድኦም ፈሪሆም ወረ ዜምጽኣሎም የናድዩ፤ ባዕሎም'ውን እንታይ ከምዝብሃል እዝኖም ጸልዮም ይሰምዑ። ግናኸ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ፍረ የብሉን፤ ትርፉ ጥርጣሬ፥ ዘይምትእምማን፥ ፍርሃት፥ ሓዘን፥ ፍቕሪ ምጕዳል፥ ጽልኢ ጥራይ እዩ ዜስዕብ።

ዓለም ካብዝን ካብትን ብዝኣረየቶ ወረ ተናዊጻ ክትሕቌን ትነብር ኣላ፤ ካብ ብዝሒ ምሕቋና ዝተላዕለ ግርማኣ ተደምሲሱ፥ ንረኣይኣ ዜሰምብድ መልክዕ ለቢሳ ትነብር ኣላ። ከይትልክመካ ተጠንቀቕ።

የግዳስ ኣብ ቅድም'ቲ ሓልዮቱ ዘይፍለየካ ጐይታ ብምስጋና እናኸዘዀኻ ተመላለስ እሞ እዚ ክትብሎ ዘይትኽእል መጠን ዘይብሉ ዘይቲ መንፈስ ንውሽጥኻ ኬረስርሶ እዩ፤ ብድኅር'ዚ "ንመንፈስካን ንነፍስኻን ንሥጋኻን ኢየሱስ ክርስቶስ ክሳብ ዚመጽእ ብዘይ መንቅብ ክሕልዎ እዩ"። ኣየ እወ! ብምስጋና ምስኡ ምንባር ክንደይ ሠናይ እዩ? ክንደይከ ንልቢ ዜረስርስ እዩ? ብሓቂ ግርማ መጎስ እዩ ዜልብሰካ (ማር. 9፡3-5)።

ሥራሕ ዓለም፥ ሰይጣን፥ ሥጋ ኣለሊኻ ክትክእል እንተደኣ ደሊኻ ፍሕሶ ጸላኢ'ውን ክትብጥስ እትኽእለሉ መንገዲ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ብምስጋና ዕበድ እሞ ነቲ ሕቡእ ከይተረፈ ዘርእየካ ቃል ምስጋና ከምዝኾነ ክትርዳእ ኢኻ። ርግእ ኢልካ እሞ ሕሰብ፥ ንመን ኢኻ እተመስግን ዘሎኻ? ነቲ ንሕቡእ ግልጽልጽ ኣቢሉ ዝርእን ዜርእንዶ ኣይኮንካን? ምስኡ ብምስጋና እንተደኣ ተራኺብካ ፈጺሙ ዜሕብኣካ ነገር የልቦን፤ መለኮታዊ ሓዊ፣ ኣድላዪ ንዝበሎ ክገልጸልካን ንባዕሉ ኪግለጸልካን እዩ፤ እረ ምግላጽ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ሙሴ ክትለብሶ ኢኻ። ብነጸብራቕ ብርሃኑ ከዓ ክትምራሕ ኢኻ። ካብዚ ንደሓር ዘፍርሃካ የልቦን። ዘጨንቕካ'ውን የልቦን። ከመይ ነቲ ናይ ጭንቂ ኣምላኽ ብእግርኻ ረጊጽካ ዝሓምተልካ ሕሩይ ዘርኢ ኴንካ ኢኻ (1ጴጥ. 2፡9)። እወ ጐይታ ነቲ ኣድላይ ዝበሎ ስዉር ነገር ኵሉ ግልጽልጽ ኣቢሉ ከርእየካ እዩ፤ ነናይ ዕለቱ ዜድሊ ነገራት እውን ክህበካ እዩ። ንሱ እሙን ዓርክኻ ዘይፍለ ጓሳኻ ስለዝኾነ ዝጐድለካ ኣይክህሉን እዩ። እዝስ ክሰዓር ኣይክእልን እዩ እትብሎ ዘበለ ኵሉ ከመይ ጌርካ ኣብ ልዕ ሌኡ ከም እትዕወት ኪሕብረካ እዩ። ኣብቲ ንሱ ዜቐመጠካ ኴንካ እናመስገንካ ጸኒዕካ እንተተጸቢኻዮ ድማ ኣብዚ ዓለም'ዚ ከሎኻ ኣብ መንግሥቱን ጽድቁን ኬሓንብሰካን ኬጥሕለካን እዩ።

ከመይ ገይረ እሞ ክገልጸልካ እየ፤ ቃላት ሓጺሩኒ። በጃኻ! ኣብ ቅድሚኡ ከም ዳዊት ሰብ ክሳብ ዘላግጸልካ ደጋጊምካ ብዝማሬ ኰዘይ..ዘይ በለሉ። ብሓቂ ኣብ ቅድሚኡ ብምስጋና ኰዘይዘይ ክትብል እንተደኣ ደሊኻ ግና፣ ካብ ሶዶም ውጻእ፤ ብህዋሳትካ ሓንቲ ነገር ከየልዓልካ ኣምልጥ፤ ካብቲ ዝበሃል ትርኪ ምርኪ ብምስጋና ስዒርካዮ ውጻእ! ክፉእ ዘበለ ነገር ኵሉ ክትዕዘቦ ከሎኻ ስለዚጐድእ እዩ ሎጥ ምስ ስድራቤቱ ካብ ሶዶም ብፍጥነት ሃዲሙ ዝወጸ። ርግጽ ከም ሎጥ ህደም ኣይብለካን እየ፤ እንተኾነ ነቲ ኣብ ኣከባቢኻ ዘሎ ንሰላምካ ዚሰርቕን ዜዳኽምን (ገላ. 5፡19-20) ክንዲ ትሃድመሉ ብምስጋና ሰዓሮ፥ ኣባርሮ ካብ ሱር መሠረቱ መንቀ'ሶ፥ ሓዲሽ ትውልዲ (ምስ መንፈስ ቅዱስ ኴንካ) መሥርት፤ "ነቲ ግደ ርስቲ ቅዱሳን ዝኾነ መንግሥቲ ብርሃን" ብምስጋና ተሰኒኻ ኣብ ዝኣቶኻዮ ኣውጅ።

ኃይሊ ጸልማት እንተ ኣውሬኻዮን እንተኣዕለልካሉን ኣይኮነን ዚስዓር፥ ቀንዴል ምስጋናኻ ኣብሪህካ ምስ እትኣቱ ግና ከም ቅጽበት ከምዘይነበረ ይኸውን። ፍጥነቱ ክትርእዮ ክሳብ ዘይትኽእል ከም መብረቕ ኮይኑ ቦታ ይለቕቕ (ሉቃ. 10፥18)። ስለዚ እግርኻ ኣብ ዝረገጸ ቀንዴል ምስጋናኻ ኣምሪሕካ ተጓዓዝ። ምስጋናኻ ንርእሱ ብርሃንካ እዩ፤ ከመይ ከተመስግን ከሎኻ፥ እቲ እተመስግኖ ዘሎኻ ብርሃን ዓለም ኣባኻ ኣሎ። እሞኸድኣ! "ኣምላኽ ምሳና ካብ ኮነ መን እዩ ዚቃወመና..." (ሮሜ 8፥31-39)።

ስለዚ ጊዜን ቦታን ከይወሰንካ ኣብ ምስጋና ተጸመድ እሞ ሽዑ ብሥራሕ ኣምላኽ ክትግረም ኢኻ፤ ኵሉ ሳዕ እውን መንፈስ ሕፃንነት ለቢስካ ንእግዚኣብሔር ባህ! ከተብሎ ኢኻ። ሃየ እምበኣርከስ ተንስእ ተባራበር፣ ካብ ሕጂ ጀምሮ፤ እንደገና ተሓደስ፥ ዝገጠመካ መከራታት ኣይትጸብጽብ፥ ተመሊስካ'ውን ኣይተድህበሉ፥ ከመይ ፋይዳ የብሉን። ኣጽዋር ምስጋናኻ እንተደኣ ተዓጢቕካ፣ ናይ ዓለምን ናይ ሰይጣንን ባህሪይ ዘበለ ኵሉ ኪስዓር እዩ። ሥጋኻ ከዓ ኣብ ትሕቲ ኃይሊ መንፈስ ኪገርር እዩ። "ከም ናይ ሓደ ሰብነት ኴንኩም ንሰላም ተጸዊዕኩም ኢኹም እሞ ሰላም ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ይንገሥ፥ መማሰውቲ (መመስገንቲ) ኩኑ" (ቈላ. 3፥15)። እወ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝገጥሙኻ ነገራት ጽንኩር ኮይኑ'ኳ እንተተራእየካ ኣጆኻ ከይተሓለልካ ኣብ ምስጋና ተጸመድ፤ ኣብ ቅድሚ ኃይሊ ምስጋና ኪቐውም ዚኽእል የልቦን።

ቅዱስ መጽሓፍ፥ ኣጽዋር ናይ ክርስቲያን ካብ ጥንቲ ምስጋና ከምዝኾነ እዩ ዚሕብረና፤ ከመይ ብምስጋና ኣፍ ኣናብስ ኪዕፆ (ዳንኤል)፥ ዚባላዕ ሓዊ ሥራሕ ሓዊነቱ ከቕውም (ኣናንያ፣ ኣዛርያ፣ ምሳኤል)፥ ንዓቕሚ ጓል ኣንስተይቲ ከበርትዕ (ዮዲት)፥ ንዕ ርዲ ኢያሪኮ ኪድምስስ (እስራኤላውያን)፥ ብዳርባ እምኒ እናተጨፍለቑ ገጾም ብርሃን ኪንጸባርቕ (ቅዱስ እስጢፋኖስ)፥ ንቤት ማእሰርቲ ኬዕንዉ (ጳውሎስን ሲላስን) ወዘተ ኣብ ቅድሚ ኃይሊ ምስጋና ደፊሩ ኪቐውም ዚኽእል ከምዘየልቦ ኢና ንግንዘብ።

እምበኣርከስ ንኃይሊ ጸልማት ክትውግድ ብምስጋና ክትዘምት ተለዓል! ምስጋናኻ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውን ድማ፣ "ኵሉ ሳዕ ተሓጐስ፣ ከየቋረጽካ ጸሊ፣ ብዅሉ ኣመስግን፣ ከመይ ኣብቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎካ ሕይወት ኣምላኽ ዚደልዮ እዚ እዩ ... ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ንኵለንትናኻ/ኺ ይቐድሶ" ኣሜን።